NATIONAL UNION OF ERITREAN YOUTH & STUDENTS

# መንእሰይ

መጽሔት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

2024
79
መጋቢት

- ዲፕሎማሲ ሰላምን ርግኣትን
- ቀርኒ ኣፍሪቃ ሕጂኸ ናበይ?
- እቲ ኻልእ ዘፍርህ ዓለማዊ ብድሆ
- ፍልስፍና "ዕምባባ እምኒ"
- ዝምድና ጾታዊ ፍቕሪ



**ክልተ ወርሓዊት መጽሔት**
**ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን**
**ኤርትራ**

መጋቢት 2024 ቁ.**79**

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ **10 ናቕፋ**

**ዋና ኣሰናዳኢ**
መስፍን ገብረሂወት

**ለይ ኣውት**
MGH

**ዲዛይን ሕብራዊ ገበር**
ከማል ዲኖ

**ስእሊ**
ኣርካይቭ ሃማመተኤ
ኣርካይቭ ሚ/ዜና
ኣርካይቭ ሚ/ምክልኻል

ናብ መጽሔት መንእሰይ ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ሓበሬታ፡ ኣበርክቶ፡ መኣረምታን ነቐፌታን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ፥

**መጽሔት መንእሰይ**
ቁ.ሳ.ጶ 1042
ቁ.ስልኪ 291-1-202592
ፋክስ 291-1-125981

**መርበብ ሓበሬታ ማሕበር**
www.eriyouth.org

**ዘርጋሒ መጽሔት**
ቁ.ስልኪ 200454

መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ
**www.shabait.com (menesey magazine)**
ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

# ትሕዝቶ

**ቃል ኣሰናዳኢ** 2

**ደሃይኩም** 3

**ጉዳያት** 4
- ዲፕሎማሲ ሰላምን ልምዓትን
- ቀርኒ ኣፍሪቃ ሕጂ'ኸ ናበይ?
- ኣገልግሎት ትምህርቲ ብመንጽር ሃገራዊ ዕላማ

**ደሃይ ማሕበር** 10
- ውጥን ስራሕ 2024
- ውድድራት ምህዞን ሰንዓን

**ትውፊት** 14
- ተወራራሲ ባህሊ ጅግንነት

**ሓሳባት** 17
- "ቀንዲ ጸላኢና ኤርትራዊ ሃገራውነት'ዩ"
- ኤርትራ ኣብ መቓን ህሉው ዓለማዊ ስርዓት

**ኣህጉራዊ** 25
- ዓለም ኣብ እዋን ምስግጋር

**ኣከባቢ** 27
- እቲ ኻልእ ዘፍርህ ዓለማዊ ብድሆ

**ኦርያ** 29
- ኣሕለምሰገድ ዑመር
- ሰቲ ንጉሰ

**ሕብረተሰብ** 34
- እሙን ምኻን
- ዝምድና ጾታዊ ፍቕሪ

**ጥዕና** 40
- ኣገዳስነት ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ

**ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ** 42
- ሕማም ጸቕጢ

**ሳይንስን ተክኖሎጅን** 46
- ሓጸርቲ ዜናታት ተክኖሎጂ

**ባህልን ስነ ጥበብን** 54
- ኣቡበከር ሓጅ ሓሰን
- ፍልስፍና "ዕምባባ እምኒ"

**ፈጠራን ምስትምቓርን** 55
- ኣስተንትኖ
- መን'ዩ ስነ-ጥበበኛ፧

# ቃል ኣሰናዳኢ

ራእይ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፥ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና ሃገረ ልምዓትን ቀጻሊ ዕብየትን ምህናጽ እዩ። እዚ ዘቤታዊ ራእይ'ዚ ክሰምር ግን፥ ቅርዕው ዞባውን ዓለማውን ኩነት ወሳኒ ምዃኑ፥ ጽኑዕ እምነት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ፥ መንግስቲ ኤርትራ፥ ብደረጃ ዞባ፥ ኣህጉርን ዓለምን ዓበይቲ ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ሰላምን ልምዓትን ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ። ፈላሚ ትሕዝቶ መጽሔት መንእሰይ ንዕኡ ዝድህስስ'ዩ።

ዝንቡዕ ግሎባዊ ስትራተጂ፥ ምስ ጸቢብ ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካን ግዕዝይናን ስርዓታት ናይ'ዚ ዞባ ተደሚሩ፥ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብጥቕልሉ ይኹን፥ ሃገር-ብሃገር ዘኸተሎ ጸገማት ሓድግታቱ ቀሊል ኣይኮነን። ሕጂ'ውን እንተ ኾነ፥ ቀርኒ ኣፍሪቃ ነዚ ብድሆ'ዚ ሰጊሩዎ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ገና ተኣፋፊ'ዩ ዘሎ። ንዘሰፍሐ ረብሓን ዕብየትን፥ ብጥንቁቕ ኣናብባ ምዕባለታት፥ ንዞባና ናብ ዞባ ሰላምን ሓባራዊ ዕብየትን ንምቕያሩ ብዓቕምና ክንገብሮ እንኽእል ምድግጋፍ ምግባር፥ ከም ህዝብን ሃገርን ሓላፍነትና እዩ። "ቀርኒ ኣፍሪቃ ሕጂኸ ናበይ?" ብዝብል ኣርእስቲ ተዳልዩ ዘሎ ጽሑፍ፥ ኣብዚ ጉዳይ ዝህልወና መረዳእታና ኣብ ምዕባይ ሓጋዚ ግደ ክህልዎ'ዩ።

ኣብ ብቑዕ ገስጋስ ትምህርቲ መሰረታዊ ሓቅታትን ደፋእቲ ረቛሒታትን እንታይ ምዃኖም፥ ተመኩሮ ሃገራት ምርኩስ ብምግባር ሓያለ መጽናዕታዊ መወከሲታት ብምፍታሽ ዝተዳለወ ጽሑፍ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ሕታማት ቀሪቡ ነይሩ። ኣብ ናይ ሎሚ ሕታም ድማ ኣብ 1994 ዝጸደቐ ሃገራዊ ቻርተር ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ብዛዕባ ትምህርቲ ኣስፊርዎ ዘሎ መርሓ ምርኩስ ብምግባር፥ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብመንጽር ሃገራዊ ዕላማታት ዘሰክመና ሓላፍነትን ገስጋሱን ዘዘተኻኽር ጽሑፍ ቀሪቡ ኣሎ።

ሃማመተኤ መደባት ማእከል ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ዕቱብ ርክባት ብምክያድ፥ ንትግባረ ንጥፈታት እትከታተል ኣሃዱ ሃገራዊ ማእከል ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት ኣብ ምቛም ይርከብ። ከም መበጋገሲ መደባት ምህዞን ሰንዓን፥ ማሕበር ኣብ ዓመተ 2024 ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፥ ደቡብን ማእከልን ብመልክዕ ውድድር ኣካይዱ። ነዚ ዝምልከት ዝተዳለወ ሓጺር ዳህሳሳዊ ጸብጻብ ኣብ ዓምዲ ደሃይ ማሕበር ቀሪቡ ኣሎ።

ንናጻ ሕርያን ቅኑዕ መርገጺን ኤርትራ፥ ሓይሊ ዝሃቦ ቀንዲ ረቛሒ፥ ንቑሕ ተሳትፎ ህዝቢ ኣውራ መንእሰያት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን እዩ። እንተላይ እቶም ኣብ ኤርትራ ዘይተወልዱን ዘይዓበዩን መንእሰያት፥ ዘለዎም ልዑል ሃገራዊ ፍቕርን ስምዒትን ጉሉሕ መርኣያ ናይ'ዚ ስሙር ኣረኣእያ እዩ። ኣብ መደባት ልምዓት ሃገር ፍሉይ ተክኖሎጂ ሕርሻ ንምትእትታው ንጹር ራእዩ ሒዞም ተበጊሶም ምስ ዘለዉ ክልተ መንእሰያት ዲያስፖራ ኣሕለምሰገድ ዑመርን ሰቲ ንጉሰን ዝተኻየደ ዕላል፥ ኣብታ ኣብ ትምህርትን ሞያን ብልጸት ንዘለዎም መንእሰያት እተሓዝአት ዓምዲ ኦርያ ተኣንጊዱ ኣሎ። ኣቡበከር ሓጅ ሓሰን እውን ኣብ ስራሓት ስነጥበብን ኣርኪተክትን ልሉይ ኣበርክቶ ኣብ ምግባር ይርከብ። ምስኡ ዝተኻየደ ሰፊሕ ዕላል ድማ ኣብ ዓምዲ "ባህልን ስነጥበብን" ክጸንሓኩም እዩ።

መጽሔት መንእሰይ ኣብ'ቶም ዝተረፉ ዓምድታታ'ውን ንመንእሰያት ዘነቓቕሑ፥ ዘማእዝኑን ዘዘናግዑን ሃገራውን ኣህጉራውን ዛዕባታት ዝሓዙ ብርኽት ዝበሉ ትሕዝቶታት ሒዛ ስለ ዘላ፥ ባህጊ ኣንበብታ ኣማሊኣ ክትከውን ንትሰፎ። ካብዚ ዘላቶ ዝያዳ ክትሕይልን ክትሰውድን ድማ ኣበርክቶን ተሳትፎን ኣንበብታ ክሕይል ናይ ወትሩ ጻውዒትና እዩ።

# ደሃይኹም

## ደብል ዕላል

ምስ ህቡብ ተዋሳኢ ሃኒ በለጾም ዝተኻየደ ዕላል ብተመስጦ ኣንቢበዮ። ብዙሕ መልእኽትን ሚዛናዊ ኣተሓሳስባን ዝሓበሮ ብምንባሩ ድማ ሓጎስ ተሰሚዑኒ። ከም ትዕዝብቶይ፡ ሃኒ፡ ኣብ ከም ብዓል ተኸታታሊት ፊልም ማጨሎን ብማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርጋሕ መብዛሕትኡ ፊቸር ፊልምታትን ክሕዞ ዝጸንሐ ገጸ-ባህሪ ካብ ስነ-ምግባር ወጻኢ ዝበለ ኾይኑ፡ ዘንጸባረቖ ክእለት ኣዋስኣ ሓዊስካ፡ "እዝስ ኣብ ናይ ብሓቂ'ውን ሂወቱ'ውን ከምኡ ኣይሓድግን'ዩ" ዝብል'ዩ ነይሩ።

ኣብ መጽሔት መንእሰይ ዝገበሮ ቃለመጠይቕ ግና፡ ንብስለቱን ሞያዊ ክእለቱን ዘንጸባርቕ ስለ ዝነበረ፡ ኑቲ ኣብ ናይ ብዙሓት ሰባት ተቐሪጹ ዝጸንሐ ምስሊ ናብ ንቡር ኣብ ምምላስ ዓብዪ እጃም ክህልዎ'ዩ ዝብል እምነት'ዩ ዘሎኒ። "ኣኣብ ሞያና ብወኒ ንስራሕ" ክብል ዘመሓላለፎ መልእኽቲ'ውን፡ ብሕልፊ መንእሰያት ኣብ ግብሪ ክንሰርሓሉ ዝግባእ ምድሪ ዘይወድቕ ዘረባ'ዩ።

ከም ብዓል ሃኒ ዝመሰሉ ህቡባትን ውሩያትን ስነጥበበኛታት ኣብ ሕብረተሰብ ጸላዊ ተራ ስለ ዘለዎም፡ ኣብቲ ሓቀኛ ህይወቶም'ውን ከምቲ ሕብረተሰብ ዝደልዮ ክኾኑልና ናይ ኩላትና ባህጊ'ዩ። ዕላል ናይ ሃኒ ድማ ኑቲ ንደልዮ ዘንጸባርቕ ስለ ዝነበረ፡ ንመጽሔት መንእሰይ ምስጋና ይግበኣ።

አቡበከር ሱሌማን ካብ ባጽዕ

## ኒሕን ሓቦን ክብልኹም

ምስ ሓኪም ስኒ ዶክተር ዓልያ ኢብራሂም ዝተኻየደ ዕላል ኣዝዩ መሳጢ ነይሩ። ናይ ዶክተር ዓልያ ድሕረ-ባይታ ንብዙሓት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብሉጽ ኣብነት'ዩ። ኣብ ናይ ትምህርቲ ግዜኣ ጉዳይ መርዓ ኣጋጢምዋ፡ ንዕኡ በዲሃ ናብ ሳዋ ኸይዳ፡ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታ ብዓወት ዛዚማ። ኮለጅ ምስ ኣተወት'ውን ጉዳይ ጥንስን ሕርስን ኣጋጢምዋ። ነዚ በዲሃ'ውን ኑቲ ሓያል ጻዕርን ምጽማምን ዝሓትት ናይ ዓሰርተ ዓመት ትምህርቲ ሕክምና ስኒ ብዓወት ዛዚማ ኑቲ ዘምሃራ መንግስትን ሕብረተሰብን እቲ ዝግባእ ኣበርክቶ ኣብ ምሃብ ትርከብ። ኣብ ቦታ ስራሓ ኣመና ምቕልልትን ምስግንትን ምዃና'ውን መጽሔት መንእሰይ ካብ መሳርሕታን ተገልገልታን ተወኪሳ ዝረኸበቶ ሓበሬታ ከም ዘሎ ተረዲእና። "ኒሕን ሓቦን ናብ ዓወት የብጽሕ" ክብልኹም ከምዚ'ዩ። ብሩህ መጻኢ ንምነየልኪ ዶክተር።


ዘርኣይ ካሕሳይ<br>
ካብ ን/ዞባ ኣኽርያ

## ዝያዳ ኣቓልቦ ንኮተቴን መንእሰያትን

መጽሔት መንእሰይ ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝበሃል፡ ኣብ'ቶም ዕቱብ ጉዳያት ግርም ኣላ። ኣብ'ቶም ንኮተቴን መንእሰያትን ናይ ንባብ ባህሊ ኣብ ምሕያል እጃም ክህልዎም ዝኽእል፡ ብፍሉይ ኣብ እዋን ኩትትና ንዝርከቡ መንእሰያት ዘገድሱ፡ ዝያዳ ተነባብትን ፍኹስ ዝበሉን ጽሑፋት ምትእንጋድ ግና ኣይግድን።

መንእሰያት ልብወለድ ምንባብ ይፈትዉ እዮም። ብዛዕባ ዕርክነት፡ ፍቕርን ትምህርቲ ጾታን፡ ስፖርት፡ ሓደስቲ ፊልምታት፡ ሓደስቲ ምህዞታት ዝምልከቱ ዓናቕጽ ምንባብ'ውን ብተመሳሳሊ። ስለዚ መጽሔት መንእሰይ ናብቲ ፖለቲካዊ ትሕዝቶታትን ዕቱብ ጉዳያትን ተጋፊሕ ምህላዋ ዘይጽላእ እኳ እንተ ኾነ፡ ናብ'ቶም ቀንዲ ታርጌታ ቈላሕታ ምግባር ከኣ ክትዝንግዖ ኣይግባእን።

ጎይትኦም መንግስትኣብ<br>
ካብ ቤት መኻእ




## የቐንየልና ዶክተር


ንገስጋስ ትምህርቲ ዝምልከት ብዶክተር ኣሚን ተኽላይ ዝቐረበ ፍልስፍናዊ ሓሳብ፡ ብውልቀይ ኣዝዩ የገድሰኒ ስለ ዝነበረ ብዙገዳስነት ኣንቢበዮ። ዶክተር ኣሚን ኣብ ጽሑፉ፡ ብዙሕ ዘይነቕልበሉ፡ ግና ኸኣ ኣብ ገስጋስን ዕብየትን ትምህርቲ ወሳኒ ግደ ዘለዎም ነጥብታት ብምልዓል'ዩ ነጥቢ ብነጥቢ ተንቲኑ ኣቕሪቡልና። ብዙሕ ፍልጠት ቀሲምናሉ ስለዝኾንና፡ ብዙሕ ምስጋና። መጽሔት መንእሰይ ድማ ከምዚ ናይ ዶክተር ኣሚን ዝመሰለ ብምሁራት ዝቐረቡ ኣማእዝቲ ጽሑፋትን ቃለመጠይቓትን ሒዞትልና ክትቀርብ ብዝሓየለ ክትሰርሓሉ እላበዋ።


ኪዳን ጉብረመሴ<br>
ካብ መንደፈራ

## ብኣካል ክንሳተፎ

ሪፖርታዥ ናይ'ቲ ወትሩ ሓሙስ ምሸት ኣብ ጆንጃር ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝቐርብ መደባት ሓባራዊ ዘተን ምስትምቓርን ጥቡዕን ኣብ ገጻት ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ሽጉብን መጽሔት መንእሰይን እየ ዝሰዓብ። ትሕዝቶኡ ዕምቈት ዘለዎ ብምዃኑ ብኣካል ክሳተፎ እደሊ'የ። ዝክኣል እንተ ኾይኑ፡ ናይ ወርሒ ደኣ ክልተ ወርሒ መደባት ኣብ መጽሔት ወይ ጋዜጣ እንተ ዝወጽኦ፡ ኣኣብ ዝምእምኣና ምተሳተፍና።

መም/ ሰለሞን ጉብረኪዳን





# ዲፕሎማሲ ሰላምን ልምዓትን

"ኤርትራ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እታ እንኮ ሰላምን ርግኣትን እትውንን፡ ሓያል ሰራዊት ዘለዋ ሃገር ብምዃና፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝፍጠር ኵነት ንማእከላይ ባሕሪ'ውን ብቐጥታ ስለ ዝጸሉ፡ ኢጣልያ ኣብዚ መዳይ'ዚ ምስ ኤርትራ ንምስራሕ ልዑል ድልየት ኣለዋ።"

*ሚኒስተር ምክልኻል ኢጣልያ ጒዶ ክሮሰቶ*

"ኣብ መንጎ ሩስያን ኤርትራን ዘሎ ናይ ንግዲ ዕድላትን ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን እተጽንዕ፡ ብናተይ ኣማኻሪ ማክሲም ኦረሽኪን እትምራሕ፡ ካብ ላዕለዋይ ጽፍሒ መንግስታዊ ክፍልታት ዝተዋጽአት ፍልይቲ ጉጅለ ክትቀውም ብዝሃብክዎ ትእዛዝ፡ እታ ጉጅለ ተመስሪታ ኣላ። ንሃገርኩም ወኪላ እተወሃህድ ጉጅለ ድማ ብወገንኩም ክትርቋሕ ንጽበ።"

*ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ፡ ቪላዲሚር ፑቲን*

"ኣብዚ ህልው ዓለማዊ ኵነታት፡ ኣብ መንጎ ቻይናን ኤርትራን ድልዱል ዝምድና ምምስራት ንረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዞባዊ ሰላምን ዓለማዊ ፍትሒን ርትዓውነትን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ቻይና ምስ ኤርትራ ዝጸንሓ ሕውነታዊ ዝምድና ንምዕማቑን ስትራተጂያዊ ሽርክና ክልቲኣን ሃገራት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምድያብን ልዑል ድሌት ኣለዋ።"

*ፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ*

"ኤርትራ ናጽነታ ካብ ዝተጓናጸፈትሉ እዋን ጀሚራ ክሳብ ዕለት'ዚኣ ኣብ ጎድኒ ህዝቢ ሶማል ደው ምስ በለት እያ። ብኣመለኻኽታና ደገፍ ኤርትራ ንህዝቢ ሶማል ካብ ዝኾነት ካልእ ሃገር እትገብሮ ደገፍ ንላዕሊ እዩ። ኤርትራ ሃብታም ሃገር ኣይኮነትን፣ ግን በቲ ውሱን ዓቕማ ብቅኑዕ ልቢ ደገፋ ዘርኣየትና ሃገር ምዃና ፍሉይነት ኣለዋ። . . . ኤርትራ ካልኣይቲ ቤትና እያ።

*ፕረዚደንት ሶማል ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ*

ኤርትራ ደጋፊት ሓደ ወገን ወይ ካልእ ኣይኮነትን፣ ኤርትራ ኩሉ ሳዕ ደጋፊት ሓቂ እያ።"

*ሱዳናዊ ጀነራል ያሲር ካልዓጣ*

ዓመት 2023 መንግስቲ ኤርትራ፡ ብደረጃ ዞባ፡ ኣህጉርን ዓለምን ዓብይቲ ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ዘፈጸመላ'ያ ነይራ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሃገራት ቻይናን ሩሲያን ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ዝተገብረሉ ድሙቕ ናይ ክብሪ ኣቀባብላ፡ ንኹሉም ደለይቲ ሰላምን ልምዓትን ኣውራ ድማ ንኣፍሪቃውያን ልዑል ክብሪ ዝሃበን ዘሐበነን እዩ ነይሩ። ኣብዚ ሓድሽ ዓመት እውን ብተመሳሳሊ፡ ሃናጺ ዲፕሎማሲያዊ ጽምዶ ኤርትራ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕን ካልእ ከባቢታት ዓለምን ይቕጽል ኣሎ። ሓደ ካብ መርኣያታቱ፡ እቲ ብኢጋጥሚ ዋዕላ ኢጣልያ-ኣፍሪቃ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ዘካየዶ ሰፊሕ ናይ ስራሕ ዑደት እዩ።

ቀንዲ ሕላገት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ፍትሒ ዘድምጽ ተባዕን ቅኑዕን መርገጺ፡ ብማንም ዘይምእዘዝን ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያ'ዩ። እዚ መርገጺ'ዚ ካብ ሓቀኛ ባህጊ ርግኣትን ዕብየትን እዩ ዝነቅል። ምስ ኩሎም ናይ ቀረባን ርሑቕን ህዝብታትን ሃገራትን ጥዑይን ምዕሩይን ዝምድና ንምፍጣር ድማ ይሕልን። መርገጺ ኤርትራ፡ ኣብ ንጹር ፍኖተ-ካርታ ሰላምን ልምዓትን ዝሰረተ ክንሱ ግዱ፡ ምስ ግሎባዊ ሕሳባት ዓበይቲ ሓይልታት ተኣሳሲሩ፡ ገለ ወገናት እዚ ቅንዕና ዝሰረቱ መርገጺ ክምእምኦም ኣይጸንሖን። በዚ ድማ ኤርትራ፡ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ተነጽሎ ተሓጺራ ንኽትቀርር፡ ሰፊሕ ናይ ምስይጣን ዘመተ ክካየደላ፡ ብዝተፈላለየ ቁጠባውን ጸጥታውን ሸርሕታት ልምዓታ ንምሕናቕ ሃቐነታት ክግበር ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ።

ሎሚ ሎሚ ግና፡ ቅኑዕነት መርገጺ ኤርትራ፡ ሰፊሕ ልቦና መሪሕነታን ኣገዳሲ ግደኣ ኣብዚ ዞባን፡ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ህዝብታት ዞባናን ዓለምን ከም ጸሓይ ቀትሪ ደሚቑ፡ ብብዙሓት እንተላይ ቡቶም ንምስሊ ኤርትራ ክድውኑ፡ ንተራኣ ኣብ ፖለቲካ ዞባና ከነኣእሱን ከካፍኡን ብኣሉታ ክገልጽዎ ዝጸንሑን ወገናት እናተመስከረሉ ይመጽእ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ፡ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዕቝድ ኣብ ርእሲኣ ዝተኻየደ እልቢ ዘይብሉ ናይ ምስይጣን ዘመተ ፈንጢሳ ብምውጻእ፡ ማእከል ስሕበት ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ኣብ ርእሲ ምኳን፡ ርክባታ ብደረጃ ኣህጉርን ዓለምን እናሰፍሐ ይኸይድ ኣሎ። ምስ'ቲ ብደረጃ ዞባን ዓለምን እናጎልሐ ዝመጽእ ዘሎ ሰላምን ጸጥታን፡ ፍትሕን ማዕርነትን ዝጠልብ ባህጊ ህዝብታት ተደሚሩ ድማ፡ ቅኑዕን ሰጓምን መርገጺ ኤርትራ፡ ጽልዋኡ ዝያዳ እናሓየለ ክኸይድ ምኳኑ ርጉጽ እዩ።

ከም ዝፍለጥ ዞባና፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን፡ ብሰሪ ዘቤታዊ ድኻማትን፡ ነዚ ድኻማት'ዚ ዝመዝመዝ ገዚፍ ምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታትን፡ ብፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላዋት፡ ብኣዕናዊ ኩናት፡ ግጭታትን ሸበራዊ መጥቃዕትታትን ክሕመስ ዝጸንሐ ዞባ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ሓደገኛ ሃዋህው፡ ውሽጣዊ ርግኣትን ስኽነትን ምውሓስ ቀሊል ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ቅልውላዋት ዝዓብለሎ ዞባውን ዓለማውን ሃዋህው፡ ስኢቱ፡ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ ሰላሙን ልኡላውነቱን ኣውሒሱ ክጓዓዝ ምኽኣሉ፡ ንብዙሓት ዘገረመ እዩ። ሓደ ካብቲ ኣዒንቲ ዓለም ናብ ኤርትራ ክቋምታ ዝደረኸ ረቛሒ ድማ እዚ ብልጫ'ዚ እዩ።

ራእይ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና ሃገረ ልምዓትን ቀጻሊ ዕብየትን ምህናጽ እዩ። እዚ ዘቤታዊ ራእይ'ዚ ክሰምር ግን፡ ቅርዕው ዞባውን ዓለማውን ኩነት ወሳኒ ምኳኑ፡ ጽኑዕ እምነት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ሃገራዊ ቻርተርና፡ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ኤርትራ፡ ኣብ ናጽነትን ሃገራዊ ረብሓን ዝተመስረተ ናይ ሰላምን ዘይሻርነትን ፖሊሲ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ኤርትራ ምእንቲ ሰላምን ምርግጋእን ዞባናን ዓለምን ብንኡስ ዓቕማ ኣበርክቶ ክትገብር፡ ብኽረባቢቱን ከባቢን ጀሚራ፡ ዓይነት ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓት ብዘየገድስ፡ ምስ ኩሎም መንግስታትን ሃገራትን ዓለም፡ ኣብ ናጽነትን ምዕሩይ ሽርክነትን ዝምስረት፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራዊ ክብርን ዝሕሉ፡ ልዕልና ኣህጉራዊ ሕጊ ዝምእዝዝ፡ ኩሉ መዳያዊ ምትሕግጋዝ ንምምዕባል ክትሰርሕ ከምዝግባእ የነጽር።

ካብዚ መትከላዊ እምነት'ዚ ብምብጋስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዋላ'ኳ ኣብዚ ቅልውላዋት ዝዓብለሎ ዞባ፡ ስኢቱ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ ሰላሙን ልኡላውነቱን ብዘተኣማምን መገዲ ከውሕስ ዝኸኣለ ህዝቢ እንተ ኾነ፡ ጎደቦኡ ብምሉኡ ቅሳነት ረኺቡ፡ ልቡ ኣውዲቑ፡ ናብ ልምዓትን ምትሕብባርን ሽርክነትን ከቕንዕ ልዑል ባህጊ ኣለዎ። ክንዲ ዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ሰላምን ጸጥታን ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮነ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ብዘላቕነት ከውሕስ ዝኽእል ርእይቶኡን መትከላቱን ኣነጺሩ ብምግላጽ፣ ዓቕሚ ዝሓጸረን ሃገራት ከባቢና፡ ሰላምን ጸጥታን ንምውሓስ መበገሲ ዝኾውን ትካላት ክሃንጻ ብድሩት ዓቕሞም እናተሓጋገዛ፣ ኣብ መንጎ ህዝብታት'ዚ ዞባ፡ ባህላውን ቁጠባውን ምትእስሳር ዘደልድል፣ ሕውነት፡ ማዕርነትን ምትሕብባርን ዘማዕብል፣ ባይታ ንምፍጣር፡ ብሃናጺ ጽምዶን ብግብርን ውፉይ ጻዕሪ ክካይድ ጸኒሑ ኣሎ። መንግስታት ዞባና፡ ካብ ጸቢብን ከፋፋልን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ፡ ካብ ህውተታን ዕሽላዊ ቅማረን ወጺኦም፡ ግዳማዊ ኣምልኾን ሓድሕዳዊ ትንኩያን ሓራም ኢሎም፡ ንምርግጋጽ ዞባዊ ሰላም፡ ጸጥታን ምዕባለን ብናይ ሓባር መረዳእታ ኪጸምዱ፡ ዞባዊ ጸጋታት ተመላሊኡ ዝሰርሓሉ መካኒዝም ክፈጥሩ ከኣ ብቐጻሊ ድርኺት ኣብ ምግባር ይርከብ።

# ቀርኒ ኣፍሪቃ ሕጂ'ኸ ናበይ?

"ኣብዚ ቅልውላዋት ዝዓብለሎ ዘባዊን ዓለማዊን ሃዋህው፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስኒቱ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ ሰላሙን ልኡላውነቱን ኣውሒሱ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ከም ወትሩ ሓያል ናይ መኸተ ያታኡን ዓወቱን ኣመስኪሩ ኣሎ።"

**ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ - ኣብ መልእኽቲ ሓድሽ ዓመት 2024**

ኣብ 1991 ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ተዓዊቱ፡ ኤርትራ ልኡላዊት ሃገር ኮይና ኣብዚ ዞባ ምስ ተቐልቀለት፣ እዛ ኣብ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ማሕለኻታት ትሕተ-ሃገራውነት ብሓባራዊ ቃልሲን መስዋእቲን ሰጊራ፡ ስሙር ሃገር ኣብ ምፍጣር ዝተዓወተት ውልዶ ሃገር፡ ብደረጃ ዞባ ናብ ሓባራዊ ዕብየት ዘቛምት ሰፊሕ ዕላማታት ነበራ። ራእይን ዕላማታትን ሃገር ክሰምር፡ ሰላማውን ተመላላእን ጎደቦ ወሳኒ'ዩ ብዝብል እምነት ድማ፡ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብቲ ግዳይ ድሕረትን ቀጻሊ ግጭትን ዝገበሮም ጸቢብ ፖለቲካን ነዚ ዝመዝመዘ ግዳማዊ ሕንከራን ተናጊፎም፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ሰፊሕ ናይ ምትሕብባር ባይታ ክፈጥሩ፡ ኤርትራ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ምክልኻል ምድረ-ብዳነት ዝነጥፍ ዝነበረ ዞባዊ ውድብ ኢጋድ፡ ዕላማታቱ ሰፊሑ፡ ናብ ዞባዊ ልምዓትን ምትሕብባርን ከቛምት ሓሳባ ኣቕሪባ፡ ብተግባር ድማ ንምዕዋቱ ተንቀሳቒሳ።

እንተ ኾነ፡ እቲ ኩነታት ሓጋዚ ኣይነበረን። ልክዕ ኣብቲ ኤርትራ ናጽነት ዝተጓናጸፈትሉ እዋን፡ ኣብ ሶማል መንግስቲ ሲያድ ባረ ወዲቑ፡ ናይ ስርዓት ባዶሽ ስለ ዝተፈጥረ፡ እታ ሃገር ናብ ኩናት ሓድሕድ ተሸሚማ። ስርዓት ደርግ ኣብ ኩናት ኤርትራ ተሳዒሩ ካብ ስልጣን እኳ እንተ ተገለፈ፡ ቦታኡ ዝተክአ ወያነ፡ ጸቢብ ትሕተ-ሃገራዊ ጥሙሑ ከተግበር ስለ ዘህነፍነፈ፡ ኣብ መወዳእታ ናብ መጋበርያ ግዳማውያን ሓይልታት ተቐይሩ። ኣብ ሱዳን ዝተላዕለ እስላማዊ ምንቅስቓስ ጽልዋኡ ከስፋሕፍሕ ምስ ሃገራት ናይዚ ዞባ ኣብ ምትፍናን ኣትዩ። እቲ ኣብ መወዳእታ ንሃገረ ሱዳን ናብ ክልተ ዝመቐለ ኩናት ሓድሕድ ሰሜንን ደቡብን ሱዳን ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ዓሪጉ።

ብጸቢብ ናይ ብሄር፡ ቀቢላን ሃይማኖትን ፖለቲካ ኣብ ዝሕመሰ፡ ግዳማዊ ምትእትታዋት ኣብ ዘሸካዕልለሉ ዞባ፡ ብናጻ ሕርያ ዞባዊ ዕላማታትን ውህደትን ምስራጽ እምበኣር ከም ባህጊ ህዝቢን መንግስትን ኤርትራ ቀሊል ኮይኑ ኣይተረኽበን። ኤርትራ፡ ነዚ ዞባዊ ክውንነት'ዚ ንምቕያር ዘንቀለቶ ሓሳብ ንረብሓ ሓይልታት ዕብለላ ዝጻረር ብምንባሩ ኣብ ዓይኒ'ዩ ኣእትዩዋ። በዚ ኸኣ፡ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ እልቢ ዘይብሉ ተጻብኦታት ሰዒቡ። የግዳስ መንግስቲ ኤርትራ፡ ቡቲ ዝገጠሞ ከቢድ ተጻብኦ ከይተዳህለ፡ ፖለቲካዊ ሕርያኡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተወ፡ ልኡላውነት ሃገሩ ከየድፈረ፡ ብዓቕሙ ንዞባዊ ስኒት እናሰርሐ፡ ኢዱ ከይሃበ ተቓሊሱ። ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝበሎ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ 'ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሓያል ናይ መኸተ ያታኡን ዓወቱን ዘመስከረሉ' ጽንኩርን ፈታኒን እዋን ተሰጊሩ። እዚ ኩነታት'ዚ ብግዜን ዕድላትን ንህዝቢ ኤርትራ ዘኽፈሎ ዋጋ ቀሊል ኣይነበረን።

**ብሕጂ'ኸ?**

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ፡ ዝንበዕ ግሎባዊ ስትራተጂ፡ ምስ ጸቢብ ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካን ግዕዝይናን ስርዓታት ናይዚ ዞባ ተደሚሩ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብጥቕልሉ ይኹን፡ ሃገር-ብሃገር ዘኹተሎ ጸገማት ሓድግታቱ ቀሊል ኣይኮነን። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ነዚ ብድሆ'ዚ ሰጊሩዎ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ገና ተኣፋፊ'ዩ ዘሎ።

ኩናት ሓድሕድ ዘይበለየላ ኢትዮጵያ፡ ዕንደራ ወያነ ብውዕል ዕጥቂ ምፍታሕ ፕሪቶርያ ድሕሪ ምዕጋሱ እውን ኣይቀሰነትን። ምስ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣምሓራን ኦሮሞን ካልኦትን ኩናት ይቕጽል ኣሎ፣ ኣብ ትግራይ እውን ሰኸነት ኣይተረኽበን። ኣብ መንጎ ማእከላይ መንግስቲን ዝተፈላለዩ ናይ ፖለቲካ ሓይልታትን ምትእምማን የለን። ኣብ ርእሲ'ዚ ዝተጠቐሰ ውሽጣዊ ፖለቲካውን ጸጥታውን ቅልውላው፡ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ብዝተላዕለ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ፡ ኢትዮጵያ ምስ ሃገረ ሶማል ኣብ ምፍጣጥ ኣትያ ትርከብ። ጠለብ ኢትዮጵያ ዘለዓዓሎ ኣሰካፊ ግብረ-መልሲታት እውን ኣሎ። ሓደ ካብኡ መርገጺ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ኮይኑ፡ ብፍላይ ካብ ግብጺ ተሪር ተቓውሞ'ዩ

ተሰሚዐ። ፕረዚደንት ኣልሲሲ፡ “ግብጺ ዘኹነት ሃገር ድሕነት ሶማል ኣብ ስግኣት ከተእቱ ኣይተፍቕድን’ያ፣ ንግብጺ ኣይትፈታተኑዋ፤ ሓው ህዝቢ ሶማል ጣልቃ ክንኣቱ እንተ ሓቲቱና ግብጺ ኣብ ጐድኒ ሶማል ደው ክትብል ድልውቲ እያ” ምባሉ ነቲ ብግድብ ህዳሴ ምስ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ወጥሪ ዘጋድድ ተወሳኺ ረቛሒ ኮይኑ ኣሎ። ብኻልእ መዳይ ኢትዮጵያ፡ ብኸቢድ ቁጠባዊ ቅልውላውን ሰፍ ዘይብል ዕዳን እትሳቐ ሃገር እያ። ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዘመልክቶ ኣስታት 20 ሚልዮን ካብ ህዝባ ተጸባዪ ሰብኣዊ ረድኤት እዩ።

ንሰለስተ ዕቑድ ኣብ ኩናት ሓድሕድ ዝጸንሐት ሶማልያ፡ ኣንጻር እስላማዊ ጕጅለ ኣልሸባብ ገና ኣብ ውግእ እያ ዘላ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ መንጐ ኢትዮጵያን ሶማሊላንድን ዝተበጽሐ ስምምዕ ድማ፡ ነቲ ሶማል ዘላቶ ሃዋህው ብኣሉታ ዝጸሉ ብምዃኑ ኣብ ርእሲ ኣላታ ተወሰኸታ ኮይኑዋ ኣሎ። ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት ካብ 18.7 ሚልዮን ህዝቢ ሶማል 8.3 ሚልዮን ተጸባዩ ረድኤት ምዃኑ ይገልጽ። ኣብ ርእሲ’ዚ ሰብኣዊ ቅልውላውን ጸገማት ጸጥታን፡ ጉዳይ ዳግም ምቛም ሃገረ ሶማል ገና ዓቢ ብድሆ’ዩ። ኢትዮጵያ ንሶማሊላንድ ኣፍልጦ ክትህባ’ያ ዝብል ዜና ድማ ተወሳኺ ስግኣት ፈጢሩ ኣሎ።

ሱዳን ድሕሪ ምንጻል ደቡብ ሱዳንን ምህዳእ ኩናት ሓድሕድ ዳርፉርን፡ ብተዛማዲ ርግኣት ክትረክብ ትጽቢት እኳ እንተ ነበረ፡ ከም ውጽኢት ነዊሕ ፖለቲካዊ ቅልውላው፡ ቁጠባዊ ኩነታት እታ ሃገር ህዝቢ ክጸሮ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ስለዝበጽሐ፡ መንግስቲ ዑመር ኣልበሽር ብህዝባዊ ምልዕዓል ካብ ስልጣኑ ክእለ ጠንቂ ኮይኑ እዩ። ምውዳቕ ስርዓት ኣልበሽር ከኣ፡ ሓድሽ ቍርቍስ ስልጣን ኣኸቲሉ፡ ኣብ ሚያዝያ 2023 ናብ ኩናት ሓድሕድ ኣምሪሑ። በቲ ኩናት፡ ዛጊት ልዕሊ 7 ሚልዮን ሰባት ተመዛቢሎም፡ ብውሑዱ 13 ሽሕ ሰላማውያን ሰባት ከምዝተቐትሉ ይግመት። ነቲ ኩናት ንምዕራፍ ብዙሕ ተበግሶታት እኳ እንተሎ፡ ቅልውላው ሱዳን ናይ ደገ ምትእትታው በዚሕዎ፡ ፍታሕ እናርሓቐ ከይከይድ ዘሰግእ እዩ።

ደቡብ ሱዳን ኣብ 2005 ካብ ሱዳን ድሕሪ ምፍላያ፡ ካርቱምን ጁባን ዋንነት ናይቲ ብኑዳዲ ሃብታም ዝኾነ ዞባ ኣብዮ ከሰሓሕበን ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ። ብተወሳኺ ወደብ ኣልባ ደቡብ ሱዳን፡ ሰደድ ነዳዲ ብሰሜን ሱዳን ሰንጢቑ ብዝሓልፍ ሻምብቆ እያ ንዕዳጋ እተቕርብ። ሱዳን ብግዝኣታ ካብ ዝሓልፍ ነዳዲ እትረኽቦ ብጽሒት ከዘራርብ ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ፡ ሓይልታት ‘ኣድዓም ኣሰሪዕ’ ደቡብ ሱዳን ንሶም ዝሓተትዎ መጠን ክፍሊት ዘይትኸፍል እንተኾይና፡ በቲ ንሳቶም ዝቆጻጸርዎ ከባቢ ዝሓልፍ ነዳዲ ከቋርጽዎ ከምዝኽእሉ ከፈራርሑ ይስምዑ ኣለዉ። ብተወሳኺ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝካየድ ዝነበረ ኩናት ሓድሕድ ደው እኳ እንተበለ፡ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው እታ ሃገር ሃዲኡ ክበሃል ኣይከኣልን።

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝነኣሰት ሃገር ጅቡቲ ብተዛማዲ ዝተረጋግአት እኳ እንተ ኾነት፡ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሓያሎ ሃገራት፡ ነዚ ተኣፋፊ ዞባ፡ ስክፍታ ዝፈጥር እዩ። ዕጡቕ ጕጅለ የመን ‘ሑቲ’፡ ምስ ግጭት ቓዛ ተኣሳሲሩ ኣብ ከባቢ ባብ ኤል-መንደብ ዝፍጽሞ ዘሎ መጥቃዕቲታትን ግብረ መልሲ ምዕራባውያን ሃገራትን ድማ፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ኣብ ሓድሽ ወጥሪ ኣእትዩ፡ ዓለማዊ ዛዕባ ኮይኑ ይርከብ።

ብግጭትን ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ኣብ ዝሕመስ ዘሎ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ እታ እንኮ፡ ውሽጣዊ ሰላም፡ ርግኣትን ሃገራዊ ውህደትን ከተረጋግጽ ዝኸኣለት ሃገር እያ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ካልኦት ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዝተፈልየ፡ ልዑል ሃገራዊ ስኒትን ሓድነትን ከም ውጽኢቱ ድማ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ጸጥታን ሰላምን ኣለዎ። ኤርትራ ብመትከል ርእሰ ምርኮሳ ሃገራዊ ህንጸት ከተሰላስል ዘንቀደት ሃገር ምዃና’ውን ካብ ካልኦት ሃገራት’ዚ ዞባ ፍልይቲ ይገብራ። ኣብዚ መትከል’ዚ ተሞርኪሱ፣ ህዝቢ ኤርትራ ረድኤትን ጽግዕተኛነትን ወጊዱ ኢሉ፡ ኩሉ መዳያዊ ልምዓት ዝድርኽ ትሕተ-ቅርጺ ንምውዳድ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ፡ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ይጽዕት ኣሎ። መንግስቲ ናብ ግዝያዊ ፍትሓት ከየቋመተ ዝርካቡ ጸጋታት ሃገር ዘላቒ ፍታሕ ኣብ ዘምጽእ መደባት ልምዓት ከውዕሎ ምጽንሑ፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ጸቕጢ ምፍጣሩ ኣይተረፈን። በዚ ድማ እቲ ዝሓለፍናዮ መድረኽ ጽዑቕ ተጻብኦታትን ሸርሒታትን ምዕራባውያን ሃገራት ተወሲኽዎ ልዑል ተጻዋርነት ዝሓተተ እዩ ነይሩ። የግዳስ፡ ክዋደድ ዝጸንሐ ትሕተ-ቅርጺ ፈጢሩዎ ብዘሎ ሰፊሕ ዕድላት ወፍሪን ልምዓታዊ ድራኸን፡ ዓመተ 2024 ናብ ዝሓሸ መድረኽ እተሰጋግር ትስፍውቲ ዓመት ከምእትኸውን ርዱእ’ዩ።

“ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል ዕርፈ ኣጽንዕ” ይብሉ ለባማት ኣቦታት፡ ዞባውን ዓለማውን ኩነታት ናብ ዘበለ የብል፡ እቲ ዓቢይ ቁም ነገር፡ ውሽጣዊ ርግኣትናን ውህደትናን፡ ምዕቃብን ዝያዳ ምሕሳንን እዩ። ምኽንያቱ ውሽጣዊ ርግኣት ቅድመ-ኩነት ውሑስ ሰላምን ኩለንተናዊ ምዕባለን እዩ። ጎድኒ ጎድኑ ድማ፡ ንዝሰፍሐ ረብሓን ዕብየትን፡ ብጥንቁቕ ኣናብባ ምዕባለታት፡ ንዞባና ናብ ዞባ ሰላምን ሓባራዊ ዕብየትን ንምቕያሩ ብዓቕምና ክንገብሮ እንኽእል ምድግጋፍ ምግባር፡ ከም ህዝቢን ሃገርን ሓላፍነትና እዩ።

# ኣገልግሎት ትምህርቲ

## ብመንጽር ሃገራዊ ዕላማታት

**ኣብ 1994 ዝጸደቐ ሃገራዊ ቻርተር ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ብዛዕባ ትምህርቲ ኣስፈርዎ ዘሎ ሓሳብ ከምዚ ይብል፡-**

> "...ህዝብና ካብ መሃይምነት ተላቒቑ፡ ብዝተፈላለየ ደረጃታት ዘመናዊ ጥበብ መሊኹ፡ ኣፍራዪ ዓቕሙ ብምድንፋዕ ሃገሩ ንኽሃንጽ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብሰፊሑ ክዝርጋሕ ኣለዎ። ትምህርቲ ኩሉ ኤርትራዊ ክረኽቦ ዝግባእ መሰረታዊ መሰል'ዩ። ስለዚ ኣብቲ ዕድል ትምህርቲ ተነፊጉዎ ዝጸንሐ ገጠራት ሃገርና ትምህርቲ ከስፋሕፍሕ ኣለዎ። ንሃገራዊ ሓድነትን ምዕባለን ዘገልግል፡ ዘመናዊ ፍልጠትን ክእለትን ዘስንቕ ምዕቡል ሃገራዊ ስርዓተ ትምህርቲ ክንሃንጽ ኣለና። ትምህርቲ ከይማዕበለ ሃገርና ክንሃንጽን ደሞክራስን ፍትሕን ከነስፍንን ኣይንኽእልን ኢና.."

**እሞ'ኸ፡ እዚ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና ሰፊሩ ዘሎ መርሓ፡ ብተግባር፡ ገስጋሱ ከመይ ይግምገም?**

ነዚ ዝተጠቕሰ ራእይን ኣመለኻኽታን ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ቀዳምነት ነቲ ካብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ተሃሚሹ ዝጸንሐ ከባቢታት እናተዋህበ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ንምህናጽን መሳለጥያን ናውቲ ትምህርትን ንምቕራብን ሰፊሕ ስራሕ ክካየድን ገዚፍ ወፍሪ ከፈስስን ምጽንሑ ርኡይ እዩ። ከም ውጽኢቱ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ቤት ትምህርቲ ዘይብሉ ከባቢ ዳርጋ የለን ክንብል ንኽእል ኢና። ብሰንኪ ቤት ትምህርቲ ዘይምህላው፡ ወይ ራሕቂ ቤት ትምህርቲ፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ዝበኩር ቆልዓ የለን።

ኣብ ርእሲ'ዚ መንእሰያት ብዝተፈላላየ ደረጃታት ዘመናዊ ጥበብን ሞያን መሊኾም፡ ኣፍራዪ ዓቕሞም ዘደንፍዕሉ ባይታ ንምፍጣር፡ ገና ከምቲ ዝድለ ብዝሒ ኣይኹን እምበር፡ ኣካዳሚያውን ቴክኒካውን ትምህርቲ ዝህባ ማእከላት ስልጠናን ኮለጃትን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገር ተመስሪተን፡ ንሳተን ዘፍረይኦም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ካብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር፡ ካብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝመጹ መንእሰያት ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብዝተፈላለየ ሞያታት እናሰልጠኑ ኣብ ስራሕ ዓለም ይዋፈሩ ኣለዉ።

ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ምኽፋት፡ ብሓደ ወገን ድራኸ ንህንጻት ሃገር ክኸውን እንከሎ፡ በቲ ኻልእ ወገን፡ ዝጸንሐ ዘይምዕሩይነት ኣብ ምትዕርራይ ዓቢ ተራ ዝጻወት'ዩ። ምርግጋጽ ምዕሩይ ዕድላት ድማ፡ ቀንዲ መሰረት ማሕበራዊ ፍትሒ'ዩ። ካብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝተዋጽኡ መንእሰያት፡ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ዝረኽብሉ ባይታ ምፍጣሩ እምበኣር፡ ነቲ እንብህጎ መልክዕ ሕብረተሰብ ኣብ ምፍጣር ተራኡ ይጻወት ኣሎ ኢልና ክንግምግም ንኽእል።

ኣብ ርእሲ'ዚ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኩሉ ዜጋ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ብናጻ ከምዝረኽቦ ምግባር እውን ቀሊል ወፍሪ ኣይኮነን። የግዳስ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት፡ ዘመናዊ ፍልጠትን ሞያን ሰኒቖም፡ ኣብቲ ዓያዪ ሓይሊ ክጽንበሩ እንከለዉ፡ ኣፍራይነትን መሃዝነትን ሕብረተሰብ ኣብ ምዕራግ ዝህልዎም ግደ፡ ካብቲ ንምስልጣኖም ዝተገብረ ወፍሪ ብተዓጻጻፊ ስለ ዝዓቢ፡ ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ፡ ብኣድማዕነት እንተ ተሰሪሕሉ መኽሰብ እምበር ክሳራ ኣይኮነን። ክሳራ ዝኸውን ውጽኢቱ ነቲ ዝተሓሰበ ዕላማ ምስ ዘይወቅዕ፡ ወይ እውን ዓቕሚ ሰብ ዘባኽን ኣድማዕነት ዘይብሉ ንጥፈት ምስዝኸውን ጥራይ እዩ።

ህንጻን መሳለጥያን ብምቕራብ ብዙሓት ተማሃሮ ምእንጋድ ቀሊል ገስጋስ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ኣብ መወዳእታ ግን እቲ መለክዒ፡ ብዝሒ ተሳተፍቲ ዘይኮነ፡ እቲ ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲን ዝኹስኩሶ ዲሲፕሊንን'ዩ። ብመንጽር ሃገራዊ ዕላማና፡ እቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ውጽኢት ትምህርቲ፡ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ፡ ህይወቱ ብዝበለጸ መገዲ ዝመርሓሉን መነባብሮኡ ዘመሓይሸሉን ፍልጠት፡ ሞያን ክእለትን ሰኒቑ፡ ኣፍራይነቱ ብምሕያል፡ ኣብ ዕብየት ቁጠባ ሃገር ጉሉሕ ኣበርክቶ ኣብ ዝገብረሉ ደረጃ ምብጻሕ'ዩ። ብሉጽን ብቑዕን ኣብ ልምዓት ሃገር ዓቢ ስምብራት ዘለዎን ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽ እምበኣር፡ ኣረጋጊጽናዮ

ብዘለና ገስጋስ ክንዓግብ ዘድሊ ኣይኮነን። ጻዕርና ዝያዳ ብምዕዛዝ፡ እዚ ዝስዕብ ተወሳኺ ዓበይቲ ዕዮታትን ሓላፍነትን ምፍጻም እውን ከድልየና እዩ።

1) ኣገልግሎት ትምህርቲ ብዓይነቱ ብሉጽ ኮይኑ፡ ኣብ ዘመናዊ ዓለም ተወዳደርቲ ዜጋታት ንምፍራይ መሳለጥያታት ትምህርቲ ኣዝዮም ወሰንቲ እዮም። ላባራቶሪታት፡ ዎርክሾፓት፡ ኮምፒዩተራት፡ ኣገልግሎት ኢንተርኔት፡ ኣብያተ-ንባብ፡ መምሃሪ መጻሕፍቲን ተወሳኺ ናይ ንባብ መጻሕፍቲን ኣብ ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይን ብምልኣት ከምዝባጻሕ ንምግባር፡ ዝተማልአ ዕዮ ተሰሪሑ ክበሃል ኣይከኣልን። ርግጽ'ዩ ዝጠልቦ ርእሰማል ቀሊል ኣይኮነን። የግዳስ ምስ ዕብየት ቁጠባን ሃገራዊ ዓቕሚን እናተዛመደ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝግበር ወፍሪ እናዓበየ ክኸይድ ዘለዎ፡ ግድነታዊ ቅድመ ኩነት ንብልጸት ትምህርቲ እዩ።

2) ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲ፡ ካልእ ኣገዳሲ ረቛሒ ምሕደራ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብሉጽ ስርዓት ትምህርቲ ሒዝካ፡ ትምህርታዊ መሳለጥያታት ብምልኣት ኣዋዲድካ'ውን፡ ትካላት ትምህርቲ ኣገልግሎቶም ኣድማዕን ውጽኢታውን ዝኸውን፡ ጉድለትን ድኻምን እናኣረመ፡ ንዝበረኸ ብቕዓትን ብሉጽ ዲሲፕሊንን ዝሰርሕ ሓያል ትምህርታዊ ምሕደራ ምስ ዝህሉ'ዩ። ብቕዓት ተማሃሮ፡ ዓይነት ስርዓት ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝውስኖ። ንዕኡ ዘተግብር ምሕደራ ኣብያተ ትምህርቲ ዓቢ ግደ ኣለዎ። ከመይሲ ድኹም ምሕደራ ትምህርቲ፡ ዋላ እቲ ዝበለጸ ስርዓት ትምህርቲ እናሃለወ፡ ትርፉ ብኽነት ተመሃሮ እዩ። ኣብ ምሕደራ ትምህርቲ ዘሎ ጸገማት እምበኣር ልዑል ኣተኩሮ ዘድልዮ እዩ።

ህልዊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብመንጽር ሃገራዊ ዕላማታትና ክምዘን እንከሎ፡ ዛጊት ዝኸድናዮ ጉዕዞ ዘተባብዕ ኮይኑ ክማላኡ ዝግብኦም ገና ተወሰኽቲ ዓበይቲ ዕዮታት እውን ኣለዉ። ስለዚ ኸኣ፡ ነቲ ዘሎ ሕጽረታት ብምምላእ፡ ኣብ ምሕደራ ዘሎ ድኻማት ብቐጻሊ ብምፍዋስ፡ ትምህርታዊ ብሉጽነትን ልዑል ዲሲፕሊንን ተገዳስነትን ንምርግጋጽ፡ ኩሎም ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝነጥፉ ኣካላት ትግሃቶም ከዕዝዙ ይግባእ። ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ እጃም ናይቶም ኣብ ምዕባለ ትምህርቲ ወሳኒ ተራ ክጻወቱ ዝኽእሉ ወገናት ደጊምካ ምዝኽኻር ኣገዳሲ ይኸውን።

ኣብ ምሕያል ብቕዓት ትምህርቲ ቀዳማይን ዝለዓለን ተራ ዘለዎም ኣመሓደርቲ ኣብያተ ትምህርትን መማህራንን እዮም። ብቕዓት መማህራን ምስ ብቕዓት ምሕደራ ትምህርቲ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ይኹን እምበር፡ ባዕላዊ ረቛሒ ናይ መማህራን እውን ወሳኒ እዩ። ርዝነት ተልእኾኦም ብግቡእ ተገንዚቦም፡ ስርሖም ብተገዳስነት ዝፍጽሙ፡ ብስነ-ምግባርን ህርኩትናን ዲሲፕሊንን ንተመሃሮ ኣብነት ዝኾኑ መማህራን ዘፍረይዎም ተመሃሮ ኣዝዮም ዕዉታት እዮም። ክንዲ ዝኾነ፡ መማህራን ንኣብሶም ከም ቀለስቲ ሓድሽ ወለዶ ዝጥምቱ፡ መኸሰቦም ኣብቲ ዝኹስኩስዎ ወለዶ ክርእዩ ዝብህጉ፡ ሃገርን ሕብረተሰብን ዘሰከሞም ሕድሪ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ዝፍጽሙ ንቑሓትን ብሱላትን ክኾኑ የድሊ።

ወለዲ ብሸነኾም ኣብ ምዕባለ ትምህርቲን ምሕያል ብቕዓትን ክገብርዎ ዝኽእሉ ኣስተዋጽኦ ቀሊል ኣይኮነን። ተማሃሮ፡ ኣብ ትምህርቲ ፍቕሪን ተገዳስነትን ዲሲፕሊንን ኬዕዝዙ ዝድርኽ፡ ብቐንዱ ናይ ወለዲ ምትብባዕን ክትትልን እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ውልቀ ወላዲ ኣብ ቤቱ ከበርክቶ ዝኽእል እጃም ከኣ፡ ብሓባር ኮሚቴታት ብምቛም፡ ወለዲ ምስ ኣብያተ ትምህርቲ ጥቡቕ ምትእስሳር ክፈጥሩ ይግባእ። ዕማም ኮሚቴታት ወለዲ፡ ንንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ብጥብቂ ምክትታል፡ መስርሕ ትምህርቲ ምግምጋም፡ ኣሉታዊ ተርእዮን ድኻምን ምንቃፍን መመሓየሺ ሓሳባት ምፍልፋልን እዩ። ሓለፍቲ ኣብያተ ትምህርቲ እውን፡ ተሓታትነቶም ንመንግስቲ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ንኮሚተ ወለዲ ከምዝኾነ ብምግንዛብ ናይ ምትሕግጋዝ ባይታ ክፈጥሩለን የድሊ።

ተማሃሮ ብወገኖም፡ ተፈጢሩሎም ዘሎ ርሒብ ዕድላትን ብሩህ መጻኢን ብምጥማት፡ ብዛዕባ መጻኢኦም ኣስፊሖም ብምርኣይ፡ ዕድመ ምሉእ ምስኦም ዝነበር ዘሐብንን እምብዛ ዘርብሕን ሃብቲ ንምጭባጥ ክጽዕሩ፤ ተወዳዳሪ ዓቕሚን ብቕዓትን ንምጥራይ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዘመኖም ብልዑል ሓቦን ተገዳስነትን ዲሲፕሊንን ክጽዕቱ የድሊ።

ኣብ መወዳእታ ሃገር ንምዕባለ ትምህርቲ እተፍስሶ ገዚፍ ወፍሪ፡ ኣኽሳቢ ውጽኢት ዝርከቦ፡ መላእ ሕብረተሰብ ክእለትን ፍልጠትን ንምምዕባል ዝገብሮ ንሓድሕዱ ዝመላላእ እኩብ ጻዕሪ'ዩ። ስለዚ ድማ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ኩሎም መንግስታዊ፡ ህዝባዊን ብሕታውን ትካላት በብዓውዶም፡ ብቐጻሊ ትምህርቲን ስልጠናን፡ ሞያን ክእለትን ዝዓጠቑ ኣፍረይቲ መንእሰያት ንምፍጣር ዘየቋርጽ ጻዕሪ ክገብሩ የድሊ። ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ፡ ብውሁድ ጻዕሪ መላእ ሕብረተሰብ ምስዝድራዕ ከኣ፡ ብመገዲ ትምህርቲ ክንበጽሖ እንሕልን ሃገራዊ ዕላማ ሽቶኡ ከምዝወቅዕ ኣየጠራጥርን።






# ኣገባብ ትግባረ ውጥን ስራሕ 2024 ብዕምቈት ተዘትይሉ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ “ዐመንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ!” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ብ4ን 5ን ጥሪ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝገበሮ ዓመታዊ ኣኼባ፡ ገምጋም ንጥፈታት 2023 ብምኽያድ ኣብ ኣገባብ ትግባረ ውጥን ስራሕ 2024 ብዕምቈት ዘትዩ።

ኣብ`ቲ ብሓለፍቲ ዞባታትን ክፍልታትን ወከልቲ ንኡሳን ዞባታት ናይ ነፍሲወከፍ ዞባን ዝቐረበ ገምጋማዊ ጸብጻብ ስራሕ፡ ማሕበር ኣብ ንጥፈታት ጨናፍር ኣብያተ ትምህርትን ኮለጃትን ዝለዓለ ኣተኩሮ ብምግባር ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን ዘበርኹ፡ ድሌትን ተገዳስነትን ኣብ ትምህርቲ ዘዕብዩ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንቕሓት ዘደንፍዑ ብርክት ዝበሉ ኣድማዕቲ ስርሓት ከም እተኻየዱ ተገምጊሙ።

ንብድሆታትን ብልጫታትን ማሕበር ብዝምልከት ብመልክዕ መዛተዪ ሕቶታት ኣብ ዝቐረቡ ሓሳባት፡ ኣብ ጉዳይ ስነምግባርን ምዕቃብ ብሉጽ ክብርታትን ዝካየድ ጎስጓሳት ብዝሓየለ ክደፈኣሉ፤ ጽልዋ መዘና ደራኺ ተራ ስለዘለዎ፡ ኣብኡ'ውን ንጡፋት ኣባላት ዓይነታዊ ናይ ንቕሓት መደባት ክካየድ፤ ሓይሊ ንጥፈታት ማሕበር ኣብ ጨናፍር ኣብያተ ትምህርትን ኮለጃትን ኣብ ሓይሊ ኣካያዲት ኣካል ስለ ዝውሰን፡ ኣብ ምሕያል ኣካያዲት ኣካል ብዝለዓለ ኣተኩሮ ክስረሓሉ፤ ምስ ዕላማታትን መደባትን ማሕበር ዝምጥን ዓቕሚ ኣባላት ኣብ ምዕባይ ክድፈኣሉ፤ መረዳእታ ሕብረተሰብን መሻርኽትን ኣብ መደባት ማሕበር ዘዕቢ መደባት ክዕመም፤ ንጥፈታት ምህዞን ሰንዓን ዘሐይል መደባት ክሰላሰል፤ ተርእዮ ሳዕቤናት ፍኑው ጾታዊ ርክብ ንምግታእ ዝድለ ጎስጓሳት ክካየድ፤ ንዕዉታት ተመሃሮ ምሸላም ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ኣብ ምዕባይን ተገዳስነት ኣብ ትምህርቲ ኣብ ምሕያልን እወታዊ ጽልዋ ስለዘለዎ ክተባባዕን ቀጻልነቱ ክውሕስን፤ ኣብ ኩሉ ዝካየድ ንጥፈታት ምዕሩይነት ጾታን ብዙሕነትን ዘለዎ ክኸውን ኣቓልቦ ክወሃቦ፤ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ሰራሕተኛታት መንእሰያትን ሸማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያትን ዕቱብ ገምጋም ተኻይድሉ ንምሕያሉ ክስረሓሉ ኣብ ዝብሉን ካልኦትን ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ተበጺሑ።

ኣቦ መንበር ማሕበር ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘስምዖ መዛዘሚ ቓል፡ ዓመተ 2023፡ ኣብ ተመሃሮ ዝተኻየደ ናይ ንቕሓትን ውዳበን መደባት ኣተባባዒ ውጽኢት ዝተራእየላ ዓመት ምንባራ ጠቒሱ፡ ኣብ 2024 እውን ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ኣተኩሮ ማሕበር ኣብ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን ኮለጃትን ገይሩ ተበጊሱ ስለዘሎ፡ ንዝለዓለ ኣድማዕነት ምስ ኩሎም ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብሕልፊ ድማ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብውሁድ ጽዓትን ምምልላእን ክስረሓሉ ምዃኑ ገሊጹ። ናህርን ድርኺትን ንምፍጣር ተራን ኣበርክቶን መሻርኽትን ሕብረተሰብን ኣብ ጉዳይ ተመሃሮ ክሕይል ወሳኒ ምዃኑ'ውን ኣዘኻኺሩ።

# ምህዞን ሰንዓን ኣብ ዝሓሸ ገስጋስ

ሚርያም ዮሴፍ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ “ፈጣራውነት መንእሰያት መሰረት ምዕባለ” ዝብል ቴማ ዝወደቦ ውድድር ምህዞን ሰንዓን፡ ኣብ ቀጽሪ’ቲ ማእከል መሃዝነትን ፈጠራን ዝኾነ መደበር፡ ብ17ን 18ን ለካቲት ንምርኢት ቀሪቡ። እዚ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ፡ ኣቦ መንበር ማሕበር ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ሓለፍቲ ማሕበርን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ንህዝቢ ብወግዒ ክፉት ዝኾነ ምርኢት፡ ዝተፈላለየ ፈጠራዊ ሓሳባትን ስርሓትን ሒዙ ቀሪቡ።




እዚ ካብ ክሊ ዕድመ 11 ክሳዕ 40 ዝርከቡ መንእሰያት ዝቐረብዎ ናይ ምህዞ ስርሓት፡ ኣገዳሲ ካብ ዝገብሮ ረቛሒ ሓደ፡ ኣብ ተተካኢ ጸዓትን ምቕላል መሰረታዊ ጸገማትን ማእከል ዝገበረ ምንባሩ እዩ። ዓለምና፡ ከም ውጽኢት ናይ’ቲ ደቂ ሰባት ኣብ መስርሕ ምንባር እንካይዶም ንኣከባቢ ሃሰይቲ ዝኾኑ ንጥፈታት፡ ዓለማዊ ዋዒ ኮነ ምዝንባዕ ክሊማን ሳዕቤናቱን ገኒኑ ካብ ዝረአ ተርእዮታት እዩ። ብተወሰኺ’ውን ኣብ’ቶም ዘይተተካኢ ጸዓት እንብሎም ጸጋታት ዘንጸላሉ ዘሎ ሓደጋታት ሓደ ካብ’ቶም ስግኣታት እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለምና በበእዋኑ ዝመጽኡ ሓደስቲ ምህዞታት ምስ ተፈጥሮ ብዝሳነዩን ውሑድ ብከላ ዘለዎምን ኮይኖም ክስርሑ ንዕዘብ ኢና።

ብዞም መንእሰያት ዝቐረበ ዝበዝሐ ትሕዝቶታት’ውን ብውሑድ ሃልኪ ጸዓትን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ዝኽእሉ ስርሓት ብምንባሩ፡ ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ዝገብሮ እዩ። ገለ







ካብቲ በዞም መንእሰያት ዝቐረበ ስርሓት፡ ኣብ ምምካት ክሊማዊ ለውጢ ኣበርክቶ ዘለዋ ብጸሓያዊ ጸዓት ንጥፈታታ እተሰላስል ከተማ፡ ብውሑድ ናይ ዕንጸይቲ ጸዓት እትሰርሕ ፎርኖ፡ ብሓይሊ ማይ እንትሰርሕ ሰፍሳፊት (ፎርክሊፍት)፡ ኣብ ምቅላል ተጠቃምነት ጋዝ ኣበርክቶ ዘለዎ ምድጃ፡ ብጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ኣብ ምስፋሕ ተጠቃምነትን ኣገልግሎትን ብቴክኖሎጂ ዝተሰነየ ኣገባብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዝ ኮምፕዩተራት ወዘተ. የጠቓልል። ብተወሳኺ ብተመሃሮ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝተዳለወ ዝተፈለላለየ ፕሮግራማት'ውን ኣካል እዚ ውድድር እዩ ነይሩ። ገለ ካብኦም፡ ቋንቋ ትግርኛ ካብ ጽሑፍ ናይ ድምጺ - ካብ ድምጺ ድማ ናብ ጽሑፍ ዝቕይር ፕሮግራማት፡ ትሸዓቲኡ ቋንቋታት ሃገርና ብቐሊሉ ክትመሃረሉ ዘኽእል ፕሮግራማት፡ ኣብ ዓበይቲ ናይ ንግዲ ትካላት ኣብ ፊናንሳዊ ቁጽጽራተን ዝሕግዝ ምህዞታት፡ ዝቐለለ ኣገባባት ቁጽጽር ባልዓት ሕርሻን ግቡእ ምሕደራ ሓመድን ማይን ወዘተ. የጠቓልል።

ነዚ መደብ ሓደ ካብቲ መሳጢ ዝገብሮ፡ ደረጃ ተባሃላሓትነት ናይ'ዞም ተወዳደርቲ እዩ። መብዛሕትኡ ንውድድር ዝቐረበ ስርሓት በቲ ኣብ ኣከባቢኦም ጥራይ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ጥረ ነገራት ዝተሰርሐ ኾይኑ፡ ኣብ መጻኢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ማዕቢሉ ብዝለዓለን ዝተራቐቐን ኣገባብ ተሰሪሑ ንኣገልግሎት ብቑዕ ክኸውን ዝኽእል ዓቢ ተስፋ ዝንበሮም ስርሓታት እዮም። እዚ ንኽልተ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ዝቐነየ ምርኢት ምህዞን ስንዓን፡ ብርክት ዝበሉ ተመሃሮ ዝተፈላለየ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል'ውን ከም ዝዕዘብዎ ድሕሪ ምግባር፡ ተመሃሮ ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ዝንባሌታቶም ዘለለይሉ፡ ቅዱስ ቅንኢ ብምሕዳር ድማ ተገዳስነት ክሕድሩን ድርኺት ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ ነይሩ።

ብተወሳኺ ነቲ መደብ ዝያዳ ጽባቐ ካብ ዝወሰኸ ሓደ፡ ምርኢት ዝተኻየደሉ ቦታ ቀጽሪ መደበር ብምንባሩ እዩ። ቀጽሪ መደበር ማእከል መሃዝነትን ተባላሓትነትን ምዃኑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብዘይካ እቲ ናብ ውድድር ዝቐረበ ስርሓት ኣብቲ ቀጽሪ ዝካየድ ዝተፈላላየ ኣደነቕቲ ስርሓት'ውን ክትዕዘብ ዝቕስብ ኣጋጣሚ ብምንባሩ ዝያዳ መሳጢ ነይሩ።

ኣብቲ ብዕለት 18 ዝተገብረ ወግዓዊ መዛዘሚ፡ ኣብቲ መደብ ዝተፈላላየ ስርሓት ሒዞም ንዝቐረቡ መንእሰያት ወረቐት ምስክርነት ክዕደል ከሎ፡ ፍሉይ ስርሓት ንዝቐረቡ መንእሰያት ድማ መተባብዒ ሽልማት ተዋሂቡ። ኣቦ መንበር ማሕበር ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዝሃቦ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ ኣብቲ መደብ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ድሕሪ ምምስጋን፡ መደብ ምህዞን ስንዓን ሓደ ካብቲ ማሕበር ብዕቱብ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ መደብ እኳ እንተ ኾነ፡ ንዝሓለፈ ነዊሕ ዓመታት ግን ካብ ምርኢት ሓሊፉ ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብ ከም ዝውዕል ኣብ ምግባር ዘነይት ስራሕ ክዕመም ከም ዘይጸንሐ ጠቒሱ፡ ነዚ ንምፍዋስ ድማ ማሕበር እጅገኡ ሰብሲቡ ተበጊስሉ ከም ዘሎ ገሊጹ። መንእሰያት ብእኩብ ተጠርኒፎም ዝዓይሉ ክለብ ምህዞን ስንዓን ምምስራት፡ ማእከላት ምህናጽ፡ ቀጻሊ ውድድራት ምክያድ፡ ከምኡ'ውን












ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ውሁድ መደባት ብምስራዕ ኣድማዒ ንጥፈታት ክካየድ ይስረሓሉ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ዞባታት ዓንሰባን ደቡብን ተመሳሳሊ ውድድራት ተሰሪዑ ምንባሩ ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ናይ ሰለስቲኦን ዞባታት ፕሮጀክታት ማለት ዞባ ማእከል፡ ዓንሰባን ደቡብን፡ ነፍሲ.ወከፍ ሰሰለስተ፡ ብጠቕላላ ድማ ትሽዓተ ብሉጻት ስርሓት ናብ መዛዘሚ ቀሪቡ።

ኣብዚ ውድድር ካብ ዝተወሰደ መምዘኒ ብቕዓት ብቐንዱ ንሓይሊ ፈጠራውነት፡ ዝተጠቐምሉ ጥረ ነገራት፡ ኣገልግሎት ኣብ ሕብረተሰብ፡ መሃዚ ዘለዎ ደረጃ ፍልጠት፡ ውጽኢታውነት ስራሕ ብመንጽር ግዜን ባጀትን፡ ኣብ ግብሪ ክስርሓሉ ዘለዎ ተኽእሎታትን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ። ድሕሪ ዝተገብረ ግቡእ ናይ ምመያ መስርሕ ድማ ሰለስተ ብሉጻት ስርሓት ናብ ሸልማት በቒዖን። ንነፍሲ.ወከፈን ንመበገሲ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ዝዓለመ ናይ 37 ሽሕ መተባብዒ ሸልማት ድማ ተዋሂቡ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ንነፍሲ.ወከፍ ብደረጃ ዞባ ዝተዓወታ ሰለስተ ብሉጻት ስርሓት ንቐዳማይ 10 ሽሕ፡ ንኻልኣይ ደረጃ 8 ሽሕ ንሳልሳይ ደረጃ ድማ 6 ሽሕ ናቕፋ ናይ መተባባዒ ሸልማት ተወሂቡ።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ መደብ ተረኺቡ ቃሉ ዘስምዐ ኣማሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ'ውን ብወገኑ እቲ መደብ ብዕድመ ኣዝዮም ንኣሽቱ ዝርከብዎም መንእሰያት ዝሓቖፈ ብምንባሩ ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ኣደናቒ ዝገብሮን ንመጻኢ'ውን ክተባባዕ ዘለዎን ምዃኑ ሓቢሩ። እዚ ከምዚ ዓይነት መደባት ካብ ክልሰ-ሓሳብ ናብ ግብሪ ዝቕየረሉ ባይታ ተፈጢሩ፡ መንእሰያት ዝያዳ ዓቕሞም ዘንጸባርቕሉ ባይታ ክጣጣሕ'ውን ተላብዩ። ከምዚ ዓይነት ንመንእሰያት ኣብ መሃዝነትን ፈጠራን ዝጸምድ መደባት፡ ኪንዮ እዚ ዕለት ዝኸይድ ብቐጻሊ ክውደብን ኩለን ትካላት ድማ ኣበርክቶ ክህልወን ከም ዝግባእን'ውን ገሊጹ።

ከምዚ ዝኣመሰለ መደባት፡ መንእሰያት ዓቕሞምን ዝንባለኦምን ዘንጸባርቕሉ፡ ግዚኦም ድማ ኣብ ግቡእ መዓላ ዘውዕልሉ ኣገደስቲ መደባት ብምዃኖም፡ ዝያዳ ክተባብዑ ካብ ዘለዎም መደባት እዮም። ቀጻሊ ናይ ወለድን መምህራንን ምትብባዕ'ውን የድሊ። ፍርያቶም ናብ ዝዓበየ ውጽኢት ዘሰጋገረሉ ዓበይቲ መደባት ብምውዳድ ድማ፡ ንሕብረተሰብ ዓቢ ኣበርክቶ ክጻወቱ ዝኽእሉን ተስፋ ዝንበረሎም መንእሰያት ብምፍጣር ሓደ ካብቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ውጽኢት እዩ። ምትብባዕን ቀጻሊ ወፍርን ድማ ይደልዩ።

ትውፊት

# ተወራራሲ ባህሊ **ጅግንነት**

**"ኣብዛ ፐላኔት ንወዲ ሰብ ዝተዋህበ ዕጫ ተቓሊስካ ምንባር'ዩ። ጅግንነት ድማ፡ ህላወኻ፡ ክብርታትካ፡ ምርጫኻን ዕብየትካን ዝዕንቅፍ ብትብዓት እናፈንጠስካ ምምራሽ ማለት'ዩ።"**

*ኣንድሪው በርነስተይን*

**"ሃገር መረበት ናጻ ሰባት ኮይና እትቕጽል፡ ተባዓት ሰባት እንተ ሰፈሮማ ጥራይ እዩ።"**

*ኤልመር ደቪስ*

***

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብምኽንያት ዓይኒ ዝስሕብ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ቦታኡ፡ ተሃራፊ ጸጋታት መሬቱን ባሕሩን፡ ምስ ብዙሓት ናይ ቀረባን ርሑቕን ወረርቲ ክገጥም ዝተገደደ፡ ኣብዚ ዘየቋርጽ ግጥማት ድማ ኢዱ ከይሃበ ንዘመናት ኣብ ቀጻሊ መኸተ ክጽመድ ዝተገደደ ህዝቢ እዩ። በዚ ድማ፡ ባህሊ ጅግንነት ኣብ ውነኡ ብዕምቈት ዝሰረተ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ማእከላይ ዘመን ሃገራት ኣፍሪቃ ከምዚ ሎሚ ንፈልጠን ከይቌማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኹሉ ኩርናዓት፡ እንተላይ ካብ ስግር ባሕሪ ብምምጻእ ዝፈታተንዎ ዝነበሩ ወረርቲ እናመከተ ንስለ ርስቱን ሰብኣዊ ክብረቱን ዘካየዶ፡ ናይ "ኣይግዛእን!" "ኣይርገጽን!" ሓርበኝነት፡ ናይ ባሕረ-ነገስታት ኮነ ካልኦት ሹማምንቲ ዘሐብን ታሪኽ ስኑድ እዩ። ዘመነ መግዛእቲ ምስ መጸ እውን፡ ምእንቲ መሰላቶም፡ ምስቲ ብሓይሊ ኣጽዋር ኣዝዩ ዝበልጾም መግዛእታዊ ሰራዊት ጣልያን ገጢሞም ዝወደቑ፡ "ኣይንግዛእን!" ኢሎም ዝተረሸኑን ዝተሓየሩን ኤርትራውያን ውሑዳት ኣይነበሩን። መኸተ ባህታ ሓጎስን ካልኦት ሓርበኛታትን፣ 'ሰባር ናኹራ' ተባሂሉ ዝፍለጥ ዓሊ መሓመድ ዑስማን ቡሬን ብጾቱን ነቲ ጽንኩር ቤት ማእሰርቲ ደሴት ናኹራ ዝሰበርሉ፡ ልዕሊ 100 እሱራት ዘምለጥሉ ድንቂ ፍጻመ፡ ገለ ካብ መርኣያታት ናይቲ ኣብ ውነ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰረተ ባህሊ ጅግንነት እዩ። ኣብ ሮማ ሴፉ መዚዙ መስተንክር ቅያ ዝፈጸመ ዘርኣይ ደረስ፡ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ተጓዒዞም ንኢጣልያዊ ጀነራል ግራዝያኒ ብቦምባ ዘቑሰሉ ሞጎስ ኣስገዶምን ኣብርሃ ደቦጭን፡ ሃጸይ ምኒልክ ኣብ ውግእ ዓድዋ ተዓዊቱ ንኽወጽእ ዓቢ ግደ ዝተጻወተ ባሻይ ኣውዓሎም ሓረጎት፡ ሒደት ካብቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ ናይ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ጀጋኑ ደቂ'ዛ መሬት እዮም።

ኣብ እዋን ካልኣይ ኵናት ዓለም፡ ኣብ 1941፡ ጣልያንን ሰብ ኪዳኑን ምስ ተሳዕሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ንናጽነትን ልኡላውነትን ከረጋግጽ'ዩ ኣንቂዱ። ይኹን'ምበር በታ ሽዑ ዓብላሊት ዝነበረት ኣመሪካ፡ "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓና ኣየገልግለንን'ዩ" ተባሂሉ ተኸሊፉ። እንተ ኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ በዚ ንህላወኡን ምርጫኡን ዝጻባእ ዓመጽ'ዚ ኣይተሰናበደን። ፈለማ ብሰላማውን ሕጋውን መገዲ ተቓዊምዎ። ተቓውሞኡ ብሓይሊ ንምጽዓዱ ኣብ ዝተሃቀነሉ ክልተ ዕቑዳት ከኣ፡ ምስናይ ዝገጠሞ ከቢድ ተጻብኦ፡ ድምጹ ንምዕባስ ዝተኻየደ ሽርሕን ጭፍለቓን፡ ን20 ዓመታት ዝኣክል ኢዱ ከይሃበ፡ ሰላማዊ ተቓውሞኡ ቀጺሉ። ኣብ መወዳእታ ሰማዒ እዝኒ ምስ ሰኣነ፡ ሕጋዊ ሃገራዊ መሰሉ ብቕልጽሙ ንምርግጋጽ፡ ምስ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለምን ዘባውያን





ወከልቶምን ንምግጣም፡ ብ11 መስከረም 1961 ተባዕ ውሳነ ብምውሳድ፡ ብመሪሕነት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዕጥቃዊ መኸተ ኣበጊሱ።

ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካይደሉ ዝነበረ ዘመነ “ዝሑል ኲናት”፡ ካብ 1961 ጀሚርካ ክሳብ 1974 ኣመሪካን ሰብ ኪዳናን ከምኡ’ውን ካብ 1974 ክሳብ 1991 ሕብረት ሶቭየትን ሰብ ኪዳናን፡ ተበራርዮም፡ ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ነዲቆም፡ መሰል ሓደ ንእሽቶ ህዝቢ ንምድሃኽ መጠነ-ሰፊሕ ወራራት እኳ እንተ ካየዱ፡ ባህሊ ጅግንነት ህዝቢ ኤርትራ ኣይተጻዕደን። መኸተኡ ተዓዊቱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ታሪኽ መሰል ህዝብታትን ሰባትን ኣብነታውን ኣንጸባራቕን ቅያ ሰሪሑ።

ድሕሪ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ነታ ነዊሕ ተጓዒዙ ብጅግንነትን መስዋእቲን ዝጨበጣ ሃገሩ፡ ነቲ ውርሻ እትበቅዕ፡ ካብ ዕብለላን ዝምታን ጊልያነትን ሓራ ዝኾነት፡ ሓቀኛ ናጻን ልዑላዊትን ሃገር ክትኮነሉ ንህንጸታ እጅገኡ ሰብሲቡ ተበጊሱ። የግዳስ ሸው’ውን ተጻብኦ ኣይተጋደፎን። ናይ ታሪኽን ግዜን ኣጋጣሚ ኾይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ልዑላውነቱን ዝተጓናጸፈሉ እዋን፡ “ዝሑል ኲናት” ዘኽተመሉ መድረኽ’ዩ ነይሩ። በዚ ድማ ስርዓት “ሕብረት ሶቭየት” ተሳዒሩ ስለ ዝተባህለ፡ ኣመሪካ እትመርሖ ኪዳን፡ “ተዓዊትና! እንኮ ቀጥባዊ ዓለም ክንሃንጽ ኢና” ናብ ዝብል ዓንዳሪ እምነት ክዘሉ ተራእዮም። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ዳግማይ ግዳይ ናይዚ ስትራተጂ’ዚ ኾይኑ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ህንጸት ሃገሩ ብዙሕ ከይሰጐመ፡ ኣብ 1996 ኣመሪካን ሰብ ኪዳናን ብወኪላቶም ኣብ የመን ግጭት ሓኒሽ ዝተሰምየ፡ ቅልውላው ባሕራዊ-ዶብ ፈጢሮም። ኣብዚ እውን ባህሊ ጅግንነት ህዝቢ ኤርትራ ደጊሙ ተመስኪሩ። ድሕሪ’ዚ እውን ነዊሕ ከይጸንሑ፡ ኣብ 1998፡ በቲ ዞባዊ ወኪሎም ኪኸውን ዝዓሰብዎ፡ ስርዓት ወያነ፡ ግጭት “ባድመ” ዝተጸውዐ፡ ምኽኑይነት ዘይነበሮ ቅልውላው ዶብ ኣበጊሶም፡ ወተሃደራዊ ወራራት መሪቖም፡ ንኽልተ ዓመታት ብደማዊ ኲናት ወጥሪን ህልቂትን ዕንወትን ከም ዝነግስ ገይሮም። ሸው እውን መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣይተኻእለን። ኣብ 2000 እቲ “ግጭት” ፍርዳዊ መዕለቢ ክግበረሉ “ቀያዲን ናይ መወዳእታን” ውዕል ተፈሪሙ፡ ዳናዩ ኣካል ቈይሙ፡ ኣብ 2002 ውሳነ እኳ እንተ ተዋህበ፡ ሃንደስቱ ዕላማኦም ናይ ዶብ ሽግር ኣባሪዕካ ምዕላብ ዘይኮነ፡ ዘይዓርፍ ወጥሪ ምስሳይ ስለዝነበረ፡ እቲ “ቀያዲን ናይ መወዳእታን” ብይን ተነጺጉ፡ ኅበጣ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ን20 ዓመታት ከም ዝቕጽል ተገይሩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ 2008 ዶባዊ ግጭት ጅቡቲ-ኤርትራ ኣበጊሶም፡ ንሓያሎ ዓመታት ምትእትታዋት ክህቅኑ ተራእዮም።

ኩሉ’ዚ ተጻብኦታትን ዘሰነዮ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ቁጠባውን ሽርሒታትን፡ ንመኸተ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ስለ ዘየጽዓደ፡ መሰል ርእሰ-ምክልኻል ህዝቢ ኤርትራ ንምልሕላሕን ኣቓልቦ ዓለም ንምጥዋይን ተባሂሉ ብዝተፋሕሰ ሓሶት፡ ኣብ 2009/2011 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ፡ ዝኾነ ሕጋዊ ባይታን መርትዖን ዘይነበሮ ብይን “እገዳ” ከም ዝሓልፍ ገይሮም። ነዚ እውን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ በዲሆሞ። እዚ ኹሉ ተደማሚሩ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንፍትሒ ክምህ ስለ ዘይበለ በቲ ሓደ፡ ሸውሃት ወረርትን ገሃስቲ ኣህጉራዊ ሕግን ስለዘይዓገበ በቲ ኻልእ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ካልእ ሽርሒ “ፍልሰት ሰብ” እውን ተሃቂኑ። እዚ ብትካላት ስለያ ብዝተራቐቐ ውጥን ዝምወልን ዝእለን ገበን ድማ፡ ምስናይ ጽዑቕ መደናገሪ ፕሮፖጋንዳ ብስፍሓት



ክስርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ።

ኣብ 2018፡ ወዮ ኣብዚ ዞባ ወኪል ኪኾኖም ዝነደቕዎን ብዙሕ ዝተኸናኸንዎን ጃንዳ፡ ብቑጥዐ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ስልጣኑ ምስ ተኣልየ፡ ብኣንጻር ባህጊን ድሌትን ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ መንኰርኰር ታሪኽ ንድሕሪት ንምምላስ ነቲ ብህዝባዊ ቃልሲ ዝተባረረ ሓይሊ ትንፋስ ንምስኳዕ ዘካየድዎ ኣጉል ወተሃደራዊ ዕንደራ መቐጸልታ ናይዚ ስትራተጂ'ዚ እዩ። እንተ ኾነ፡ ብሓያል መኸተ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣደብ ከም ዝሕዝ ተገይሩ። በዚ ስዕረት'ዚ እውን ኣይተሓለሉን፣ ጉዳያት ሓላሊኽካን ፍታሕ ኣርሒቕካን ቅልውላዋት ንምምሕዳር ዝግበር ሃቐነታት ገና ኣይዓረፈን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብወራርን ምትላልን ምስይጣንን ታህዲዳትን ሸርሒታትን ከይተሰናበደን ከይተዓግተን፡ ንወለዶታት ብዘመስከሮ ጽንዓት መኸተኡ ኣብ መወዳእታ ንኹሉ ተጻብኦታት ኣላሽ ኣቢሉ፡ ኣብ ጎደና ዓወት ምምራሽ ቀጺሉ ኣሎ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ዘሎ ጥቕሲ፡ “ኣብዛ ፕላኔት ንወዲሰብ ዝተዋህበ ዕጫ ተቓሊስካ ምንባር'ዩ። ጅግንነት ድማ፡ ህላወኻ፡ ክብርታትካ፡ ምርጫኻን ዕብየትካን ዝዕንቅፍ ብትብዓት ፈንጢስካ ምምራሽ ማለት እዩ። ሃገር ሰፈር ናጻ ሰባት ኮይና እትነብር ተባዓት ሰባት ክሳብ ዝሰፈሩዋ ጥራይ እዩ።” እንተ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ናይ ረብሓታት ዓለም ድኹም እዩ ኢሉ ዝንሕፍ የለን። ብጅግንነት ጥራይ'ዩ ዝንበርን ረብሓኻ ዝረጋገጽን።

ጅግናን ባህሊ ጅግንነትን ዘይብሉ ሕብረተሰብ፡ ከምቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰገሮ ከቢድ ጸገማት ክሰግር ዘለዎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። ዝሓለፈ እንምርምር፡ መርሓ መጻኢ ጉዕዞና ዝኸውን ባህልን ያታን ኣብኡ ስለዘሎ እዩ። መንእሰይ ወለዶ ኤርትራ እምበኣር፡ ቀዳሞት ወለዱ ብኸመይ ዝኣመሰለ ትብዓትን ጅግንነትን ነዚ ወሪሱዎ ዘሎ ርስቲ ከየድፈሩ ከምዘጽንሕሉ ተገንዚቡ፡ ብባህሎምን ታሪኾምን ክሕበን ጥራይ ዘይኮነ ባህሎም ባህሊ ጅግንነት መርሓ መጻኢ ጉዕዞኡ ክገብሮ የድሊ። ጅግንነት ማለት ግን፡ ኣብ ኲናትን መኸተን ጥራይ ኣይኮነን። ባህሊ ጅግንነት ኣብ ኩሉ መዳያት ቀንዲ ረቛሒ ብልጸት እዩ። ስለዚ ድማ፡ ከም ኣብ እዋን ኲናትን መኸተን ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና መድረኽ ህንጻት ሃገር እውን ጅግንነት ወሳኒ እዩ። ጅግንነት ኣብ ስራሕን ልምዓትን፡ ጅግንነት ኣብ ትምህርቲን ብቕዓትን፡ ጅግንነት ኣብ ውትህድርናን ኩሉ ዓይነት ሞያን፡ ጅግንነት ኣብ ባህላዊ ትንሳኤን ማሕበራዊ ምስግጋርን!





**ሓሳባት**

# "ቀንዲ ጸላኢና **ኤርትራዊ ሃገራውነት**'ዩ"

## ጉዳም ስማዕ!

**ስምኦን ወልደሚካኤል**

ኣብ ኣጋ መወዳእታ ቀዳማይ ወርሒ ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ብመራሒኦም "ዝበለጸ ኣእምሮ ናይ ትግራይና" ተባሂሎም ዝተገልጹ፡ ዝተፈላለየ ጽሩራ ኣካዳምያዊ ማዕርግ ዘለዎም ምሁራት ዋዕላ ኣካይዶም ነይሮም። ዘተ ምሁራት መገዲ ሓቅን ዕርቅን ክጸርግ፡ ነቲ ብትኪ ኩናትን ፕሮፖጋንዳን ተዓብሊኹ ምብራህ ዝኣበዮ ዞብርህ ብርሃን ክጽርግ፡ ኣል መገዲ ሓዲጉ ናብ ቀንዲ ከተኩር፡ ካብ ስምዒትን ግጉይ ግንዛበን ወጺኡ ስነ-ሞጎታዊ ክትዓት ከካይድ ኢኻ ትጽበዮ። እዚ ግን ኑቶም ካብ ሓቀኛ ክዉንነት ሕብረተሰቦም ሃዲሞም ኣብ ናይ ሕልሚ ግንቢ ተሸጕጦም ዓዘር- ቀጀር ዝብሉ ምሁራትን ሰበ-ስልጣንን ትግራይ ኣይንታዮምን እዩ። ንሕብረተሰቦም ጥር ትብል ፍታሕ ኣምጺኦም ዘይፈልጡ፡ ቅኑዕ ምህሮ ዘይምህሩ፡ ጸላእቲ ኣብ ምፍጣርን ነገር ምስዋርን ቀዳሞት ዝወጹ ምሁራት፡ ከምቲ በየነ ሃይለ "ኩዳኖም የጽርዩ መንገዲ ሰብ ግን የርስሑ" ኢሉ ዝገለጾም ቀለም ቀመሳት እዮም።

ንምድሪ ቤት ትግራይ ዘጋዕዘየ ርስሓት ንምጽራይ መኾስተር ከልዕሉ ዘይተግሁ፡ ብዛዕባ ኤርትራ፡ ህዝባን ሃገራውነታን ክዛተዩ ምእካቦም ንተዓዛቢ ዘርመመ'ዩ። እቲ ረሚስዎም ዘሎ ሕማም ኑብሶም ንምፍዋስ ኣብ ክንዲ ምዝታይ ንኤርትራዊ ሃገራውነት ካብ ሱሩ ንምምሓው ክግበር ዘለዎ ነፋስ ሓሳብ ኣቕሪቦም። ሓደ ካብቶም ምሁራት፡ "ብኣውራኡ ኤርትራዊ ሃገራውነት'ዩ ጸላኢ ህዝቢ ትግራይ" ክብል ሓድሽ ጸላኢ ንህዝቢ ትግራይ ኣበርኪተሉ። ኤርትራ ዝግደሱላን ኩለንታናኦም ዝሀብዋን እኹላት ዜጋታት ከም ዘለዉዋ ዘይፈለጠ ካልእ ከኣ "I don't care about Eritrea" (ብዛዕባ ኤርትራ ኣይግድሰንን'ዩ) ክብል መልሓሱ ኣጸይፍ ኣቢሉ ርእይቶኡ ሂቡ። ካልእ ከኣ ትቕብል ኣቢሉ "ኤርትራ 4 ሚልዮን ህዝቢ ከም ዘይብላ ኣጸቢቓ ይፈልጥ'የ" ብምባል ስነ ህዝባዊ ትንታነ ኣቕሪቡ። ካልእ ድማ "እቶም ካብ ቦጦሎኒ ንታሕቲ ዘለዉ ነቲ ስርዓትን ነታ ሃገርን ክከላኸሉ ኣይክእሉን'ዮም" በለ። ብዛዕባ ትግራይ ክትዝቲ ተኣኪብካ ብዛዕባ ኤርትራ ዓጀው ምባል ንትግራይ እንታይ'ዩ ዝዓብሰላ? ብዛዕባ ሕውየትን ዳግመ-ህንጸትን ናይ'ታ ብሰንኪ ዕሙትን ዕቡይን መሪሕነት ዝዓነወት ክልል ክትዛተ ተኣኪብካ ጽልእን ቅርሕትን ምስዋር'ከ? ምህሮ ናይ'ዞም ኣእምሮ ሕብረተሰብ ብጽልኢ መሪዝካ ንምድንዛዝ ዝእከቡን ዝፍንጥሑን ክፍተሽ ዘለዎ'ዩ።

ኣብ ገዛኻ ኣራጢጡ ብዛዕባ ዘሎ ውሽጣዊ ሽግር ዘሊልካ ብዛዕባ ኤርትራ ከም ህዝቢ፡ ከም ሃገር፡ ከም መንነት፡ ከም ፖለቲካዊ ሓይሊ ወዘተ. ምትንታን ምእካብ ነታ ሕፍረታ ብቑልዑ መሬት ክትሸፍን ላሕ እትብል ጽንብላሊዕ ዘመሳስል'ዩ። ህዝቢ ዝጽበዮ ተራ ካብ ምጽዋት ዘልጣጥ ኢልካ ኣብ ህውቱት ክትዕ ተሸሚምካ ዕሸነትካ፡ ዕንዛዞኻን ጭካነኻን ናብ ቃልዕ ምውጻእ'ዩ። ቅድሚ ሕጂ 'መንግስቲ ኤርትራ/ ሻዕብያ እምበር ህዝቢ ኤርትራ ጸላኢና ኣይኮነን' ተባሂሉ ልቢ ዘይበልዕ ጨለ መደረታት ሰሚዕና ኢና። ህዝቢ ኤርትራ ንመደረ ናይ ሓሶት ሕውነት እዝኒ ከይሃበ ምስ መንግስቱን ሰራዊቱን ተወሃሂዱ ግባሩ ምስ ገበረ ኸኣ "ኩሎም ሻዕብያ እዮም" ብምባል፡ ንህዝብን መንግስትን ሰራዊትን ኤርትራ ኣልሚሙ ዝዞብጥ ናይ ጽልእን ጸለመን ዘመተ ተኻይዱ። ሕጂ ኸኣ "ኤርትራዊ ሃገራውነት እምበር ህዝቢ ኤርትራ ጸላኢና እዩ ኣይበልናን፣ ጸላኢና እቲ ኤርትራውያን ዝዓበይሉ፡ ዝተሃነጹሉ እዩ" ይበሃል ኣሎ። ኤርትራዊ መንፈስን መንነትን ከም ቀዳማይ ጸላኢ ሰሪዖም ንምጥፍኡ ኸኣ ደረቕ ሓይልን ስዉር ሽርሒን ኣላፊኖም ዝከኣሎም ከም ዝገበሩ ምስጢር ኣይኮነን።

ኤርትራ፡ 'ኣነ ኤርትራዊ እየ' ዝብል ህዝቢ ዝነበራ ወይ ሃገረይ ዝብላ ሃገር እያ። ኤርትራዊ

ሃገራውነት/ሃገራዊ መንነት ከኣ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ዝብጽሖ፡ ልዕሊ ኹሉ ካልእ መለለዪ (ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ቀቢላዊ) ጾብለል ዝበለ መንነት'ዩ። ኤርትራውያን ንስለ መንነቶም (ኤርትራውነት) ክሳብ መስዋእቲ ንምኽፋል ዘርኣይዎ ቅሩብነት መግለጺ ዕግበቶም እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ክበሃል እንከሎ ኸኣ ምስ ሃገሩ ኤርትራ ስምዒታዊ ምትእስሳር ዘለዎ፡ ብሃገራዊ መንነቱ ዝኾርዕ፡ ንመንነቱ ኣካል ንስነቱ ዝገበረ ህዝቢ'ዩ። ኤርትራውነት ብታሴራ ዝምስከር መንነት ኣይኮነን። እቲ ኤርትራዊ ወጅሂ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ጎሊሖ ስለ ዝርኣ፡ ንምልላዩ ዝጽገም የለን።

ህላወን ደረጃ ምዕባለን ኤርትራዊ ሃገራውነት ህያው ብምዃኑ ብንጽገት ናይ ከሓድቲ ዝጎድሎ የብሉን። ህላወኡ ንዘረጋግጽ ነገር ብሰንኪ ድንቁርናኻ ወይ ትዕቢትካ እንተ ዘይረኣኻዮ ህልውና ኣይስእንን'ዩ። ንደጉሒ ኤርትራዊ ሃገራውነት ምጽዋር ስኢኑ ሰምሰም እናበለ "መሰረት ዘይብሉ፡ ዘይበሰለ" ዝብል መግለጺ ክህብ ዝደፍር ሰብ ዝተዓመተ ዕዉር'ዩ። ኤርትራውነት ከም መንነት ኣፍልጦ ወይ ተቐባልነት ናይ ካልኦት ዝጽበ መንነት ኣይኮነን። ኤርትራውያን ብመንነቶም ዕግበት ስለ ዘለዎም ንዝሓለፈ ታሪኻዊ ጉዕዞ ደምሲሶም ዘማዕድውዎ ሓዲሽ መንነት የለን። ሕሉፍን መጻእን ዘለዎ መንነት ከም ጻህያይ መንቀሰካ ዝድርበ ዝመስሎም የውሃት ንሕሉፍ ምግዕዛይን ንመጻኢ ንምጽልማትን ላዕልን ታሕትን እንተ በሉ ሞሳ ዘይርከቦ ጻዕሪ'ዩ። ብኤርትራውነት ተሓቝፎም ዘለዉ ዜጋታት ኣብ ንሓድሕዶም ዘለዎም ዝምድናታት ስጡም ምዃኑ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ተመስኪሩ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንመንነት ዝጉራብቱዎም ህዝብታት የኽብርሎም እምበር፡ ቀኒኦሎም ኣይፈልጥን። ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ህዝቢ፡ ዘርኢ ወይ ዓሌት ጸብጺቡ "ንዑ ንስኹም ምሳይ ኩኑ" ኢሉ ንኻልኦት ኣይዕድምን'ዩ፣ "ኣነ ምሳኹም ክኸውን" ኢሉ'ውን ኣይምሕጸንን'ዩ። ሃገራዊ፡ ምስ ሃገሩን ደቂ ሃገሩን ዕጉብ'ዩ። ብኣንጻሩ፡ ደረጃ ኣተሓሳስባኡ ካብ ብሄር ዘይሰገረ ሰብ ንኑብሱ ብመንጽር ካልኦት ናይ ምድራጅ ዝንባለ ስለ ዘለዎ ተታኻቢ ባህሪ ኣለዎ።

ድምቀት ኤርትራውያን ካብቲ ምዕሩግ መንነቶም እዩ ዝምንጩ። ሃሳሳት ዘይምዃንና፡ ብዙሓት ብዓይኒ ቅንእን ሕሳደን ክርእዩና ገይሩ'ዩ። ንጸላእትና ደስ ከነብል ኢልና ግን ነቲ ድምቀት ዝሃበና መንነት ደርቢና፡ ሃሳሳት ኣይንኸውንን ኢና። ሓደ ክፍለጥ ዘለዎ ነገር ግን ኤርትራውያን ንኻልኦት ኣህሲስና ዝደመቕና ህዝቢ ኣይኮንናን፣ ንኻልኦት ዝግባእ ዝነበረ ድምቀት'ውን ኣይመንጠልናን። ስለዚ እቲ ኹሉ ድቀት፡ ህሰት፡ ቃንዛ ናይ መንነት ዝሰምዖ ዘሎ'ሞ 'ጸላኢና ኤርትራዊ ሃገራውነት እዩ' ኢሉ ንምቕታሉ ወይ ንምቅላሉ ሃተፍተፍ ዝብል ናብ ልቡ ክምለስ ንምሕጸኖ።

ኣይብሄራዊ ኣይሃገራዊ መንነ ሞንነ መንነት ዝሓዙ ሰባት፡ ብመንነቶም ኲርዓት ዝሰምዖም ህዝቢ ክርእዩ ኣይደልዩን እዮም። መንነቶም ዝጠሓለ ወገናት "ንኤርትራዊ ኩርዓት፡ ንኤርትራዊ መንነት ክንሰብሮ ኢና" ዝብል ሓሳብ ንምስማር፡ ንዓመታት ሓኹ ክብሉ ጸኒሖም እዮም። ትሕልንቲ ናይ'ቲ ዝተኻየደ እኩይ ውዲት ብዘየገድስ ኣብዚ እዋን እቲ ዝፈርሰ ፈሪሱ፡ እቲ ዝቕጽል ከኣ ይቕጽል ኣሎ። ኤርትራውነት ንሕልሚ ጸላእቱ ኣጥሒሉ ጸንበለል ዝብል ጎብለል መንነት ምዃኑ ንኹሉ ብሩህ ኮይኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣንጻሩ ምስላፍ ሞትካ ምቅልጣፍ ጥራይ እዩ ዝኸውን።

እዚም ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት'ዩ ጸላኢና ዝብሉ ወገናት፡ ዝፈረሰት ኤርትራ ንምርኣይ ካብ ዝምነዩ ስለምንታይ እዮም ስልጥንትን ርግእትን ዓዲ ክትህልዎም ዘይምነዩ? ናይ ትግራይ ሰበስልጣንን ምሁራትን፡ ህዝቢ ትግራይ ካብ ናይ ገዛእ ርእሱ ህንጸት ክርኢ ሃረር ዝብል ንላዕሊ፡ ዝዓነወትን ዝፈረሰት ኤርትራ ክርኢ ሃረር ከም ዝብል ንምግባሩ ንዓመታት ክንስንስዎ ዝጸንሑ መርዚ ይቕጽልሉ ኣለዉ። ብዛዕባ ኑብሱ ጽቡቕ ምምናይ ገዲፉ፡ ብዛዕባ ክፉእ ርኽብ ናይ ጎረቤቱ ዝሓስብ ሕብረተሰብ ክሃንጹ ዝመረጽሉ ምኽንያት ሓደ ጥዑይ ኣእምሮ ክግምቶ ዝኽእል ኣይኮነን። በጨቕታ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጦም ኮይኑ ዘናውጾም ዘሎ ማዕበል ናይ ቅንኢ፡ ሕሳደን ብስጭትን'ዩ ኢልካ ምሕላፉ ይሓይሽ። "ንኤርትራ ከየፍረስና ዓድና ኣይንሃንጽን ኢና"፡ ዝብል ኣተሓሳስባ ናይ ጥዑያት ኣይኮነን።

ኣብ እዋን መግዛእትን ድሕሪኡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኻየደ ግፍዕታት፡ እቲ ዕላማኡ ንኤርትራዊ ኣካል ንምህሳይ ኣይኮነን። ቀንዲ ዕላማኡ ነቲ ኣብ ኑብሱ ሰሪጹ ዘሎ መንነት/መንፈስ ንምቕታል'ዩ። እቲ ህዝቢ "ኤርትራዊ ብምዃነይ'የ እዚ ዝረክብ ዘለኹ" ኢሉ መንነቱ ክድርቢ፡

ፍሉይነቱ ገዲፉ ምስኣም ተዳዊሱ ንሳቶም ክኸውን፡ ምኹራዕ ገዲፉ ደናኒ ክኸውን'ዩ ዕላማኦም። ነዚ ዕላማ ንምውቃዕ "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ተባሂሉ ተቐቲሉ፡ ነዲዱ፡ ተሰዲዱ። ድሕሪኡ "ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ኣይበለናን" ተባሂሉ ተዘሚቱ፡ ተኻላቢቱ፡ ተባሪሩ። እዚ ኹሉ፡ ነቲ ህዝብን ነቲ መንነትን መሊሱ ኣድሚቕዎ። ድሕሪኡ "ሓውና ኢኻ፡ ዝፈለ የብልናን ኣሕዋት ኢና" እናበልካ ሓዊ ምድርባይ፡ ዓይኒ ምንቛር መጺኡ፣ ሕጂ'ውን በቲ ናይ ሓሶት ናይ ሕውነት ስብከት ዝሕበል ተሳኢኑ። ነዚ ዘሰኒ "ሻዕብያ እምበር፡ እቲ ህዝቢ ጸላኢና ኣይኮነን" ተባሂሉ። ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ሰራዊትን ኤርትራ ዘሎ ስጥመት ፈቓቕ ከም ዘይብሉ ምስ ተራእየ ኸኣ፡ "ኩሎም ሻዕብያ፡ ኩሎም ጸላእትና" ተባሂሉ። ሕጂ ኸኣ "ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት" እዩ ጸላኢና፡ "እዚ መንነት'ዚ ኣብ ልዕሊ መቓብርና ዝተተኽለ'ዩ" ኢልካ ፈራስ ምጉት ኣልዒልካ ክዝረብ ንሰምዕ ኣሎና።


መንፈሱ ዝተሳዕረ፡ ርእሰ-ምትእምማን ዘይብሉ ሰብ ናይ ፈተውቲ ዝርዝር የብሉን። ኣብ ክንዳኡ ነዊሕ ሊስታ ናይ ጸላእቲ ኣለዎ። ኮሪዑ ክኸይድ ንዝረኣየ ብዘይ ምኽንያት ክጸልእ ይኽእል። ብጠንቀምቀሙ ወዲቑ ክንሱ ንኹሉ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ክወቅስ ኢዱ የወጣውጥ፣ "ብሰንኪ እዚኦም" ብምባል ዝዕገስ ዝተበሳጨወ ኣእምሮ ኸኣ ኣለዎ። እዞም ዝንቡዕ ኣስተምህሮን ምኽርን ዝህቡ ዘለዉ ተበለጽቲ፡ ነቲ ምስኪን ህዝቢ መንነቱ ከማዕብል፡ በሰላኡ ከሐዊ፡ ካብቲ ዝወደቖ ክትንስእ ዝሕግዞ ኣስተምህሮ ከይህብዎ ሕኒን ክብል፡ ሓዘኑ ከይዓጹ፡ ክጸልእን ክጻላእን ይገብርዎ ኣለዉ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ከም ውጥን ጸላእቱ ክሕከኽ ተፈሪዱ'ዩ። እዚ መንነት'ዚ ክሰርር ዝኸኣለ ብሰናይ ድሌት ናይ ጸላእቱ ዘይኮነስ፡ ብቱኩርነትን መስዋእትነትን ናይ'ቶም ዝሕለቕሉ፡ ዝኾርዑሉን ዘኽብርዎን እዩ። "ጸላኢና ኤርትራዊ ሃገራውነት'ዩ" ኢሎም እንታይ እዮም ክገብሩ? ቀንጢጦም ከይወስድዎ ኸኣ ካብኦም ተለቂሕና ዝተወንዘፍናዮ ነጸላ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ዝርኩብ እምበር፡ ኣብ ዝባን ዝተረቅዐ ወይ ዝተለጠፈ መንነት ኣይኮነን። ነዚ ስምዒት'ዚ ኣብ ደረጃ ሃገርን ሃገራውነትን ዝበጽሐ ህዝቢ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ። ሓደ ደረጃ ኣተሓሳስባኡ ካብ ደረጃ ብሄር ፈልከት ዘይበለ "ብሄራዊ" ዝኾነ ሰብ፡ "ሃገራውነት" እንታይ ከም ዝጥዕም ኣይፈልጦን'ዩ።

እዞም ንጸጉሪ ፈሊጾም ክፈናጭሉ ዝደልዩ ጉሓሉ ዕምሪ ኤርትራዊ መንነት ንምሕጻር ንኤርትራዊ ሃገራውነት ከም ህዝባዊ ግንባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብሓይሊ ዝጸዓና "ኣፕሊኬሽን" ገይሮም ከቕርብዎ ይፍትኑ እዮም። እዚ ብቐንዱ፡ ህዝባዊ ግንባር ውጽኢት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ካብ ዘይምፍላጥ ዝመጸ እዩ። ህዝባዊ ግንባር፡ ኤርትራውያን ተወዲብና ቁምነገር ዝገበርናሉ፡ ገጢምና ጸላእትና ዝሰዓርናሉ፡ ቀርጺ ዝሓዝናሉ፡ ራእይና ዘንጸርናሉን፡ ጽሕፍቶና ባዕልና ዝጸሓፍናሉን መድረኽ ዝኸፈተ'ዩ። ካብቲ ዝተወሰነልና ወጺእና፡ ከምቲ ንደልዮ ንምዃን ኣብ ዘካየድናዮ ቃልሲ ተራ ህዝባዊ ግንባር ልዑልን ወሳንን'ዩ። ድሕሪ ናጽነት'ውን፡ ከም ፖለቲካዊ ሓይሊ ንባዕሉ ተሳጊሩ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ ኣሳጊሩ። ስለዚ እቶም ክንብተን ሓይልና ክመናናህን ዝደልዩ ጸላእትና ኣንጻር ህዝባዊ ግንባርን ውዳቤኡን እንተ ሰርሑ ቅኑዕ ምርጫ እዮም ወሲዶም።

ኣብ መወዳእታ ኤርትራ ካልኦት ብዝብልዎ ዝውሰን ዕጫ የብላን። ነትጉ ናይ'ቲ ቀድሚ ሕጂ ዝተጠጅአ ጽልኢ ዘውረዶ ዕንወት ብሓድሽ ካልእ ጽልኢ ምጥጃእ ግን ነቶም ጠጃእቱ'ውን ስለ ዘይጠቅም ቅኒት ኣስተምህሮኹም ቀይሩ። ኤርትራ ብናይ ገዛእ ርእሳ ፍጥነትን ኣካውናን እትግስግስ፡ ዋናታት ዘለዉዋ ሃገር'ያ። ብዛዕባኣ ኣይትሕሰቡ፣ እንተ ኽኢልኩም ነታ ዝፈረሰት ቤትኩም ህነጹ።








# ኤርትራ ኣብ መቓን
# ህሉው ዓለማዊ ስርዓት

*ሚርያም ዮሴፍ & ኣብርሃም በረኸት*

*መዛግብቲ ታሪኽ ከም ዘጽርዎ፡ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ምስ ምዕባይን ምስፍሕፋሕን ዝተፈላለየ ዓለማዊ ስርዓታት፡ ብብእዋኑ ዝተራእየ ዓበይቲ ፍጻመታት ነይሩን ኣሎን። ኣብ ኤውሮጳን ዓለምን ናይ ፈለማ ዝዓበየ ዓለማዊ ክስተት ተባሂሉ ዝጥቀስ እቲ ብቐዳማይ ኩናት ዓለም ዝፍለጥ፡ ካብ 1914 ክሳዕ 1918 ዝቐጸለ ኩናት'ዩ። እዚ ኽስተት'ዚ፡ ክሳዕ 70 ሚልዮን ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሰብ ዘካተተ፡ ህይወት ልዕሊ ትሽዓተ ሚልዮን ወተሃደራትን ሸውዓተ ሚልዮን በርጌስን ዝቐዘፈ ብምንባሩ፡ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ኣዝዩ ኣስካሕካሒ ዝኾነ ፍጻመ ኾይኑ፡ ነቲ ድሒሩ ዝሰዓበ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ለውጥታት ድማ መገዲ ዝኸፈተ ምንባሩ ይእመን።*

*እቲ ድሒሩ ዝተኸስተ ካልእ ዝዓበየ ዓለማዊ ክስተት ድማ እቲ ብኻልኣይ ኩናት ዓለም ዝፍለጥ ካብ 1935 ክሳዕ 1945 ዝተኻየደ ሓያሎ ሃገራት ዘካተተ ኣብ መንጎ ሓይልታት ልፍንትትን ኣክሲስን ዝተኻየደ መሪር ኩናት እዩ። እዚ፡ ናቱ ሓድሽ ፖለቲካዊ መዋቕር ሒዙ ዝመጽአ ኾይኑ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ክልተ ሓያሎቲ ዓለማዊ ደንበታት ወይ'ውን ስነ-ሓሳብ ንኽፍጠር ደሪኹ። እዚ እቲ ንልዕሊ 43 ዓመታት ዝቐጸለ ብዝሑል ኩናት ዝፍለጥ መድረኽ እዩ።*

*መድረኽ ዝሑል ኩናት፡ ኣብ መንጎ እተን ድሒረን ጉባልል ካልኣይ ኩናት ዓለም ኮይነን ዝወጽኣ ሓያላን ሃገራት ዝነበረ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ወጥሪ ዝነበሮ ናይ ደምበታት ምትፍናን'ዩ። እዚ ኣብ መንጎ እቲ ብሕብረት ሶቭየት ዝምራሕ ምብራቓዊ ደምበን ኣብ መንጎ እቲ ብኣመሪካ ዝምራሕ ምዕራባዊ ደምበን ዝነበረ ኾይኑ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ ናይ 20 ክፍለ-ዘመን ማለት ካብ 1947 ክሳዕ 1990 ምስ ምብትታን ሕብረት ሶቭየት ዝነበረ ግዜ ዝሸፍን እዩ።*

*ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ኣመሪካ እትኽተሎ ዝነበረት ፖሊሲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘለዋ ተኣማንነት ምዕባይ፡ ነቲ ሕብረት ሶቭየት ዝነበራ ጽልዋ ድማ ምድኻም ኮይኑ፡ ካልኦት ሃገራት ብሕብረት ሶቭየት ክወርደን ንዘኽእል ጉድኣት ብምሉእ ዓቕማ ንምክልኻል ዝሕልን ዝነበረ'ዩ።*

*እቲ ቐዳማይ ገጽ ናይ ዝሑል ኩናት፡ ኣብ ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝጀመረ ነበረ። ሕብረት ሶቭየት ኣብ ምብራቓዊ ደምበ ዝነበራ ግዝኣት ብዕቱብን ጽኑዕን መልክዕ ድሕሪ ምሓዛ፡ ኣመሪካ ድማ ብወገና ንሕብረት ሶቭየት ንምብዳህን ንዓለም ንምቁጽጻርን (global containment) ዝዓለመ ስትራተጂኣ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ብዘሓየለ መልክዑ ክትሰርሓሉ ጀመረት። በዚ መሰረት ነተን ንዴሳዊ ስነ-ሓሳብ ዝቃወማ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብ ዝተፈላለየ ፋይናንሳውን ወተሃደራውን ደገፋት ብምግባር፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝነበራ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ኩተዕበን ኩተስፋሕፍሕን ተራእየት። ከም ውጽኢቱ፡ እቲ ብኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ-ኔቶ ዝፍለጥ ልፍንቲ ኣቘመት። ብተወሳኺ፡ ሕብረት ሶቭየትን ኣመሪካን ኣብ ላቲን ኣመሪካ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ካብ ምዕራባዊ መግዛእቲ ሓራ ወጺኣን ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃን ኤስያን ዝነበረን ጽልዋ ኣብ ምስፍሕፋሕ'ውን ከቢድ ጻዕርታት ዘርኣያሉ መድረኽ እዩ ኔሩ። እዚ ብብእዋኑ እናዓበየ ዝመጽአ ምስፍሕፋሕ፡ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነት መመሊሱ ኩብእሶን ካልእ ግርጭታት ክፈጥርን ጀመረ።*

*ኣብ 1991፡ ዴሳዊ ሰልፊ ሕብረት ሶቭየት ጽልዋኡ እናንቈልቈለን ዝነበሮ ናይ ምቊጽጻር ዓቕሚ እናጥፍኣን መጽአ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ታሕሳስ 1991 ወግዓዊ ዝኾነ ምብትታን ናይ ሕብረት ሶቭየት ኣኸተለ። ኣብ መንጎሊያ፡ ካምቦድያ፡ ደቡብ የመን ዝነበረ ዴሳዊ ሰልፍታት'ውን ብተመሳሳሊ ወደቐ። ኣብዚ መድረኽ ድማ ኣመሪካ ኣብ ዓለም እታ እንኮ ርእሰ ሓያላን ሃገራት ክትከውን በቐዐት። መድረኽ ዝሑል ኩናትን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝመጽአ ፍጻመታትን ኣብ ዓለማዊ ታሪኽ ዓቢ ስንብራት ዝገደፈ እዩ። ከቢድ ዝኾነ ኑክሌሳዊ ምትፍናን ዝነበሮ ብምንባሩ ድማ ካብቲ ኣቐዲሙ ኣብ ታሪኽ ዝተራእየ ኣዕናዊ ዓለማዊ ውግኣት ዝኸፍአ ሳዕቤን ከየኸትል ዝተሰግኣሉ መድረኽ ምንባሩ'ውን ይዝከር።*

*ድሕሪ እዚ ዝተጠቕሰ ዓበይቲ ፍጻመታት፡ ነቲ ኣቐዲሙ ተኸሲቱ ዝነበረ ክልተ ቀጽራዊ ስርዓት ብምኽታም ናብ እንኮ ቀጠባዊ ስርዓት ክሰጋገር ኣኽኣሉ። እዚ ሕጂ ዘለናዮ ዓለማዊ ኩነታት እምበኣር፡ እቲ ድሕሪ 1991 ዝቘመ ብዓብላልነት ኣመሪካ ዝልለ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት እዩ። ኣብዚ፡ ሓደ ኣገዳሲ ናይ ቀጠባ ኣምር ምውካስ ኣገዳሲ ይኸውን። እዚ፡ እቲ ካብ 17 ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ተፈላጥነት ክረክብ ዝጀመረን ኣብ 1750ታት ድሕሪ እቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክኽሰት ዝጀመረ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝተቐልቀለ ርእሰ-ማላዊ ቀጠባዊ ስነ-ሓሳብ እዩ። እዚ፡ እቲ ቀጠባዊ መዳይ ናይ'ቲ ብሊበራላውነት ዝፍለጥ ምዕራባዊ ስነ-ሓሳብ እዩ። ርእሰ-ማላዊ ሕብረተሰብ ኣብ ታሪኽ ካብ ዝኽሰት ኣትሒዙ መልክዑ ዝቐያየረ'ኳ እንተኾነ፡ ብውሽጢ ኣብ ናይቲ ዝበዝሐ ሰራሕተኛ ህዝብን ማእከሎት ደረጃ መኃብርዎ ዝነበሮም ክፋል ሕብረተሰብን ዘይፍትሓዊ*

ቀኊጠባዊ፡ ፖለቲካውን ባህላውን ምግላልን ተዛማዲ ድኽነትን ስእነትን ኣኸቲሉ'ዩ። ንመብዛሕትኡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበረ ህዝብታት ዓለም ድማ ጠንቂ ሕሉፍ ድኽነትንን ወጽዓን ኮይኑ እዩ።

እዚ ቀኊጠባዊ ስርዓት፡ ዝተፈላለየ ብድህሪታት ክገጥሞ ምስ ጀመረ፡ ንእኡ ንምድሓን ዝተጉበረ ፈተነ ኑቲ መግዛእቲ ብተዛዋዋሪ መገዲ ንምቕጻልን ሓድሽ ሊብራልነት (neo-liberalism) ዝብል ኣምር ተቐልቀለ። ቀንዲ መለለዩ ናይ'ዚ ስርዓት-ቀኊጠባ እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ንረብሓ ገዛእ ርእሰን ክሰብኮሉ ዝረኣያ ምዕባይ ናጻ ዕዳጋን ብሕታዊ ጽላታትን፡ ምድራት ወጻኢታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ምእላይ ቀኊጽጽራትን ሕጋጋትን ዕዳጋ ወዘተ. ዘጠቓለለ እዩ። እዚ ሓድሽ ኣገባብ ምዝመዛ፡ ርእሰ ማልነት ኣብ ደረጃ በይነ-ዕብለላ በጺሑ ናብ ውድቀት ገጹ ምስ ኣምርሐ ዝመሃዘዎ ሓድሽ መግዛእታዊ ሜላ እዩ።

ኣብዚ ክንግንዘቦ ዘሎና ሓደ ሓቂ እንተ ሃልዩ እምበኣር፡ ኑቲ ዝተኸሰተ ሓዲሽ ዓለማዊ ስርዓት ናይ ምምስራት ጥሙሕን እተኸተልዎ መትከላትን፡ ንምርግጋጽ ዓብላልነት ምዕራባዊ ቀኊጠባ ዘንጸባርቕ ምኽኑ ኣዝዩ ግሁድ እዩ። እዚ ስርዓት፡ ዋላ'ኳ በዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ተመስሪቱ እንተ ኾነ፡ ኣብ ዓለም ብዘኸሰት ዘሎ ዝተፈላለየ ፖለቲካውን ቀኊጠባውን ለውጥታት፡ ኣብቲ ዝጸንሐ ሚዛን ሓይሊ ዝህልዎም ዘሎ ጽልዋ ደው ኣይበለን። እዚ፡ ብሰንኪ ኣብቲ ግዜ ዝነበረ ዘይተመጣጠነ ቀኊጠባውን ተክኖሎጅያውን ምዕባለታት እዩ። እዚ እናኾነ ግና ንዝሓለፈ ዓመታት ዓውለማ ነዚ ዘሎ ዓለማዊ ስርዓት ብዝተፈላለየ ኣንፈት ገሲጋሱ ኣብ ምጽላው ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ክስተት ምንባሩ ይፍለጥ። በዚ መሰረት፡ እቲ ዝነበረ ቀኊጠባዊ ሓይሊ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናብቶን ኣብ ምምዕባል ዝነበራ ሃገራት ክዝዙ ዝተራእየሉ መድረኽ ክኸሰት ጀመረ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ምዕራብ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑዳት ብብእዋኑ ቀኊጠባዊ ዝሕታለታት ኪጋጥም ከሎ ብዘደንቕ ፍጥነት ድማ ከም ቻይናን ህንድን ዝኣመሰላ ሃገራት ኤስያ ዓቢ ቀኊጠባዊ ዕቤት እናመዝገባ መጽኣ። ከም ብራዚል፡ ሜክሲኮ፡ ማለዥያን ዝኣመሰላ ሃገራት'ውን ተመሳሳሊ ዕቤት ከንጸባርቓ ካብ ዝጀመራ ሃገራት እየን። ኣመሪካ፡ ነዚ ኣብ 1990 ኣብ መዳያት ተክኖሎጅያዊ፡ ፊናንሳዊ፡ ውተሃደራዊ፡ ስነፍልጠታውን ባህላውን ጽፍሕታት ከተንጸባርቖ ዝፈተነት ወፍሪ ብብዓዚኡ ዝተፈላለየ ብድህሪታት ክገጥሞ ጀመረ።።

እዚ እናኾነ ኣመሪካ ብስውርን ግሁድን መገዲ ኑቲ ዓለም ናይ ምግባት ስተራተጂኣ ንምዕዋት ካብ ምስራሕ ደው ኣይበለትን። ብፍላይ፡ ድሕሪ 2001 ንኣህጉራዊ ሕግታትን መሰል ልኡላውነት ሃገራትን ምሉእ ብምሉእ ምጥሓስ ናተይ ኢላ ክትተሓሓዞ ጀመረት። ኣይጸንሐን'ውን ኣብቲ ካብ 2006 ክሳዕ 2010 ዘጋጠመ ኣመሪካ ኣብ ዕምራ ካብ ዝረኣየቶ ዝዓበየ ፊናንሳውን ቀኊጠባውን ቅልውላው ኣጋጠማ። ኣብ ጉዕዞ ዘመናዊ ፖለቲካ ድማ ንመላእ ማሕበረሰብ ዓለም ሓደ ሓቂ እናተጋህደሉ ክምጽእ ጀመረ። ከምቲ ኣብ 1991 ዝተፈላለዩ ምዕራባውያን ፖለቲከኛታት ዝበልዎ፡ 'ታሪኽ ተወዲኡ እዩ…፡ ስነ-ሓሳብ ማሕበርነት ኣብቂዑ…፡ ደጊም ሊብራላዊ ዲሞክራሲ ከም ፖለቲካዊ ስርዓት ንርእሰ-ማልነት ድማ ከም ቀኊጠባዊ ስርዓት ዝስዕር የልቦን…' ዝበልዎ ዘይኮነ ኣመሪካን ንሳ እትኸተሎ ስነ-ሓሳብን ይንዋሕ ይሕጸር ኣብ ዓለማዊ ስርዓት ዘለዋ ላዕለዋይ ቦታ ምስ ግዜ እናተዳኸመ ከም ዝመጽእ ዝእምት ምንባሩ እዩ። ገና፡ ካብ 1990ታት ጀሚሩ፡ ኣመሪካ ክህልዋ ዝኽእል ጽልዋን ዕብለላን ምስ ግዜ እናተዳኸም ከም ዝመጽእ በንጻሩ ድማ ሚዛን ሓይሊ ናብ ብዙሐ-ቀጽርታት ከም ዝዝዙ ዝገልጹ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ትንተናታትን ትንቢታትን'ውን ነይሩ እዩ።

እቲ ክውንነት እዚ እናኾነ ኣመሪካ ኣብ ዓለማዊ መቓን ዘለዋ ቦታ ንምውሓስ ብዘይ ፍትሓውን ዓብላልን ዝኾነ መገዲ ክትቅልስ ጸኒሓ እያ። ዝተኸተለቶ ቀንዲ ስልትታት ድማ ንረብሓታታ ብዝጥባእ ዘገልግልን ዝምችእን ዝበለቶ ሕግታት ምንዳፍን፡ ንዕላማታታ ዘገልግላ ኣህጉራውያን ትካላት ምድንፋዕን ነይሩ። ሓደ ዓለማዊ ስርዓት ንነዊሕ እዋን ብዘላቕነት ክኸይድ ኩተኽእሎ ቀሊል መስርሕ ኣይኮነን። ከምቲ ኣብ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ጽሑፋት ሰፊሩ ዘሎ፡ ምውዳቕ ናይ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሓይልታት፡ ምትንሳእ ናይቶም ካልኦት ተወዳደርቲ ሓይልታት ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኑቲ ከኑት ንነዊሕ ግዜ ብዓብላልነት ክትቅልሶ ምፍታን ዝሓቶ ጸዓት'ውን ቀሊል ስለ ዘይኮነ እዩ። ብኸምዚ ንዝመጽእ ውድቀት ንምግታእ ድማ ኣመሪካ ሰለስተ ዓበይቲ ስልትታት ክትክተል ነይርዋ። እቲ ቀዳማይ፡ ዝነበራ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ምዕባይን፡ ብመገዲ ወተሃደራዊ ኪዳናት ዘለዋ ጽልዋ ድማ ምስፍሕፋሕን ዝብል እዩ። ካልኣይ፡ ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብን፡ ዓለማዊ ባንክን ዝኣመሰሉ ኣህጉራውያን ትካላት ብብምስራት ንመትከላታን ፖሊሲታታን ከም ዝዓዪ ምግባር



እዩ። እቲ ሳልሳይ ድማ ረብሓታታ ክሕልዋላ ምስ ዘኽእላ ሃገራት ድልዱል ናይ ሕሽሽኒ ኩላክኻ ዝምድና ምምስራት ዝብል እዩ ነይሩ። ብሽምዚ ዝበለ ሜላታት ድማ ኣመሪካ፡ ብዘወሓደ ግና ከኣ ዝተራቐቐ ስልትታት ዝሓቘፈ ስትራተጂ፡ ካልኦት ሃገራት ኑቲ ንሳ ዝሃነጸቶን ክህሉ እትደልዮን ዓለማዊ ስርዓት ኣብ ምድጋፍ ዓቢ ተራ ክጻወታ ብልሓት ፈጢረት።

ስነ-ሓሳብ ርእሰ-ማልነት ንምስራር ካብ ዝግበር ስጉምቲ፡ ብቐዳምነት ዝስራዕ ሜላ ናይ 'ዕብለላ' ስልቲ እዩ። እዚ ዓብላሊ ዝኾነ ሓይሊ ዝጻወቶ ቀንዲ ተራ፡ ኑቲ ስነ-ሓሳብ ኣብ ካልኦት ሃገራት ብምስራጽ ናብ ረብሓ ናተን ንምቕያር ዝዓለመ ኮይኑ፡ ነዚ ስነ-ሓሳብ ዝጻረር መርገጺ ዝውንና ሃገራት ድማ እንተስ ብጉነጽ እንተስ ብጠባሪ መንዲ፡ ስርዓት ናይ ምሓዝ ኣገባብ ዝጥቀም ስተራተጂ እዩ። ነዚ ሙብዛሕትኡ ግዜ ንረብሓ ናይተን ዓብለልቲ ሃገራት ጥራይ ዘገልግል ዓለማዊ ስርዓት ተጻረሪ መርገጺ ዘለወን ሃገራት ድማ ህላወአን ከረጋግጻ ካብተን ከቢድ ዋጋ ዝኸፍላ ሃገራት ናይ ምዃን ዕጫ ይገጥመን። ወግሐ ጸብሐ ናይ ጸለመ ሲያመን ፕሮፖጋንዳን ምንዛሕ፡ ብተደጋጋሚ ናይ እገዳ ጸቕጥታት ምንባር፡ ክሳዕ ኣብ ከቢድ ግርጭት ወይ ኲናት እናእተኻ ናይ ምድኻመን ኣገባብ ምጥቃም ከም ቀንዲ መሳርሒ ናይ ዕብለላ ስልቲ እዩ።

እዚ ስልቲ'ዚ፡ መለለዩ ናይዚ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እትጥቀመሉ ሜላ ጥራይ ኣይኮነን። ንዘሓለፈ ሓሙሽተ ዘመናት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ንርእሰ-ማልነት ህላውኡ ከውሕሰሉ ዝኸኣለ ኣገባብ'ውን እዩ። ኣብ ታሪኽ፡ ካብ 16ን 17ን ክፍለ ዘመን ጀሚርና ምስ እንውክስ፡ ርእሰ-ማልነት፡ ኣብ ዓለም ንዘሎ ጸጋታት ንምግባት ዝዓለመ ቀንዲ ፖሊሲ ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ። ኣብዚ ህሉው ዓለማዊ ክውንነት እንተ ረኣና'ውን እዚ ኣገባብ ኑቲ ኣብ መንጎ ሃብትን ሓይልን ወይ ፖለቲካዊ ስልጣንን ዘሎ ዝተጠናነገ ዝምድና ከም ቀንዲ መግለጺኡ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ናይ ምዝመዛ ሜላ እዩ። እዚ እንተስ ብሰናይ ፍቓድ ናይ ሃገራት ወይ'ውን ብሓይሊ ዝግበር መስርሕ ዕብለላ ምስ ዘይህሉ ርእሰ-ማልነት ከም ስነ-ሓሳብ ክሰረሉ ዝኽእል መገዲ የለን። ምኽንያቱ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ምንጪ ሃብቲ ናይ'ዘን ሃገራት ናይ ግዝኣ ርእሰን ጸጋታት ዘይኮነ፡ ናይ ካልኦት ሃብቲ ብምውራስ ጥራይ ክጭብጦ ዝኽእል ስለዝኾነ እዩ። ናይ ካልኦት ሃገራት ሃብቲ ክትወርስ ምኽኣል ድማ ኣቕሊልካ ዝረኣይ መስርሕ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ድማ ሙብዛሕትኡ ግዜ ብዝተራቐቐ ወይ ድማ ብጉነጻዊ መገዲ ጥራይ ክዉን ንምግባሩ ይሕልን። እዚ ድማ ንሚዛን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ርእሰ-ማላዊ ስርዓትን ሓደ ዝተሓላለኸን ዘይንጻጸልን ኣምር ከም ዝኸውን ይገብሮ። ኲናት ምስዋር፡ ምንጻል፡ ውተሃደራዊ ዕብለላን ጸለመን ምኽያድ ዝኣመሰለ መሳሪሒታት'ምበኣር፡ ካብ 16 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ክሳዕ እዚ እዋን'ዚ፡ ካብቶም መተካእታ ዘይብሉ ቀንዲ ናውቲ መሳርሒ ዕብለላ ናይቲ ስርዓት እዮም።

እቲ ካልእ ኣገዳሲ ስትራተጂ ዓብለልቲ ድማ ባህሊ ከም ሓደ መሳርሒ እናተጠቐምካ፡ ኣብ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣቃውማ ናይ'ተን ክምዝመዛ ዝድለያ ሃገራት ሓድሽ ዝኾነ መረዳእታን ንብርን ናይ ምስራጽ ኣገባብ እዩ። እዚ ብመገዲ ዝተፈላለያ ኣህጉራውያን ዘይመንግስታውያን ትካላት ግብራውነት ዝለብሰ እዩ። እዘን ብስም ሰብኣዊ ሓገዛት ወይ ካልእ ልምዓታዊ መደባት ኣቢለን፡ ኣብቲ ንረብሓአን ዘገልግል ዞባታት ወይ ሃገራት ምስ ተደኰና፡ ከም ቀንዲ መሳርሒ ናይቲ መዝምዝ ስርዓት ኮይነን የገልግላ። ብመንጸር ቀጥባ ክርአ ከሎ፡ እዘን ከም መልሕቕ ዘገልግላ ሃገራት፡ ከም ዓሰቢ ናይ ውዕለተን ብምዕራባውያን ሃገራት ኣብ ብዙሕ መዳያት ናይ ሓገዝ ወይ ደገፍ ዝያዳ ሓለፋ ይረኽባ ። እዚ ዝተባህለ ሜላ ክዉን ምስ ዘይከውን ግና ሃገራት ምዕራብ ብፍላይ ድማ ኣመሪካ ኣህጉራዊ ሕጊ ክሳዕ ምጥሓስ ዝበጽሕ ጉነጻዊ ስጉምቲ ብምኽያድ ዕማመን የሰላስላ። እዚ ኣብ ከም ኢራቕ፡ ኣፍጋኒስታንን ሶርያን ዝኣመሰላ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ዝተራእየ መስከሩለይ ዘየድልዮ ግሉሕ ኣብነት'ዩ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነት እምበኣር፡ እዚ ዝጸንሐ ዓለማዊ ስርዓት፡ ኣይኮነን ንኸም ብዓል ኤርትራ ዝኣመሰላ ነኣሽቱን ኣብ ምምዕባል ዝርከባን ሃገራት፡ ነተን ዓበይትን ሓያላንን ዝበሃላ ሃገራት ከይተረፈ ቡቲ ንረብሓ ምዕራብ ጥራይ ዘገልግል ስርዓት ክቕየዳ ዘገድድ ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። ኤርትራ፡ ኣብዚ እዋን ንእትጻወቶ ዘላ እወታዊ ተራ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ኣብዚ ግዙፍ ዓለማዊ መቓን ዘለዋ ድሕረ-ባይታን ጽልዋን ምርኣይ ኣዝዩ ኣገዳስን እዋናውን ዛዕባ ስለ ዝኾኑ፡ ምምልካቱ ክስገር ዘይግብኦ ክዉንነት እዩ።

ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ መጻኢ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኢጣልያ ዝነበራ ሃገራት ንምውሳን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጉባኤ ምኺያዱ ይፍለጥ። ኣብቲ መድረኽ ተረኺቡ ንዘይፍትሓዊ መርገጺ ኣመሪካ መደረ ዘቕረበ ናይ'ቲ ግዜ ጸሓፊ ወጻኢ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ - ጆን ፎስተር ዳላስ፡ ተመስሪቱ ዝነበረ ዓለማዊ ስርዓት ክሳዕ ክንደይ ንረብሓ ኣመሪካ ንምውሓስ ክሳዕ ንህዝብታት ገንሸል ዝጉብር ምንባሩ ዘጸረ'ዩ ነይሩ። "ኤርትራ፡ ናጽነት ዝግበኣ'ኳ እንተ ኾነ፡ ንስትራተጅያዊ ረብሓ ኣመሪካ ግና ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቀረን...." ዝብል ትሕዝቶ ዝነበሮ መደረ ጆን ፎስተር ዳላስ፡ ...ምግባት፡ ምዝራፍ፡ ምዝራግ፡ ድርብ ዕያር፡ ረብሓ ሓደ ሚእታዊት ወይ ንኣይ ቅድም ወይ ኣነ ቕድም... ዝሕመረቱ ገባቲ መንፈስ ዘንጸባረቐ'ዩ ዝነበረ። እዚ ካብ 1945 ክሳዕ ምፍራስ ሕብረት ሶቭየት ዝቐጸለ ዓለማዊ ስርዓት፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኣንጻር ናይ'ቲ ውዕል ቨርሳይለስ ዝጠልቦ፡ ብኽልቲኡ ደንበታት ታሪኻዊ ዝበሃል ዓመጽ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት በጺሕዎ'ዩ።

ውዕል ቨርሳይለስ ኣብ ሰነ 1919 ካብ ዝፍረም ንደሓር፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ቀንዲ ሕመረት ዓለማዊ ስርዓት ክኸውን ዝከበሮ ኾይኑ፡ ኣብ ባይታ ግና ንዝኾነ መልክዕ ፍትሓውነት ክውክልን ከንግስን ኣይከኣለን።

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ሰፊሕ መሬት ኤርትራ ተቘጻጺሩ፡ ሃገር ሓራ ኽውጽእ ኣብ ዝቃረበሉ ዝነበረ እዋን፡ ሕብረት ሶቭየት ነቲ የርብሓኒ ዝበሎ ስርዓት ደርጊ እልቢ ዘይብሉ ኣጽዋራትን ኣማኸርትን ብምዕጣቕ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ ንኽናዋሕን ህዝቢ ኤርትራ ዝያዳ ህይወት ክኸፍልን ኣደራዕ መግዛእታዊ ጭቈና ክሰክምን ኣገዲዱ።

ቅድሚ ስርዓት ደርጊ ዝነበረ ጨፍላቒ ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሰ'ውን ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እሙን ኣገልጋሊ ብምንባሩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝደለዮ ዓይነት ኢሰብኣዊ ግፍዕን ጭፍጨፋን ንኸካይድ ኵሉ ዓይነት ደገፍ ተገይርሉ እዩ። ጠንቂ ናይዚ ኹሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ኣደራዕን ካብ ንምንጋፍ ዝተኸፍለ ከቢድ ሰብኣዊ ዋጋን እቲ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ደምበታት ዝነበረ ምትፍናን'ዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ክልቲኦም ደምበታት ኣይጠቐሞን ጥራይ ዘይኮኑ፡ እናተበራረየ ኣድምይዎን ንፍጥነት ሰውራዊ ቓልሱ ኣደናጕዩዎን'ዩ።

ኣገዳሲ ክፋል ውዕል ቨርሳይለስ ተባሂሉ ዝግለጽ 'ድምጽኻ ናይ ምስማዕ መሰል' ቀዋሚ መንበር ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንዘለወን ሓሙሽተ ሃገራት ጥራይ ከርብሕ ምኽኣሉ ዝዓበየ መርኣያ ፍሽለት ዓለማዊ ስርዓታት ምኳኑ ርእሰ-ግሉጽ'ዩ።

ድሕሪ ምፍራስ ሕብረት ሶቭየት እቲ ተተፋናንን ዘይፍትሓውን ክልተ-ቀጽራዊ ኮይኑ ንነዊሕ እዋን ዝሰጕመ ስርዓታት ዘኽተመሉን ንእኡ ተኺቲሉ ድማ ኣመሪካ ጥራይ እትቐልሶ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ዝተፈጠረሉን ግዜ፡ ኤርትራ፡ ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ናጽነታ ተጐናጺፋ። ኤርትራ እምበኣር ኣብዚ ኣገዳሲ ዓለማዊ መድረኽ ዝተወልደት ሃገር'ያ።




ኤርትራ ዘለዋ ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣገዳስነትን ሰብኣዊ ዓቕማ ናይ ምርባሕ ጸጋኣን ኣብ ግምት ብምእታው ናጻ ኮይና ክትቀጽል ንረብሓ እቲ ክሳዕ እዚ እዋን ዝተራእየን ዘሎን ዓለማዊ ስርዓት ብፍጹም ተርብሕ ኣይኮነትን። እቲ ምኽንያት፡ ብርእሰ-ምርኮሳ ዝቐለሰን ልዑል ናይ ስራሕ፡ ምትግባር፡ ድስፕሊንን ዓቕምን ዘለዎ ህዝቢ እትውንን ኤርትራ፡ ዝኾነ ዕድል እንተ ተዋሂብዋ ንኻልኦት ኣብነት ክኸውን ዝኽእል ካብ ተመርኲስነት ናጻ ዝኾነ ቀጠባ ክትሃንጽ ከም እትኽእል፡ እዚ ድማ ኣብ ብዝበዛ ባህርያዊ ሃብቲ ድኻታት ሃገራት ንዝተመርከሰ ቀጠባ ቀለስቲ ዓለማዊ ስርዓታት ብፍጹም ስለ ዘየርብሕ እዩ።

ኤርትራ፡ ኣብ 1991 ናጽነታ ብቐልጽማ ድሕሪ ምርግጋጻ ክሳዕ 1997 ርጉእ ዝበሃል ናይ ህንጸት እዋን የሕሊፋ ክበሃል ዝከኣል'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ዝኸለፍ ንምግባሩ ዝተኻየደ ሽርሕታት ንኽዕወት ብጽልዋ እቲ ድሒሩ ዝተፈጥረ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ብኢደ ኣዙር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኩናት ከም ዝእወጅ ተገይሩ። እዚ፡ ነታ ንረብሓታት እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ፍጹም ዘይትኸውን ኤርትራ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ብልዑል ጸዓት ተበጊሳትሉ ዝነበረት እዋን ዝዓበየ ጸዓታ ናብ ምውሓስን ምክልኻልን ሃገር ንኸተቕንየ ኣገዲድዋ'ዩ። ስዒቡ ዝቐጸለን ክሳዕ እዚ እዋን ብዝተራቐቐ መዳዩ ዝፍተን ዘሎን ድማ መድረኽ ዝጋልሆ ዘየቋርጽ ናይ ምስይጣን ዘመተታትን ተኸታቲሉ ተጻብኦታትን እዩ። ካብ 1997 ክሳዕ እዚ ግዜ ዝተኻየደ እልቢ ዘይብሉ ሓንኳሊ ተግባራት እምበኣር፡ ምንጪን ምኽንያታቱን ንጕይትነትን ሃጸይትነትን እንኮ-ዓለማዊ ስርዓት ካብ ዘይምቕባልን ንፍትሓውነት ቀዳምነት ካብ ምሃብን ዝተበገሰ እዩ ክበሃል ይከኣል።

ኤርትራ፡ ካብ መግዛእታዊ ታሪኻ ጀሚራ ዘጥረየቶ ተመኩሮን ንቕሓትን፡ ንዓለማዊ ስርዓታት ብቐሊሉ ንኸይትንበርከኽን ብዓቕማ ፍትሓዊ ብዙሕ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንኽውደን ሰራሓን ትሰርሕ ኣላ። ኣብዚ ግዜ ዝርአ ዘሎ ኣዝዩ ቅልጡፍ ዝበሃል ምዕባለታት ብዝተፈላለየ መቓን ክርአ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ተራ ኤርትራ ኣብ ምውዳን ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ግና ዓቢ ኣፍልጦ ዝረኸበን ይመስል። ብመንጽር ዞባውን ክፍለ-ዓለማውን መዳዩ ዝርአ ዘሎ ንመሰልካን ፍትሓውነትን ብርእሰ-ተኣማንነት ናይ ምዝራብን ብተግባር ናይ ምዕያይን ተግባራት፡ ኤርትራ ብብዙሕ መዳዩ ካብ ዝጸለውቶ ምኳኑ ብዙሓት ተንተንቲ ይዛረቡ።

ኣብ ዞባና ካብ ዝተራእየ ዝዓበየ ተመኩሮ፡ ተራ እሙን ኣገልጋሊ ኣብ ምዕዋት ተልእኾታት እንኮ-ዓለማዊ ስርዓታት ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምኳኑ እዩ። ናይ ወያነ ተማእዛዝነት ኣብ ታሪኽ ዞባና ጥራይ ዘይኮነ፡ ወላ'ውን ዓለምና ተራእዩ ብዘይፈልጥ ደረጃ ዝወረደ ክሳዕ ዝኾነ፡ ነቲ ውድብ ህይወት ንምስኳዕ ክሳዕ መወዳእታ ዝተገበረ ናይ ቀቢጸ-ተስፋ ስጉምትታት ንጹር መረዳእታ'ዩ። ዓለማዊ ስርዓት ተግባራዊ ንክኸውን ጕይቶት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ቀንዲ እሙናት "እሺ" ብሃልትን ተማእዘዝትን ወገናት ኣመና የገድሱ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ናይ ዓለምና

ዘሎ ጽልዋ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት መሰረቱ ፋይናንስያዊ ትሕተ-ቅርጺ'ኳ ክበሃል ዝከኣል እንተ ኾነ፡ እሙናት ተማእዘዝቲ ሃገራት ቀንዲ ኣካላትን ኣተግበርትን እየን ኮይነን ጸኒሐን። ገለ ሃገራት'ውን ክሳዕ እዚ እዋን ብዘይ ቅድመ-ኩነት ተማእዛዝቲ ተን ብምርግጋጽ ይቕጽላ ምህላወን ዘገርም እዩ።

ንውሑዳት ሃገራት፡ ኮርፖረሽናትን ሰብ-ፍሉይ ረብሓን (ሓደ ሚእታዊት) ጥራይ ዘርብሕ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ክሳዕ'ዚ መድረኽ ዓቕምን ትብዓትን ክድልባ ብዘጸንሓ ነኣሽቱን ዓበይትን ሃገራት ኣብ ትዕዝብቲ ዝጸንሐ ኾይኑ፡ ኣብዚ ግዜ ንዘሎ ስርዓት ብሓድሽን ፍትሓውን ዝበሃል ቅርጺ ንምውዳን ዓበይቲ ተበግሶታት ይውሰድ ኣሎ። ቅልጡፍ ኩሉ-መዳያዊ ምዕባለ ቻይናን ሩሲያን፡ ምዕባይን ምድልዳልን ናይቲ ኣብ 2009 ዝተመስረተ ውድብ ብሪክስ፡ ከምኡ'ውን ንብዙሕ ብድሆታት ብምስጋር ድምጸን ጽልወአንን ከዕብያ ናይ ዝኸኣላ ናእሽቱ ሃገራት ከም ደወል ንምምስራት ብዙሐ-ቀጽራዊ ፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል።

'ዝደቀሰ ድራጎን ኣይተተስእ' ዝብል ዘረባ፡ ዳእላ መሲልዋ ንቻይና ኣብ ምትኹታኽ ነዊሕ ግዜ ዘጥፈአትን ዝጸዓረትን ኣመራኻ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ 800 ሚልዮን ካብ ህዝቢ ቻይና ካብ መስመር ድኽነት ናብ ማእከላይ ደረጃ መነባብሮ ተሰጋጊሩ ክትርኢ ምኽኣላ፡ ከቢድ ሰንባደን ሸበድበድን እዩ ኣኸቲሉላ። እዚ ንረባሕቲ እንኮ-ቀጽራዊ ዘይፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ዝኾና ሃገራት ምዕራብን ኣገልገልተንን ዘደንግጽ ናይ መጠንቀቕታ ሓበሬታ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ቻይና ኣብ ዓለም ካልኣይ ዝዓበየ ቁጠባ ክትውንን ክኢላን ንጸቕጥን ምፍርራሕን ሃገራት ምዕራብ ዓጸፌታ ክትምልስ ዘኽእላ ዓቕሚ ደሊባን ትርከብ።

ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ፡ ንሩሲያ ንምኽርዳን ብዘይ ገደብ ክኽተሎ ዝጸንሐ ኣስፋሕፋሒ ፖሊሲታት ከም ኣብኡት እንተ ተወሲዱ፡ ተገልቢጡ ነቲ ኪዳን ክሃርሞ ጀሚሩ ምህላዉ ይሕበር። ሩሲያ፡ ነቲ ሓይሊ ኣብ ምምካት ቀሊል ዘይበሃል ዓቕሚ'ኳ እንተ ለዋ፡ ዓጸፌታ ናይቲ ኔቶ ክገብሮ ዝጸንሐ ምትኹታኽ ግና ምድላዋት ክትገብር ከም ዘይጸንሐት ይዝረብ። እንተ ኾነ፡ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንሩሲያ ንምኽርዳን ካብ ዝወሰዶ ቁጠባውን ፋይናንስያውን ስጉምታት፡ ቅልጡፍ ኣማራጺታት ኣብ ተግባር ክተውዕል ብምኽኣላ ንመስርሕ ምንቅልቓል ጽልዋ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ተራኣ ትጻወት ከም ዘላ ድሒራ'ውን ብምሉእ ዓቕማ ነዚ ተግባራዊ ንምግባሩ ንኽትሰርሕ ተበጊሳ ከም ዘላ ይግመት። ናይዚ መርኣያ፡ ኣብዚ ዓመት ሩሲያ ንጀርመን ብምሕላፍ ሓምሻይ ዝዓበየ ቁጠባ ክትውንን በቒዓ ከም ዘላ ማዕከን ዜና ኣር.ቲ. (RT) ኣብ ፈለማ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብሪክስ ንቻይና፡ ሩሲያ፡ ብራዚል፡ ህንድን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝሓቍፍ ውድብ ቁጠባ ምትሕግጋዝ ኮይኑ፡ ንዘይፍትሓዊ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ጠጠው ኣቢልዎ ካብ ዘሎ መሰረታዊ ረቛሒታት ዝተኩረ ስጉምታት ቡብመድረኹ ይወስድን የተግብርን ኣሎ። ኣብ ወርቂ ዝተመርኮሰ ሓድሽ ባጤራን ምዕባይ ቍጽሪ ኣባላትን ገለ ካብቲ ውሑድ ስጉምትታት እዩ። ብፍላይ ነቲ 'ፔትሮ-ዶላር' ብዝብል መጸውዒ፡ ኣፍረይቲ ነዳዲ ብፍላይ ድማ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ንዝርከባ ሃገራት ናይ ነዳዲ ፍርያተን ብዶላር ክሸጣ ክገብር ዝጸንሐ ስምምዕ ንምፍራስ፡ ንብርክት ዝበላ ኣፍረይቲ ነዳድን ጋዝን ዝኾና ሃገራት ካብ ጥሪ 2024 ኣትሒዙ ብኣባልነት ክጥርንፍ ምውሳኑ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዕራፍ ክበሃል ይከኣል። ነቲ ናይ ምንቅልቓል ኣንፈት ሒዙ ዝጉዓዝ ዘሎ እንኮ-ቀጽራዊ ዘይፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ድማ ሓያል ርግሒት ክኸውን ከም ዝኽእል ይእመት። መራሕቲ ምዕራባውያን ሃገራት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት፡ ንዐኦም ዘርብሕ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ይፍጠር ከም ዘሎ ክምድሩ ዝጸንሑ ኮይኖም፡ ዘይከም ትንበታቶምን ጌጋ ቅመራታቶምን ኣንጻራዊ ኣንፈት እናሓዘ ይኸይድ ኣሎ።

ኣመሪካ፡ ቀሊሳ ትረብሓሉ ዘላ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ቀጻልነቱ ንምውሓስ ዝተፈላለየ ዓበይቲ ንጥፈታት ካብ ምኽያድ ክትቍጠብ ከም ዘይኮነት ፍሉጥ እዩ። ብፍላይ ኣብ ፋይናንስያዊ ትሕተ-ቅርጺ ዓለምና ሒዛቶ ዘላ ዕብለላ ንምቕጻሉ ካብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ዲጂታላዊ ባጤራ ሰፊሕ ወፍርን ጕስጓስን ገይራ እያ። ብመገዲ ንሳ እትቈጻጸሮ ኣህጉራውያን ፋይናንስያውያን ማእከላት ትግባረኡ ንምስፋሕ ድማ ትሰርሕ ኣላ። ዲጂታላዊ ባጤራ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕል፡ ዋላ'ኳ ዝለዓለ ደረጃ ምቹእነትን ውሕስነትን ኣለዎ ዝብል ምጉት እንተሎ፡ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ቍጽጽር ዘውንኖ ኣካል እዩ ዝኸውን። እዚ፡ ነታ ምሉእ ዕብላለ ዝለመደት ኣመሪካ ሓድሽ ዕድል ክኸውን ይኽእል እዩ።

ክሳዕ'ዚ እዋን ዝተራእየ ዓለማዊ ስርዓታት፡ ንረብሓ ሓደ ወይ ክልተ ሃገራት ዘገልግል ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ተመኩሮታት ካብ ዘግሃዶ ሓደ ድማ እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንረብሓ ብዙሓት ፍጹም ዘይውክል ምዃኑ እዩ። ቀንዲ ዝልለየሉ ጠባይ ድማ ዓብላልነት እዩ። እዚ ክሳዕ ዝኾነ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ማሕበራዊ ፍትሒ ናይ ምርግጋጽ ጕዕዞአን ኣብ ተመርኲስሉት ዝኾነ ዓለማዊ ስርዓት ክኸውን ከም ዘይብሉ ይድምደም። 'እንኮ' ይኹን 'ብዙሐ' ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓታት፡ ፍትሓውነትን ማዕርነትን ዝብል ኣምራት ዘይንቅንቕ መሰረቱ ክሳዕ ዘይገበረ ምቅይያር ዓለማዊ ስርዓት ትርጉም ዘለዎ ከም ዘይከውን ድማ ይትንተን። እንኮ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት'ውን፡ ልክዕ ከምቲ ዓለምና ዝሓለፈቶ ዓብላሊ ስልጣኔታትን ስርዓታትን ግዜኡ እናኣኸለ ይኸይድ ከም ዘሎ ቅልጡፍ እዋናዊ ምዕባለታት ይእምት። ኤርትራ፡ ኣብዚ ናይ ስግግር መቓን፡ ከም ድምጺ ውጹዓት ህዝብታት ጥራይ ዘይኮነት፡ ዝፍጠር ብዙሐ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ክህልዎ ዘለዎ መሰረታትን ቅርጽን ኣብ ምውዳን ልዑል ተራ ኣብ ምጽዋት ከም እትርከብ ብዙሓት ከኢላታት የረድኡ።

# ዓለም ኣብ **እዋን ምስግጋር**

**“ኪዳን ዕብለላ ኣመሪካ፣ ሕብረት ኤውሮጳን ኔቶን፣ ናብ ዘይምለሰሉ ቁልቁለት የምርሕ ከምዘሎ ርኡይ እኳ እንተ ኾነ፣ ከም ዝቑሰለ ኣራዊት፣ ካብቲ ቅድሚ ቅሩብ ዓመታት ዝነበሮ ዝያዳ ሓደገኛ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ።”**

*ኣመሪካዊ ጸሓፊ ኣጃሙ ባራካ*

***

ዛጊት ልዕሊ 30,000 ሰላማውያን ሰባት ብዘሰክሕ መገዲ ዝቐዘፈ ግጭት ቓዛን እስራኤልን፣ መጥቃዕትታት ሑቲ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ግብረ-መልሱን፣ ግጭታት ማእከላይ ምብራቕ ብሰፊሑ፣ ግጥም ኔቶን ሩስያን ኣብ ዩክረይን፣ ግጭት ኣርመንያን ኣዘርባጃንን፣ ምፍጣጥ ቻይናን ኣመሪካን ብጉዳይ ታይዋን፣ ወጥሪ ሓውሲ ደሴት ኮርያ፣ ግጭት ኢራንን ፓኪስታንን፣ ኲናት ሓድሕድ ሱዳን፣ ኲናት ሓድሕድ ኢትዮጵያ፣ ግጭት ኮንጎ፣ ምልዕዓል ህዝብታት ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ወዘተ. ገለ ካብቲ ኣብ 2023 ዝነበረ ውዕውዕ ተርእዮታት ኮይኑ፡ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን፡ ዓለም በዝን በትን ብዝውላዕ ግጭታት ትርበጽ እያ ዘላ። እዚ ተርእዮታት'ዚ ናይ ምንታይ ምልክት'ዩ፧ እንታይ'ከ ይእንፍት?

ከም ዝፍለጥ ዓለምና ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም 1945 ክሳብ መወዳእታ 1980ታት፡ “ዝሑል ኲናት” ተባሂሉ ብዝፍለጥ መድረኽ'ያ ሓሊፋ። እቲ እዋን'ቲ፡ ብሶቭየት ሕብረት ዝምራሕ ማሕበርነታዊ ደምበ፡ ምስ'ቲ ብኣመሪካ ዝምራሕ ምዕራባዊ ደምበ ተተፋኒኑ፡ ክልተ-ቁጥባዊ (Bi-pollar) ዓለማዊ ስርዓት ብምቛም፡ ሓደ ነቲ ሓደ ከዳኽምን ክስዕርን ጽልዋታቱ ከስፍሕን ኣብ ውድድር ተሸሚምሉ ዝነበረ እዋን እዩ። እቲ ውድድር ዝበዝሐ ግዜ ሰላማዊ ብምንባሩ'ዩ፡ “ዝሑል ኲናት” ተባሂሉ ዝጸዋዕ። ግን ኩሉ ሳዕ ሰላማዊ ኣይነበረን። ሓሓሊፉ ናብ ኲናትን ግርጭታትን ዝዓርገሉ እዋናት ነይሩ እዩ። ውግእ ቬትናም፡ ኮርያ ወዘተ. ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ብዘይካ'ዚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝካየድ ሓርነታዊ ቃልሲ ነይሩ'ዩ። ስለዚ ከምቲ ናይ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ኣህጉራዊ መልክዕ ዝሓዘ ሰፊሕ ኲናት ኣይከሰተ እምበር፡ ኣብ ገለ ብቐጥታዊ ምትእትታው፡ ኣብ ገለ ድማ ብውክልና ውግእ ክልቲኡ ደምበታት ቀጻሊ እዩ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ 1989፡ ሕብረት-ሶቭየት ብውሽጣዊ ረቛሒታት ተዳኺማ፡ ፈደራላዊ ጥምረታ ፈሪሱ፡ ናብ ምብትታን ምስ ኣምርሐት፡ ምዕራባዊ ዓለም፡ ካብቲ ናይ ኣስታት 45 ዓመታት ውድድር ተዓዊቱ ዝወጸ መሲሉ ተራእዩ ነይሩ። ፍራንሲስ ፍኩያማ፡ ‘ዝሑል ኲናት’ ምንጩ ስነ-ሓሳባዊ ግጭት ምንባሩ ብምግላጽ፡ ብዓወት ርእሰ-ማላዊ ስነ-ሓሳብ ከም እተደምደመን ርእሰ-ማልነት መተካእታ ዘይብሉ ስነሓሳብ ምዃኑ ብግብሪ ከም እተረጋገጸን ብምትንታን፡ ነቲ ሓድሽ ዓለማዊ ኩነት “መወዳእታ ናይ ታሪኽ” ክብል ገሊጽዎ። ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ዝነበረ ህዩበርት ቨድሪን ከኣ፡ “ሓደ ፍሉጥ ባህሪ ናይ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ ዓለም፣ ኣመሪካ መወዳድርቲ ኣልቦ ሓይሊ (Hyper-Power) ኮይና ምህላዋ እዩ” ክብል ተዛሪቡ። ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ጆሰፍ ነይ እውን፣ ኣመሪካ ንመላእ ዓለም ኣሳፊሓን ተኣማሚናን ከም ዝሓዘቶ፡ ንንግድን መራኸቢታትን ዓለም ከም ዝበሓተቶ፡ መስርሕ ግሎባውነት ብገንዘብን ትካላት ፋይናንስን ከም ዝተቖጻጸረቶ በዚ ድማ ብቕጡባ ዘወዳደራ ሓይሊ ከም ዘይህሉ፡ ወተሃደራዊ ሓይላ እውን ድሕሪ ደጊም መዳርግቲ ከም ዘይርከቦ ገሊጹ ነይሩ።

እንተ ኾነ እዚ መግለጺታት'ዚ ግጉይ ምዃኑ ነዊሕ ከይከደ'ዩ ተጋሂዱ። ኣብዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት፡ ኣመሪካን ሰዓብታን፡ ንረብሓ ካልኦት ህዝብታት ብዙሕ ዋጋ ከይሃቡ፣ ኣብ ክንዲ ስቱር ሚላታት ቅሉዕ ጎነጽ እናተጠቐሙ፡ ንኣህጉራውያን ትካላት ከም መጋበርያ ተቖጻጺሮም፡ ከም ድላዮም ውሳነታት እናሕለፉ፡ ንናታቶም ረብሓ ዘውሕስ

እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ንምፍጣር እኳ እንተህነፍነፉ፣ ከምቲ ባህጎም ሓደ ቁጥባዊ ዓለም ክመጽእ ከም ዘይክእል ዘረጋግጽ ምዕባለታት እዩ ተኸሲቱ። ነታ "ቀዳመይቲ ተወዳዳሪት ክትኮነና ትኽእል'ያ" ዝበሉዋ ሩስያ ንምድራት፡ ኔቶ ንሩስያ ኣብ መጻብቦ ንምሓዝ ዘካየዶ ፈተነ፡ ፋይዳ ኣይተረኽቦን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መወዳእታ ዓለም ናብ ኒዩክለራዊ ውግእ ክይትኣቱ ዘፍርሕ ከቢድ ዓለማዊ ስግኣት ፈጢሩ። ኩናት ዩክረይን ውጽኢት ናይ'ዚ ግጉይ ፖሊስን ዘይክውንንታዊ ባህግን ምዕራባውያን እዩ።

ኲናት ዩክረይን፡ ውጥን ወተሃደራዊ ዕብለላ ከም ዝፈሸለ ኣግሂዱ ኣሎ። ብርግጽ ድማ፡ ቅድም ብውሑዳት ዝውነን ዝነበረ ተክኖሎጂ ኩናት ሎሚ ብብዙሓት ተመሊኹ እዩ። ከም ኣብነት፡ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ውግእ (ቴክኖሎጂ ድሮን) እንተወሲድና፡ ኣመሪካን ሩሲያን ጥራይ ዘይኮነ ብዙሓት ሃገራት ከም ቱርኪ፡ ኢራን፡ ቻይናን ካልኦትን ከፍርይኦ ዝኽእላ ተክኖሎጂ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ኒዩክለርን ካልእ ናይ መሬትን ባሕሪን ኣየርን ኣጽዋር እውን ብተመሳሳሊ። ሎሚ ብቑጽሪ ውሑዳት ዘይኮና ሃገራት ንገዛእ ርእሰን ጥራይ ዘይኮነ ንዝድግፍኦ ወገን እናዕጠቓ፡ ናይ ውክልና ኩናት ከካይዳ ኣብ ዝኽእላሉ ደረጃ በጺሐን ኣለዋ።

ውጥን ቁጠባዊ ዕብለላ እውን ፈሺሉ እዩ። ክኢላታት ቁጠባ ምዕራብ፡ "ቻይናውያን ናይ ምህዞን ፈጠራን ዓቕሚ የብሎምን፡ ጉልበት ግን ኣለዎም፡ በዚ ድማ፡ ንቻይና ከም መሳርሒ ቁጠባዊ ዕብለላ ክንጥቀመላ ንኽእል ኢና" ኢሎም ዝሃቀንዎ ጸወታ፣ ከምኡ'ውን ሕሱር ጉልበት ንምርካብ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዘውፈርዎ ርእሰማል፡ ክእለትን ተክኖሎጂን ናብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ብምስግጋር፡ ዝተሓፍሶ ውጽኢት ንምዕራባውያን ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ኣዝዩ ኣሰንባዲ'ዩ ኮይኑዎም። ሎሚ ኢንዱስትሪያውን ቴክኖሎጂያውን ብቕዓት ዝተፈላለዩ ህዝብታት ክብ ኢሉ፡ ዕዳጋ ዓለም ምዕራባውያን በይኖም ክብሕትዎ ከም ዘይክእሉ ገይሩዎም ኣሎ። ከም ቻይና፡ ህንዲ፡ ብራዚልን ካልኦትን ዘመዝገብኦ ቁጠባዊ ዕብየት፡ ንመልክዕ ዓለምና ብመሰረቱ ቀይሩዎ እዩ። ብኣንጻሩ ቁጠባ ምዕራባዊ ዓለም ንቑልቁል ክእንፍት እዩ ዝርአ ዘሎ።

ፖለቲካውን ባህላውን ዕብለላ እውን ብተመሳሳሊ ከቢድ ብድሆ ገጢምዎ ኣሎ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝተራእየ ምልዕዓል ኣህዛብን ምብንቋር ምስሌነ መንግስታትን፡ ንቕሓት ህዝብታት ክብ ኢሉ፡ ህዝቢ ዓለም ድሕሪ ደጊም ናይ መዝማዝን ተመዝማዝን ዘይምዕሩይን ዘይፍትሓውን ዝምድና ከም ዘይቅበል ዝኣመተ ምዕባለ እዩ። ምዕራባውያን፡ ንዓለም ኣብ ከባቢታት ጽልዋ ጉዛዘዮም፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከባቢ "መልሕቕ" ማለት ወኪላት ሰይሞም፣ ወይ ድማ ከባቢያዊ "ኪዳናት" ኣቝሞም ንምቁጽጻራ ዝገበርዎ ሃቐነ ውጽኢት ኣይተረኽቦን። ምልዕዓል ህዝብታት ኣንጻር እዞም ወኪላት ተጉሃሂሩ፡ ፍትሕን ምዕሩይ ሽርክነትን ዝጠልብ ድምጺ እናሓየለ ይኸይድ ኣሎ። ኩሉ'ዚ ዝተጠቕሰ ተርእዮታት፡ ማለት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና ዘሎ ግጭታትን ምልዕዓላትን ብሓደ ወገን፡ ቅልጡፍ ቁጠባውን ቴክኖሎጂያውን ለውጥታት ድማ በቲ ኻልእ፡ ውጥን ምህናጽ "እንኮ ቊጥባዊ ዓለማዊ ስርዓት" ናብ ሕልሚ ደርሆ ቀይሩዎ ኣሎ።

ስነ-ሓሳብ ርእሰ-ማልነት ኮነ ማሕበርነት፡ ክልተ ቀጽራዊ ኮነ እንኮ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ንቢልዮናት ኣህዛብ ኣብ ዓዘቕቲ ሕሰምን ድኽነትን፡ ኣብ ነውጽን ዕግርግርን ሸሚምዎም እምበር፡ ኣየርብሖምን። ኣብዚ መወዳእታ እዋን በብኸባቢኡ ዝኽሰት ዘሎ ነውጽን ዕግርግርን ከኣ ካልእ ዘይኮነ ብቐንዱ ምህርቲ ዝጸንሐ ዘይፍትሓዊ ዓለማዊ ቁጠባዊ ስርዓት እዩ። ቁጠባን ፖለቲካን ክልተ ገጽ ናይ ሓደ ሳንቲም ብምዃኖም ከኣ፣ ነዚ ዘይፍትሓዊ ቁጠባዊ ስርዓት ክሳሲ ዝጸንሐ ፖለቲካ ዕምሪ ክልቅብ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

ዓለምና እምበኣር፡ ምስዚ ዘሎ ቁጠባውን ቴክኖሎጂያውን ምዕባለን ንቕሓት ህዝብታት ዓለምን ክሰጉም ዝኽእል ሓድሽ ስነ-ሓሳብ የድልያ ኣሎ። ፍትሒ ዘይብሉ ስርዓት ምንብባር ነዚ ሕጂ ዘሎ ማሕበረሰብ ዓለም ዝምጥና ኣይኮነን። ሰባት (ኣብ ምዕቡል ዓለም ይሃልው ኣብ ዘይምዕቡል) ድሕሪ ደጊም ዝጸንሐ ኣሰሓኮ ዘይብሉ ኣከያይዳ ርኢሞም ክኸዱ ስለዘይሕሰብ፡ ተቓውሞ ኣንጻር ዕብለላን ህምሽናን ሓይሊ እናደለበ ዝኸይድ እምበር ንድሕሪት ዝምለስ ኣይኮነን። ዘለናዮ መድረኽ፡ ህዝብታት ዓለም ሱር በተኽ ለውጢ ዝጠልብሉ ዘለዉ ወሳኒ መድረኽ መሳግሮ'ዩ ክብሃል ይከኣል። ስለዚ ድማ፣ ሕቶ ህዝቢ ዓለም ቅኑዕን ተባዕን ምላሽ ክረክብ ይግብኦ። እቲ ፍታሕ ካልእ ዘይኮነ፣ ነቲ ዝጸንሐ ኣረጊት ስነ-ሓሳባት ዝትክእ፣ ማሕበራዊ ፍትሕን ርትዓዊ ምንብባርን ዘውሕስ፣ ንመበል 21 ዘመን ዝምጥን ምዕቡል ስነ-ሓሳብ ምፍላቕ እዩ።

# እቲ ኻልእ ዘፍርሀ **ዓለማዊ ብድሆ**

ኣሴር ሰሎሞን

ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቘመ ‘ዓለማዊ መድረኽ ዘተ ንክሊማዊ ለውጢ’ (IPCC)፡ መራሕቲ መንግስታት ዓለም፡ ግሎባዊ ሙቐት ዝቕንሰሉ ኩነታት ንምፍጣር ቅልጡፍን ወሳንን ስጉምቲ ክወስዱ ደጋጊሙን ኣትሪሩን ካብ ምምሕጻን ዓዲ ኣይወዓለን። ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ ዝካየድ ቃልስን ሙብጽዓታትን ብግብሪ እንተ ዘይተሰንዩ፡ ክሳብ 2050 ኣብ ዘሎ ርብዒ ዘመን፡ መጠን ዓለማዊ ሙቐት፡ ንቐጻልነት ህይወታውያን ኣብዛ ፕላኔት ኣብ ዘሰክፍ ደረጃ ከብጽሖ ምዃኑ’ዩ እቲ ትካል ዝገልጾ።

ብኣገላልጻ ክኢላታት ‘ዓለማዊ መድረኽ ዘተ ንክሊማዊ ለውጢ’ (IPCC) ኣብ ገለ ከባቢታት ዓለምና፡ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣዕናዊ ውሕጅን ዕልቕልቕን፡ ህቡብላን ማዕበልን፣ ኣብ ካልእ ከባቢታት ድማ ሓያል ደርቂ፣ ተራእዩ ዘይፈልጥ ብርቱዕ ቀዝሒን ሃሩርን፣ ባርዕ ጫካታት፣ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ወዘተ. ብተደጋጋሚ ዝኽሰት ዘሎ፡ ምድግጋሙ እውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ፡ ምስ ምውሳኽ ዓለማዊ ሙቐት ተኣሳሲሩ እዩ።

“ክሊማዊ ለውጢ ዘመልክቱ ተፈጥሮኣዊ ክስተታት ኣብ ብዙሕ ኩርናዓት ዓለምና ብተደጋጋሚ ይኽሰቱ ኣለዉ” ይብል ኣብ 2020 ዝተዘርግሐ ጸብጻብ ዓለማዊ መድረኽ ዘተ ንክሊማዊ ለውጢ። ንኣብነት፡ ኣብ ሰሜን ኤውሮጳ ብብዝሒኡ ሓያል ዝናብን ውሕጅን ክኽሰት ከሎ፡ ብኣንጻሩ ኣብ ደቡብ ኤውሮጳ ብርቱዕ ባርዕ ብተደጋጋሚ ጉድኣት ከውርድ ጸኒሑ ኣሎ። ግሪኽ፡ ጣልያን፡ ስጳኛ፡ ኣልባንያ፡ ሰሜን ሜቀዶንያ፡ ቱርኪ ገለ ካብቶን ብቐጻሊ ምስ ባርዕ ጫካታት ኣብ ምቅላስ ዝርከባ ሃገራት ኤውሮጳ እየን። ቅድሚ ሓደት ዓመታት ኣብ ካናዳ ዝተኸሰተ ጠንቂ ሞት 500 ሰባት ዝኾነ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኣብ ካሊፎርንያ ብብዝሒኡ ዝኽሰት ባርዕ ጫካታት እውን ከም ተወሳኺ ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ምዕራብ ጀርመን፡ ቤልጅዩም፡ ነዘርላንድስ፡ ሉክሰምበርግ፡ ኣብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ፡ ከምኡ’ውን ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ሊብያ ዝተራእየ ህቡብላን ዝናብን፡ መቕዘፍቲ ብዙሕ ህይወትን ቁጠባዊ ዕንወትን ከም ዘኸተለ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቱርኪን ሞሮኮን ዝተኸሰተ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ብብዝሒኡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዓለም ዝደጋገም ተርእዮታት ምንቅጥቃጥ ምድሪን እሳተ-ጎመራን እውን ተወሳኺ ምልክታት እዩ።

ተመራመርቲ ከም ዝገልጽዎ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ዝተራእየ ብዝሒ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ኣብ ዝሓለፈ 2000 ዓመታት ፍጹም ተራእዩ ዘይፈልጥ እዩ። ምኽንያቱ፡ መጠን ዓለማዊ መቘት ኣብዚ ሕጂ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ በጺሑ ኣይፈልጥን። እቲ ሕጂ ዘሎ ውህለላ ካርቦን ዳዮክሳይድ ብውሑዱ ኣብ 2 ሚልዮን ዓመታት እቲ ዝለዓለ ምዃኑ ተመራመርቲ ይገልጹ። ኣብ ዝሓለፈ 100 ዓመታት ጽፍሒ ባሕርታት ኣብ 3000 ዓመት ተራእዩ ብዘይፈልጥ ፍጥነት ከምዝወሰኸ እውን ይሕብሩ። ኣብ ኣርክቲክ ዝርከብ ኩምራ በረድ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ወሪዱ ይርከብ። ካብ 1955 ንድሓር ከኣ ብዝለዓለ ፍጥነት እናመኸኸ ይኸይድ ኣሎ።




ኣብ ጀነቫ ስዊዘርላንድ ዝመደበሩ ን195 ሃገራት ዓለምና ዝጠርነፈ “ዓለማዊ መድረኽ ዘተ ንክሊማዊ ለውጢ” ናይዚ ኣብ ዓለምና ዝኽሰት ዘሎ ሓደገኛ ክሊማዊ ለውጢ ቀንዲ ጠንቂ ናይ ወዲ ሰብ ኣርሒቑ ዘይሓስብ ጥንቃቐ ዝጎደሎ ተግባራት ምዃኑ ብምግላጽ፡ እዚ ንሃብታማትን ገና ኢንዱስትሪያዊ ቁጠባ ኣብ ምምዕባል ዝርከቡ ህዝብታትን ብማዕረ




ዝሃሰ. ዘሎ ተርእዮታት፥ በዚ ሕጂ ኣብ ዓለምና ዝስርሓሉ ዘሎ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ብቐሊሉ ምዕጋቱ ከምዘይክኣል ይገልጽ።

ኣብ 1988፡ ኣብ ትሕቲ ውድብ ሜትሮሎጂ ሕቡራት ሃገራት፥ መርሓ ምዕቃብ ኣከባቢ ዝቘመ ዓለማዊ መድረኽ ዘተ ንክሊማዊ ለውጢ፡ ካብቲ ዝቘመሉ ግዜ ጀሚሩ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሽዱሽተ ዓመት፥ ኣብ ስነ-ፍልጠት ተመርኩሱ ሓደስቲ ርኽበታት ናብ መድረኽ-ዘተ የቕርብ እዩ። እቲ ዘቕርቦ ጸብጻብ ተገዳስነትን ስክፍታን ይፈጥር ምህላው ዘይክሓድ እኳ እንተኾነ፡ ብግብሪ ዝውሰድ ስጉምቲታት ዘይምህላው እቲ ትካል እምብዛ ከምዘሻቕሎ ብምግላጽ ኣብ ዘማርረሉ ደረጃ በጺሑ ኣሎ።

ሓደ ካብ ቀንዲ ጠንቂ ምውሳኽ ሙቐት ዓለምና፡ ብኸላ ኣየር ምኳኑ ዝገልጽ IPCC፡ እቲ ቀንዲ መፍትሒ መጠን ናብ ኣየር ዝፍነዉ በከልቲ ጋዛት ብምቕናስ ንጽህና ኣየር ካብዚ ዘለዎ ከም ዝመሓየሽ ምግባር ምኳኑ እዩ ዝሕብር። ነዚ ንምግባር ድማ፡ ወዲ-ሰብ፡ ካብ ኢንዱስትሪታት፥ ካብ መጓዕዝያ ምድርን ባሕርን ኣየርን ዝለቀቑ በከልቲ ጋዛት ብልዑል መጠን ምቕናስ ከምዘድልዮ የመልክት። እዚ እንተዘይተገይሩ ኣብ ዝመጽእ 10 ዓመት ሙቐት ዓለምና ካብ 1.5 ዲግሪ ሴልሼየስን ክሓልፍ ከምዝኽእል ይሕብር። እዚ ዝተጠቕሰ ስጉምቲታት ብግብሪ ክውሰድ እንተኽኢሉ እውን እንተኾነ፡ ሙቐት ዓለምና ካብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ንምቕናሱ 30 ዓመታት ክወስድ ከምዝኽእል ይግምት። ብኸላ ንምቕናስ ክውሰድ ዝግብኦ ስጉምቲታት ኣዝዩ ብምድንጓዩ እቲ ሓደጋ ዘየላቡ እናኾነ ይመጽእ ከምዘሎ ብምግላጽ ከኣ፡ ሕጂ'ውን ቅልጡፍ ስጉምቲ እንተዘይተወሲዱ፡ እቲ ሳዕቤን ዝበኣሰ ከምዝኸውን የጠንቅቕ ኣሎ።

ርግጽ'ዩ፡ መራሕቲ መንግስታት ዓለም በዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ግዜ ተኣኪቦምን መኺሪምን እዮም። ብሓባር ይኹን ብበወገኖም ክወሰድዎ ዝግባእ ስጉምቲ እውን ክንደፉን ክእውጁን ጸኒሖም ኣለው። እንተኾነ ብግብሪ ዝውሰድ ስጉምቲ ዛጊት ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን። ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ብቁጠባ ሓድሕድ ንምብልላጽ ዘሎ ብርቱዕ ውድድር እዩ። ስለዚ ካብዚ ኣስሓኮ ዘይብሉ ውድድር ወጺእካ ንናይ ሓባር ህላወ ቅልጡፍ ሓባራዊ ስጉምቲ ክውሰድ እንተዘይክኢሉ ወዲ ሰብ ብገዛእ ተግባራት ናብ ጽንተት ዘምርሓሉ ክስተት ርሑቕ ከምዘይኮነ ዓለማዊ መድረኽ ዘተ ንክሊማዊ ለውጢ ይገልጽ። እቲ ስጉምቲ ግዜ ብዘወሰደ መጠን፡ ማህሰይቱ ብተዓጻጻፊ እናወሰኸ ዝኸይድ ምኳኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ደንጒኻ ዝውሰድ ስጉምቲ እንተመጸ ከኣ ብዋጋ ከቢድ ከምዝኸውን ይሕብር።

እዚ ክበሃል ከሎ ዓለማዊ መድረኽ ዘተ ንክሊማዊ ለውጢ ብበግዜኡ ዘቕርቦ ጸብጻባት፥ ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ መራሕቲ መንግስታትን ዓበይቲ ንግዳዊ ትካላትን ከኣ ብፍላይ ፈጺሞም ኣይተገደስሉን ማለት ኣይኮነን። ገለ ገለ ስጉምቲታት እውን ይውሰድ ኣሎ። ግን በቲ ዝግባእ ዓቕንን ደረጃን ኣይኮነን። እቲ ትካል ንክሊማዊ ለውጢን ኣመታቱን ብዘምልከት ክሳብ ሕጂ ሽዱሽተ ዓሚቝን ሰፊሕን ጸብጻባት ከምዘቕረበ ይፍለጥ። ሓቂ'ዩ ንቕሓት ህዝብታትን መንግስታትን ዓለም ብዛዕባ'ዚ ሓደጋ'ዚ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ለሚ ዝሓሸ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ብክኢላታት ዝቐርብ ዘሎ ጸብጻባት፥ ኣብ ስነፍልጠት ብዝተመርኮሰ ምርምር ዝተረጋገጸ ሓቀኛ ሓበሬታ እምበር ትንቢት ወይ ግምታት ስለዘይኮነ። ብበግዜኡ ዝኽሰት ዘሎ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ብምዕዛብ ድማ፡ ክሊማዊ ለውጢ ልዕሊ ካልእ ብድሆታት እቲ ዝዓበየን ዘፍርሕን ሓደጋ ናይ ዓለምና ምኳኑ፡ ብዙሕ ሰብ ተገንዚብዎ ኣሎ።

ካብዚ ፍርሒን ስግኣትን'ዚ ብምብጋስ ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት በከልቲ ጋዛት ንምቕናስ ዝኣተውኦ ቃል ብግብሪ ክፍጽማ ልዑል ድርኺት ይግበር እኳ እንተሎ፡ ገና ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ኣይተሰርሐን። ከም ውጽኢቱ ድማ ሳዕቤናት ምውሳኽ መጠን ሙቐት ዓለምና ኣብ ማዕጾ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ክኳሕኩሕ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፥ እቲ ስጉምቲ ንጽቡቕ ድሌት ናይ ሰባት ዝተገድፈ ብምኳኑ እዩ። መንግስታት፥ ዝኣተውኦ መብጽዓ ኩተግብራ ዘስገድደን ኣካል የለን። ውጽኢታዊ ስራሕ ንምፍጻም እምበኣር፡ ተወሳኺ ስጉሚ ብምስጓም፡ ብደረጃ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ፈጸምቲ ውዕላትን መብጽዓታትን ዘስገድድ ኣካል ግድን የድሊ ኣሎ። ቅልጡፍ ስጉምቲ ክውሰድ እንተኽኢሉ ከኣ፡ እቲ ዘንጠጠ ዘሎ ሓደጋ ምቕናሱን ምውጋዱን ዝከኣል ምኳኑ እዩ እቲ ትካል ዘተስፉ።

መድሃኔ ጸጋይ

# ሕርሻዊ ምህርቲ ብዓይነትን ብዝሕን ዘዕቢ ሓድሽ ተክኖሎጂ ዝመሃዘ መንእሰይ ስነ-ፍልጠተኛ
# ኣሕለምሰገድ ዑመር

**ምስ ገዛእ-ርእሰኻ ኩተላልየና?**

ስመይ ኣሕለምሰገድ ዑመር እበሃል። ኣቦይ፡ ዑመር ስዒድ እበሃል፤ ኣደይ ከኣ ራድያ ዓብዱሰላም። ወለደይ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቓልሲ፡ ካብ ኤርትራ ተሰዲዶም ናብ ኣመሪካ ድሕሪ ምእታዎምዮም ተላልዮም፡ ኣብ ሓዳር በጺሖም። መበቆሎም ካብ ከባቢ ቅሮራን ተሰነይን ኰይኑ፡ ክልቲኣቶም ካብ ብሄረ ብዳዌት እዮም። ኣነ ድማ ምንኣስ በኾሪ ምኳነይ እየ። ብ1984 ኣብ ሚሺጋን፡ ኣመሪካ፡ ተወሊደ። ኣብ'ታ ሃገር'ውን ዓብየ።

**ብዛዕባ ትምህርታዊ ድሕረ-ባይታኻ'ውን ኩተዕልለና?**

ደቂ ዑመር ብዙሓት ስለ ዝኾንና፡ ኣቦና ንዓና ንኸምህር ከቢድ ጻዕሪ እዩ ኣሕሊፉ። ኣብ ገሊኡ፡ ሓላፍነት ወሲዶም ዘምህሩና ሰባት ረኺቡ፡ ብትምህርቲ ከም እንሕገዝ ይገብር ነይሩ። ስለዚ፡ ከይተሰናኸልኩ፡ ኣብ መበለ 14 ዓመት ዕድመይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ክዛዝም በቒዐ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ኣብ ምዝዛም ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣመሪካ፡ ክልተ ኣማራጺታት ስለ ዘለዉ'ዩ፡- ነቲ ትምህርቲ ሓደ-ብሓደ ትኸታተሎ እሞ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ፈተና ትወስድ፣ ወይ ከኣ ትምህርቲ ከይተኸታተልካ፡ ዓቕምኻ ዝግምገመሉ ፍሉይ ፈተና ትወስድ። ነዚ ካልኣይ ኣማራጺ ስለ ዝወሰድኩ እየ ገና ኣብ ንኡስ ዕድመይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክዛዝም ክኢለ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ቲ ዕድመ እቲ፡ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ክቕጽል ዝከኣል ኣይነበረን። ምኽንያቱ፡ ብመሰረት ሕጊ ናይ ሙብዛሕትኦን ኣውራጃታት ኣመሪካ፡ እቲ ናብ ዩኒቨርሲቲ ንኽትኣቱ ዘኽእል ዝተሓተ ዕድመ 16 እዩ።



ዕድመይ ክሳብ ዝኣክል፡ ሓደ-ሓደ ድሒሮም ክሕግዙኒ ዝኽእሉ ትምህርትታት ናይ ዩኒቨርሲቲ ኣጽኒዐ። ቀጺለ፡ ኣብ'ቲ እዋን እቲ ብደረጃ ኮለጅ ይሰርሕ ናብ ዝነበረ ዩኒቨርሲቲ ሄንሪ ፎርዝ ተጸንቢረ። ሓያለይ ትምህርትታት ናይ ፍልስፍና ስነ-ቀኣጽሪ ቀሲመ። ብዓውዲ ፍልስፍናዊ ስነ-ቐኣጽሪ ቀዳማይ ዲግሪ ድሕሪ ምሓዘይ፡ ንሓደ ዓመት ኣብ እንዳ-ሻሂ ሰሪሐ። ድሕር'ዚ፡ ናብ ዩኒቨርሲቲ ሚሺጋን ኣትየ፡ ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ፊዚክስ ተኸታቲለ። ብተወሳኺ ቀዳማይ ዲግሪ ድሕሪ ምምራቐይ፡ ናብ ስድራ-ቤተይ ተመሊሰ ምስኦም ግዜ እናኣሕለፍኩ ብዛዕባ ቤተ-ሰበይን መንነተይን መጽናዕቲ ክወስድ ወሲነ። ንሰለስተ ዓመታት ከኣ ምስኦም ነይረ።

ከምኡ ድሕሪ ምግባረይ፡ ናብ ትምህርተይ ክምለስ ነይሩኒ። ብኽልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ፊዚክስ ናይ ማስተርስ ትምህርቲ ቀጺለ። ኣተኵሮ ናይ'ቲ ዘካየድክዎ መጽናዕቲ፡ ናይ ፊዚክስ ኳንተም (Quantum Physics) ዓለም፡ ምስ'ዚ ንሕና ብግብሪ እንርእዮ ነገራዊ ዓለም ብኸመይ ከምዝተኣሳሰር ዝምልስ እዩ ነይሩ። በቲ ዘካየድክዎ መጽናዕቲ ናብ ምሕታም ምስ ተቓረብኩ፡ ሓደ ነገር ዘኪረ፡- ንውጽኢት መጽናዕተይ ኤርትራዊ ሞዴል ክትሕዞ ከም ዘለኒ። ኣብ'ቲ ዩኒቨርሲቲ ኾይነ ነዚ ርኽበት ወግዓዊ እንተ ዝገብሮን እንተ ዘሕትሞን፡ ናይ ዶክትረይት ትምህርተይ ከም ዝዛዘምኩ ምተሓስበ ነይሩ። ብመሰረት መደበይ፡ ሞያዊ ምኽሪ ምስ እትህብ ትካል ተቘጺረ እናሰራሕኩ፡ ሓላፍነት ክፍሊት ትምህርተይ ባዕለይ ተሰኪመዮ። እቲ ክፍሊት ኣዝዩ ክቡር እዩ ነይሩ። ከምኡ እናበልኩ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ሚሺጋንን በርክለይን ብብሕተይ ዘካየድዎም ሓያለይ ናይ ቤተ-ፈተነ ምርምራት ኣለዉ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦክስፎርድ ናይ ዓዲ-እንግሊዝ'ውን ካልእ ናይ ቤተ-ፈተነ ምርምር ኣካዪደ። ነዞም ምርምራዊ ዕማማት እዚኣቶም ምስ ኣጻፈፍኩ፡ ንዓመትን መንፈቕን፡ ከም ክልሰ-ሓሳበኛ ስነ-ቐኣጽሪ ናይ ዓውዲ ሕሳብ (Mathematical Theorist in Finance) ሰሪሐ።

**ኣብ ዓዲ-ስደት ኤርትራዊ መንነት ሒዝካ ንኽትዓቢ፡ ወለድኻ ዝተጻወትዎ ተራ ከመይ**

**ይመስል?**

ወለደይ፡ ንዓይን ንኣሕዋተይን ንኸዕብዩ፡ በቲ ሃለኽለኽ ዝመልኦ ቅዲ መነባብሮ ናይ ሃገረ-ኣመሪካ ስለ እተዋሕጡ፡ ካብ እዋን ቁልዕነተይ ኣትሒዘ ብዛዕባ ሃገራዊ መንነተይን መበቆለይን ክፈልጥ ክኢለ ኩብል ኣይደፍርን እየ። ግን ከኣ ልቢ ምስ ገበርካ፡ ንገዛእ-ርእሰኻ፡ "እንታዋይ እየ?" "ከመይ ዝኣመሰለ ናይ መንነት ድሕረ-ባይታ እዩ ዘሎኒ?" ኢልካ ምሕታት ዘይተርፍ እዩ። "እዚ'ዩ መንነተይ" ክትብል እንተ ዄንካ፡ ሱር-መሰረት ናይ መንነትካ ከየለለኻ ከተነጽሮ እትኽእል ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ-ምንታይ፡ ባይታ ኣብ ዘይብሉ፡ ገዛ ክህነጽ ኣይከኣልን እዩ።

ብዛዕባ መንነተይ ክግንዘብ ምስ ጀመርኩ፡ ባዕለይ ንባዕለይ፡ "ስለምንታይ እየ – ኤርትራዊ ተባሂለ ዝጽዋዕ" ኢለ ክሓትትን ክምርምርን ጀሚረ። ኣባሓጎታትና ንኣሽሓት ዓመታት ኣብ'ዚ ሕጂ ኤርትራ ተደኲናትሉ ዘላ ከባቢ ነይሮም። ሕጂ እውን ካብ ኤርትራ ሓሊፎም፡ ኣካል ህዝብታት ሱዳንን ግብጽን ኰይኖም ተዘርጊሖም ይርከቡ። እሞ ኤርትራዊ ምኳን ደኣ ከመይ ማለት እዩ? ብዙሕ መርሚረ ዝበጻሕክዎ ሓቂ እምበኣር፡ ኤርትራውነት፡ ፍሉይ መለለዪ ናይ ሓደ ገዛእ-ርእሱ ንሃገሩ ዝህብን ሓድነታዊ ጥምረት ዘለዎን ህዝቢ ምኳኑ እዩ። ሓደ መዓልቲ፡ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ "ኤርትራውነት ማለት፡ ኣብ ዙርያ ርእሰ-ምርኮሳ ዝዓሰለ ሓባራዊ መንነት ናይ ሕብረ-ብዙሕ ህዝቢ እዩ" ክብል ብፍሉይ እዝክሮ። ስለዚ፡ ደመይ ወይ ወለዶይ ንበይኑ "ኤርትራዊ እዩ" ዙብለኒ ረቛሒ ከምዘይኮነ፡ ኣጸቢቐ ፈሊጠ። ከመይሲ፡ ምሳና ናይ ደም ምትእስሳር ዘለዎም፡ ግን ከኣ ኤርትራውያን ዘይኮኑ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። ሎሚ፡ ብዛዕባ ኤርትራውነተይ ክሓስብ እንከለኹ፡ መንነተይ፡ ብመንጽር እቲ ኣነ ገና ከይተወለድኩን ንኡስ እንከለኹን ንስለ ምዕቃብ ናይ'ዚ መንነት እዚ እተኸፍለ መስዋእቲ ዝዕየር ኣምር ምኳኑ እርድኣኒ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ "ሰቲ" ብዝብል ካልኣይ መጸውዒ እትፍለጥ ሲዶን ተስፋማርያም (ሓብቱ ነቲ ፍሉጥ ዝነበረ ኤርትራዊ-ኣመሪካዊ ደራፊ ነፍስሄር ሳዶር ተስፋማርያም፡ ማለት "ሳንድ ማን" ምኳና እያ)፡ ኣብ ህይወተይ ፍሉይ ሃገራዊ ጽልዋ ዘሕደረት መንእሰይ ምኳና ክጠቅስ እፈቱ። ንሳ፡ ንሃገረይ ገለ ኣበርክቶ ዝገብረሉ መገዲ ኣርእያትኒ እያ። ነዚ ዝኸውን ባይታ ንምጥጣሕ ድማ ጒጅለ-ሕድሪ (Hidri Group) ዝብል ፕሮጀክት ኣበጊሳ። ነዚ ፕሮጀክት እዚ ንገለ ዓመታት ብሓባር ሰሪሕናሉ ኣለና።

**ብመገዲ ጒጅለ-ሕድሪ ኣቢልካ ንሃገርና ክትገብሮ ዝሓለንካዮ ሞያዊ ኣበርክቶ እንታይ እዩ?**

ሓደ ዝበጻሕናዮ ስነ-ፍልጠታዊ ርኽበት ኣሎ። እዚ ርኽበት እዚ፡ ምስ ምጽራይ ናይ ሓደ፡ ንታህዋሳውያን ሚነራላውን ትሕዝቶ ሓመድ ከደንፍዕ ዝኽእል፡ ድርብራብ ሚነራላዊ ባእታ ዝተኣሳሰር እዩ። ድኹዒ ኣብ ክንዲ ምጥቃም፡ ትሕዝቶ ሓመድ ኣብ ንቡር ሃዋህው ዳግማይ ከም ዝህብትም ክግበር ዝከኣል እዩ። ነዚ ኣምር፡ ሕውየት ሓመድ (Soil Remediation) ኢልና ሰሚናዮ። ናብ መደምደምታ ንኽንበጽሕ ብዙሕ ፈተነታት ኢና ኣካዪድና። ነዚ ሜላ እዚ ኣብ ጠቕሚ ብምውዓል፡ ደረጃ ምህርቲ ኣእካል ብ 54% ክብ ኩብል ከም ዝኽእል ከኣ ኣረጋጊጽና።

ፋብሪካ ናይ'ዚ ሚነራላዊ ባእታ ኣብ ሃገረን ንኽትከል እማመ ዘቕረባለይ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣለዋ። ይኹን'ምበር፡ ሃገርና ኤርትራ ነዚ ሓድሽ ርኽበት እዚ ክትስመየሉን ክትረብሓሉን እዩ ድልየትና። እዚ ባእታ እዚ ብብዝሒ ኣብ ኤርትራ ፈርዩ፡ ሃገርና ቀዳመይቲ ተጠቃሚቱ ኰይናስ ናብ ኩሉ ኲርናዓት ዓለም ሰደድ ክትገብር ዝብል ራእይ እዩ ዘሎና።

**ካብ ንጥፈታት ጒጅለ-ሕድሪ ከይረሓቕና፡ ረቂቕ መተግበሪ ናይ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ (AI) ከም ዘማዕበልካ እውን ሰሚዕና ኣለና። ብዛዕባኡ ዶ ገለ ክትብለና?**

እዚ ረቂቕ መተግበሪ ናይ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ፡ ሰቲ (Seti AI) ዝብል ስያሜ ኢና ሂብናዮ። ብመሰረት ስነ-ቍጽራዊ ቅጥዒ ክልሰ-ሓሳብ ቅርበት (Theory of Closeness) እዩ ማዕቢሉ። ኣብ ሓደ እዋን ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ነገር፡ ውጽኢታዊ ሓበሬታ ንምርካብ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ጽሑፋዊ ሕቶ ብምቕራብ፡ ዝደለናዮ ሓበሬታ ንረኽበሉ። ዝተፋላለዩ ሜላታትን ቋንቋታትን ክንመሃረሉ እንኽእል ኣዋሳኢ/Interactive መተግበሪ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ብሕታዊ ጠበቓ ኰይኑ ከገልግለና ይኽእል።

ሙብዛሕትኦም ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ተግባር ውዒሎም ዘለዉ መተግበሪታት ሰብ-ሰርሖ ብልሒ፡ መስርዓዊ መስመር ኣሰራርሓ (Linear Path) ዘለዎም እዮም። ንሕና ግን፡ Seti AI፡ ኣብ ዘእተኻዮ ማዕከን ሓበሬታ፡ ስነ-ቍጽራዊ ኣዋሳእነት ሃልዩዎ ከም ዝሰርሕን ብእኡ መንጽር ፍልጠት ከም ዘካፍልን ጌርና ኢና ኣማዕቢልናዮ። ስለዚ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓውዲ ፍልጠት ንኽፈልፍል ዘኽእሎ ስነ-ቍጽራዊ ቀመር ኣለዎ። ናብ ዝኾነ ይኹን ማዕከን ሓበሬታ ዝውሰኽ ፍልጠት፡ ን Seti AI ጋሻ ኣይኮነን ማለት እዩ። ብቕጥታ ቆብ ኩብሎ ይኽእል እዩ። እዞም ኣብ'ዚ እዋን እዚ ዓለም-ለኻዊ ተጠቃምነት ዘለዎም መተግበሪታት ሰብ-ሰርሖ ብልሒ፡ ብኣንጻሩ፡ እቲ ዘስንቕዎ ውጽኢታዊ ሓበሬታ ናይ ግዜን ስፍሓትን ደረት ዘለዎ እዩ።

**ኣብ መወዳእታ ክትብሎ እትደሊ ኣሎ ዶ?**

እቲ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣተኲሮ ሂብና እንሰርሓሉ ዘለና ኣውራ ነገር፡ ሕውየት ሕርሻዊ ሓመድ ናይ ምርግጋጽ መደብ እዩ። ውጽኢት ናይ'ቶም ዘካየድናዮም ፈተነታት ኣዝዩ ዘተባብዕ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ እዚ ሜላ ኣብ ተግባር ክውዕል ከም ዝኽእል ልዑል ርግጸኝነት ዝህብን እዩ። በዚ ኣገባብ እዚ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ኣብ ምድንፋዕ ቀረብ ባህርያውን መኣዛውን መግቢ ሃገርና እጃምና ከነበርክት ኢና ተበጊስና ዘለና። ኣብ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂካዊ ውጥን ሚኒስትሪ ሕርሻ ጥጡሕ ባይታ ክህልወና ይኽእል እዩ። ተግባራዊ ምትእትታው ኣምር ሕውየት ሓመድ፡ ንሕርሻዊ ምህርቲ ሃገርና ብዓይነት፡ ብኽብርን ብብዝሓዊ መጠንን፡ ብዝተዓጻጸፈ መጠን ከደንፍዖ ይኽእል እዩ።

## “ሓድሽ ምህዞ ተክኖሎጂ ሕርሻ ፈለማ ኣብ ረብሓ ሃገርና ክውዕል ንሰርሓሉ ኣሎና”

# ሰቲ ንጉሰ



**ክንላለየኪ?**

ስመይ ሲዶን ተስፋማርያም እበሃል። “ሰቲ ንጉስ” ብዝብል ስያመ እየ ዝያዳ ዝፍለጥ። ወለደይ፣ ኣቶ ተስፋማርያም ፍስሃየን ወይዘሮ ለተጻዮን ወልደሄትን ይበሃሉ። ዓሰርተ ቈልዑ እዮም ወሊዶም። ኣነ ኸኣ ሕሳስ-ልደ ናይ ገዛና ኮይነ፡ ብ1993 ምስ ስድራ-ቤተይ ናብ ኣመሪካ መጺአ። ዝዓበናሉ ከባቢ፡ እቲ ብ“ክሬንሻው ዲስትሪክት” ዝፍለጥ፡ ኣመሪካዊ-ኤርትራዊ ስነ-ጥበበኛ፡ ነፍስሄር ኤርምያስ ኣስገዶም (ኒፕሲ ሃስል) እውን ዝዓበየሉ ክፋል ናይ’ዛ ከተማ እዩ። ትምህርተይ ኣብ ሎስ-ኣንጀለስ ተኸታቲለ። ብደረጃ ትምህርቲ ኮለጅ ድማ ስነ-ንግድን ስነ-ንድፊ-ፋሽንን ኣጽኒዐ።

**ኣብ ወጻኢ ተወሊድኪ፡ ዓቢኺ። ኣብ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ናይ ኣመሪካ ኸኣ ብንጥፈት ትዋሰኢ። ከም’ዚ ዝኣመሰለ ናይ ሃገራውነት መንፈስ ብኸመይ ኩሒድረኪ ክኢሉ?**

ኣቦይ፡ ብዓንተቦኡ፡ ዓሚቝ ስምዒት ሃገራውነት ዘለዎ ሰብ እዩ። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት፡ መራሒ-ማኪና ኾይኑ ካብ ሱዳን ናብ ሜዳ ይመላለስ ነይሩ። ቮልቮ-ዝዓይነተን ማካይን ጥራይ ይሕዝ ስለ ዝነበረ፡ “ተስፋይ ቮልቮ” እትብል ሳጓ ጠቢቓቶ ከም ዝነበረት እዩ ዘዕልለና። ወላዲተይ’ውን ከምኡ ደቃ ሃገራዊ መንነት ሒዝና ንኸንዓቢ ግቡእ ተራኣ ተጻዊታ እያ። ስለዚ፡ ሳላ ምትብባዕ ወለደይ፡ ካብ እዋን ህጻንነተይ ኣትሒዘ፡ ናብ ኤርትራ ብዙሕ ሳዕ ክመጽእን ብዛዕባ ሃገረይን ህዝበይን ብቐረባ ክፈልጥን ክኢለ እየ።

ወለደይ ድማ ንጡፋት ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ናይ ኣመሪካ ስለ ዝኾኑ፡ ብቐደሞም ኣብ ዝኾነ ይኹን ሃገራዊ ድዩ ስ ማሕበራዊ ጉዳይ ኣይበኸሩን እዮም። ንዓና እውን ናብ’ዞም ጉዳያት ሒዞምና ይኸዱ ስለ ዝነበሩ፡ እዚ ወህሉል ተመክሮ፡ ብዛዕባ ሃገራዊ መንነትና ጭብጢ መረዳእታ ክንሕዝ ሓጊዙና እዩ። እዚ፡ ከም ወለድና፡ ኣብ ማሕበረ-ኮምና ብንጥፈት ክንዋሳእ ደሪኹና እዩ እብል።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣሕዋተይ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ሳዶር ሓወይ ዘሕደረለይ ጽልዋ ዕዙዝ እዩ። ሳዶር ተስፋማርያም፡ “ሳንድ-ማን ንጉስ” ተባሂሉ ዝፍለጥ ዓቢ ተሰፋ ዝነበሮ ስነ-ጥበበኛ እዩ ነይሩ። ከም ዝፍለጥ ከኣ ብኣድ-ሰብ እዩ ህይወቱ ስኢኑ። ከም ንእሽተይ ሓብቱ መጠን ንሱ፡ ብፍላይ ኣብ’ቶም ኣብ ስደት ተወሊዶም ዝዓበዩ መንእሰያት፡ መንፈስ ኤርትራዊ ሓበን ንኸስርጽ ቀሊል ዘይኮነ ጻዕሪ ክገብር እዕዘቦ ነይረ። ብቐዲ ሂፕ-ሆፕ ዝደረፎም ናይ ትግርኛ ደርፍታቱ ጸለውቲ ነይሮም። ኣነ ኸኣ ኣዝዩ እፈትዎን ከም ሞዴል ናይ ኤርትራውነት እርእዮን ብምንባረይ፡ ሞትን ኣማውታን ሓወይ ከቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ተጽዕኖ ፈጢሩለይ ነይሩ። ብዘኾነ፡ ኣነ ኸኣ ከም ናቱ፡ ንኤርትራውያን መዛኖይ ብእወንታብ ክጸሉ ኣለኒ ዝብል መደብ ሒዘ ክንቀሳቐስ ጀሚረ። ደርፊ ኣይተውህቦይን እዩ። ኣብ ንግዳዊ ሓሳብን ምውዳብ ኣጋጣሚታትን ግን ዝንባለ ስለ ዘለኒ፡ ንፈስቲቫላት፡ ሙዚቃዊ ምርኢታት፡ ምርኢታት ቅዲ ፋሽንን ካልኦት ኣጋጣሚታትን ከም ባይታ እጥቀመሎም።

**ኣብ’ቲ እትነጥፍሉ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ክትገብርዮ ዝጸናሕኪ ቀጥታዊ ኣበርክቶ ከመይ ይመስል?**

ንሓያለይ ዓመታት፡ ኣብ ጉዳያት ኮም ኤርትራውያን ኣብ ኣመሪካ፡ ብንጥፈት ተዋሲአ ኣለኹ። ብዘይካ እዞም ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎም ሸነኻት፡ ብመገዲ ማሕበራዊ ሚድያ እውን፡ ውሑዳት ኣብ ዘይኮኑ ናይ ሃገራዊ መኸተን ካልኦትን ዕማማት፡ ተሳታፍነት ነይሩኒ። “ሓበን ኤርትራ”






ብዙበል ስም ዝፍለጥ፡ ካብ ኣባላት ኮም ኤርትራውያን ኣብ ሎስ-ኣንጀለስ ደገፍ ሰድራ-ቤታት ስዉኣት ዝኾውን ገንዘብ ኣብ ምውጻእ ዝዓለመ ተበግሶ እውን ወዲብ ሰሪሑ። ሮቤል ኣፍወርቅን ካሕሳይ (ሳን K.C.)ን ኣዚ ተበግሶ እዚ ብዘዋግኦ ቀለሶም ኣብ ዓወት ንኽበጽሕ ሓጊዞምኒ እዮም። ኣብ ርእሲ'ዞም ዝወቱራት ኮማውያን ጉዳያት፡ ምናልባሽ ከም ፍሉይ ጉዳይ ክጠቕሶ ዝኽእል፡ ምስ መንእሰይ ኣሕለምሰገድ ዑመር (ኣሕለም) ብሓባር ዝመስረትናዮ፡ ብጉጅለ-ሕድሪ ዝፍለጥ ዋኒን እዩ። መንእሰይ ኣሕለም፡ ኣብ ፍልስፍና ስነ-ቍጽሪ፡ ፊዚክስን ቴክኖሎጂ ሓቢሬታን ጽልዋ ዘለዎም ምርምራትን ዕማማትን ዞካየደ፡ ኣዝዩም ኣገደስቲ ርኽበታት እንተላይ ዘረጋገጸ ኣመሪካዊ-ኤርትራዊ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ኣነን ኣሕለምን ንጉጅለ-ሕድሪ ክንምስርታ እንከለና፡ እቲ ቀንዲ ዕላማና፡ ኣሕለም ዝረጋገጾ ሓድሽ ኣምር ሕውየት ሓመድ (Soil Remediation) ኣብ ኤርትራ ንኽፍተን እዩ። ሕውየት ሓመድ፡ እቶት ኣትክልታዊ ሕርሻ ብዘይ ወሰኽ ድኾዒ ዝኽዕቡተሉ ኣምር ኰይኑ፡ ኣብ ባይታ ከም ዝሰርሕ 100% ርግጸኛታት ኢና። ምኽንያቱ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ብተደጋጋሚ ተፈቲኑ፡ ባህርያውን ክዕቡትን ምህርቲ




ናይ ምሃብ ወጽኢቱ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ቅቡል ኰይኑ ተረኺቡ እዩ። ሓድሽ ኣምር ከም ምዃኑ መጠን፡ ኤርትራ በዚ ቴክኖሎጂ እዚ ንፈለማ ክትስሙ፡ ካብኡ ሓሊፉ፡ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃን መላእ-ዓለምን፡ ቁጠባዊ ይኹን ካልእ ረብሓ ከተረጋግጸሉ ትኽእል እያ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሓድሽ ኢንዱስትሪ ሕርሻ ምምስራት ማለት ድማ፡ ንብዙሓት ሃገራት ሓድሽ ፍታሕ ዘምጽእ እዩ። ስለዚ፡ ኤርትራ እታ ቀዳመይቲ ነዚ ኣምር እዚ ኣብ ባይታ እተተግብር ሃገር ክትከውን፣ ህዝብና ከኣ ናይ ፈለማ ተጠቃሚ ክኾውን ኢና ንህንጥ።

### እሞ ብዛዕባ ትካላዊ ውጥን ጉጅለ-ሕድሪ ግዳ ብዝርዝር ኣዕልልና፤ ኣብ ኤርትራ ክህልዎ ንዝኽእል ኣበርክቶ ከይጉሰኺ?

መደብና፡ ነዚ ሚነራላዊ ባእታ ዝምስርሕ ፋብሪካ ኣብ ኤርትራ ሃኒጽና፡ ምስ መደብ ዘላቒ ልምዓት ሃገርና ብዝመሳሳእ መገዲ ክንሰርሕ እዩ። ጉጅለ-ሕድሪ፡ ዋንኑት ኣእምሮኣዊ ትሕዞ (Intellectual Property) ስለዘለዎ፡ ብመገዲ ምምዕባል መተግበሪ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ (AI)ን ካልኦት ንግዳውያን ሰራሓትን ኣቢልና ዘዋህለልናዮ ንሕርሻዊ ወፍሪ ዝኾውን ገንዘብ ኣሎና። ሕውየት ሓመድ፡ ብፍላይ ንሃገራት ኣፍሪቃ ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነ ሕርሻዊ ኣገባብ ኣብ ምትእትታው ወሳኒ ተራ ክጻወት ይኽእል እዩ። እዚ ኣምር እዚ ንፈለማ ግዜ ኣብ ሃገርም ንኽፍተን ናብ መንእሰይ ኣሕለም እማመ ዘቕረቡ ገለ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ እውን ኣለዉ።

ይኾን እምበር፡ እዚ ሓድሽ ቴክኖሎጂ እዚ መጀመርታ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ጠቓሚ ክውዕል ከም ዘለዎ ኢና ንኣምን። ምኽንያቱ፡ ምስ መንነትና ዝተኣሳሰር ርኽበት እዩ። ፕግዚቦና ኣብ ሃገርና እንተኣውፊርና፡ ኣብ'ዚ መጺእና ክንሰርሕን ንፕግዚባዊ ምቅሊትና መሊስና ኣብ'ዚ ከነውፍሮን ኢና ንሓስብ።

### ጉጅለ-ሕድሪ ብፍላይ ኣብ መንእሰያት ዘተኩረ ገለ ተበግሶ ኣለዎ ዶ?

ዓለምና መመሊሱ ኣብ ቴክኖሎጂ ዝምርኮስ ኣካይዳ እያ ሒዛ ዘላ። ስለዚ መንእሰያት፡ ኣብ ጉያ ቴክኖሎጂ ንድሕሪት ከም ዘይዝሕጡ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ንብዙሓት ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ መንእሰያት በዚ መዳይ ከነሰልጥን ራእይ ኣለና። ሓደ ካብ'ቲ ክንገብሮ እንኽእል፡ መሰረታዊ ንድፊ ሶፍትዌየር (Coding) ዘለዎም ተወዳዳርነት ክብ ከም ዝብል ምግባር እዩ። ኤርትራዊ ቴክኖሎጂያዊ ምህዞ ምትብባዕ፡ ተጠቃሚ ቴክኖሎጂ ናይ እንዳ'ማትና ካብ ምዃን ከድሕነና ይኽእል እዩ። ብዓቢኡ፡ መንእሰያት ንቴክኖሎጂ ይኹን ንግዚኦም ሃናጺ ብዝኾነ መገዲ ክጥቀሙሉን ኣብ ረብሓኦም ከውዕልዎን ክተባብዑ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ብዝገምታ ክትግበር ዝኽእል ካልእ ሕልሚ ናይ ጉጅለ-ሕድሪ እዩ። ፍርያት ተክኖሎጂ ካብ ኤርትራ፡ ብኤርትራውያንን ንረብሓ ኤርትራውያንን ክኾነሉ ዘይክእል ኣብኡት የልቦን። እዚ ድማ ካብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተማሂርና ዝሓለንናዮ እዩ።

### ስዑፍልጡተኛ መንእሰይ ኣሕለምሰገድ ዑመር፡




### ሃገራዊ ጽልዋ ዝሕደርክሉ መንእሰይ ምዃንኪ ጠቒሱልና ነይሩ። ከመይ ዝኣመሰለ ሓብራዊ ራእይ እዩ – ብጽምዶ ንኽትሰርሒ ደሪኹኩም?

ድርኺትና፡ ካብ'ቲ ኤርትራ እትኸተሎ ፖሊሲ ርእሰ-ምርኮሳ እዩ ዝበገሰ። ኣብ ወጻኢ ከም እንነብር መንእሰያት መጠን፡ ንዘለዉና ብሕታውያን ዕድላት ምስ ሃገራዊ ረብሓ ዘተኣሳስር ድንድል ብምፍጣር፡ ንብዙሓት ከማና ዝኣመሰሉ መንእሰያት ክንጸሉ ድልየት ሓዲሩና። ኣነ ዝበልኩ– ብፍላይ እዞም ኣብ ወጻኢ እንነብር ዘለና መንእሰያት ዜጋታት፡ ኪ.ንዮ፡ ኣብ ወጻእን ኣብ ጉዳያት ወጻእን ንኤርትራ ናይ ምውካል ዕማም ክንሰርሕ ይግባእ። ነዞም ሕጂ ብኮማት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ዝግበሩ ዘለዉ ናይ መኹተ፡ ስድራ-ቤታት ስዉኣት ናይ ምጥዋርን ካልኦትን ስራሓት ኣይኮንኩን ኣትሒተ ዝርእዮም ዘለኹ። እዚ ሓድሽ ወለዶ፡ ኣብ'ቶም ወለድና ዘሰላስልዎም ዘለዉ ንጥፈታት ክሕጸር የብሉን እየ ዝበል ዘለኹ። ገሌና ኣብ ረብሓ ሃገርና ከነውዕሎ እንኽእል ፍልጡት ወይ ካልእ ጸጋ ኣሎና። እንተ ገደደ፡ ናብ'ዚ መጺእና መንእሰያት ናይ ምቕላስ ስራሕ ክንዓምም ንኽእል ኢና። ኣብ ፈፍርቂ ዓመት ናብ ኤርትራ እናተማላለስና ገለ ነገር ከነበርክት ዝከኣል እዩ። ስለዚ ኣደህቦ ኤርትራውያን መንእሰያት ወጻኢ፡ ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ቀጥታዊ ጽልዋ ክህልዎም ኣብ ዝኽእል ናይ ውሽጢ ሃገር ንጥፈታት ክኸውን ኣለዎ ኢለ እየ ዝኣምን።

### ኣብ መወዳእታ ንመንእሰያት ከተመሓላልፍሉም እትደልይዮ መልእኽቲ እንተሃልዩ ዕድል ክህበኪ።

ኣቦይሲ “ኣብ ኣመሪካ ዘዕበየኩም ዘለኹ፡ ኣመሪካውያን ንኽትትኩኑ ዘይኮነስ፡ ኣብ'ዚ ሃገር እዚ ንዘሎ ናይ ትምህርትን ካልእን ረብሓ ረኺብኩም፡ ኣብ ጥቓሚ ሃገርኩም ንኸተውዕልዎ እዩ” እናበለ እዩ ኣዕቢዩና። እዚ ንምሉእ ዕድመይ ካብ ኣእምሮይ ዘይሃስስ ዘረባ እዩ። እንታይ እየ ክብል ደልየ – ወለድና ኣብ ሃገር ስደት ክነብሩ እንከለዉ፡ ሃልሃል ዝብል ሃገራውነት እንተ ዘይከይኑ፡ ትምህርታዊ ይኹን ካልእ ዓይነት ጸብለልታ ዝበርዎም ሓደት እዮም። ነዛ ሃገራውነት ከኣ፡ ኣብ ሃገር ስደቶም ኩይኖም ክጉብርዎ ብዝኽእሉ ዘበለ መገዲ ኣርእዮሙና። ብዓቢኡ ኸኣ ንዓና ኣምሂሮም። ክንዲ ዝኾነ –ዘረባ ከይደጋገም– ሓለፉ እቲ ናታቶም ኣበርክቶ ዝጉብር መንእሰይ ዲያስፖራ ክንፈጥር ይግባእ። መዚኑና ንትርጉም ሃገራውነት ብኸም'ዚ መልክዕ ክርድእዎ ኣገዳሲ እዩ። “ኣብ'ዚ እንተ ተዓዊትና፡ ኣብ መጻኢ፡ ብማሕበረ-ፖለቲካዊ ሃዋህው ናይ ስደት ዘይጸዓድ ዝሓየለ መንእሰይ ወለዶ ናይ ዲያስፖራ ክፈሪ ይኽእል እዩ” እየ ዝብል።

### የቐንየልና ሰደን፡

# እሙን ምኳን

በርሀ ኣርኣያ ማና

ብዘይ እምነት ህይወት መቐረታን ትርጉማን እናተበለለ እዩ ዝኸይድ። ሰባት ምስ ኑብሶምን ኣብ መዓልታዊ ርክቦምን እሙናት እንተ ዘይኮይኖም ማሕበራዊ ዝምድናኦም ይሕርፍፍ እዩ። ኣብ ሓቅን እሙንነትን ዘይተመስረተ ህይወት ከኣ ካብ ረብሓኡ ክሳርኡ እዩ ዝበዝሕ። ኣብ ኩሉ ጊዜን ቦታን ብእምነት ዝጓዓዝ ሰብ ኑብሰ ምትእምማኑ እናበረኸን ናብርኡ እናመቀረን ይኸይድ። እሙን ምኳን ምስ ኑብስና፣ ምስ ስድራና፣ ምስ ጎረባብትና፣ ኣብ ትምህርትና፣ ኣብ ስራሕናን ከባቢናን ኮታስ ኣብ ኩሉ ህይወትና መስተርሆት እዩ ዝፈጥር። ብእምነት ሰስርሖም ዘተግብሩ ዜጋታት ዘለዋ ሃገር ከኣ ዕውትቲ እያ። ኣብ ብኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ዝቖመት ሃገር ሓቂ፣ ራህዋ፣ ፍትሒ፣ መስተርሆት፣ ምዕባለ፣ ሓበንን ዓወትን እናተጓናጸፈት እያ ትኑበር።

ምስ ኑብሱ እሙን ዝኾነ ሰብ ንብልጫታቱን ድኽመታቱን ድልየታቱን ፈልዩ ክፈልጦ ስለ ዝኽእል፣ እናተመሓየሸን እናበለጸን እዩ ዝኸይድ። ኣብ ስድራና ወለዲ ወይ ውላድ ኢና፣ ኣኣብቲ ዘለናዮ ተራና ብግቡእ እንተ ኣበርኪትና ምልክት እምነትና እዩ። "ትኣምኖ ልኢኽካ እንታይ ተሪፉኒ ኣይትበል" እኳ ዝበሃል። እሙናት ዝኾኑ ሰብ ሓዳር ናብርኦም ልዙብ እዩ። እሙናት ዝኾኑ ወለድን ውላድን ህይወቶም ቀሊል እዩ። እሙን ምኳን ኣገዳሲ ክብረት ምኳኑ ንኽግለጹ፣ ንሓደስቲ ሰብ ሓዳር ቅድሚ ናብ ሕጽኖቶም ምእታዎም፣ ኣብ ሓዳሮም እሙናት ኮይኖም ቃል ኪዳኖም ናብ ዘጽንዑ ኣብነታውያን ሰብ ሓደር (እንዳ ሒማ) ወሲዶም የመርቕዎም ከም ዝነበሩ፣ ኣብ ባህልና ይዝንቶ እዩ። ንሱ ኸኣ ኣብ ሓዳሮም ንኽጸንዑ ተባሂሉ እዩ። ጽንዓት ከኣ ኣብ እምነት እዩ ዝውሰን።

ኣብ ገዝኦም ኣብ ውሻጢኦም እሙናት ዝኾኑ ስድራ፣ ምስ ጎረባብቶም እሙናት ክኾኑ ባህርያዊ እዩ፤ ምኽንያቱ እሙንነቶም ምስ ጊዜን ኩነታት ዘይቅየር ስለ ዝኾነ። ምስ ከምዚኦም ዓይነት ጎረቤት ምንባርካ ኣዝዩ ጥዑም እዩ። ኣብ እምነት ሓልዮትን ሓቅነትን ስለ ዘሎ፣ ንኑብሶም ክጎድኡ ስለ ዘይሓስቡን ንጎሮቤቶም እውን ክጎድኡ ዝሓስቡ ኣይኮኑን። ምኽንያቱ እሙንነቶም መሰረት ሰላሞምን ዕቤቶምን ምኳኑ ስለ ዝኣምኑ፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጊዜን ቦታን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይእትውዎን እዮም።

እሙናት ዝኾኑ ወለዲ ንደቆም ካብ ብቓሎም ኣብ መዓልታዊ ግብርታቶም ስለ ዘርእይዎም እቶም ውላዶም ከኣ ኣብ ትምህርቶም እሙናት ይኾኑ፣ ኣብ ሰዓቶም ትምህርቲ ይኣትዉ፣ ዝተዋህቦም ዕዮ ብጉቡእን ኣብ ግዚኡን ይዓሙ። ምስ መምሃራኖምን መማህርቶምን ብእምነት ስለ ዝጓዓዙ፣ ኣብ ትምህርቶም ፍቱዋት፣ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ንፉዓትን ዕጉባትን እዮም።

ብኸም'ዚ ኣገባብ ዝዓበዩ፣ ዝተማህሩ መንእሰያት ኣብ ስራሕ ዓለም ምስ ተመደቡ ኣዝዮም እሙናት እዮም ዝኾኑ። ምኽንያቱ ጣዕምን ውጽኢትን እሙን ምኳን ካብ ዝተወልዱላ ጊዜ ኣትሒዞም ኣብ ዝተፍላለየ መድረኻት ህይወቶም ስለ ዘዕበዮም። ንሳቶም ስርሖም መግለጺ መንነቶም፣ ቅሳነቶም፣ ዕቤቶምን ዕቤት ሃገሮምን ዓለምን ምኳኑ ጽቡቕ ገይሩ እዩ ዝርድኦም። ስለ'ዚ ኣብ ዝሰርሕዎ ስራሕ ምስ ሓለፍቶም፣ መሳርሕቶምን ተገልገልቶምን ብእምነት ይዋሰኡ። ምንጪ ተገዳስነቶም ኣብ ስራሕ ንረኣዩሊይ ስምዑሊይ ዘይኮነስ፣ ንውሽጣዊ ሰላሞምን ንእሙንነቶምን ስለ ዝኾነ ብደጋዊ ኩነታት ከይተሰናኸሉ ንኣብ ውሽጦም ዘሎ ብርሃን እዮም ዘብርሁ። ብኸዊሕ ውጥንን ራእን ስለ ዝመሓደሩ፣ ዕላማ ዘለዎም ሰባት ኮይኖም ካብይን ናበይን ይጓዓዙ ከም ዘለዉን ይፈልጡ እዮም። ልዕሊ ኹሉ ክብሪ ስርሖም ስለ ዝፈልጡ ንተገልገልቲ ብግቡእ የግልግሉ። ከከም ኣመጻጽኣኦም ንተገልገልቶም ግቡእ ስርሖም የበርክቱ። መምሃራን እንተ ኾይኖም ንተማሃሮኦም ብግቡእ ይምህሩ፣ ንግዚኦም ብግቡእ ተጠቒሞም ዝሃብዎም ዕዮታት ኣዳቒቖም ይእርሙ። ካብ'ዞም ዝምህርዎም ዘለዉ ገሊኦም ኣመሓደርቲ፣ ገሊኦም መምሃራን፣ ገሊኦም ሓካይምን ኣመሓደርትን ... ወዘተ. ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ስለ ዝፈልጡ፣ ንመጻኢ ኣሚቶም ስለ ዝሰርሑ፣ ተመሃሮኦም ኣብ ዝኸድዎ ብቑዓት ሰባት ክኾኑ ይደልይዎም።

ናይ እሙንነት ኣተሓሳስባ እንተ ዘይብልና ግን ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ኣማረርቲ ኢና ንኸውን። ዘማርር ሰብ ከኣ፣ ሓቅነቱ ብዘየገድስ፣ ወትሩ ጉድለት ናይ ዘለዎ ኩነታት ጥራይ ስለ ዝረኣዩ፣ ናይ ልሙስነት ባህሪ እዩ ዘጥሪ። ጊዚኡ ኸኣ ኣብ ምብርኻት ዘይኮነስ ኣብ ምዕልባጥ እዩ ዘሕልፎ። እንተ ሰርሐ እውን ንስርሑ ብግቡእን ብዕግበት ዝዓዮ ኣይኮነን። ስርሑ ኸኣ ከም ግዴታን መሐለፊ ጊዜን እምበር ከም ንኑብሱ፣ ንሃገሩ ንህዝቡን ንዓለም እውን ከይተረፈ የበርክት ከምዘሎ ኣይርድኦን እዩ። ምኽንያቱ ኪኖ ስርሑ ክሓስብን ከገናዝብን ብራኢን ዕላማን ስለ ዘይወፍር።

ስለ'ዚ እሙን ምኳን ኣብ ኩሉ መዓልታዊ ህይወትና ብዕግበት ክንበርን ንውሽጣዊ ሓይልና በርቢሩ ኣበርክቲ ስለ ዝገብረናን ባህርያትና ክኸውን ይግብኦ። እሙናት ዜጋታት ዘለዋ ሃገር ዕውትቲ ስለ እትኸውን። ብእሙንነቶም ዝተለለዩ ህዝብታት ማንም መጺኡ ክዕብልሎም ኣይክእልን እዩ። ኣብ ዓድምን ኣብ ዝኸድዎ ቦታን ከኣ ኣብ ስራሕ ቀዳምነት ይወሃቡን ይድነቑን። እሙን ምኳን ከም ባህሊ ክሰርጽ ዝኽእልን ዝቕጽልን ሕላገት ዕዉት ሰብን ሃገርን ህዝብን እዩ።

# ዝምድና ጾታዊ ፍቕሪ

## 1 ዝሕታለን ነውጽን ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና

ዝምድና፡ ሓደ ካብ ብዙሓት ኣዕኑድ ህይወት ኮይኑ፡ ደቂ-ሰብ ብኡ ኣቢሎም፡ ጣዕምን መቐረትን ህይወት ከስተማቕሩን ጥዕና ኣእምሮኦም ክሕልዉን የኽእሎም። ገለ ካብ ኣገደስቲ ዝምድናታት ኣብ ህይወት፡ ዝምድና መጻምዲ፡ ዝምድና ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራ-ቤት፡ ከምኡ'ውን ዝምድና ምስ ቅርበት ዘለዎም ኣዕሩኽን መሓዙትን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ዕምቆትን ስጥመትን ዘለዎ ዝምድና፡ ብሓጎስን ደስታን ኣእምሮ የዛኒ። ነቲ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፡ ብሰንኪ ነንበይኖም ምኽንያታት ኣብ መንጎ ሰባት ዝኽሰት ጭንቀት፡ የፍኩስን ጥዑይ ኣእምሮ ኣብ ምውናን ዓቢ ተራ ይጻወትን።

ብኣንጻር'ዚ ዝተጠቕሰ ድማ፡ ዕምቈትን ስጥመትን ዘይብሉ ዝምድና፡ ከምኡ'ውን ብሕልኽላኽን ዘይግሉጽነትን ዝተሸበጠ ዘይቅርዑው እንተ ኾይኑ፡ ብሃንደበት ይኹን ዘገምታ፡ ኣብ ቅልውላው ክኣቱ ይኽእል። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ጓህን ሓዘንን ዝመለለይኡ፡ ብምፍልላይ ዝፍጸም ይኸውን ማለት'ዩ። ስለዚ፡ ብሓደ ወገን ውሁድ ዝምድና ንምሕያል፡ በቲ ኻልእ ወገን ድማ ንምህናጽ ኮነ ምጽጋን ዝምድና፡ ዝግበር ሓገዝ ንዕብየትን ቅሳነትን ጥዕና ኣእምሮ ኣገዳሲ'ዩ።

ዝምድና፡ ከም ኣምር ኣዝዩ ሰፊሕ ኣርእስቲ'ኳ እንተ ኾነ፡ ንሎሚ ዝምድና ኣብ መንጎ መንእሰያት ሰብ-ሓዳር ወይ ፍቑራት ኢና ክንትንትን። ብዙሕ ግዜ፡ ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ሰብ-ሓዳር፡ ብፍላይ ድማ ኣብ መንእሰያት ተጻመድቲ፡ ኣብ ሓጺር ናይ ሓዳሮም ዕድመ፡ ዘይሕጉስን ዘይርጉእን ህይወት ከሕልፉ ይረኣዩ። ጠንቁ ብዘይ ነጸረ ምኽንያት፡ ዝምድናኦም ኣብ ቅልውላው ክኣቱ ይኽእል። ዋላ'ኳ እቶም ጠንቅታት፡ ኣብ ፈለማ ብንጹር ከለልይዎምን ከስተውዕሉሎምን ዘይክእሉ እንተ ኾኑ፡ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ መንእሰያት ሰብ-ሓዳር ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ዕንቅፋታት ተመሳሰልቲ'ዮም። እቲ መሰረታዊ ሽግር፡ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ዝኾነ ክዉንነት ከምኡ'ውን ድሕረ-ምቛም ሓዳር፡ ዋሕዲ ብቑዕ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምድላዋትን'ዩ'ም። እቶም ቀንዲ፡ ጠንቂ ዕንወት ፍቕራዊ ዝምድና እዞም ዝስዕቡ'ዮም፡-

### 1 1.ዓበይቲ ፍጻመታት ህይወት

ድሕሪ ምቛም ሓዳር፡ ብዙሓት ዓበይቲ ፍጻመታት ህይወት'ኳ እንተ'ለዉ፡ ብዘለዎም ርዝነት ደረጃታቶም ኣብ ድሕረ-ምምስራት ሓዳር ዝውሰኹን፡ ንቀጻልነት ምቅርራብ ተጻመድቲ ኣቃሊልካ ዘይረአ ጽልዋ ስለ ዘለዎም፡ ንዕብየትን ቀጻልነትን ዝምድና ተጻመድቲ ዘይከሓድ ተራ ኣለዎም። ምውላድ ቈልዓን መስርሕ ኣተዓባብይኡን፡ ኩነታት ስራሕ ማለት ምስንኻልን ስእነትን ስራሕን፡ ከም ቀንዲ ዓበይቲ ፍጻመታት ህይወት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ንኣብነት፡ ንምውላድ ቈልዓን ኣተዓባብይኡን እንተ ርኢና ኣብ ቅርበትን ዕምቆትን ፍቕሪ ተጻመድቲ፡ ብኣሉታ ክጸሉ ዓቢ ተኽእሎ ኣለዎ። ቈልዓ ምስ ዝወለድ፡ ብዘይካ እቲ ኣብ ኣተዓባብይኡ ዘሎ ሃለኽለኽ፡ ንፍቑራት ዝነበሮም ሓድ-ሕዳዊ ኩለንትናዊ ፍቕሪ ክንክየሎም ይኽእል። ከም'ቲ ኣብ ሕሉፍ እዋናት ፍቕራዊ ጉዕዞኦም፡ ዘታተይዎ መባእታዊ ሓዳር፡ ቀጻሊ ሓደ ነቲ ካልእ ዝህቦ ግዜ ክጎድል ወይ'ውን ክዝሕትል ይኽእል። እቲ ኣቐዲሞም ዘስተማቐርዎ ክልተኣዊ ፍቕራዊ ስምዒት፡ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ለጠቕ ይብል። ሽዑ፡ ኣብ ክንዲ ሽግራት ንምፍታሕ ምብህሃል ዝገብሩ፡ ንሓድ-ሕዶም ኣብ ምውንጃል ከምኡ'ውን ተገዳስነት ምጉዳል የርእዩ። ብድሕር'ዚ ድማ ብዘገምታ እናዓበየ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ይድይብ'ሞ፡ ዝምድና ተጻመድቲ ይበትኽ። እዚ ማለት ግን፡ ምውላድ ቈልዓ ጠንቂ ዘይምስምማዕ ይኸውን ማለት ከም ዘይኮነ ምግንዛብ የድሊ። እኳ ደኣ እቶም ተዳልዮምሉ ዝጸንሑ ወይ'ውን ነቲ ጉዳያት ብምብህሃልን ተገዳስነትን ዝኣለይዎን፡ ቈልዓ ምውላድ ድርዒ ፍቕሮም ብምዃን፡ ምዉቕ ስድራ-ቤት ክውንኑ ይሕግዞም።

ብዘይካ'ዚ ዝረአ ምጉዳል ሓድ-ሕዳዊ ተገዳስነት፡ ኵነታት ስራሕ'ውን ብሜላ እንተ ዘይተታሒዙ ስምብራቱ ቀሊል ኣይኮነን። ስእነት ስራሕ ወይ'ውን ትሑት ደረጃ ስራሕ ምህላዉ፡ ጠንቂ ጸቕጥን ጭንቀትን ክኸውን ይኽእል። ካብዚ ሓሊፉ'ውን፡ ኣብ መንጎ'ቲ ግዳይን መጻምድቱን ምሕርፋፍ ዝምድና ከስዕብ ይኽእል።

### 1 2.ኣብ ጾታዊ ዝምድና ዘይምዕጋብ

ኣብ ጾታዊ ዝምድና ዘይምዕጋብ፡ ሓደ ካብ ተኣፈፍቲ ሸነኻት፡ ፍቕራዊ ህይወት ተጻመድቲ'ዩ። ምኽንያቱ፡

ነቲ ጉዳይ ይትረፍዶ ዓው ኢልካ ክትዛረበሉ፡ ኣብ መንጎቶም ክልተ ተጻመድቲ ዝተርፍ ምስጢር’ውን እንተኾነ፡ ብግሁድ ምዕላል ልሙድ ኣይኮነን። ናይ ሓቀኛን ነባርን ፍቕሪ መሰረት፡ እቲ ዝምስረት ሓዳር ኣብ ኩሉ መዳያቱ፡ ናይ ተጻመድቲ ግሉጽነትን ኢሂን-ምሂን ምብህሃልን ክህልዎ ምስ ዝኽእል’ዩ። ፍቑራት ነዚ ዛዕባ ተኣፋፊ ምዃኑ ተረዲኦም፡ ብተፈጥሮ ንዝተመጠወሎም ህያብ፡ ብዘይ ነብሰ-ፍትወት ባህታ ብዝፈጥር ምንቕቓሕን ምዕጋብን ስምዒት፡ ንኽልቴኦም ብዝጥዕም ኣገባብን ምቹእ እዋንን ተጠቒሞም፡ ጾታዊ ባህግታቶም ብሓባርን ሓድ-ሕዳዊ ምትሕልላውን ስምዒቶም ከርውዩ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ጾታዊ ርክብ ብዘይካ ምቕጻል ዘርኢ ወይ ምርዋይ ባህጊ፡ ኪንዮኡ ዝኸይድ ባይታ ጥምረትን ሕድግትን ብምፍጣር፡ ኩራ’ውን የህድም’ዩ።

ይኹን ደኣ’ምበር፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ኣብ ግምት ከየእተኻ፡ ንዓይ ይጥዓመኒ ብዝብል ኣመለኻኽታ፡ ውልቃዊ ርውየትካ ጥራይ ምስ እተቕድም ሳዕቤኑ ቀሊል ኣይኮነን። ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን፡ ኣብ ምንቕቓሕ ኮነ ምብጻሕ ጥርዘ-ስምዒት፡ ሓደ ዓይነት ኣይኮነን። ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ ምልዕዓልን ምንቕቓሕን ጾታዊ ስምዒት ቅልጡፋት’ዮም። ደቂ-ኣንስትዮ ድማ በንጻሩ ጾታዊ ስምዒተን ክሳብ ዝነቓቓሕ ይድንጉያ። ነዚ ካብ ዘይምርዳእ፡ ሓድ-ሕዳዊ ምትሕልላው ብዘይብሉ፡ ሓባራውን ዘገምታውን ምንቅስቓስን ምስ ዘይውሰድ፡ እቲ ርክብ ብናይ ሓደ ወገን ዘይምዕጋብ ይዛዘም።

ከም ውጽኢቱ ድማ ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ ነቲ ዘይዕግበቶም ብኻልእ መገዲ ክገልጽዎ ይፍትኑ። ንኣብነት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ናይዚ ግዳይ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ዓዉ ኢለን ክዛረባ’ውን ስክፍታ ስለ ዝስምዐን፡ ዝተፈላለየ ዘይሕጉስ መንፈስ የንጸባርቓ’ሞ፡ ኣብ ቀጻሊ ገርጨውጨውን ዘይምስምማዕን ይኣትዋ። ነቲ ጠንቂ ብቐሊሉ ከተለልዮ ኣጸጋሚ ይኸውን። ብዘይካ’ዚ ብፍላይ



ኣብ ዘይማዕበሉ ሕብረተ-ሰባት፡ ብሰንኪ ድሑር ኣመለካኽታ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ስራሕ ገዛ ዓቕኑ ብዝሓለፎ ሃለኽለኽ ተጻሚደን ይውዕላ። ኣማስያኡ ብድኻም ስለዝስነፋ፡ ናይ ስጋዊ ርክብ ሸውሃተን ይደክም። ኣብ ከምዚ ኩነት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ ዕጹው ሸውሃት ስጋዊ ርክብ ንስምዒተን ከይተረድኡ፡ ዊንታኦም ከርውዩ ዝፍትኑ’ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ስለዚ እዚ ዛዕባ ተኣፋፊ ከም ምዃኑ መጠን፡ ንዝምድና ከሐርፍፎን ከዛሕትሎን ስለ ዝኽእል ክሕሰበሉ፡ ከምኡ’ውን ተላዚብካ መፍትሒ ክናደየሉን ይግባእ።

## 13. ፋይናንስያዊ ጸገማት

ፋይናንስያዊ ጸገማት፡ ድሒሩ ዝኽሰት ተርእዮ’ዩ። ብፍላይ ድማ ነቶም ሓደስቲ ብርኪ ዝወጹ ሰብ-ሓዳር፡ እናሰደሩ ከምኡ’ውን ናብራኦም እናገፍሐ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ከጋጥም ይኽእል። እዚ ፋይናንስያዊ ጸገማት፡ ብኽልተ መገዲ ክግለጽ ይከኣል። እቲ ቀዳማይ ኣብ ብዙሓት ሓደስቲ ሰብ-ሓዳር ዘጋጥም ኮይኑ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ወይ ትሑት ኣታዊ፡ እታ ስድራ-ቤት ድሌታን ዊንታኣን ካብ ምግባር ትዕንቀጽ ማለት’ዩ። እዚ ድማ ነቲ ዝምነይዎን ክገብርዎ ዝብህጉ፡ ካብ ምፍጻም ስለ ዝኽልክሎም ውሽጣውን መንፈሳውን ዘይዕግበት ይፈጥረሎም። ከም ውጽኢቱ፡ ብዝጠቕምን ዘይጠቅምን ነገራት ገርጨውጨው እናበሉ፡ ምስምማዕ ክሳብ ዝስእኑ ይኾኑ። እቲ ካልኣይ ድማ፡ ንሱ ብዘስዕቦ ጸቕጥን ምንዋጽ ኣእምሮን፡ ገለ ስድራ-ቤታት ዋላ’ኳ ቁጠባዊ ጸገም ኣይሃልወን፡ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ርድኢትን ኣመለኻኽታን ኣብ ፋይናንስያዊ ምሕደራ፡ ብዘይ ስምምዕ ዝግበር ወጻኢታት፡ ገንዘብ ብምህላኽ’ውን ተጻመድቲ ኣብ ቀጻሊ መረረን ምግርጫውን ክኣትዉ

ይኽእሉ።

## 14. ጎነጽ

ብልሙድ ኣበሃህላ፡ ጎነጽ ዘሰነዮን ዝኸበቦን ሓዳር ምስ ዝኸውን፡ “ሓዳር ዶ ሕዳር?” ተባሂሉ’ውን ይግለጽ’ዩ። ጎነጽ ኣብ ዝመለለይኡ ሓዳር፡ ምብህሃል የለን። ምብህሃል እንተ ዘየለ ድማ ምርድዳእ’ውን ኣይህሉን። ብሰንክ’ዚ ድማ፡ ፍቕራዊ ስምዒት ይዝሕትል። ኣብ ሙብዛሕትኡ እዋን ጎነጽ ናይ ዝመለለይኡ ሓዳር፡ ግዳይ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ’ኳ እንተ’ኾና፡ በቲ ቀጻሊ ዝናኸስን ዝጉህርን ሓዊ፡ እቶም ዝውለዱ ቈልዑ’ውን ብስክፍታን ሕማቕ ኣብነትን እናተለበለቡ ይዓብዩ። ብዘይካ’ቲ ጎነጽ ዘኸትሎ ኣካላዊ መጉዳእትን በሰላን፡ ኣብ ስነ-ኣእምሮ እቶም ግዳያት ዝምዕብል ኣሉታዊ ሳዕቤን፡ ንቐጻልነት ዝምድና ተጻመድትን ደቆምን ዝበኣሰ ይገብሮ። ምኽንያቱ፡ “ኣነ ቅኑዕ’የ።” ምባል እንተዘይኮይኑ፡ ሓድ-ሕዳዊ ምብህሃል ስለዘየለ።

ብዘይካ’ዚ፡ ብምግንፋል ሕርቃንን ነድርን ዝብገስ ጎነጽ፡ ብሰንኪ ኑብሰ-ፍትወት ዝዓብለሎ፡ ድኹም ሕልና ዘሰላሰሎ ክቱር ናይ ስጋዊ-ርክብ ህርፋን፡ ዝግበር ጎነጽ እዩ። እዚ ማለት፡ በዓልቲ ቤትካ ቅርብቲ ኣብ ዘይኮነትሉ እዋን፡ ንጾታዊ ርክብ ምስግዳድን ንድሌታ ዘይምርዳእን’ዩ። እዚ ድማ፡ ዋላ’ኳ ኣብ ርዝነት ናይ’ቲ ተግባር ዝምርኮስ እንተ ኾነ፡ ንዝምድና ክበትኮ’ውን ስለዝኽእል፡ ኣቐዲምካ ብምስትውዓል ክረአ ተመራጺ’ዩ።

## 15.ካብ ኪዳን ወጻኢ ዝምድና

ቃል-ኪዳን ወይ መርዓ፡ ምልክት ምትእስሳር እምነት ናይ ክልተ ኣንጻር ጾታ ዝግበር ዝምድና ወይ ፍቕሪ’ዩ። ስለዚ፡ ብዝኣተኻዮ ውዕል ቃል-ኪዳን መሰረት፡ ምስ መጻምድኻ ብእምነት ተጣሚርካ፡ ንምሉእ ህይወትካ ከተሕልፎ፡ ኣብ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ እዋናት፡ ተኻፋሊ ብምኳን ጸኒዕካ ክትነብር ዘገድድ ተግባር፡ ትርጉም ሓቀኛ ፍቕሪ ኢልና ክንሰምዮ ንኽእል። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ብሓደ ወገን ናይ’ቶም ተጻመድቲ፡ እንተ ብዕላማ ወይ’ውን ብሸለልትነት፡ ካብ ኪዳኑ ወጻኢ ዝኾነ ኣዝዩ ቅርበት ዘለዎ ተራ ዝምድና ወይ ድማ ግሁድ ዝሙት ምስ ዝፍጽም፡ እቲ ንዕምሪ ምሉእ ኣልፋን-ኦሜጋን ዝተባህለ ፍቕሪ፡ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ዝሙት ኮነ ኣብ ልዕሊ ሓዳርካ ዝፍጸም ድርብ ዝምድና፡ ብሃይማኖት ኮነ ባህሊ ዋላ’ውን ብሕጊ ኣነዋርን ውጉዝን ስለዝኾነ’ዩ። እዚ ኣነዋርን ካብ ስነ-ምግባር ወጻእን ተግባር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ንሰብ-ሓዳር ዘጋጥም ዋላ’ኳ እንተ’ኾነ፡ ብሜላ ኢሂን-ምሂን ብምብህሃል፡ ንጌጋኻ ተኣሚንካ ልባዊ ይቕሬታ ምሕታት ምስ ዘይህሉ፡ ረዚን ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከኸትል ይኽእል። ምኽንያቱ፡ እምነት ኣብ ዝጎደሎ ዝምድና ፍቕሪ’ውን ይዝሕትል’ዩ። ቅልጡፍን ጥንቁቕን ኣተሓሕዛ ምስ ዘይግበረሉ ድማ፡ ንሓዋሩ ይዓኑ።

## 16. ሕማም

ኣካላውን ኣእምሮኣውን ሕማማት፡ ኣብ ሓደ ወገን ናይ ተጻመድቲ ቀጻሊ ወይ’ውን ንነዊሕ እዋን ብተደጋጋሚ ምስ ዘጋጥም፡ ምሕርፋፍ ዝምድና ከስዕብ ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ቀጻሊ ምእላይን ምክትታልን ሕሙም፡ ነቲ ካልኣይ ኣካል ከድክሞን ከሰልችዎን፡ ጸኒሑ’ውን ምስ ገዛእ-ርእሱ ከም ዘማርር ክገብሮ ይኽእል። ዋላ’ኳ ኣብ ሃገርና ከምዚ ዓይነት ሽግር ልሙድ እንተዘይኮነ፡ እቶም ውሑዳት ከምዚ ዘጋጥሞም ግን ንትርጉም ቃል-ኪዳኖም ክግዝኡ ይግባእ። ምናልባት ከምዚ ዓይነት ጸገም፡ ኣብቶም ብውልቃውነት ዝተዓበለሉ ሕብረተ-ሰባት ዝረአ’ኳ እንተ ኾነ፡ ብሰንኪ ግሎባላውነት ዘምጽኦ ጽልዋ፡ ኣባና’ውን ከይተረፈ ብትሑት ደረጃ ይረአ ብምህላዉ፡ ክንጥንቀቐሉ ይግባእ።

## 17. መስተን ካልእ ወልፍታትን

መስተን ካልኦት ኣወለፍቲ ነገራትን፡ ብንጹርን መገዲ ካብ’ቶም ንዝምድና ፍቑራት ሰብ-ሓዳር ዘላሕልሕ ምኺኑ ዝተረጋገጸ ሓቂ’ዩ። ዋላ’ኳ ኩሎም ግዳያት ናይ’ዚ ወልፊ፡ ኣብ ጎነጽ ይኣምኑ’ዮም እንተ ዘይተባህሉ፡ ብሰንክ’ዚ ኣወላፊ ባእታ ዘልብሶም ባህርያት፡ እቲ ኣብ መንጎ ፍቑራት ክህሉ ዝግባእ ምቅርራብ የዋስንዎ’ዮም። ንኣብነት ምስ ናይ ሃገርና ኩነታት ብምስናይ፡ ‘መስተ’ ከም ሓደ ግኑን ወልፊ ክጥቀስ ይከኣል። ብሰንኪ ዓቐኑ ዝሓለፈ መስተ ምስታይ፡ ኣብ ዝምድና ሰብ ሓዳር ክህሉ ዝግባእ ኩለንትናዊ ፍቕሪ ክብረዝ ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ሓደ ቀጻሊ ብመስተ ተሰኒፉ ዝኣቱ ሰብ፡ ኣብ ዕብየት እታ ስድራ ተራኡ ኣየበርክትን’ዩ። ግዜኡ ክሰቲ ስለዘሕልፎ ንገዝኡ ኣምስዩ ይኣቱ። ንኣባላት ስድራ-ቤቱ ኮነ በዓልቲ ቤቱ እኹል ዝኾነ፡ ኩለንትናዊ ፍቕሪ ክልግስ ኣይክእልን። እቶም ዝወልዶም ቈልዑ እንተ ኾነ እውን፡ እኹል ናይ ኣቦ ምእላይ ስለ ዘይረኽቡ ስምዒቶም ይጉድኡ።

ብዘይካ’ዚ ዝተጠቐሰ መስተ፡ ካልኦት ወልፍታት እውን ብገንዘብ ተሸሚቶም ስለ ዝመጽኡ፡ ዓቢ ቁጠባዊ ዕንወት ከውርዱ ይኽእሉ። ስለዚ፡ መስተ ኮነ ካልኦት ኣወለፍቲ ነገራት፡ ኣዕነውቲ ዝምድና ክሳብ ዝኾኑ ኣብ ምውጋዶም ክንዓዪ ይግባእ።

## 18. ተራ ተጻመድቲ፡ ኣብ ምጽጋን ዝምድና

ዝሕታለን ነውጽን ፍቕራዊ ዝምድና፡ ብዘይ ዝኾነ መበገሲ ክመጽእ ከም ዘይክእል፡ ካብ'ዚ ዝተጠቐሰ ጠንቅታት ክንርድኦ ይከኣል'ዩ። እዚ ማለት ግን፡ ኩሎም ዝጠቐስናዮም ጠንቅታት፡ ኣብ ሓደ እዋን'ዮም ዘጋጥሙ ንምባል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ድምር ናይ'ዞም ኩሎም ጠንቅታት ዝፈጥሮ ሳዕቤን፡ ንሓዳር ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ከቐጽሎ ኣይክእልን። እትረፍ ኩሎም፡ ሓደ ካብ'ዞም ዝጠቐስናዮም ኣብ ምልሕላሕን ምብታኽን ዝምድና፡ ዓቢ ረቛሒ ምዃኑ ክንግንዘቦ ይግባእ። ስለዚ፡ ሰብ ሓዳር ክስተውዕልሉ ዝግባእ፡ ኩሎም እዞም ዝጠቐስናዮም ሽግራት፡ ኣብ ሓዳሮም ብሓንሳብ ኪጋጥሙ ክጽበዩ ኣይግባእን። ሓደ ካብ'ዞም ዝጠቐስናዮም፡ ንምሕርፋፍ ዝምድና እኹል ምዃኑ ተረዲኦም፡ ጠንቂ ዘይምስምማዖም ሃሰው ክብሉ ይግባእ። ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ ብሰንኪ ሓደ ወይ'ውን ካብኡ ንላዕሊ ብንጹር ዘይተገንዘብዎን ዘየስተውዓሉሉን ሽግር፡ ሓዳሮም ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይኽእል እዩ። እንተ ኾነ ግን፡ ብስንባደ ወይ ቅብጸት ሕልናኦም ክዕርቡ ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሓዳር ዘይምስምማዕን ግርጭትን ኪጋጥም ባህርያዊ'ዩ። ነዚ ብምግንዛብ፡ ጠንቁን መፍትሒኡን ንምንዳይ፡ ዳግማይ ዝምድናኦም ኣብ ምህናጽ ኣተኩሮም ምስ ዝሰርሑ ክዕወቱ ይኽእሉ። ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ እዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ብምኽታል፡ ሽግሮም ከለልዩን ንዝተሰበረ ዝምድና ክጽግኑ ይኽእሉ።

## 21. ምልላይ ጸገም

ኣብ መንጎ ሰብ-ሓዳር፡ ጠንቁ ብዘይ ተፈልጠ ምኽንያት፡ ዘይምስምማዕን ገርጨውጨውን ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ምፍልላይ ኪጋጥም ይኽእል። ምናልባት፡ ምስ'ቲ ቅድመ-ምቛም ሓዳር ዋላ'ውን ብድሕሪኡ ዘሕልፍዎ ዝነበሩ ምቁርን ዘይምኖ ዝምድናን ብምንጽጻር፡ በቲ ድሕሪ ዝተኸስተ ዘይምቅዳው ዓቕሎም ከጽብቦን ሓጺር ክሓስቡን ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ዝኾነ ይኹን ዝመጽእ ሳዕቤን ወይ ኣጋጣሚ ናቱ ጠንቂ ከም ዘለዎ ተገንዚቦም ንምልላዩ ክጽዕሩ ይግባእ። ኣብ መዓልታዊ ህይወት ናይ ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናገደደ ዝኸይድ ዘይምስምማዕን ዘይምውህሃድን ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ጠንቂ ሽግሮም ንምልላይ ብሓባር ኮፍ ኢሎም፡ ብናጻን ካብ ስምዒት ወጻኢ፡ ጠንቂ ዘይምስምማዖም ኮይኑ ዘሎ ነገር ንኸፈልጡ ሃሰው ክብሉ ይግባእ። ፍቑራት፡ ንብሕቶም ብርጉእ መንፈስ ኣብ ዝረዳድኡሉ እዋን፡ ምትህልላኽ ኮነ ንግብረ-መልሲ ተቐሪብካ ናይ ምጽናሕ ባህሪ ክርእዩ ኣይግባእን። ህድኣት ብዝዓሰሎ መንፈስ እናተወሓሓጡ፡ ነቲ ብኽልቴኦም ዝፈለጦ ርእይቶ ብእወንታዊ ኣተሓሳስባን ከምኡ'ውን ምግራጭ ከየርኣዩ ክላዘቡ እንኮ ተመራጺ መገዲ እዩ። ምኽንያቱ፡ በዚ መገዲ ስምዒቶም ተቖጻጺሮም ክትዕ ኣወጊዶም፡ ምብህሃል ኣዘውቲሮም፡ ሽግራቶም ክፈትሑ ይሕግዞም። ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ተኸቲሎም፡ ብወለንታን ሰናይ ድልየትን ንብሕቶም ክረዳድኡ ስጉምቲ ምውሳዶም ጥራይ፡ ኣብ ምህናጽ እተሰበረ ዝምድና፡ ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት እዩ።

## 22. ምንዳፍ ኣፋዊ-ሕግታት

ምንዳፍ ወይ ምቛም ኣፋዊ-ሕግታት፡ ከም ሓደ ቀይዲ መግበሪ ገይርና፡ ብኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ክንርደኦ ኣይግባእን። ፍቑራት ሰብ-ሓዳር ሽግራቶም ምስ ኣለለዩ፡ ተኸቲሎ ዝመጽእ ናይ ሓዳር ቅዋም ዝመስል ኣገባብ ኮይኑ፡ ንኻልኣይ ግዜ ከይጋገዩ የዘኻኽሮም። ፍቑራት ድሕሪ ዝገብርዎ ምብህሃል፡ ሽግራቶም ምስ ኣለለዩ፡ ንኣብነት፦ ሰብኣይ ቀጻሊ መስተ ናይ ምስታይን ምምሳይን ጸገም ነይርዎ ንበል፡ በዓልቲ-ቤቱ ድማ ኣምሳያ ናይ'ዚ ተገሪጫ እትምልሰሉን ኣተኻ-ወጻእካ ምባል እተብዝሓሉን ነይራ ንበል። እዚ ድማ ናብ ቀጻሊ ዘይምቅዳው የምርሖም ነይሩ ማለት'ዩ። ስለዚ፡ እቲ ጸገም እዚ እንተ ነይሩ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ንድፈ-ሕጊ ክሰማምዑ ይኽእሉ። ብወገን እቲ ሰብኣይ ኣምሲኻ ምእታው፡ ቀጻሊ መስተ ምስታይ ከቋርጽ ወይ ክንክየሉ፡ ብወገን በዓልቲ ቤቱ ድማ ምጭቕጫቕ ክተቋርጾ ዝብል ሕጊ ብምንዳፍ፡ ካብ ጌጋታቶም ርሒቖም ሓድሽ ባህሪ ክሃንጹ ይሕግዞም። እዚ ግን ኣብ ሕልናኦም ክርዕምዎ ደኣ'ምበር፡ ብጽሑፍ ሒዞም ይጸባጸቡ ማለት ኣይኮነን።

## 23. ኢሂን-ምሂን ምብህሃል

እዚ'ውን ሓደ ካብ'ዞም ኣገባባት ኮይኑ፡ ኣብ ምሕያልን ምህናጽን ዝምድና ፍቑራት ሰብ-ሓዳር ሓድ-ሕዳዊ ዝርርብ ምግባር፡ ኣብ ሓዳሮም ንዘጋጥም ሽግራትን ጸገማትን ክኣልዩን ዝምድናኦም ድማ ከዕርዩን ይሕግዞም። ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ ዝተወሰነ ግዜ ብምምዳብ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተ ተኻኢሉ ቀጻሊ ዝኾነ ሓባራዊ ዕላል ናይ ሓዳሮም ኣጋጣሚታት ምስራዕ፡ ቅርበት፡ ስጥመት፡ ፍትወት፡ እምነት ሓድሕዶም ከዛይዱን ከምኡ'ውን መፍትሒ ሽግራቶም ዝኾኑ፡ ሃነጽቲ ሓሳባት ኣብ ምምዕባል ይጠቕሞም፡፡ ኢሂን-ምሂን ምብህሃል፡ ፍቑራት ሰብ-ሓዳር ኣብ ግዜ ምዝሕታል ዝምድናኦም ጥራይ ከማዕብልዎ ዘይኮነስ ዋላ'ውን ዝምድናኦም ኣብ ንቡር ኩነታት እንተ'ሎ፡ ከም ሓደ ክፋል ንጥፈታት ናይ ሓዳሮም ክወስድዎ ይግባእ። ካብቶም ኣገደስቲ ኣገባባት ምብህሃል

ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ ኣብ ምምሕያሽን ምዕባይን ዝምድና እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

## 23. ሀ. መዓልታዊ ዝርርብ

መዓልታዊ ካብ 20 ክሳብ 30 ደቓይቕ፡ ናይ ምብህሃል እዋን ከሕልፉ ይግባእ። እዚ ብዛዕባ ኩለንትናዊ ሓዳሮም ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብኡ ወጻኢ ኢሎም፡ ነቲ ኣብ'ታ መዓልቲ ዘሕልፍዎ ዘሐጉስ ኮነ ዘሐዝን ወይ ዘስሕቕ ፍጻሜታት፡ ኣብ ኑሓድ-ሕዶም ብምክፋል ክዛነዩ ይግባእ። ልክዕ ከምቲ ምስ ተራ ዓርኪ-መሓዛ ዝዕለል፡ ዕለታዊ ፍጻመታት ይኹን ካልእ መሰጥቲ ጉዳያት እናልዓሉ ክዕልሉ የድሊ። እዚ ምግባሮም ድማ ከም ነዳዲ ኮይኑ ንፍቕሮም ከቐጽሎ ይኽእል።

## 23. ለ. ምክፍፋል ንጥፈታት

ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ በብወገኖም ዘበርከትዎ ንጥፈታት'ኳ እንተ'ሎ፡ ምክፍፋል ንጥፈታት'ውን ኣገዳሲ'ዩ። ባህላዊ ኩነታትና፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዘቤታዊ ዕዮ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ኣብ ናይ ግዳማዊ ዕዮ ጽሙዳት ዝገብር ኮይኑ'ኳ እንተ ጸንሐ፡ ምስ ምርግጋጽ መሰላትን ማዕርነትን ተሳንዩ ዝመጸ፡ ደቂ- ኣንስትዮ ካብ ገዛ ወጺኦን ዕለታዊ ንጥፈታት ከካይዳ ልሙድ ካብ ዝኸውን ውሑድ ኣየቑጸረን። ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብቲ ናይ ግዳም ዕዮ ክዋፈራ ብምብቅዐን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምሕያልን ዕብየትን ሓንቲ ስድራ፡ ምክፍፋልን ምልውዋጥን ንጥፈታት ክግበር ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት፡ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ብኽቱር ዕዮ ኣብ ገዛ ተወጢጣ ከላ፡ እቲ ወዲ-ተባዕታይ ኢዱ ኣጣሚሩ ኣብ ክንዲ ምዕዛብ፡ ብውሑዱ ቆልዓ እንተ ኣዘናግዐ ተመራጺ'ዩ። ብዙሓት ሊቃውንቲ ስነ-ልቦና ከም ዝሕብርዎ፡ ምክፍፋል ዕዮ ኣብ ምህናጽ ስምዒታዊ ጥምረትን ውህደትን ተጻመድቲ፡ ዓቢ ተራ'ዩ ዝጻወት።

## 23. ሐ. ናይ ምዝንጋዕ ኣጋጣሚታት ምፍጣር

ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ ካብቲ መዓልታዊ ህይወትን ሃለኽለኽ ዝበዘሖ ናብራ ወጺኦም፡ ንኣእምሮኦም ከሐድሱን ከዘናግዑን፡ ንዝምድናኦም ድማ ዘትርር ፍሉይ ኣጋጣሚታት ብምስራዕ፡ ምንጪ ሓጎስን ባህታን ክፈጥሩ ይግባእ። ህይወት፡ ዝያዳ ብለውጢ ክትዓግብ ናይ ምድላይ ባህጊ ስለ ዘለዋ፡ ካብቲ ንቡር ዕለታዊ ህይወት ዝተፈልየ ናይ ምዝናይን ምዝንጋዕን ኣጋጣሚታት ብምፍጣር፡ መቕረታ ከስተማቕሩ ምፍታን፡ ካብ ምስልቻው ከናግፎም ይኽእል። እዚ ድማ ፍቑራት ሰብ-ሓዳር፡ ርሱን ሓድ-ሕዳዊ ውሸጣዊ ባህጊ ከም ዝሓድሮም ይገብር።

ኣብ መወዳእታ፡ ተጻመድቲ ብዝኸተልዎ ኣገባባት ምብህሃልን ብሓባር ናይ ምዝናይ እዋናቶምን፡ ክፉትን ልዑልን ሓድ-ሕዳዊ እምነትን ስለ ዘማዕብሉ፡ ነቲ ተኣፋፊ ዝበሃል ጾታዊ ዝምድና'ኳ ከይተረፈ ብዘገምታ ክዛራረቡሉ ይኽእሉ። ሕቶ ጾታዊ ርክብ፡ ብነጻን ብዘይ ስክፍታን ክዝተየሉ'ውን ትብዓት ይረኽቡ። ከም ውጽኢቱ ድማ ጣዕመ ፍሪኡ ከስተማቕሩ ይኽእሉ።

ሮቤል ምሕረትኣብ

መወከሲ፥ ካብ መጽሓፍ “when there is no psychiatrist ብቬክራም ፓተል



# ግደን ኣገዳስነትን
# ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ

እሙና ሳልሕ

ስሩዕ ምንቅስቓስ መሰረት ምንጪ ጥዕና'ዩ። ኣካላት ወዲ ሰብ ብባህሪ ክንቀሳቀቐስ፡ ክዝርጋሕ፡ ክንዩ ዝተነድፈ'ዩ። ድልዱል፡ ተዓጻጻፊ፡ ብግቡእ ደም ትጭንጉዕ ልቢ ምህላው፡ ዝድነቐ ስምዒት ዝሁብ ኮይኑ ንረኽቦ። ምንቅሳቓስ ኣካላት ከም ኣካል መዓልታዊ ንጥፈታት ክስራዕን ግምት ክወሃቦን ይግባእ። ነዚ ንምትግባር ድማ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ድሲፕሊን ክማዕብል ይግባእ።

ምንቅስቓስ ኣካላት ክብደት ንምንካይ ኣገዳሲ ሜላ'ዩ። ገለ ሰባት ኣብ ምንቅስቓስ ኣካላት ጌጋ መረዳእታ ዘለዎም ኣይሰኣኑን እዮም። ኣብ ስድራ ናይ ሕማም ልቢ ድሕረ ባይታ ምስ ዝህሉ ምንቅስቓስ ኣካላት ኣየድልን፣ ምኽንያቱ ሕማም ልቢ ስለ ዝፈርሑ ዝብል መረዳእታ ዘለዎም ሰባት ኣለዉ። እዚ ግን በንጻሩ ምኳኑ ተገንዚብና ስሩዕን ምስ ጥዕናና ዝሳነ ምንቅስቓስ ኣብ ምዝዉታር ክንቁጠብን የብልናን።

ገለ መጽናዕታት ከም ዝሕብርዎ ጽቡቐ ክስመዓካ፡ ብቑዕ ኣካላት ክትውንን፡ ምንቅስቓስ ኣካላት ዘለዓለ ግደ ኣለዎ። መጠናዊ ኣካላዊ ንጥፈት ዘለዎም ሰባት፡ ካብቶም ዘይንቀሳቐሱ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ይውንኑ፦

- ዝተሓተ ናይ ኩሉ ዓይነታት መንሸሮ መጥቃዕቲ ይህሉ
- ዝበለጸ ወይ ዝሓሸ ስርዓተ ተጻውሮ ይውንኑ።
- ኣብ ደቀንስትዮ፡ ንናይ ጡብ መንሸሮ ናይ ምጥቃዕ ዕድለን ብ37 ሚእታዊት ለጠቐ ዝበለ'ዩ
- ብቑዕ ኣካላት ዘውንኑ፡ ምንቅስቓስ ዘዘውትሩን ብሸውዓት ዓመት ብሂወት ናይ ምጽናሕ ዕድሎም ዝተናውሐ'ዩ ካብ'ቶም ዘንቀሳቐሱ
- ሕማም ልብን ወቕዕን ለጠቐ ይብል፤ ጠቓሚ ጽልዋ ኣብ መትንታ ኣለዎ።
- ትሑት ቃዝኖትን ሻቕሎትን፡ ከምኡ'ውን ዝበለጸ ኣእምሮኣዊ ብቕዓትን ብልሕን ይድለቡ።
- ብዛዕባ ኣካላት ዝሓሸ ኣጠማምታን ግንዛበን ይህሉ። ኑብሰ ምትእምማን ይህልዎም፡ ዝተዛየዩን ቅኑዕ ተበግሶ ዝወስዱን ሰባት ይኾኑ።
- ድልዱል ኣዕጽምቲ ይውንኑ። ኣዕጽምትን ጸቕጢ ክጻወር ዝሓሸ ብቕዓት ከም ዘለዎ ይኸውን።
- ልዋም ዝሰፈኖ ድቃስ ይረኽቡ።

ሰባት ብዛዕባ ምንቅስቓስ ኣካላት ዝተፈላለየ መረዳእታን ግንዛበን ኣቀራርባን ክህልዎም ግድን'ዩ። ነፍሲ-ወከፍና ኣየናይ ንዓና ቅኑዕ ዝብል ስምዒት ክህልወና ግድን'ዩ። ምስ ኩሉ ናይ ግዜእ ርእስና ኩነታት ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ዝሰማማዕና ምምራጽ ዝሓሸ'ዩ።

ንገለ ዒስራ ደቓይቕ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ብእግሪ ምኻድ ኣገዳሲ'ዩ። ንገለ ካልኦት ኣካላት ዚወስዶ መጠን ኦክሲጅን ክብ ንምባል ዝግበር ብርቱዕ ምንቅስቓስ (aerobics) ክኸውን ይኽእል። ክብደት ምልዓል፡ ንገለ'ውን ምስዕሳዕ ዝበለጸ ክኸውን ይኽእል። ልዕሊ ኹሉ ድማ ምንቅስቓስ ኣካላት ዘሐጉስን ዘዘናግዕን ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ዝግበር ምንቅስቓስ ውጽኢት ዝህልዎ ብሜላን ርድየትን ምስ ዝትግበር ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ቀጺልና ካብቶም ዝውቱራት ዓይነታት ምንቅስቓስ ንርአ፦

## 1ይ/ ክትገብሮ እትደሊ ዓይነት ምንቅሳቓስ ምምራጽ

እቲ ዝምረጽ ምንቅስቓስ ምስ ኩነታት ኣካላት ዝኸይድ ምልላይ የድሊ። ግድን ከቢድ ምንቅስቓስ ኣይኮነን ዘድሊ። ምንቅስቓስ ከሐጉሰካን ከዛንየካን ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ።

ሰባት ኣብ ብዙሕ ናይ ኣካላት ብቕዓት ንጥፈታት ይሳተፉ እዮም። ገለ ኻብኡ ንምጥቃስ፦ ዮጋ (yoga)፡ ማርሻል ኣርት (tai chi)፡ ምስዕሳዕ፡ ዝልዝል፡ ኩዕሶ ምውርዋር ከጠቓልል ይኽእል። ብሓሳብ'ውን ኣብቲ ናይ ንእስነት ዝኽሪ ብምምላስ ተዘዉትሮም ዝነበርካ ተፈታውነቶም ምዝኻር። ኣብቲ ሕሉፍ ዝኽሪ ብምምላስ ኣካላት በቲ ዝተለምደ ኣገባብ ብንእስነት ተዘውትሮ ምንቅስቓስ ምምላስ ይከኣል። ቀጺሉ ኣብ ኣእምሮ ትፈትዎ ዓይነት ምንቅስቓስ ቅጅል ክብለካ ይኽእል። ነዚ ኸአ ምስ ኣካላትና ኣወሃሂድና ኣብ ሂወትና ክንጥቀመሉ ንኽእል።

## 2ይ/ ብስሩዕ ክትንቀሳቐስ ምስ ነብስኻ መብጽዓ ምእታው

ኣካላትካ ክተንቀሳቕሶ ምስ ነብስኻ ምስ ተሰማማዕካ፣ ብዘተፈላለየ ሜላን ኣገባብን ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ግዜ ኣብ ሰሙን ካብ ዕስራ ክሳብ ሰላሳ ደቓይቕ እኹል'ዩ። ብዝበኣል መጠን ዝምችእን ቀሊልን ምንቅስቓስ ይኹን። ኩሉ ግዜ ግድን ኣይኮነን ናብ ዓበይቲ ትካላት ጅም ከይድካ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክትገብር። ኣብ ገዛ ኣብ መጠን ዘለካ ስፍሓት ዝድለ ምንቅስቓስ ክግበር ይከኣል'ዩ። ድሕሪ ወርሒ ናይ ዝተገበረ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ገምጋም ምስትብዛል፤ ድሕሪኡ ግን ኣካላት ባዕሉ ክጠልቦ'ዩ። ስለዚ ኑቲ ዝደለ ኣካላት ዝለመዶ ምንቅስቓስ ከም ባህልን ልምድን ገይርና ክንወስዶ ይግባእ፤ ዝድለ ውጽኢት መታን ክንረክብ።

## 3ይ/ ብኣፍንጫ ምስትንፋስ ምልምማድ

ቀሰ ኢልካ ብምስጓም፣ ንላዕሊ ናብ ጸሓይ ብምንቅዕራር ስሒብካ ምስትንፋስ። ልዕሊ ኣካላት ክጻወር ዝኽእል ከይሃሰኻ ብስሩዕ ብኣፍንጫ ምስትንፋስ። እንተ ደኣ ብስሩዕ ትንቀሳቐሱ ኴንኩም፣ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙናት ኣብቲ ንቡር ብቕዓት ክበጽሕ ይከኣል። ብግቡእ ተስተንፍሱ ከም ዘለኹም'ውን ክፍለጠኩም ይኽእል። ግዜ ምሃብ ኣገዳሲ'ዩ። ኣካላት ሓንሳብ ምስ ተለማመዶ ንኦክሲጅን ብውጽታዊ መንገዲ ክጥቀመሉ ክጅምር'ዩ። ስለዚ ከም ውጽኢት ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብዝወሓደ ተጽዕኖ ቀልጢፍካ ክትገዪይን ክትከይድን ትኽእል። ቆፎ መሰንገለ ይዛዩ'ሞ ብቐሊሉ ይተዓጻጸፉ፣ ብቕዓት መስርሕ ምስትንፋስ ብጉቡእ ይካየድ።

## 4ይ/ ኣካላት ዘይጎድእ ኣገባብ ምንቅስቓስ

ሙብዛሕትኡ ግዜ ሰባት ምንቅስቓስ ዘቋርጽሉ ምኽንያት፣ መጀመርታ ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ይገብሩ። በዚ ኸአ ቀልጢፎም ለውጢ ይጽበዩ። ንኣካላትና ክንሰምዖን ክንርድኦን ኣለና። መልእኽቲ ስለ ዝህበና ከም ዝኣምና ክንገብር ይግባእ። ክሳብ ኩሉ ዓቕሚ ዝጽንቀቕ ክንጸቕጦ የብልናን። ኩሉ ግዜ ምንቅስቓስ ኣካላት ኣዛናዪ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ኣካላትና ዓቕሚ ክንፈልጦ ኣገዳሲ'ዩ። ኣካላት ንምድኻምን ምቕጻዕን ንገብሮ ምንቅስቓስ ብቑዕ ክኸውን ኣይክእልን።

ምንቅስቓስ ኣካላት ዝዘውተር ካብ ጸቕጢ ንምግልጋል ክኸውን ኣለዎ። ከም ፈውሲ ስምዒታዊ ቃንዛ ክንጥቀመሉ ንኽእል። ቅልጥፍ ቅልጥፍ ዝበለ ኣሳጉማ ንርብዒ ሰዓት ንእወንታዊ ኩነት ኣእምሮ ኣበርኹ ናይ ምምዛዝን ዓቕሚ የሐይል። ብተወሳኺ ድማ ኣካላት ካብ ሳዕቤናት ጸቕጢ ምግልጋልን ብዙሕ ካብ ምብላዕን የገላግል። ኣብ መወዳእታ ድማ ንኣካላት ከተገድዶ ዘይኮነ ዝፈትዎ ምንቅስቓስ ክትልግስሉ ይግባእ።

## 5ይ/ ገዛእ ርእስኻ ምድሳት

ኣብ ዝኾነ ዕድመን ደረጃን ንሃሉ፣ ግድን ኣይኮነን ኣብ ዓበይቲ ናይ ጅም ትካላት ከይድና ክንንቀሳቐስ። ኣብ ዝመረጽናዮ ቦታ ምስ ዕድመናን ጥዕናናን ዝዛመድ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር። በዚ ኸአ ጽቡቕ ግዜ ከነሕልፍ ንኽእል። ኣካላት ምድልዳል ማለት ነጹብራቕ ናይ ኩሉ ሂወትና ስለዝኾነ። ኣካላትና እኹልን ብቑዕን ምንቅስቓስ ምስ ንልግሰሉ ጽቡቕ ክስመዓና ዘኽእሉ ነዘዕታት የመንጭው። ስለዚ ኣብ ትሑት ዝኾነ ኩነት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ለጊስና ክነዛንዮ ይግባእ።

*Source:- Women's Bodies' Women's Wisdom,*
*By CHRISTIANL NORTHRUP M.D.*



# ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ

## ሕማም ጸቕጢ
(Depression)

*ሕቶ፥ ካብ ዝቐረባ ግዜ ዝጀመረኒ እዩ። ብግቡእ ኣይበልዕ፡ ጽቡቕ ኣይድቅስ። ኣብ ኣእምሮይ ምርባሽ ኣለኒ፡ በይንኻ ኹን ድማ እመጸኒ። ብሓፈሻኡ ሕማም ጸቕጢ ኣሎኒ እሞ፡ ብመገዲ መጽሔትኩም ገለ ክትብሉኒ ምደለኹ?*

*ሃብተጋብር ካሕሱ ካብ ከረን*

መልሲ፡- ሕማም ጸቕጢ ንመላእ ኣካላትካ ማለት ንኹነተ-ኣእምሮኻ፡ ሓሳባትካ፡ ባህርያትካን፡ ደጋዊ ኣካላትካን ዘጥቅዕ ሕማም እዩ። ሕማም ጸቕጢ ንኣመጋግባኻን ድቃስካን ዝጸሉ፡ ኣብ ነብስኻን ኣብ ነገራትን ዘለካ ኣረዳድኣ ዘዘናብል ሕማም እዩ። ጸቕጢ ከም ካልኦት ሕማማት ደረጃኡ ክፈላለ ይኽእል። እቲ ዝኸፍአ ሕማም ጸቕጢ ኣብ ስራሕካ፡ ኣመጋግባኻን፡ ስሩዕ ሂወትካን እናኣተወ ዕንቅፋት ክፈጥረልካ ዝኽእል ክኸውን ከሎ፡ እቲ ኻልእ ድማ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ግን ከኣ ኣሸጋሪ ዝኾነ ሳዕቤን ዘይብሉ ዓይነት ጸቕጢ እዩ።

ጠንቂ ጸቕጢ ብንጹር ዘይፍለጥ'ኳ እንተ ኾነ፡ ነጸብራቕ ናይ ዘሕዝን ፍጻመ ወይ ኣጋጣሚ ምኺኑ ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ይዛረቡ። ተወርሶ፡ ከሜካላዊ ዘይሚዛናውነት ኣብ ኣእምሮ፡ ብርቱዕ ጭንቀት ነቲ ኩንነታት ካብ ዘጋድዱ ረቛሒታት እዮም። ምልክታት ጸቕቲ ዝኸዱን ዝመጹን እዮም። ጸቕጢ ኩሉ ግዜ ብዝተሓዋወሰ ስምዒት ናይ ምሕዛን ወይ ምቕዛን ዝጅምር ኮይኑ፡ ምስ ግዜ እናበርትዐ ይኸይድ። እቲ ሕማም ክጅምር ከሎ፡ እቲ ሰብ ድቃስ ክኣብዮ ወይ ካብ ንቡር ንላዕሊ ክድቅስ ይኽእል። ምቅይያር ባህርያት ኣመጋግባ፡ ተስፋ ምቝራጽ፡ ትሑት ነብሰ-ክብሪ ምህላው፡ ረሸሽ ምባል፡ ምስ ሰባት ገረጨውጨው ምባል፡ ሽቕልቀል ምባል፡ ተገዳስነት ምጕዳል፡ ትሑት ድሌት ጾታዊ ርክብ ምህላው፡ ትሑት ኣተኩሮ ኣብ ጉዳያት ወዘተ. ኣብ መብዛሕትኦም ሰባት ዝኽሰቱ ምልክታት ክኾኑ ኸለዉ፡ ፈተነ ነብሰ ቅትለት እቲ ዝኸፍአ ምልክት ጸቕጢ ምኺኑ ክኢላታት ይገልጹ። ብምሒር ጸቕጢ ዝሳቐዩ ሰባት ብውሕዱ-ክልተ ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምልክታት ንኽልተ ዓመት ወይ ልዕሊኡ ከርእዩ ይኽእሉ። ውጡር ጸቕጢ ዘለዎም ሰባት ብዛዕባ ነብሶም ኮነ ካልኦት እወታዊ ኣተሓሳስባ የብሎምን።

ሕማም ጸቕጢ መድሃኒትን ምኽርን ሓዊስና ክንፍውሶ ንኽእል። መድሃኒት ነቲ ኣብ ኣእምሮና ዘጋጥም ኬሚካላዊ ዘይሚዛናውነት ንምፍዋስ ክንጥቀመሉ ከለና፡ ምኽሪ ድማ፡ ኣብ ሂወትና ንዘጋጥሙና ውልቃዊ ጉዳያት እወታዊ መረዳእታ ክህልወና ይሕግዘና። ዝተፈላለየ ጸረ-ጸቕጢ መድሃኒታት'ኳ እንተ 'ለዉ፡ ዘኸትልዎ ግዝያዊ ጎድናዊ ሳዕቤን ምህላው ምግንዛብ ድማ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ ትራይክሊክ ዝተባህለ ጸረ-ጸቕጢ መድሃኒት፡ ግዚያዊ ዝኾነ ምንቃጽ ኣፍ፡ ድርቀት፡ ጸገም ፍሕሶ፡ ምልውዋጥ ጾታዊ ስምዒት፡ ሕውዝውዝ ምባል፡ ምፍዛዝ ወዘተ. ከስዕብ ይኽእል።

ብዙሓት ሰባት ጸቕጢ ኣብ ዝስምዖም ግዜ፡ ሕማሞም ክሓብኡ ክብሉ እቲ ዝግባእ ክንክን ኣይረኽቡን። ስሩዕ ነብሰ-ክንክን ዝገብር ሰብ፡ ምሉእን ኣፍራይን ሂወት ክመርሕ ዝጸግም ነገር የብሉን። ጸቕጢ ኣብ ዝሰምዓካ ግዜ ናብ ሓኪም ብምኻድ፡ ዝተኣዘዘካ መድሃኒት ኣብ ግዚኡ ውሰድ። ዋላ'ውን እቲ መድሃኒት ብምውሳድካ ዝሓሸካ ኾይኑ እንተ ተሰመዓካ፡ ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም መድሃኒት ከተቋርጽ ኣይግባኣካን። ጸረ-ጸቕጢ መድሃኒት ዘኸትሎ ጎድናዊ ሳዕቤን ንምቅላል ኣብ ኣወሳስድኡ ቀስ ብቐስ እናነከየ ክኸይድ ዘለዎ እዩ። ብዘይካ'ዚ ብምኽርን ሓሳባትን ክሕግዙኻ ምስ ዝኽእሉ ኣዕሩኽ፡ ወይ ጉጅለ ምጽንባር'ውን ካልእ ኣድማዒ ፍወሳ እዩ። ምስ ብቕንዕና ከማኽሩኻ ዝኽእሉ ሰባት ምቕራብ፡ እወታዊ ባህሪ ከተማዕብልን፡ ንጸገማትካ ኮነ ሂወትካ ብሓድሽ ኣገባብ ክትገጥሞን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ካብ ጸቕጢ ናጻ ክትከውን ሓጋዚ ኣበርክቶ



ኣለዎ።

ስለዚ፡ ምልክታት ጸቕጢ ብግቡእ ምስትውዓልን ንምቁጽጻሮም ስጉምቲ ምውሳድን ብጥዕናኻ ንምቕጻል ብቐዳምነት ክትወስዶም ዘለካ ስጉምትታት እዮም። እትምገቦ ዓይነት ምግቢ፡ እትድቅሶ ንውሓት ግዜ፡ እትገብሮ ምንቅስቓሳት ዘለካ ጸቕጢ ኣብ ምቕላል ዘለዎም ኣድማዒ ተራ'ውን ክትዝንግዖ የብልካን።

## ዕርክነት ኣንጻር ጾታ

*ሕቶ፡- ጓል 17 ዓመት ተመሃሪት ዓስራይ ክፍሊ'የ። መብዛሕትኦን ዝቐርባኒ መሓዙተይ ዓርኪ ሒዘን እየን። ንዓይ'ውን ካብ ጓል 14 ዓመት ኣትሒዞም ምስኣቶም ዕርክነት ንኽምስርት ዝደፋፍኡኒ መልክዐኛታት ደቂ ተባዕትዮ ብዙሓት እዮም። እንተ ኾነ፡ "ክሳዕ ሕጂ ዓርኪ ዝሕዘሉ ዕድመ ኣይኣኸለን" ብማለት ኣብ ፍቕሪ ክኣቱ ኣይወሰንኩን። ሕጂ ግና ኩለን መሓዙተይ ዓርኪ ብምሓዘን፡ ጐደሎ ሰብ ዝኾንኩ ኾይኑ እስምዓኒ ኣሎ። ስለዝስ በጃኻትኩም እባ ዓርኪ ንኽሕዝ ኣኺለ ድየ ኣይኣኸልኩን ሓብሩኒ።ብዛዕባ ዕርክነት ስነ-ፍልጠታዊ መግለጺኡ ክፈልጥ'ውን ምደለኹ።*

*ዙፋን መ. እምባደርሆ*

መልሲ፡- ንመጻኢኺ ኣዝዩ ወሳኒ ኣብ ዝኾነ ዕድመ ኢኺ ዘሎኺ። መጻኢኺ ኣባኺ እምበኣር ኣብ ካልኦት ክምርኰስ ኣይግባእን። እቲ ናይ መወዳእታ ሸቶኺ ትወቕዕሉ ብኣኺ ደኣ'ዩ ክህንደስን ክቕለስን ዘለዎ እምበር፡ ብናይ ካልኦት ሓሳባት ክኸውን የብሉን። ምኽንያቱ ውጽኢት ናይ'ቲ እትወስድዮ ውሳነ፡ ዓወት ይኹን ውድቀት ንዓኺ'ዩ። ኣብዚ ዘለኽዮ ዕድመ፡ ቀንዲ ኣቓልቦኺ ኣብ ትምህርቲ ክኸውን ኢና ንምዕደኪ። ኣብ ትምህርቲ እንተ ነፊዕኪ፡ ደለይትኺ'ውን ብሱላትን ብቑዓትን ክኾኑ፡ መጻኢኺ'ውን ብሩህን ኣተኣማማንን ክኸውን'ዩ። ስለዚ ጉዳይ ዓርኪ ምሓዝ፡ ድሕሪ ትምህርቲ ምውዳእኪ እንተ ኾነ ተመራጺ'ዩ።

ምምስራት ዕርክነት፡ ናብ ሓዳር ንኽትበጽሕ ማዕጾ ዝኸፍት ድልድል ብምኳኑ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እንተ ኾነ፡ ኩሉ ዝምስረት ዕርክነት ናብ ሓዳር የብጽሕ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ብሰንኪ ኣብ ዘይግዚኡ ዝምስረት ዕርክነት መጻኢኦን ዘበላሸዋ፡ ኣብ ከቢድ ጣዕሳ ዝሸመማ ኣዋልድ ከም ዘለዋ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ሳይኮሎጂ፡ "ክትምርዖ ከይወሰንካ ዓርኪ ምሓዝ፡ ንዘይትሸጦ ንብረት ከም ምውዕዋዕ እዩ፡" ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ልክዕ'ዩ፡ ገሊኦን መሓዙትኪ ዓርኪ ምሓዝ ከም ተራ ነገር ገይረን ይርእይኦ ይኾና። ዋላ ንኽምርዓዋ ምንም ውጥን ኣይሃልወን፡ ምስ ኣንጻር ጾታ ፍሉይ ዕርክነት ምምስራት ባህ ይብለን ይኸውን። ንኸምዚ ዝበለ ዕርክነት ዝንየታሉ'ውን ኣይሰኣናን ይኾና። እንተ ኾነ ከምዚ ዝኣመሰለ ዕላማ ዘይብሉ ግዝያዊ ዕርክነት መብዛሕትኡ ግዜ ነዊሕ ዝቕጽል ኣይኮነን። ኣሉታዊ ሳዕቤን ከይሃለዎ እውን ኣይተርፍን።

እዚ ዘለኽዮ ዕድመ፡ ጾታውን ፍቕራውን ስምዒታት ናብ ጥርዚ ዝበጽሓሉ ወይ ንምቍጽጻሩ ኣጸጋሚ ዝኾነሉ እዩ። ምስ ኣንጻር ጾታ ዕርክነት ወይ ጥቡቕ ዝምድና እንተ መስሪትኪ፡ ንጾታዊ ባህግኺ ኣጎሃሂሩ ናብ ዘይተዳለኽሉን ብግቡእ ዘይሓሰብክሉን ሕማቕ ተግባር ክመርሓኪ ይኽእል እዩ።

ስለዚ፡ ጉዳይ ዓርኪ፡ ብኣተሓሳስባ ምስ በሰልኪ፡ ንኽትምርዓዊ ምስ ወጠንኪ፡ ቅድሚ መርዓ ክዕመሙ ዝግብኦም ነገራት ምስ ዓመምኪ ክኾነልኪ ደጊምና ንመኽረኪ።

## ውነ ምስሓት

*ሕቶ፡- ብቐሊል ምስምሳት ውነኡ ዝስሕት ዓርኪ ኣሎኒ። ኩነታቱ የተሓሳስበኒ ኣሎ'ሞ፡ ጠንቂ ውነ ምስሓት እንታይ እዩ? ውነኡ ንዝሰሓተ ሰብከ ብኸመይ ክንሕግዞ ንኽእል? ስመይ ይተዓቀበለይ።*

መልሲ፡- ዘሕዝን ወይ ዘሰንብድ ዜና ሰሚዑ ውነኡ ዝስሕት ሰብ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ውነኡ የጥፍእ፡ ይርህጽ፡ ምቖት ኣካላቱ ይንኪ ወይ ይዝሕል፡ ወጅሃቱ ኸኣ ይጽዕዱ። ውነ ምጥፋእ ብስንባደ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብምሒር ፍርሕን ካልእ ምኽንያታትን ክኽሰት ይኽእል። ዕጹው ቦታ ዝኣክል ኣየር ስለ ዘይብሉ፡ ንገለ ሰብ ጽርውርው ኣቢሉ ናብ ውነ ምጥፋእ ከብሎ ይኽእል። ጥሜት፡ ድኻም፡ ናይ ስምዒት ምርባሽ፡ ሕማም ልቢ፡ ዋሕዲ ደምን ብርትዐ ሕማምምን ከም ጠንቅታት ይጥቀሱ። መበገሲኡ ደኣ ይፈላለ እምበር፡ ውነ ምስሓት፡ ሓንጎልና ብግቡእ ንምዕያይ ዘድልዮ እኹል መጠን ዋሕዚ ደም ምስ ዝተዓናቐፍ እዩ ዘጋጥም።

ውነ ምስሓት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡-

- ዝኾነ ሰብ ጽርውርው ክጅምሮ ኸሎ፡ ተቐላጢፉ ኣብ ባይታ ክድቅስ ኣለዎ። እዚ ምስ ዘይከኣል ብውሑዱ ርእሱ እብ መንጎ ኣብራኹ ቀርቂሩ ኮፍ ክብል ይግባእ። እዚ ንደም ናብ ሓንጎል ቀልጢፉ ክበጽሕ ይሕግዝ።
- ዝኾነ ሰብ ውነኡ ምስ ዘጥፍእ ተቐላጢፍና ጥንቅልዒት ከም ዝድቅስ ብምግባር፡ ክዳውንቱ ቀሊዕና ብቐሊሉ ከስተንፍስ ክንሕግዞ የድሊ።
- እቲ ሰብ ርእሱ ንቑልቁል ኣዛዝዩ እንተ ደቀሰ'ውን ደም ናብ ሓንጎሉ ብፍጥነት ስለ ዝበጽሕ፡ እቲ ሰብ

ተቀልጢፉ ይነቅሕ። ምስ ነቒሐ ኸኣ ሽዑንሽዑ ሻሂ ወይ ቡን ምሃብ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።

- ብሰንኪ ማህረምቲ ርእስን ወቕዕን ውነኡ ዘጥፈአ ሰብ ግን ብህጹጽ ናብ ሕክምናዊ ረድኤት ክረኽበሉ ዝኽእል ቦታ ክንወስዶ ጥራይ እዩ ዘለና።

## ምትእስሳር ዉዑይ ጸባን ድቃስን

*ሕቶ፡- ለይቲ ለይቲ ድቃስ ይኣብየኒ ነይሩ። መድሃኒት ከይወስድ ከኣ ከይለምዶ ፈሪሐ። ብዙሓት ሰባት "ውዑይ ጸባ የደቅስ እዩ" ኪብሉ ምስ ሰማዕኩ ግና፡ ከም መደቀሲ ክጥቀመሉ ፈቲነ። ናይ ብሓቂ ኸኣ ሰሪሑለይን ይሰርሓለይ ኣሎን። ከመይ እዩ እዚ ጉዳይ፡ ስነ-ፍልጠታዊ ሓቅነት ኣሎዎ ድዩ ዋላስ እምነት እዩ?*

*ማክዳ ዮሴፍ ዕዳጋ ዓርቢ*

መልሲ፡- ጸባ፡ ንድቃስ ዚዕድሙ ወይ ዚድርኹ ክልተ ዓበይቲ ትሕዝቶታት የጠቓልል። ንሳቶም ከኣ Tryptophan ከምኡ`ውን melatonin ይበሃሉ። እዞም ባእታታት እዚኣቶም፡ ከም መተካእታ ናይ'ቶም ብሓካይም ዚእዘዙልና መደቀሲ ከኒናታት ኮይኖም የገልግሉና። እዞም ንድቃስ ዚዕድሙ ባእታታት ኣብ ውዑይን ዝሑልን ጸባ ዚርከቡ እኳ እንተ ኾኑ፡ ውዑይ ጸባ ግና ንሙቐት ሰብነትና ኣመቻቺኡ ብቐሊሉ ከም እንድቅስ ስለ ዝገብር፡ ውጽኢታዊ ምዃኑ ተመራመርቲ ስነ-መድሃኒት ይገልጹ። ስለዚ ብውዑይ ጸባ ልዋም ድቃስ ክትረኽቢ ምኽኣልኪ፡ ስነ-ፍልጠታዊ ድኣ`ምበር እምነት ኣይኮነን።

## ሕማም ጉሩንጉሪት

*ሕቶ፡- ብዙሕ እዋን ከስተብህል እንከለኹ፡ ሕማም ጉሩንጉሪት (ጐይተር) ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ዚርአ ኾይኑ እስምዓኒ። ኣዝየን ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ግዳይ እዚ ሕማም ኪኾና እናረኣኹ፡ ጉሩንጉሪት ዝሓመመ ወዲ ተባዕታይ ግና ዳርጋ ኣየጋጠመንን ክብል እደፍር። እዚ ትዕዝብተይ ሓቂ እንተ ኾይኑ፡ ስለምንታይ ዝያዳ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ይርአ? ጠንቁን መከላኸሊኡን ከ?*

ሙሃድ ዓሊ - ከረን

መልሲ፡- ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ጉሩንጉሪት ዋሕዲ ኣዮዲን ኣብ ደም እዩ። ኣዮዲን፡ ኣብ ግዜ ጉብዝና ወይ ግርዝውና፡ ጥንሲን ቈልዓ ምጥባውን ብብዝሒ የድልየና። ካብዚ ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰለስቲኡ ከድልየን ከሎ፡ ንደቂ ተባዕትዮ ግና ኣብ ግዜ ጉብዝና ጥራይ እዩ ዘድልዮም። በዚ መሰረት፡ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ኣዮዲን የህልኻን ብብዝሒ ይጠልባን ማለት እዩ። እኹል መጠን ኣዮዲን ክረኽባ ምስ ዘይክእላ ኸኣ ንሕማም ጐይተር ኪቃልዓ ይግደዳ። ምእንቲ'ዚ፡ ብቐጻሊ ኣዮዲን ዘሎዎም መግብታት ከም ኣዮዲን ዝተሓወሰ ጨው፡ ስጋ ዓሳን ኣብ ገማግም ባሕሪ ዚርከቡ ኣሕምልትን ምምጋብ የድሊ።

## ጥቕሚ ካሮቲ

*ሕቶ፡- ካሮቲ ምምጋብ ናይ ብሓቂ ድዩ ናይ ምርኣይ ዓቕምና ዘሐይሎ?*

ለቲሽ ከተማ ካብ ደቀምሓረ

መልሲ፡- ካሮት፡ ብBeta Carotene ዝበሃል ንምርኣይ ዚሕግሕ ጥረ ነገር ኣዝዩ ሃብታም እዩ። ካሮት ምስ እንምገብ፡ ኣካላትና ነቲ ካብ ካሮት ዚረኽቦ Beta Carotene ናብ ቫይታሚን ኤ ይልውጦ። እቲ ነዚ ካሮት ዚወስድ ሰብ፡ ጠንቂ ብግቡእ ዘይምርኣዪ ጉድለት ቫይታሚን ኤ እንተ ነይሩ፡ መዓልታዊ ብውሑድ መጠን ካሮት ምምጋብ ዓቢ ለውጢ ከምጽኣሉ ይኽእል። እቲ ናይ ምርኣይ ጸገም ዘሎዎ ሰብ እኹል ቫይታሚን ኤ እንተ`ሎዎ ግና፡ ካሮት ብቐጻሊ ምምጋብ ፈጺሙ ኪሕግዞ ኣይክእልን።

ብሓፈሻ ካሮት ብብዝሒ ብልዑል መጠን ምምጋብ ሓደገኛ ክኸውን ከም ዝኽእል ምግንዛብ የድሊ። ከመይሲ፡ ብብዝሒ እንተ በሊዕናዮ ክምርዘና'ውን ይኽእል እዩ። ከም ምብጫው ቈርበት፡ ምርጋፍ ጸጉሪ ርእሲ፡ ምንካይ ሚዛን ሰብነት፡ ሓፈሻዊ ድኻምን ሕማም ርእሲን ከኣ ከስዕበልና ይኽእል።

## ተባዕን ቅኑዕን ውሳነ

ሕቶ፡- *ብዙሕ እዋን ብናይ ኣዕሩኽተይ ውሳነታት እጽሎ'የ። ውሳነኦም ክትግብር ዘይትጥዕምኒ ወይ ዘይብርሃኒ እናሃለው፡ ከየቕይሞም ክብል ኣብቲ ናታቶም ውሳነ ኣእቱ። ሕጽር ብዝበለ ተባዕን ቅኑዕን ምውሳነ ኣብ ምውሳድ እንታይ ምግባር'ዩ ዝሓይሽ? ስመይ ይተዓቀበለይ።*

መልሲ፡- ብዙሓት ሰባት ተባዕን ቅኑዕን ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ድኹማት'ዮም። ንዘይደለይዎ ነገር "ኣየደልየንን'ዩ" ክብሉ ኣዝዩ የሸግሮም። ንዘይኣምንሉ ነገር፡ "ኣይኣምነሉን'የ" ንምባል ይጽገሙ። ንሰባት ከየቐይሙ ኸብሉ ዘይደልይዎ ወይ ዘይኣምንሉ ተግባራት ይፍጽሙ። በቃ ኩሉ ነገራቶም ንስለ ሰባት ምንባር'ዩ። ንዘይደለይዎ ነገር፡ ክነጽጉ፡ ዝተረድኦም ክዛረቡ፡ ክጋገዩ፡ ከኽብሩ፡ ናጻ ኾይኖም ሓሳባቶም ክገልጹ፡ ዝመስሎም ክገብሩ... ወዘተ ምሉእ መሰል ከም ዘለዎም ይዝንግዑ። ዘይኣምንሉ ተግባራት ክፍጽሙ ኣብ ዝሕተትሉ እዋን፡ ኣዕሩኽቶም ከይነጽግዎም ብምስጋእ ምስ ሕልናኦም እናተባእሱ

ይፍጽምዎ።

ድሕሪ ፍጻመ ኸኣ፡ ንምንታይ ከም’ዚ ገይረ? ከም ዘይጥዕምኒ ዘይሕብሮ ነበርኩ፡ ክኣብዮ ነይሩኒ፡ ተጸዊቱለይ እንድዩ፡ ባዕለይ ዘይመርጽ ነበርኩ፡ ንምንታይ ግን ዝተረድኣኒ ነገር ከይዛረብ ዝፈርሕ ወዘተ. ብምባል ንሓንጎሎም የናውጽዎ። ብዝፈጸምዎ ጌጋታት ንነብሶም ይጸርፉን የነኣእሱን። ንሓንሳብ’ውን ስም እቲ ዘጋገዮም ሰብ ብምጥቃስ፡ “ኣሕ! ክስቶ እኳ’ዩ ኣጋጊዩኒ” እናበሉ ነዕሩኽቶም የዕልሉ።

ሙብዘሕትኡ እዋን ንሰባት ከየቐይሙን ንባዕሎም ከይታገዩን ብምፍራሕ፡ ስምዒታቶም ካብ ንደገ ከውጽእዎ ኣብ ማሕፉዳታት ኣእምሮኦም ክዕቅብዎ ይቕሎም። ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ንኣእምሮኣዊ ጸቕጢ፡ ስንፍና፡ ነብሰ ምትሓት፡ ነብሰ ጽልኣት… ወዘተ ይቃልዑ። ስለ’ዚ መንእሰያት፡ ካብ’ዚ ኹሉ ጸገማት ድኣ’ሞ ብኸመይ ክንገላገል ንኽእል? ብኸመይ’ከ ዝደለናዮ መልእኽቲ ነመሓላልፍ? ኣብ መወዳእታ መሰልን ክብርን ደቂ ሰብ እናሓለና፡ ቅኑዕን ተባዕን ስጉምቲ’ኸ ብኸመይ ንውስን?... ንዚብሉ ዛዕባታት ከኣ መልሲ ክነናድየሎም ይግባእ።

ኩሉ ግዜ ክንዝንግዖ ዘይግብኣና፡ ህይወትና ናትና ናይ ባዕልና ምዃና’ዩ። እዛ እንውንና ህይወት ከኣ ከም ናይ ኩሎም ሰባት ክርኢ ዝኽእል ኣዒንቲ፡ ክሰምዕ ዚኽእል እዝኒ፡ ከስተማቕርን ክድህስስን ዚኽእል ህዋስ፡ ከመዛዝን ዚኽእል ኣእምሮ፡ ክዓዪ ዚኽእል ኣካል… ወዘተ ዝተዓደለት’ያ። ስለ’ዚ ኹሉ ክንገብር ከም እንኽእል ንእመና። እቲ እንገብሮ ቅኑዕን ዘየጣዕስን ክኾነልና እንተ ደሊና ኸኣ ንዕቤት እዛ እንውንና ህይወት ዚከኣለና ዘበለ ወፍሪ ነካይድ። ብድሕር’ዚ ንህዋሳትና ጽቡቕ ገይርና ንእመነን። ክንርኢ፡ ክንሰምዕ፡ ክንሸትት፡ ክነስተማቕር፡ ከነመዛዝን…እናኸኣልና ንህዋሳትና ክንኣምነን እንተ ዘይክኢልና ግና ርእሰ ተኣማንነት ይጎድለና ኣሎ ማለት’ዩ።

ኣብ ’ዛ ባዕልና እንውንና ህይወትና፡ ዘይንደልዮ ወይ ዘይንኣምነሉ ነገር ክንገብር ዝደፋፍኡና ሰባት ብፍጹም ዕድል ክንህቦም ኣይግባእን። ከመይ’ሲ ጽባሕ ንግሆ ሕማቕ ምስ ዘጋጥመና፡ ንውድቀትና ካባና ሓሊፉ ዚሕተተልና ኣካል ስለ ዘየለ። ብተመሳሳሊ ንኽነመሓላልፎም ዝደለና መልእኽትታት ወይ ተቓውሞታት ብኸመይ ንነድቆም ክንፈልጥ ይግባእ። ንመሰልናን መሰል ካልኦትን ብምሕሳብ፡ መሳጥን ልዙብን ኣገላልጻ ተጠቒምና ሓሳባትና ክንገልጽ ንፈትን።

ስለ’ዚ ዕቱብ ውሳነ ዘድልዮ ኩነት ምስ ዘጋጥመና ነዚ ዝስዕብ ኣገባብ እንተ ተኸተልና ዝሓሸ’ዩ፡-

- ነቲ ዘጋጠመ ኩነታት ክንቆጻጸሮ ንፈትን፡ እንታይ ኣጋጢሙና ኣሎ ብንጹር ክንፈልጥ ይግባእ።
- ዘለዉና ኣማራጺታት ንኹሎም ንዘርዝሮም
- ካብ’ዞም ዝዘርዘርናዮም ‘ፍታሓት’ ወይ ‘ኣመራጺታት’ እቲ ዝሓሸን ዝያዳ ውሕስነት ዘለዎን ርኢና ኸኣ ክንመርጽ ይግባእ።
- ኣብ መወዳእታ እቲ ርትዓዊ’ዩ ኢልና ዝወሰድናዮ ውሳነ ንምትግባር ኣይንፍራሕ። ክንውስን ከለና ምሉእ ሓላፍነትን ርእሰ ምትእምማንን ይሃልወና።

ስለ’ዚ ርትዓዊ ውሳነታት ንምውሳን፡ መጀመርታ ኣብ ገዛእ ርእስና ጽቡቕ ኣመለኻኽታ ክህልወና ይግባእ። ኩሉ ግዜ “ትሕቲ ሰብ’የ” ክንብልን ዝሰራሕናዮ ስራሕ ወይ ዝወሰድናዮ ውሳነ ጌጋ ኾይኑ ክስምዓናን የብሉን። “ኣነ ጥራይ’የ ዝጋገ” ካብ ዝብል ናይ ሰነፋት ቃና ክንርሕቕ ይግባእ። ናትና ናይ ገዛእ ርእስና መሰላትን ክብርታትን ከም ዘሎ’ንና ኣይንዘንግዕ። ምኽንያቱ ክንጋገ ምሉእ መሰል ስለ ዘሎ’ንና ካብ ጌጋና ተማሂርና’ውን ክንዓቢ ስለ እንኽእልን።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ውሳነታት ብኸመይ ከም ንበጽሕ ንመሃር። ናብ ሕማቕ መገዲ ንዝመርሑና ሰባት ናይ ምቅዋም ሜላታት ነማዕብል። ሰባት ከይጸልኡናን ከይነጽጉናን ኣይንፍራሕ። ምኽንያቱ ንስለ ሰባት ስለ ዘይንነብር።



## ሰለስተ ቀለልቲ መምርሒታት ህይወት

1. **ንዝደለኻዮ እንተ ዘይስዒብካዮ፡ ፍጹም ኣይክትረኽቦን ኢኻ።**
2. **ዝደለኻዮ እንተ ዘይሓቲትካ፡ እቲ መልሲ ወትሩ ኣሉታ’ዩ።**
3. **ናብ ቅድሚት እንተ ዘይሰጉምካ፡ ወትሩ ብዕኡድካ ኢኻ ትተርፍ።**

# ሓጸርቲ ዜናታት ተክኖሎጂ

እንጅነር ሚካኤል ኣዳም

## ጸዓት ንግዳዊ ኒዩክለራዊ ፍዩዥን

ኒዩክለራዊ ፍዩዥን፡ ናይ ሃይድሮጅን ኣቶሚክ ኒዩክላይ፡ ንብርቱዕ ሙቐት ተቓሊዖም፡ ኣብ ዝወሃሃዱሉ እዋን፡ ጸዓት ዝፍጠረሉ መስርሕ እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ፡ ነቲ፡ ወዲ ሰብ ሃረር ዝብሎ ልዑል መጠን ጸዓት ይፈጥር። ጸሓይ'ውን፡ በዚ ከምዚ ዝመሰለ መስርሕ እያ ትሰርሕ።

ኣገዳስነት ፍዩዥን፡ ኣብ'ቲ፡ ኣብ ምድሪ ዝርከብ፡ ዳርጋ ደረት ኣልቦ ቀረብ ሃይድሮጅን ዝምርኰስ እዩ። ሃይድሮጂን፡ ካብ ማይ ክርከብ ዝኽእልን፡ እቲ ካብ'ቲ መስርሕ ምፍላይ ዝወጽእ ውጽኢት ድማ፡ ጉድናዊ ሳዕቤን ዘይብሉ ሄልየም እዩ። ናይ ፍዩዥን ርያክተራት 'ውን፡ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ራድዮኣክቲቭ ኒዩክለራዊ ጎሓፍ ስለዘይፈጥራ፡ ካብ ናይ ፊሽን ርያክተራት ብዝያዳ ውሑሳት እየን። ንግዳዊ ኒዩክለራዊ ፍዩዥን ኣብ ጥቕሚ እንተድኣ ውዒሉ፡ ብኣዝዩ ውሑድ ከባብያዊ ጽልዋን ዋጋን፡ ቀረብ ጸዓት ከውሕስን ከማሓይሽን እዩ።

ሓያሎ ሃገራት ኣብ ምርምር ፍዩዥን ብዙሕ ወፍሪ ገይረን ይገብራን ኣለዋ። ናይ ብሕቲ ኩባንያታት'ውን፡ ነናይ ገዛእ ርእሰን ፈተነታት የካይዳ ኣለዋ። እቲ፡ ኣብ ፈረንሳ ኣብ ህንጻት ዝርከብን፡ ኣብ 2026 ስርሑ ክጅምር ትጽቢት ዝግበረሉን ናይ ፍዩዥን ITER ዝተባህለት ርያክተር፡ ብፍዩዥን ጸዓት ተፍሪ ቀዳመይቲ ርያክተር ክትከውን እያ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ተመሳሰልቲ ርያክተራት ኣብ ህንጻት ይርከባ ኣለዋ።

ይኹን'ምበር፡ ምርምር ፍዩዥን ዝሑልን ከቢድ ርእሰ-ማል ዝሓትትን እዩ። ሓደ ካብ'ቶም ዝዓበዩ ፍታሕ ዘድልዮም ናይ'ዚ ተክኖሎጂ'ዚ ብድሆታት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘለዋ ረያክተራት፡ ነቲ ናይ ፍዩዥን ምትሕውዋስ ወይ ሪኣክሽን ንኽጅመር፡ ማዕረ'ቲ ኣብ ጸሓይ ዝርከብ ሙቐት ክፈጥራ ስለ ዘለወን እየን። ከም'ዚ ምግባር ድማ፡ ልዕሊ'ቲ ዝምንጩ ጸዓት ዝሓትት እዩ። ብኣንጻር'ቶም፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተመዝገቡ ምዕባለታት፡ ንግዳዊ መዓላ ፍዩዥን ዘይርጉጽን፡ ብሕጂ ናይ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ግዜ ዘድልዮን እዩ።





## ጀነሬቲቭ ዲዛይን ኤ.ኣይ

ጀነሬቲቭ ኤኣይ ቴክኖሎጂ፡ ዓሚቕ ትምህርቲ (ዲፕ ለርኒን) ተጠቒሙ ከም ቪድዮ፡ ስእሊ፡ ጽሑፍን ሙዚቃን ዝኣመሰሉ ናይ ፈጠራዊ ፍርያት ይፈጥር። እዚ ቴክኖሎጂ'ዚ፡ ኣብ መወዳእታ 2022 ዝተኣታተወ ብምኺኑ ሓድሽ ኣይኮነን። ChatGPTን Midjourneyን ገለ ኣብነታት እዮም።

ትካላዊ ጥቕሚ ጀነረይቲቭ ኤ ኣይ ኣዝዩ ዝተራቐቐ እዩ። ምሉእ ብምሉእ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕል፡ ፍርያት ዝምዕብለሉ መጠን ግዜ ከጕድል፡ ኣፋውስ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ዓመታት፡ ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ከዳሉ፡ ሓደስቲ ጥረ-ነገራት ክፈጥር፡ ጽማረኣዊ መረዳእታታት (ሲንተቲክ ዴታ) ከመንጩ፡ ንድፊ ዝተፈላለዩ ኣካላት መሺናት ከመሓይሽ፡

**መ3ኣሰይ**



ቶም ክሩዝ ፡ ኣብ ቲ−ሬክስ

ፈጠራውነት ከሰጉም ወ.ዘ.ተ እዩ። ኪኢላታት፡ ኣብ 2025፡ 30 ሚእታዊት ካብ'ቶም ካብ ዓበይቲ ኮርፖረሽናት ዝመሓላለፉ መልእኽታት፡ ጽማረኣዊ ኣገባብ ዝምንጨዉ ክኾኑ እዮም፤ ከምኡ'ውን፡ ኣብ 2030 ትፈሪ ፊልም፡ 90 ሚእታዊት ካብ ስርሓታ ብሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዝተሰርሐ ክከውን'ዩ፡ ዝብል ትንቢት ይህቡ።

ካብ'ዚ ብዝበለጸ ድማ፡ ነቶም ትሑት ክእለት፡ ወይ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዓቕሚ ዝጐድሎም ሰራሕተኛታት ሓጋዚ ብምዃኑ፡ ነቲ ኣብ መንጐ ሰባት ዝህሉ ናይ ብቕዓት ፍልልይ ከጽብቦ እዩ።

እዚ ድሮ ሎሚ ይፍጸም ኣሎ። ኣብ ዝመጽእ ዓሰርተታት ዓመታት ድማ፡ ብዝበለጸ ክፍጸም እዩ። ከርብሓና ድማ'ዩ። እዚ ግን፡ ነቲ ዘለዎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ብምኽሓድ ኣይኮነን። ጀነረይቲቭ ኤኣይ፡ ኣብ መሰል ዋንነትን፡ ስኑዕ ዜናታት ኣብ ምፍብራኽን ጸገማት ኣለዎ።

# ኣርባዕተ መዳያዊ ሕትመት (4D printing)





ኣርባዕተ መዳያዊ ሕትመት፡ ምናልባት ኣደናጋሪ ኣምር ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ግን፡ ወዲ ሰብ፡ ራብዓይ መዳይ ክፈጥርን ክጥቀምን ይኽእል ማለት'ዩ ግን ኣይኮነን። ኣርባዕተ መዳያዊ ሕትመት ክበሃል ከሎ፡ ፍሉይ ቀስቃሲ- ኣብ ትሕቲ ማይ ምስ ዝጥሕል፡ ምስ ዝረስን፡ ምስ ዝንቅጥቀጥ፡ ምስ ዝዳወስ. . . ወ.ዘ.ተ- ኣብ ዝኸሰተሉ እዋን ባህርያቱ ዝቕይር 3 መዳያዊ ሕትመት ምዃኑ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ስለ'ዚ፡ ኣርባዕተ መዳያዊ ሕትመት፡ ስማርት ንጥረ-ነገር እዩ።

እቲ ቀንዲ፡ ናይ'ዚ ተክኖሎጂ'ዚ ብድሆ፡ ተዛማዲ ዝኾነ፡ ንኹሉ ዝጠቅም ስማርት ንጥረ-ነገር (ሃይድሮ ጀል፡ ወይ ናይ ቅርጺ ዝኽረት ዘለዎ ፖሊመር ንበሎ)ምርካብ እዩ።

እቲ፡ እዞም ንጥረ-ነገራት ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ዝኽእሉ ዓውድታት ገና ኣብ ክትዕ ዘለዉ እዮም። ገለ ትስፉዋት ኢንዱስትሪታት ንምጥቃስ ግን፡ ክንክን ጥዕና (ኣካላትና፡ ኣብ ዝተወሰነ መጠን ምቜት ምስ በጽሐ ጥራይ ዝሰርሑ ከኒናታት ምምዕባል) ቅዲ ክዳን፡ ወይ ፋሽን (ኣብ እዋን ዛሕሊ ቀጥ ኣቢሎም ዝሕዙ ክዳውንቲ፡ ወይ ኣብ ዝጨቀወ ባይታ፡ ሽተት ንኸይንብል ምስ ባይታ ዝህሉ ፍሕፍሐ ዘዛይዱ ጫማታት) ከምኡ'ውን ኣቑሑ ገዛ (ብውሱን መነቓቕሒ፡ ዓጺቕነቶም ዘዛይዱ ኣቑሑት) ወ.ዘ.ተ እዮም። ካልእ ጥቕሚ ኣርባዕተ መዳያዊ ሕትመት ድማ፡ ካብ ፕሪንተራት ዝገዝፍ ዓቐን ዘለዎም ነገራት፡ ከም ሓደ ኣካል ንምሕታም ዘኽእል ኮምፒዩተሽናል ፎልዲን ዝበሃል ሕትመት እዩ።

# ዲጂታላዊ ማንታ ዓሚል



ኩባንያታት፡ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ተጠቒመን፡ ናይ ዓማዊለን ማንታ ይፈጥራ ኣለዋ። በዚ ድማ፡ ክሳብ፡ እንታይ ዓይነት ናይ ሽቓቕ ሶፍት ከም ትዕድግ ዝኸይድ፡ ንመጻኢ ብልክዕ ክትንበያ ክኽእላ እየን።


ነዚ ንምድላው፡ እዘን ኩባንያታት እኹል መረዳእታ (ዴታ) ማለት፡ መዝገብ ዝሸመትካዮም ኣቕሑ፡ ዝርዝር ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝፈተሸካዮም ኣቕሑ፡ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንጥፈታትካ፡ ትነብረሉ ስፍራ፡ ማሕበራውያን ዝምድናታትካ ወ.ዘ.ተ፡ ከምኡ'ውን ዳይናሚክ ኣልጎሪዝም ይጥቀማ።

እዞም ቅድሓት'ዚኣቶም፡ ኩባንያታት ንጠባያት ዓማዊል ክርደኣን ክትንበያን ጥራይ ዘይኮና፡ ብውሑድ ዋጋ፡ ኣብ ናይ ዕዳጋ ከባቢታት ዝፍጠር ለውጥታት፡ ንናይ ዓማዊል ውሳነ ብኸመይ ከም ዝጸልውዎ፡ ብውሑድ ወጻኢታት ንምፍታን'ውን ከገልግለን እዩ።

# ብኣዮን ዝበሎ፡ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ

ስነ-ፍልጠታዊ ልብ-ወለድ፡ ንነዊሕ ዓመታት፡ ብዛዕባ ዝበራ ተሽከርከርቲ ከም ንሓልም ገይሩና እዩ። ይኹን'ምበር፡ ነቲ፡ ቀዛፊ፡ ወይ ናይ ጀት ሞተረ ናይ'ዘን ተሽከርከርቲ ዝፈጥሮ ድምጺ፡ ኣብ ከተማታት ክንጥቀመለን ዘኽእል ድዩ፧ ኢሉ ዝሓትት ብዙሕ ሰብ የልቦን። ስለ'ዚ፡ ነዚ ዝኸውን መፍትሒ ክመጽእ ኣለዎ- ዝዘውር ኣካል ዘይብሉ ስርዓት ምውንጫፍ። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣዮን ፕሮፓልሽን ይበሃል።

ኣዮን ፕሮፓልሽን ቀሊል እዩ። ኣብ ክንዲ ልሙድ ነዳዲ፡ ፍሉይ ጋዝ (ዜኖን) እዩ ዝጥቀም። እቲ ሞተረ፡ ብሓገዝ ኤለክትሪክ፡ ነቶም ዜኖን ኣቶማት ይቐልዖም'ሞ፡ ኤለክትሮን ብምውጻእ፡ ኣዮናት ይኾኑ- ፖዘቲቭሊ ቻርጅድ ይኾኑ። እቶም ኣዮናት ድማ፡ ብኤለክትሪካዊ ሜዳ፡ ብልዑል ፍጥነት ንድሕሪት ይውንጭፎም። እታ ነፋሪት ድማ ከም መልሰ-ግብሪ ንቕድሚት ትውንጨፍ። እዚ ግን፡ ኣብ'ቲ፡ ሒደት ተቓውሞ ዘለዎ ህዋ'ዩ ብዝበለጸ ዝሰርሕ። ዘይርብሽን ካርቦን ዘይተፍእን ሞተረ!





# ዕላል ምስ **ኣርቲስት & ኣርኪተክት**

# ኣቡበከር ሓጅ ሓሰን

**ፍረሂወት ዳንኤል**

ስነጥበበኛን ኣርኪተክትን ኣቡበከር ሓጅ ሓሰን፡ ካብ ኣቡኡ ዓብደልቃድር ሓጅ ሓሰን ኣዲኡ በኺታ ኢድሪስ እንራዓሊ ብ1968 ኣብ ሕርጊጎ ተወሊዱ። ወዲ 3 ዓመት ምስ ኮነ፡ ስድራኡ ናብ ባጽዕ ስለ ዝገዓዙ ካብ ኣዚለ ክሳዕ ካልኣይ ክፍሊ ኣብ ባጽዕ ኣብ ካምፖኒ ኣትዩ ተማሂሩ። ጸላኢ ንሕርጊጎ "ዓንጽ ዓንጾ ንማዕጾ" ከም ዝበሃል ኣብ ህዝባ ዘስካሕክሕ ግፍዕን ህልቂትን ገይሩ ምስ ኣንደዳ፡ ስድርኡ ናብ ደብዓት ከይዶም። ኣብኡ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክሳዕ 1982 ኣርባዕተ ዓመት ተማሂሩ። ድሕሪኡ ናብ ግብጺ ብምኻድ ክሳዕ ዓስራይ ክፍሊ፡ ኣብ ካይሮ ቤት ትምህርቲ ሳንፒተር ተማሂሩ። ብ1986 ናብ ጀርመን ብምኻድ፡ እቲ ዝተረፎ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ወዲኡ፡ ናብ ኮለጃት ምህንድስና በርሊንን ፖትስዳምን ብምእታው ብሞያ ኣርኪተክት ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቑ።



ወዲ 6 ዓመት ኣቡበከር፡ 1975፡ ኣብ ባጽዕ

ኣርኪተክት ኣቡበከር፡ ኣብ ጀርመን ሽቶይትና ኡንዞርገ (Steudtner und Sorge) ምስ ዝተባህለ ኩባንያ በቲ ዝተማህሮ ሞያ ንሰለስተ ዓመት ሰሪሑ፡ ዘድሊ ተሞኩሮ ቀሲሙ። ድሕርዚ ናይ ገዛእ ርእሱ ትካላት ብምኽፋት፡ ኣብ ቬትናም፡ ኢንዶነዥያ፡ ብራዚልን ካልኦት ሃገራትን ብርክት ዝበለ ናይ ኣርኪተክት ጥበባዊ ስራሓት ዓሚሙ።

ኣርቲስት ኣቡበከር ብትምህርቲ ዝቐሰሞ ሞያ ኣርኪተክትን ብዝንባለኡ ዝኣተዎ ሞያ ስነጥበብን በብዝጥዕም ግዜን ኵነታትን ዝድለ ኣበርክቶ ክገብር ጸኒሑን ኣሎን። ኣብዚ እዋን'ዚ "**እርጋን ከየርከበ ንዓደይ ከበርክት**" ብምባል፡ ነቲ ኣብ ደገ ክገብሮ ዝጸንሐ ስራሓት ኣወንዚፉ፡ ኣብ ክልቲኡ ሞያታት ስነጥበብን ኣርኪተክትን ኣብ ረብሓ ሃገሩ ዘውዕል ዘሎ ኣብነታዊ ዜጋ'ዩ። ኣብ ሞያታት ስነጥበብ፡ ኣርኪተክትን ኣብ ሓፈሻዊ ጉዕዞ ሂወቱን ኣመልኪታ መጽሔት መንእሰይ ኣዕሊላቶ ኣላ።

## ኣቡበከር ከም ስነጥበበኛ

### ምስ ስነጥበብ ዘለካ ዝምድና ኣበይ'ዩ ዝጀመረ፣

12 ክፍሊ ምስ ዛዘምኩ፡ ባህጊ ስድራ ቤተይ ሓኪም ክኾነሎም እዩ ዝነበረ፡፡ ብፍላይ ኣብ ቐጠር ዝቕመጥ ዝነበረ ኣኮይ ማሕሙድ ንዝለዓለ ማህደረ-ትምህርቲ ክረኽበለይ ከሎ፡ ሓኪም ክኸውን'ዩ ነይሩ ባህጉ፡፡ ኣብ ስድራ ሓደ ዓውዲ ጥዕና ዘጽነዐ ብዓል ሞያ ክህልወና ምንዮት ናይ ኩሉ እዩ ነይሩ፡፡ ኣነ ግና በንጻሩ፡ ሓኪም ክኸውንሲ ይትረፍ፡ መርፍእ ዝውግኡ ሰባት ምርኣይ'ውን ኣዝዩ'ዩ ዘፍርሃኒ ነይሩ፡፡ እንታይ ክውሰን ከም ዘሎኒ፡ ኣብ ሞንጎ ባህጊ ስድራን ናተይ ዝንባለን ተቐርቂረ፡፡ ኣእምሮይ ቡቲ ኣብቲ እዋን ኣብ ግብጺ ዝካየድ ዝነበረ ስነጥበባዊ ስርሓት እናተጸለወ መጺኡ፡፡ ድሕሪ ክንደይ ውረድ ደይብ ንድምጺ ውሽጠይ ክሰምዖ ወሲነ፡፡ ባህጊ ስድራይ ሓዲገ ናብ ባህጊ ነብሰይ ካብ ገዓዝኩ፡ እንተ ሓሚቐ፡ ገጽ ስድራቤተይ ክርኢ ክሰክፈኒ'ዩ፡፡ ኣብቲ ዝኣተኹዎ ሞያ ግድን ክነፍዕ ከም ዘሎኒ ኸኣ ምስ ነብሰይ ቃል ኣትየ፡፡

ኣብቲ ኣነ ዝነበርኩሉ እዋን ኣብ ግብጺ ብዙሕ ንጥፈታት ስነጥበብ'ዩ ዝካየድ ነይሩ፡፡ በዚ ዝተጸልወ ድሌት ሓዘ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ምስ ዛዘምኩ፡ ናብ ጀርመን'የ ኣምሪሐ፡፡ ኣብ ጀርመን ብሰንኪ ሕጽረት ቋንቋ ንድሕሪት ናብ ታሽዓይ ክፍሊ ተመሊሰ'የ ቀጺለየ፡፡ ቅድሚ ናብ ዩኒቨርስቲ ምስጋረይ ኣብ ዝነበራ ዓመታት'የ ነቲ ናተይ ዝንባለ ክሰርሓሉ ጀሚረ፡፡ ኣብ'ታ ቀዳመይቲ ዓመት እታ "ሰላም" እትብል ፋልመይቲ ኣልበም ኣውጺአ፡፡

### ከም ፈላሚት ስነ-ጥበባዊ ስራሕካ ዝርከቦዮ መሰሉ-







### ተግባር ከመይ ትዝክሮ፣

ዘገርም'ዩ፡፡ ወድና፡ ሕክምና ገዲፉ ደራፋይ ኮይኑ ተባሂሉ፡ ብስድራ ይኹን መቕርብ ተቐባልነት ኣይረኸበኩን፡፡ ኣብቲ እዋን ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ስነጥበብ ኣሉታዊ መረዳእታ'ዩ ነይርዎ፡፡

### እሞኸ ደኣ፣

ድሕሪ ክልተ ዓመት ናብ ዩኒቨርሲቲ ተጸንቢረ፡ ብዓውዲ ኣርኪተክት ማለት "ቀረጻ" ክመሃር ጀሚረ፡፡ እቲ ዝነበረ ነቐፌታን ምዕዝምዛምን ድማ ቡብቕሩብ ዘፍ እናበለ መጺኡ፡፡

### ቅድሚ ናብ'ቲ ዝተመሃርካሉ ዓውዲ ኣርኪተክት ምእታውና፡ ብዛዕባ ስነጥበብ ክንዛረብ፡፡

ጽቡቕ፡፡ ቀዳመይቲ ደርፊ ከምቲ ቀዲመ ዝገለጽክዎ፡ "ሰላም፡ ሰላም" እያ ትብል፡፡ ብቛንቛ ትግረ'ያ፡፡ ሽዑ ኣብ ጀርመን፡ ተመሃራይ ከለኹ ዝደረፍክዋ'ያ፡፡ ኩሉ፡ እንተላይ ናብ ቪድዮ ክሊፕ ናይ ምቕያር መስርሕ ኣብ ጀርመን ኮይነ እየ ወዲአያ፡፡ ምስቲ ዝነበረ ናጽነት ነስተማቕረሉ ወዕዉዕ ሃውህው፡ ኣብ ኤሪቲቪ ብተኸታታሊ ትድጋገም ነይራ፡፡ ነቲ ኣብ ስነጥበብ ዝነበረኒ ዝንባለ ከም ዝብርኽ ዝገበረት ደርፊ ስለ ዝኾነት ኣነ'ውን ብፍሉይ እየ ዝዝክራ፡፡

### ድሕሪኣኸ?

"ሕሱም'ዩ፡ ፍቕሪ ሕሱም" ትብል'ያ ነይራ፡፡ ንዕኣውን ተቐላጢፍና ኢና ናብ ቪድዮ ክሊፕ ቀይርናያ፡፡ ሽዑ ኣብ ከባቢና ቪድዮ ክሊፕ ነይሩ ኢልካ ክትዛረብ ኣጸጋሚ'ዩ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ምፍራያ ፍሉይነት ነይርዋ እዩ ብዘይ ቀለዓለም፡፡ 1996/97 ኣቢሉ'ዩ ነይሩ እቲ ግዜ፡፡

### ዳይረክተር ናይ'ቲ ስራሕ መን ነይሩ?

ሽዑ ኣብ ዳይረክተር ምንም እንዶ ኣይነበረናን፡፡ ኩልኻ ተሓጋጊዙካ ኢኻ ትሰርሖ፡፡ ባዕላትና ኢና ከምዚ ኹን ከምዚ ግበር ወዘተ. እናተበሃሃልና ነወሃህዶ ኔርና፡፡ ኣብ ሕጂ ኾይነ ክሓስቦ ከለኹ፡ ክሳዕ ሕጂ ሰብ ክሰምዓን ክርእያን ክደሊ ኸሎ ንዓይ'ውን ይገርመኒ'ዩ፡፡ ልዕሊ 60 ሰባት እተሳተፍዎ'ዩ ነይሩ እቲ ስራሕ፡፡ ሽዑ ብዝሒ ሰባት እተሳተፍዎ ብክሊፕ ዝተሰነየ ዘመናዊ ደርፍታት ከተቕርብ ከቢድ'ዩ ነይሩ፡፡ ባህግን ተወፋይነትን ስለ ዝነበረ ግዳ ኹሉ ይሰልጠና፡ ስራሕና ኸኣ ይፍተወልና ነይሩ፡፡

### ቀንዲ ብድሆ ኣብ ምንታይ ነይሩ?

ከምዚ ቐዲመ ዝበልኩኹም፡ ሽዑ ሙዚቃዊ ክሊፕ ልሙድ ኣይነበረን፤



ይጀማመር እዩ ነይሩ። ኑቲ ኣብቲ ስራሕ ክዋሰኣልካ ትብህጎ ሰብ ደፋፊእካ ኢኻ ተእትዎ። ኣዝዩ ተፈራህን ተኣፋፍን ሞያ እዩ ነይሩ፣ ኣብ ክሊፕ ክትሰኣል። ብሕልፊ ኣብ ደቀንስትዮ፡ "ስድራይ ኣይፈቕዱለይን'ዮም" ምባል፡ ብብዝሒ ነይሩ እዩ። ኣብ ቪድዮ እንተ ወጺእካ ካልእ ነገር'ዩ ነይሩ ሽዑ።

ኣብ ሕጂ ኾይነ ክርእዮ እንከለኹ፡ ዋላ ንዓይ'ውን ቀሊል ኣይነበረን። ከምቲ ቀዲመ ዝገለጽክዎ፡ ሓኪም ክኸውን እምበር፡ ኣብ ናይ ደርፊ ዓለም ክዋሳእ ብዘይካ ናተይ፡ ናይ ዝኾነ ሰብ ባህጊ ኣይነበረን።

### ንቕጽል ናብ'ተን ካልኦት ደርፍታትካ

ድሕሪኡ "ሃንደበት" እትብል ደርፊ እየ ኣዳልየ። ስፍሕ ዝበለ ድራማዊ ስራሕ ኣእቲና ኢና ናብ ቪድዮ ክሊፕ ቀይርናያ። ወድን ጓልን ካብቲ ፈለማ ክላለዩ ኸለዉ ሒዝካ ቡብደረጃኡ ዝገብርዎ ጉዕዞ ፍቕሪ፡ ብዝርዝር እተንጸባርቕ፡ ናብ ግዜ ንእስነት እትመልስ ስራሕ'ያ። ንኹሉ በቲ መስርሕ ዝሓለፈ ኣብ ኣእምሮኡ ቀሪጻትሉ'ያ።

ዕድመና ውሑድ፡ ተመኩሮና ውሑድ ኣብ ዝነበረሉ ዘፍረናዮ፡ ክንድዚ ክኸይድ ትጽቢት ኣይነበረናን ሽዑ። እቲ ጻዕርናን ኣበርክቶናን ኣብ ስነጥቡብ ከመይ ምንባሩ፡ ክሳዕ ክንደይ ሶጉምና ምንባርና ሕጂ'ዩ ዝርደኣና ዘሎ። ብርግጽ ከኣ ኣብቲ ዝነበረ ጽልዋ ናይ ኣምሓርኛ መተካእታ ወይ መለሳ ክንፈጥር ክኢልና ኢና።

### ንቕጽል

ድሕሪኡ ተመክሮና፡ ኣተሓሳባናን ራእዩን ተልእኾን ክህልወና ግድን ነይሩ። ሽዑ ሙዚቃ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ውሽጡ እንታይ ሓሳብ ክህልዎ ተመያይጥና ክንሰርሕ ጀሚርና። ኣብኡ ኣብ ሓንቲ "ሃገረይ" እትብል ደርፊ፡ ብዝከኣለና ብሰለስተ ቋንቋታታት ኤርትራ (ትግርኛ፡ ትግረን ኩናማን) ጌርና ሓንቲ ንእሽቶ ኤርትራ ክንፈጥር ተበግሶ ወሲድና። ቋንቋታትና ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታትን ደሴታትን እውን ኬድና፡ ብኡ ኣቢልና ድማ ንቱሪዝማዊ ስሕበት ሃገርና ኣንጸባሪቕና።

### ጽቡቕ፡ ኣብ ስነጥበባዊ ኣበርክቶኻ ኢና ዘሎና።

ዝበለጸ ስራሕ ክሰርሕ እኹል ግዜ ክረኽበሉ ኣሎኒ። እቲ ናይ ኣርኪተክት ስራሕ ስለ ዝኣተኽዎ፡ ሕጽረት ግዜ ከጋጥመኒ ጀሚሩ። ስነጥቡብ ዝኣክል ግዜ እንተ ዘይሂብካዮ ኸኣ ብቕዓቱን ኣድማዕነቱን ከምቲ ትደልዮ ኣይከደልካን እዩ። ብሰንኩ ንነዊሕ እዋን ኣቋሪጸዮ ጸኒሐ።

### ሕጂ ግን ዳግም ዝተበራበርካዶ ትመስል፤

ድሕሪ ነዊሕ ምቁራጽ፡ ኣብ 2023 "ሻነት"ን "ታዕዚም ሰላም"ን ዝርእስተን ክልተ ኑብሰን ዝኸኣላ ደርፍታትን ክሊፓትን ኣዳሊና ዝርጊሕና ኣሎና። እተን ስእላዊ ክሊፓት ካብቲ ዝሓለፈ ብመጠኑ ፍልይ ዝበላ፡ ሕይል ዝበላ፡ በቲ ተክኒካዊ ይኹን ምህዞኣዊ ሽነኽን ምስ ዘለናዮ ግዜን ኮነታትን ዝኸዳ'የን ኢልና ኢና ንኣምን።

### ካብ ደርፍታት ከይወጸእና፡ ናይ መጻኢ መደብካ እንታይ እዩ?

ኣብ መጻኢ ንሰርሖ ስርሓት'ውን ብተመሳሳሊ ምስ ግዜን ምዕባለን ዝኸይድ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዝማዕበለን ዝሓሸን ስራሓት ክነቕርብ'ዩ መደብ ዘሎና። ናይ ሕሉፍ ስራሓት ንመጻኢ ዝሓሸን ዝማዕበለን ስራሓት ክተበርክት ይሕግዘካ'ዩ። ምስ ኩሎም መሳርሕተይ ዕዉት ስራሕ ክንሰርሕ ምኳንና ድማ እተኣማመን።

### ሓደ ክሊፕ ንምድላው ዝግበር ወጻኢታት ከመይ እዩ? ብሕልፊ ኣብ'ዚ ናትካ ስራሕ ዘይተኣደነ ወጻኢታት ትገብረሉ ምኳንካ'ዩ ዝዕለል። ኩተብርሃልና

ኣብ ስነጥበባዊ ስራሕ፡ ባጀት ዘይኩነ ናይ ስራሕ ወንን ስነሓሳብን'ዩ ወሳኒ። ብዓይነ ባጀት ክትርእዮ እንተ ኼንካ፡ እተን ብመገድና ዝፈርያ ስእላዊ ደርፍታት ምስ ካልኦት ኣብ ሃገርና ዝፈርያ ዘለዋ ክተነጻጽሮ እንተ ኼንካ ብገምጋም ኣብ ማእከላይ እምበር፡ ኣብ ላዕለውይ ደረጃ ዝስርዓ ኣይኰናን። ብሕልፊ እተን ቀዳሞት ተመሃሮ ኸሎና ስለ ዝተሰርሓ፡ ዳርጋ ምንም ባጀት ኣይወጸለንን ክበሃል ይከኣል። ኣዕሩኽትኻ፡ ፈተውትኻ፡ መማህርትኻ ጌርካ ዝተሰርሓ'የን። ጽልዋአን ክሳዕ ሕጂ ምጽንሑ፡ እቲ ሓይሊ ኣብ ባጀት ዘይኩነ፡ ኣብ ውሽጡ ዝጸንሐ ስነሓሳብ'ዩ። እዚ ኸኣ ህሉው ኣብነት እዩ። ንምሳሌ ኣብ ሃገርና ንሶሻል ሚድያ ተባሂሉ ክፈሪ ዝጸንሐ ገለ ስእላዊ ደርፍታት ሰማንያ ቴስዓ ክሳዕ ሚእቲ

ሽሕ ይበጽሕ ምኳኑ ሓበሬታ ኣሎና። ናተይ ክንድኡ'ውን ኣይበጽሕን'ዩ። ጭቡጥ ኣብነት ክኾነና፡ ነዛ "ታዕዚም ሰላም" ዘርእስታ ክሊፕ ንምፍራይ 23 ሽሕ ናቕፋ ጥራይ ኢና ኣውጺእናላ። ንሱ'ውን ዝበዝሐ ንስእልን ኦዲትን ዝተገብረ ወጻኢታት'ዩ። ዕቤት ናይቲ ንሳ እተመሓላልፎ ሃገራዊ መልእኽቲ፡ ምስቲ ምኩራት ካድራት ዝገበርዎ መነቓቕሒ መደባት ዝዳረግ ምኳኑ እቲ ስራሕ ይምስክር እዩ።

ስለዝስ ዝተጋነነ'ዩ ሓበሬታ'ዩ ዘለኩም። ክእረም እደልዩ እየ። ገለ ሓያል ስራሕ ዘይምስርሖም ከም መመኽነይታ ዘቕርብዎ ኾይኑ እዩ ዝስመዓኒ።

**ኣብ ስነጥበባዊ ስርሓትካ ንፍቕሪ ብብዙሕ ኣገባብ ኢኻ ተልዕሎ። ብሓሳብኻ ከመይ ኢኻ ትገልጾ?**

ፍቕሪ መሰረት እዩ። ፍቕሪ ሃገር 'ተዘይብልካ፡ ሃገርካ ከይፈለጥና፡ ንኻልእ ወጻእተና ክነፍልጦ ዝከኣል ኣይኮነን። ቅድም ዘለና ነስተማቕሮ። ዘለና ንበርብሮ። ንውንኖ ንፍለጥ። ሽዑ ዘይብልና ፈሊና ከነውጽእ ንኽእል ኢና። ብኻልእ ወገን ስነጥበባዊ ስርሓትና ብሳይንሳዊ ስነ ፍልጠት ክነሰንዮ ኣለና። ክንሓስብ ከለና ኣብ መሰረት ወሪድና ክንሓስብ ኣለና። ባህልን ስነጥበብን ክሳዕ ኣብ ካሪክለም ኣትዩ፡ ደቅና ክመሃርዎን ክፈልጥዎን ኣገዳሲ'ዩ። መራኸቢ ብዙሃንና'ውን ኣብዚ ጉዳይ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ዘለወን ኮይኑ እስመዓኒ። እዚታት እንተ ጌርና፡ ሙሉእ ስነፍልጠታዊ ስንቂ ጥቡብ ዝሰነቐ፡ ንኣህጉራዊ ስርሓትና ብደረጃ ዓለም ከጸውዕ ዝበቅዕ ወለዶ ክህነጽን ብሉጽ ፍርያት ስነጥበብ ክፈርን ምኳኑ ኣይጠራጠርን እየ።

**ኣብ ስነጥበባዊ ዕዮታትካ ብዙሕ ሓድሽ ዓይነት ትርኢት ህርመት ንዕዙብ ኢና። ከመይ ዝበለ ጻዕሪ ኩሓተካ**



ክትጠልም ቀሊል እዩ። ፍቕሪ ስድራቤት ዘይብሉ፡ ስድራቤቱ ክኸሕድ ቀሊል እዩ። ፍቕሪ ንብዙሕ ነገራት መሰረት እዩ። ሰላማዊ ቀጻልነት'ውን የውሕስ። ፍቕሪ ተሃራፍን ተደላይን ቀመም ምንባር'ዩ። ሂወት ምስ ፍቕሪ ልምሉም፡ ጥዑም ይኸውን። ከምቲ ሓደ ተፈላሳፊ ዝበሎ "ብፍሽክታ ይጀምር ብንብዓት ይዛዘም።" ወይ "ጥዑም ኣጋጣሚ የራኽበካ፡ ፎኪስ ነገራት ድማ የፈላልየካ" ብዝብል ሓሳበይ ክጥርንፍ።

**ምስ ዘለካ ዉህሉል ተሞክሮ፡ ስነጥበባዊ ፍርያት ሃገርና ብሕልፈ ስእላዊ ደርፍታትና ኪንዮ ውሽጢ ዓዲ፡ ኀዶቦ ስጊሩ ተወዳዳሪ ብቕዓት ክውንን እንታይ እዩ ዝሓተና፧**

ፈለማ ከም ሕብረተሰብ፡ ኣብ ባህልን ክብርታትን ፍልስፍናዊ መረዳእታ ክነማዕብል ይግባእ። ብሕልፊ እቲ ኣብ ስነጥበብ ዝዋፈር ሰብ፡ ቅድም ቀዳድም ንባህልን ክብርታትን ሕብረትሰቡ ከም ኣሰር ኣጻብዕቱ ክፈልጦምን ጽቡቕ ገይሩ ክለልዮምን ኣለዎ። ብዙሕነትና ዝፈጠሮ ሃብታም ባህልን ክብርታትን'ዩ ዘሎና። ነዚ ብዝግባእ

**ምጽንሑ ክተዕልለና**

ነንበይኑ ባህልን ክብርታትን ምስ ዘለዎም ሕብረተሰባት ክራኸብን ክዕልልን ዕድል ረኺበ'የ። እዚ ቀሊል ተሞክሮ ሂወት ኣይኮነን። ኣብ ጀርመን ከለኹ ዝቀሰምክዎ ፍልጠት፡ "ስራሕ ስራሕ እዩ!" ዝብል ኣበሃህላ ኾይኑ፡ ተናኪፍካ ዝመጽእ ለውጢ ወይ ተናኪፍካ ዝሕፈስ ዕዮ ዘይምህላዉ እዩ። ስራሕ ኩሉ ግዜ ዕቱብነት፡ ጻዕሪ፡ ተበላሓትነት፡ ነብሰ ግትኣት ይሓትት። ኣጋጣሚ ዝበሃል የለን። ዋላውን ኣጋጣሚ እንተ ተፈጥረ፡ ተዳሊኻሉ ክትጸንሕ ኣለካ።

"ሻነት" እትብል ስራሕ ከነዳልዋ ኸለና ንብዙሕ ኢና ኣብ ግምት ኣእቲና። ኣልባሳት፡ ኣመሻሽጣ፡ ቋንቋ፡ ዘመናውን ባህላውን ኣኩዳድና፡ ትርኢት ኩተማና፡ ፍርያት ኢደ ስርሓት... ወዘተ። ኣነ ኣብዚ ሓደ ዝብሎ ነገር እንተ ሃልዩ፡ ከም ሕብረተሰባት "ብዓቢ ምሕሳብ ብንእሽቶ ዘይምዕጋብ" ዝብል ኣመለኻኽታ ክንላመዶ ኣለና። ብዓቢ







እንተሓሲብካ ብድሆታት ከጋጥሙኻ ምኻኖም ንቡር'ዩ። እንተኾነ ንሳቶም እዮም ዘዕብዩና። ፍጹምነት ዝበሃል ነገር ኣብ ስራሕ የለን። ከይትጋገ ዘይምፍራሕ። ከይጋገ ኢልካ ኢድካን እግርኻን ኣጣሚርካ ክትጽበ የብልካን። ከይተጉድል ክትፈርሕ የብልካን፡ ንሳቶም'ዮም እናማሃሩኻ እናመልኡልካ ዝኸዱ። ንኣብነት ማንካ (በጃ ኢድ) ክትሰርሕ ተደሊኻ ኣለኻ ንበል። ኣብ ዓለም እዛ ማንካ ካብ ምንታይ ትስራሕ ኣላ ክትፍትን ኣለኻ። ዝሰርሑ ዘለዉ ማናኩ እንታይ ቅርጺ ኣለዎም፡ ከመይ ዝበሉ እዮም፡ ዕድመ ኣገልግሎቶም ክንደይ ይበጽሕ ... ክትፈልጥ ኣሎካ። ካብታ ናይ ኣእሙሮኻ ስእሊ ጥራይ ዝተሓጽረ ስራሕ ከነፍሪ ኣይንድለ። ነዚ ሓበሬታ ሒዝካ እንተ ደኣ ተበጊስካ እንተ ሓመቕካ ማዕረ'ቲ ፈርዩ ዘሎ፡ ነፊዕካ ናትካ ፈጠራውነት ወሲኽካ ድማ ዝበለጸ ዕዮ ክትሰርሕ ትኽእል።

**ቀንዲ ኣድነቕቲ ስነጥበባዊ ፍርያትካ ናብ ደቀንስትዮ ዝዘዙ ይመስል።**

"ሰብ ኣይጽላእካ" ዲዩም ዝብሉ ኣቦታትና፤ እንቋዕ ኣይጸለኣኒ! ከም ኣቡበከር ግን፤ ብስነ- ምግባረይ ኣደይ ምስ ትኾርዕ፡ ብሰብኣውነተይን ሓልዮተይን ሓፍተይ እንተ ኣመስጊና፡ በቲ ኣብ ልዕሊኣ ዘለኒ ፍቕሪ፡ ኣኽብሮትን ሸርክነትን ብዓልቲ እንዳይ እንተ ዓጊባ፡ ብኣተሓሳስባይን ኣካይዳይ ኮነ ውጽኢት ዕዮይ ጓለይ እንተ ተሓቢና ንዓይ ልዕሊ ኹሉ'ዩ። ንሱ እዩ ድማ ንዓይ ፍስሃ ዝፈጥረለይ።

**ህዮሳ ኣብ ዕቤት ስነ-ጥበብ ስርሓትና ዝህልዎ ተራ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ትብል፤**

ነቀፌታ ኣብ ስራሕ ሓጋዚ'ዩ። ዋላ'ውን ካብቲ ኣብቲ ዓውዲ ዘይሳተፍ ሰብ። ነቐፌታ ይምልኣልካ'ዩ። ኣብ ስነጥበብ ፍጹምነት ስለ ዘየለ። ጥራይ እቲ ዝህይስ፡ ንስለ ህዮሳ ዘይኮነ፡ ንምምዕርራይ ዝዓለመ ንዕቤት ስነጥበባዊ ስራሓትና እወንታዊ ዕላማ ሒዙ ዝተበገሰ ክኸውን ኣለዎ። ከይትህየስ ወይ ከይትነቀፍ ኢልካ ካብ ስራሕካ ደው ክትብል የብልካን። እቲ ሃያሲ'ውን ኣብ ኣተሃያይሳኡ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ምእንቲ ከይህልዎ ሓያል ጥበብ ይሓቶ እዩ።

**መን'ዩ ከማእዝን፤ ስነጥበበኛ ወይስ ሕብረተሰብ፤**

ቅድም ቀዳድም መን'ዩ ስነጥበኛ ዝበሃል፤ መን እዩ ደራፊ፡ ሙዚቀኛ፡ ቀባኢ፡ ተላሃዩ፤ መዓስ ኢኻ'ኸ ስነጥበበኛ ትበሃል፤ ክምለሳ ዘለወን ሕቶታት ኮይነን ይስመዓኒ። ስነጥበበኛ ንሕብረተሰቡ ክመርሕ እዩ ዘለዎ። ናበይ ገጹ'ዩ ዝመርሖ ክፈልጥ ኣለዎ። እቲ ስነጥበበኛ ራእዩን ተልእኾን ክህልዎ ኣለዎ። ሽግራት ሕብረተሰብካ መፍትሒ ጥራይ ዘይኮነ፡ መካትዒ ኣርእስቲ ክትፈጥረሉ ክትሓስብ ኣለካ። ከምቲ ቀዲመ ዝገለጽክዎ፡ ስነጥበበኛ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰቡ ብግቡእ ክፈልጥ ኣለዎ። ምስ ፈለጠ'ዩ ንሕብረተሰብ ክፍልጥ ዝበገስ።

**ስርሓት ስእላዊ ደርፍታትና ብመንጽር ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብና ኣዛሚድካ ከመይ ትርእዮ፤ ዓለም ናብ ሓንቲ ቁሸት እናተቐየረት ኣብ እትኸደሉ ዘላ ህሞት፡ ባህልና ክዕቀብ ኣለዎ ምስ ዝብል ድሌት ምውህሃዱ ይከኣል ድዩ፤**

እወ ሎሚ ዓለምና ብብዙሕ ሸነካት ናብ ሓንቲ ቁሸት እናመጸት'ያ ትኸይድ ዘላ። ምጽልላው ክህሉ እዩ። ክትዓግቶ'ውን ዝከኣል ኣይኮነን። ነፍሲ ወከፍ ወለዶ፡ ናቱ ጦብላሕታ ክገድፍ ኣለዎ። ኣብዛ ቁሸት እንታይ ኣበርክቶ ክህልወና እዩ ዘለዎ ግን ክንሓስበሉ ኣለና። ኣብዚ እዋን ዓለማዊ ባህሊ'ዩ ዝምዕብል ዘሎ። እንታይ እዩ ግን ክኸውን እጃምና ከነቕልበሉ ኣለና። ምስ ተማሂዙ ዘሎ ናይ ተክኖሎጂ ፍርያት ኮነ ምስ ጽልዋ ዓለማዊ ቕዲ ትርኢት ክትከይድ ክትብል ግን መንነትካ ዘጥፍእ ዕዮ ከተፍሪ ኣይግባእን። ምስ ዘለና ጆግራፍያዊ ኣቀማምጣ ብዙሕ ጽልዋ ኣለና። ነዚ ግን ክንጥቀመሉ እምበር ምስልና ከደብዝዞ የብሉን።

**ዘይምኖ ስነጥበባዊ ዕዮ እንታይ ይሓትት፤**

ትሰርሖ ስራሕ ደረጃ ወይ መዐቀኒ (ስታንዳርድ) ናቱ ክህልዎ ኣለዎ። ትሰዕብ ስራሕካ ካብኣ ትበልጽ እምበር ትሓምቕ ክትከውን የብላን ኢልካ ተበገስ። ኣብቲ ትሳተፈሉ ዘለኻ ዓውዲ መባእታዊ ጎድናዊ ፍልጠት ክህልወካ ኣለዎ። ብኸመይ ይወሃህድ ኣሎ ተዓዘቦ። ምድግጋም ንተዓዛቢ

ዘይክስሕብ ይኽእል እዩ። ሓድሽ ስራሕ ስሪሐ እናበልካ፣ ቁጽሪ ዕዮታትካ ምጽብጻብ ንቕድሚት ኣይመርሕን እዩ። ስለዚ ሎሚ ካብ ናይ ትማሊ ዝበለጸ ስራሕ ክሰርሕ ኣለኒ ዝብል ቅኒት ክህልወካ ኣለዎ። ንኺድ እሞ ኣብ መንገዲ ደሓን ንእግረ መንገድና ንስእል እናበልካ ክትሰርሕ የብልካን። ኣቓዲምካ ኢኻ ትስእለሉ ቦታ ክትፍትሽ ዘለካ።

## ኣብ ዕቤት ስነጥበባዊ ዕዮታትና ኣበርክቶኻ እንታይ ክኸውን'ዩ፧

ተራይ ከም ሓደ ዓብዪ ጎቦ ኾይነ ስኢለዮ ኣይፈልጥን። ግን ከምቲ ኩሉ ግዜ ኣብ ኣእምሮይ ትመጽእ፣ ጸጸር ኣብ ልዕሊ ጸጸር እምኒ፣ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ድማ ጎቦ ስለ ዝሰርሕ፣ ከም ኩሉ ስነጥበበኛ ኣነ'ውን ዓቕመይ ዝፈቕዶ ኣበርክቶ ክህልወኒ እዩ።

ናይ ኩሉ ኣርቲስት ኣበርክቶ ተደሚሩ ንዕቤት ስነጥበባዊ ስርሓትና ናብ ዝበረኸ ከደይቦ፣ ኪንዮ ከባቢናን ኣህጉርናን ዝኸደ ተሰማዕነት ክልብሶ ምኽኣሉ ድማ እምንቶይ እዩ።

## ኣቡበከር ከም ኣርቲተክት

## እሞ ናብ ሞያ ኣርኪተክት ከንሰግር። ሞያ ኣርኪተክት እሞ ከመይ ረኺብካዮ፧

ቅርጻ ኣካል ዓውዲ ጥበብ እዩ። ንኽትሓስብ፣ ክትፈላሰፍ፣ መዓልታዊ ሓድሽ ቅዲ ዕዮ ክተውጽእ ዝድርኽ ወይ ዘገድድ ሞያ እዩ። ብባህርየይ ምድግጋም ነገራት ኣመና እዩ ዘይብርሃኒ። ትማሊ ዝሰራሕክዎ ሎሚ እንተ ድኣ ዝደግማ ኾይነ ምንባር ዘቋረጽኩ ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። ነገራት ቀልጢፎም እዮም ዘሰልጭዉኒ። መዓልታዊ ዝድገም ዘይኮነ መዓልታዊ ዝቀያየር ሓድሽ ስራሕ ምስራሕ እዩ ባህ ዝብለኒ። ሞያ ኣርክቴክት ንባህረይን ባህገይን ዘካተተ ኾይኑ'ዩ ጸኒሑኒ። ክዓየሉ ዝኽእል ሞያ ምኽኣሉ ከስተብህለሉ ግዜ ኣይወሰደለይን። ድሕሪ ጀርመን ናብ ሃገራት ቬትናም፣ ብራዚል፣ ኢንዶኔዥያ እየ ኸይደ። እነሆ ድማ ሎሚ፣ ፈጣሪ ይመስገን ኣብዚ እዋን ምስ ዘውንኖ ሞያይ ናብ ዓደይ ክምለስ ወሲነ። ዕድመ ከየርከበ ዓቕመይ ዝፈቕዶ ኣበርክቶ ክገብር ከኣ እትስፎ።

## ኣብ ልምዓታዊ ቦታታት ንትርኢት ዲጋ ገርገራ ዝያዳ ጽባቐ ዝፈጥር ኣበርክቶ ጌርካ ኣለኻ። ብዘዕባ'ዚ ከተዕልለና'ሞ ናብቲ ኻልእ ዝዓመምካዮ ስርሓት ኣርቲተክት ክንሰግር።

እዚ ዕድል'የ ዝብሎ። ብዙሕ ግዜ ዝብሎ ኣሎ፣ "ዝኾነ ኤርትራዊ ክንድ'ቲ ንውልቁ ዝሓስቦ ንሃገሩ ይሓስብ እዩ።" ስለዚ ኣብ ዓደይ ኣብ ልምዓታዊ ቦታ ንእሽቶ ኣበርክቶ ክገብር ዕድል ምርካበይ ኣዝየ ሕጉስ እየ። ሓደ ኻብቲ ዓበይቲ ናይ ህይወተይ ሕልሚ ግብራውነት ከም ዝለበሰ ገይረ'የ ዝገልጾ። ሓደ ሰብ ናይ ሂወቱ ሕልምታት ክጋሃደሉ ኸሎ ካብኡ ዝበልጽ ነገር የለን።

"ዋሃሾን" ዝብል ናይ ኣርቲተክት ኩባንያ ኣሎና። ኩሉ ኣብ ትሕት'ዚ ኩባንያ ኼንና ኢና ስራሓወትና እንዓምም።

## ዋሃሾን እንታይ ማለት'ዩ?

ብቛንቋ ብዳዌት'ዩ። ሪመይ፣ ርስተይ፣ ሃገረይ ማለት እዩ።

## ብኸመይን ስለ ምንታይን ኢኹም ዋሾን ኢልኩም ሰሚኹሞ?

እቲ ትካልና ክበጽሖ ዝደልን ዝኽእልን ምዕባለ ስነ-ህንጻ ኣብ ሃገርና፣ ኣብ ሪምና፣ ኣብ ርስትና መሰረት ክገብር ኣለዎ ካብ ዝብል መሰረታዊ ራእዩን ባህግን ዝነቕል እዩ። ኣብ ተፈጥሮኣዊ ነገራት ኣብ ከም ዕንጨይቲ፣ እምኒ፣ ሻምብቆ ፍሉይ ኣተኩሮ ሂብና ኢና ንሰርሕ። እዞም ብተፈጥሮ እንረኽቦም ጥረ ነገራት ብምትሕውዋስ ሓደ መለለዩና ዝኾነ ቅዲ ክህልወና ኢና ንሰርሕ። ሓደ ኻብኡ ኣብ ኣብ 2014 ኣብ ኢንዶነዥያ ዝተመስረተ ኩባንያ ኣርኪተክቸርን ህንጻን እያ ።





## ራእዩ ዋሃሶን እንታይ እዩ?

መሰረታዊ ራእዩ ኩባንያ ዋሃሶን ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ መበቀላዊ ቅዲ ህንጻ ሃገርና ናብ ዘመናዊ ቅዲ ንምርዓም በቲ ሓደ፤ ኣብ ዓውዲ ስነ-ህንጻ ከም ኣርካን ዝጥቀስ መሬት ዝመልእ ናይ እምኒ ጸጋታት ሃገርና ብውሕልነት ንምምዝማዝ ድማ በቲ ኻልእ እዩ።

## ራእዩ ኩባንያ ዋሃሶን ንምትግባር ዝተወስደ ግብራዊ ስጉምቲ

ቀዳማይ ፕሮጀክት ብስም'ቲ ኩባንያ ዝተጻውዐ ምህናጽ ማእከል ቱሪዝም ዋሃሶን እዩ። ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና መጽናዕታዊ ዑደት ምኽያድና፡ ሓሳብና ኣብ ምዕባይ ሓጋዚ ተራ ገይሩ እዩ። ካብ'ዚ መበቀላዊ ናይ ሃገርና ህንጻ ብምብጋስ ኢና 'ምበኣር ነዚ ኣብ ኣስመራ ዝድኮን ማእከል ቱሪዝም ክንሃንጽ ንሓስብ ዘሎና።

ስለዚ መጀመርታ፡ ቅርጺ ወይ መዋቕር ናይ'ቲ ህንጻ (Structure) እንታይ ክመስል ኣለዎ፣ ንኹሉ'ቲ ናይ ሃገርና ቅድታት ብምትሕንፋጽከ እንታይ ሓድሽ ቅዲ ክንፈጥር ንኽእል ኣብ ዝብል ክንመራመር ፈቲንና። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ፍሉይ ናቱ መለለዩ ዘለዎ ግን ከኣ ኤርትራዊ መንነት ዘንጸባርቕ ቅዲ ህንጻ ቀዪስና ኣዳሊና ኣሎና።

## ጸጋታት እምኒ ሃገርና ንምምዝማዝ እንታይ ሓሳብ ኣለኩም?

እምኒ ኣብ ዓውዲ ሰነ ህንጻ ዓቢ ተጠላብነት ዘሎዎ ኣገዳሲ ባህርያዊ ጸጋ እዩ። እንተ ኾነ እዚ ጸጋ'ዚ ክንዲ ዝበዝሐ እንተ በዝሐ፡ ብግቡእ ንምምዝማዙን ንምምስራሑን ዘኽእል ባይታ ምስ'ዘይህሉ፡ ልክዕ ኣብ ትሕቲ መሬት ተቐቢሩ ከም ዝኑበር ወርቂ እዩ።

ልክዕ እዩ፡ ኣኻውሕ ሃገርና፡ ብግቡእ እናተቐርጹ ኣብ ምስራሕ ህንጻታት፡ መናድቕ፡ ሓጹራት፡ ሓወልቲታትን ናይ ምድርቤት ተነጻፊ (ማቶኔላታትን) ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንተላይ ኣብ ምንጻፍ ጽርግያታትን መገዲ ኣጋርን ብምግልጋል ካብ ወጻኢ ዝኣቱ ቅጥራንን ሲሚንቶን ኣብ ምትካእ ዓብዩ እጃም ኣሎዎም።

ክዉን ንክኸውን ግን፡ እምኒ ናይ ምጽራብን ምምስራሕን ሞያ ብሰፊሑ ክተኣታቶን ክምለኽን የድሊ። ካብዚ ብምብጋስ ኢና ነዚ መተካእታ ዘይርከቦ ሞያ ኣብ ኤርትራ ብሰፊሑ ንምትእትታው ብምሕላን፡ ኣብ ኢንዶኖዥያ ንኣማኢት ዓመታት ክሰራሓሉ ዝጸንሐ እምኒ ናይ ምጽራብ ተሞክሮን ውሕልነትን ከም መበገሲ ወሲድና ተበጊስና ።

እቲ ፍልጠትን ተመኩሮን ናብ መንእሰያትና ክሰጋገርን ብኣኦም ተመሊኹ ሃብቲ ሃገር ኮይኑ ክቕጽልን እዩ ቀንዲ ሽቶና። ነቲ ተመኩሮ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ተሃኒጹ ዝርከብ ልዕሊ 35 ሚሊዮን ኩቢክ ሜተር ማይ ዝዓቑረ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዲጋታት ሃገርና ዝኾነ ዲጋ ምስላም ኣብ ገርገራ ኣተግቢርናዮ ኣለና።

እቲ ስራሕ ብቐንዱ ኣብ ምድርቤት ድልድል ገርገራ ምሩጽ እምኒ ምንጻፍን ብኽልተ ጎኒ'ቲ ድልድል ብፍሉይ ዝተዳለወ ቅርጻታት ከለላ ምድላው፣ ኣብ መእተውን መውጽእን'ቲ ድልድል ፍሉይ ግርማ ዝውንኑ ዓንድታት ምትካል፣ ኣብ ማእከል'ቲ ድልድል ከኣ ታሪኻዊ ሓወልትታት ዝዋደደሉ ክቢ ምድላው እዩ ነይሩ።

እዚ ስራሕ'ዚ ብዓብይኡ ነቲ ሞያ ናብ መንእሰያትና ንምስግጋር ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ መወዳደርን መዐቀኒ ጽፈትን ክኸውን'ውን ስለ ዘኽእል ኣገዳስነቱ ዕዙዝ እዩ።

## ዓሚቝ ባህላውን ታሪኻውን ሰረት ኣብ ዘለዋ ሃገር ክትግበር ዝድለ ህንጻ እንታይ ክመስል ኣሎዎ ትብል?

ብዘይካ'ቲ ንቡር ስነ-ህንጻዊ ቅየሳን ትልምን ኣብ ታሪኽ ምርኩስ ዝገበረ ሰፊሕን ዓሚቝን መጽናዕቲ የድልዩ። ንታሪኽን ያታን ህዝቢ ምርኩስ ዘይገበረ ህንጻ መንነት ህዝቢ ዘየንጸባርቕ፡ ታሪኽ ዘይንበቦ መናድቕ ካብ ምጥቃዕ ዝሓልፍ ትርጉም ስለ ዘይህልዎ። ኤርትራ ምስ ብዙሕነት ባህልን ልምድን ህዝባ ይኹን ባህርያዊ ከባቢታትን ክሊማን ዝዛመድ ዝተፈላለየ ቅዲ ህንጻታት ዘለዋ ሃገር እያ። ምስ







ስርሓት ኣቡበከር ኣብ ጀርመን (ብፕረዚደንት እታ ሃገር ኣፍልጦ ዝረኸበ)

ዝተፈላለየ ስልጣነታትን መግዛእታዊ ስርዓታትን ዝተኣታተወ ዘመናዊ ህንጻታት፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ወዘተ. እንተላይ እቲ ከም ዓለማዊ ባህላዊ ውርሻ ብዩነስኮ ተፈላጥነት ዝረኸበ ኣርት ደኮ ዝኣመሰሉ ቅዲ ህንጻታት ትውንን። ኣብ ኤርትራ ክትግበር ዝድለ ዝኾነ ናይ ህንጻ ፕሮጀክት እምበኣር፡ ነዚ ድሕረ ባይታ ሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ።

**ኣብ ስእልታት ከም እተዓዘብናዮ፡ ዝተፈላለየ ሓወልትታት ትሰርሑ ኢኹም መሰለኒ።**

ጽቡቕ ኣስተብሂልኩም ኣለኹም። እቲ ቐዳማይ - ረሊፍ ዝተባህለ ዓይነት እዩ። እዚ ኣብ ገዘፍቲ ኣኻውሕ ክሳዕ 40 ሴንቲ ሜተር እናፈሓቑካ ዝፍጠር ምስሊ እዩ። እቲ ኻልኣይ ዓይነት ሓወልቲ ዝተጋነነ ግዝፊ ዘለዎ ምስሊ ብምፍጣር ዝውቀሩ ዓርሞሽሽ ሓወልትታት'ዮም። እዚ ኣገባብ'ዚ 20 ብ 40 ሰ.ሜ. ዝግዝፎም ብዝግባእ ዝተጻረቡ ኣእማን ብምንዳቕ ይፍልም። ኣስታት 10 ሜትሮ ብራኸ ኣብ ዝንውሓቱ መናድቕ ከኣ ተምሳል ብኸምዚ ይውቀር። እቲ ሳልሳይ ዓይነት ቅርጺ፡ ማዕረ'ቲ ዝውክሎ ምስሊ (real size) ዕቤት ዘለዎም ሓወልትታት'ዮም። እዞም ሓወልትታት ናይ ምድላው መስርሕ ፈለማ ኣብ ወረቐት ንዝተሳእለ ምስሊ፣ ብፍሉይ ሓመድ ብዝተዳለወ ጭቃ ቅርጺ ይወጸሎም። ብድሕሪኡ ቀዳማይ ቅርጺ ኣሉታ (ነጋቲቭ) ብድሕሪኡ እወታ (ፖስቲቭ) ብዝተባህሉ ቴክኒካዊ መስርሓት ሓሊፎም፡ ብዝመኸኸ ኣለሙንዩምን ነሓስን ተለቢጦም ናይ መወዳእታ ቕርጺ ይሕዙ።





ስርሓት ኣቡበከር ኣብ ኢንዶነዥያ (ኣብ ቅርጻን ስርሓት ሻምቈን)

ኣቡበከር ከም ሰብ

*** ትጸልእ ባህሪ ሰብ እንታይ እዩ፧**

ጥልመት!

**ትፈትዎ ባህሪ ሰብ'ኸ፧**

ምሕረት ምግባር። ንሕና፡ ወትሩ ፈጣሪ ምሕረት ክገብረልና፡ ዝበደልናዮ ክሓድገልና ኢና ንልምን። ነንሕድሕድና ግን ኣይንመሓሓርን ኢና። ቀልዑ ንዓይ ናይ ብሓቂ ተስፋ እዮም። ክበኣሱ ጸኒሖም ኣብ ደቓይቕ ናብ ጸወትኦም ይምለሱ። ዝነበሮም ባእሲ ሓዲጎም ንሓድሕዶም ይተሓቛቖፉ። ንሕና'ውን ንሓድሕድና ክንመሓሓር፡ ክንከኣኣል፡ ክንተሓዳደግ እዩ ዘመልክዓልና።

**ፍሽኽታ ዘይፍለዮ ገጽ ኢኻ ትውንን፧**

ሓድሓደ ግዜ ንሰባት ንኻልኢት ኢኻ ትረኽቦም። ንምንታይ ኢኻ'ሞ ትጽወግ፧

**ዝዓበየ ምስጢር ህይወት እንታይ እዩ፧**

ሞት!

**ዝቐለለ ነገር'ከ፧**

ዝቐለለ ነገር. . . ክትጋገ።

**ዝኸበደ መሰናኽል፧**



ስርሓት ኣቡበከር ኣብ ኢጣልያ (ብባህርያዊ ዕንጨይቲ ዝተሰርሐ መዘናግዒ ቦታ)

ፍርሒ! ኣብ ውሽጥኻ ፍርሒ እንተሎ ካብ ፈጠራውነት፡ ዕቤት፡ ለውጢ ትግለል ኢኻ። ኩሉሳዕ ኣብቲ ዝለመድካዮ ዕንክሊል ኢኻ ትብል። ክትዕወት ኮነ ክትልወጥ'ውን ኣይትኽእል። ፍርሒ እንተ ሰጊርናያ ኣብ ዓለም ዘይከኣል ነገር ዝበሃል የለን። ኣብ ኣእምሮና እንሃንጾ ፍርሒ ገደብ ብቕዓትና ኾይኑ ዘይሰገር መሰናኽላዊ መናድቕ እዩ ዝጋርደና።

## ንድፊ እማመ ፕሮጀክትታት ዋሃሾን ኣብ ኤርትራ







### ዝዓበየ መምህረይ ትብሎ መን ኮን ይኸውን፤ በዚኣ ክንውድእ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኑብስና እናተሓጸብና፡ ነፋሪት ጸላኢ ትመጸና። ድምጻ ኣዝዩ ሃዳዲ ብምኳኑ ኩልና ናበይ ከም ኑብል ጠፊኡና። ኣብዚ ህሞት መምህር "ትርሎ" ንብሎ ዝነበርና መምህርና፡ በትሪ ኣልዒሉ፡ ነታ ነፋሪት ከም ሃመማ ሰስ እናበለ የእዳዉ ከንቀሳቅስ ጀሚሩ። ወያ ነፋሪት ድማ ኸይዳ። ሽዑ መምህር ትርሎ ነፋሪት ጸላኢ ብበትሪ ሰጒጉ ኢልና ኣመና ተሓጒስና። ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኢና ነይርና። ንዕድመና ኣብ ግምት እናእተወ "ኣጆኹም ንስኹም'ውን ተማሂርኩም ከምኣ ክትዝውሩ ኢኹም። ምኽንያቱ ኣብ ዓለም ዘይከኣል የለን" ትብል ቃሉ፡ ክሳብ ሎሚ ትመርሓኒ ኣላ።

ካልእ ኣብ ጀርመን ምስ ከድኩ፣ መምህር ያንዘን ዝበሃል ኣብ ዓውዲ ኣርኪተክት ዝምህረኒ ዝነበረ ፕሮፌሰር፡ መጽናዕታዊ ጽሑፍና ከነቅርብ ከለና፡ ሓንቲ ገዛ'የ ኣዳልየ። ፕሮፌሰር ያንዘን ስለ ምንታይ እዛ መስኮት በዚ ጌርካያ። እቲ ማዕጾኸ ካብ ምንታይ ዝተሰርሐ'ዩ … እናበለ ብሕቶ ትንፋስ ከሊኡኒ። ፕሮፌሰር ያንዘን እንታይ ይብለኒ ነይሩ፦ "ደስ ኢሉኒ ዝበሃል ነገር የለን፡ ዕዮ ዕዉት ክኸውን ብዙሕ ጻዕርን ስራሕን ይሓትት'ዩ። ብደስ ኢሉኒ ጥራይ ዝስራሕ ዕዮ ዝብጻሕ ጫፍ የለን። ንመን ትሰርሖ ኣለኻ፡ ብኸመይ ኢኻ ክትሰርሖ፡ እንታይ ጥረ-ነገር ኢኻ ክትጥቀም ክትሓስበሉ ኣለካ።"

እዚ ሓሳብ ብቐጻሊ ብዙሕ እዋን ኣብ ኣእምሮይ ይመላለሰኒ'ዩ። ጽልዋኡ ኸኣ ኣብ ብዙሕ መዳያት ምሳይ ኣሎ።

**ኣብ ናይ መጻኢ ስራሕካ ዓወትን ኣሳልጦን ንምዃልካ፡ ሰኣጥበበኛን ኣርኪተክትን ኣቡበከር ሓጂ ሓሰን!**

# ፍልስፍና “ሰምባባ እምኒ”

## ዶክተር በየነ ሃይለ ከም ገጸ-ባህርይ

መለስ ንጉሰ

“ክቡራት ስነ-ጥበበኛታትን ዑዱማት ኣስተማቕርትን፡ ሎሚ መኣድና መኣዲ ስነ ጽሑፍ ዓዲ ቐይሕ ሓደ ዓቢ ስነ-ጥበበኛ ሃገርና ዓዲማ ካብ ኣስመራ ኣምጺኣቶ’ላ። እቲ ዕዱም ኣብ ማእከልና’ሎ። ሙብዛሕትኹም ብስሙ ትፈልጥዎ ኢኹም። ኣቡኡን ኣዲኡን ዘውጽኡሉ ስም በየነ ሃይለ ዝብል’ኳ እንተ ኾነ ዝያዳ ግን ብወዲ እምኒ’ዩ ዝፍለጥ። ምኽንያቱ ንሱ ንእምኒ ናብ ሰብ፡ ንደንጐላ ናብ መንፈስ ዝቕይር ሓያል ስነ-ጥበበኛ’ዩ።”

ሽም በየነ ምስ ተጠቕሰ ኣዳራሽ ብጣቕዒት ተናወጸት። እታ ምጭውቲ መራሒት መድረኽ ቀጺላ፦ “ሎሚ ክቡር ደራሲ በየነ ሃይለ (ወዲ እምኒ) ምሳና ከዋግዕ’ዩ” ብምባል መድረኽ ንደራሲ በየነ ኣረከበቶ።

በየነ ብዘይ ጽሑፍ ወይ ወረቐት’ዩ ንመድረኽ ደይቡ። ቦርሳ ግን ሒዙ ነበረ። በየነ ኩሉ ነብሱ ጽሑፍ’ዩ፤ ዘይውዳእ ጽሑፍ! ድሕሪ ሰላምታ ከምዚ በለ፦

“. . . . ኩሉኻትኩም ኣብዚ ዘለኹም ኣእማን ኢኹም እንተ ዝብለኩም፡ እንታይ ምተሰምዓኩም? ብርግጽ ምሓረቕኩም ምኽንያቱ ሰብ ካብ ሓቂ ክሃድም’ዩ ዝነብር። እምበር እምኒ ዘይኮነ ፍጥረት እንታይ ኣሎ? እዚ ኣዳራሽ እምኒ’ዩ፡ ማለት ብእምኒ’ዩ ተሃኒጹ። እዚ ኮፍ ኢልክሙሉ ዘለኹም መንበር ሓጺን እምኒ’ዩ፤ ምኽንያቱ ሓጺን እምኒ’ዩ። እዚ ረጊጽናዮ ዘለና ምድሪ ቤት እምኒ’ዩ። ኣነ’ኳ ካብ ኣስመራ ናብ ዓዲ ቐይሕ እምኒ ኸፈለ ብእምኒ’የ መጺአ። ማኪና እምኒ’ያ። ነፋሪት’ውን እምኒ’ያ። ኩሉ እምኒ’ዩ!” ጭብጨባ ሰማዕቲ ኣቋረጾ፡ ጽንሕ ኢሉ፡ “ኣብ ዓለም ዝተኻየዱ ሙብዛሕትኦም ውግኣትን ኲናትን ንእምኒ ተባሂሎም ዝተኻየዱ እዮም። ክቡር ሰብ ንኽቡር እምኒ ህይወቱ የሕልፍ።”

“ወርሕን ጸሓይን እውን እምኒ’የን። ዓለም ብዓባይ እምኒ’ያ። ቅዱስ መጽሓፍ ከም ዝብሎ፡ ወዲ ሰብ ካብ ሓመድ’ዩ ተፈጢሩ። ሓመድ ደቂቕ እምኒ’ዩ። ናይ ስነ-ፍልቀት ሊቕ ዳርዊን እውን እንተ ኾነ ፍጥረት ሰብ ካብ ሓመድ ከም ዝፈለቐ ዝሕብር። ሙሴ ንህዝቡ ካብ ባርነት ግብጺ ኣናጊፉ ናብ ሃገር ተስፋ ክወስዶም እንከሎ፡ ኣብ ጎቦታት ሲናይ ወጺኡ። ጎቦታት ሲናይ እምኒ’ዩ። ቃል ፈጣሪ ካብ ኣኻውሕ ወጺኡ። ከውሒ እምኒ’ዩ። እቲ ካብ ኣኻውሕ ዝወጸ ቃል ማለት 10 ትእዛዛት ሙሴ ኣብ እምኒ ጸሓፎ! እነሆ እምበኣር ብዘደንቕ ተኣምር እቲ ቀዳማይ መጽሓፍ ዓለም እምኒ ኾይኑ ተረኺበ! ሙሴ ነታ እምኒ ሒዙ ናብ’ቶም ኣህዛብ ምስ መጸ፡ ወዲ ሰብ መሻረዊ እንድዩ ንእምኒ ገዲፉ ኣብ ወርቂ ከምልኽ ጀንሖ። ሙሴ በዚ ተተንኪፉ ነታ እምኒ ብሕርቃን ሰንደዋ’ሞ ተሰብረት። ሽዑ ሙሴ ኣምሪሩ በኸየ። ንመጀመርታ ግዜ ንእምኒ ዘልቀሰላ ሙሴ ነበረ። ሰብ ግን ረሳዒ’ዩ። ዳዊት ንጎልያድ ዝቐተሎ ብእምኒ ነበረ። ወዲ ሰብ ረሳዒ ብምዃኑ ግን ንእምኒ ረሲዑ ንዳዊትን ጎልያድን ይዝክር። ካብታ እምኒ ንላዕሊ እታ ወንጭፍ ትዝከር! እወ እታ ብዘይ ድሌታ ደም ዝተጸየቐት እምኒ ተረሲዓ ተረፈት። እታ ብመንበስበስታ ጎልያድ ኣትያ ዘይደማን ዘይሙግላን ዝተጸየቐት እምኒ ተረሲዓ ትነብር ኣላ።

“ሰብ ካብ ሓመድ መላእኽቲ ድማ ካብ ሓዊ ከም ዝተፈጥሩ እሰምዕ’የ። ካብ መላእኽቲ ንወዲ ሰብ ዝተዋህበ ህያብ ወይ ጸጋ ሓዊ’ዩ ክብሃል’ውን ሰሚዕና ንኸውን። ሓዊ ግን ክልተ እምኒ ኢጋጢኻ ዝፍጠር’ዩ። ሓዊ ህያብ እምኒ’ዩ! እነሆ ድማ ሕጂ ካልኣይ ተኣምረ እምኒ ተኸሲቱ። ወዲ ሰብ ካብ



እምኒ ሓዊ ረኺቡ። እምኒ መልኣኽ'ዩ።

"በዃኹም ተራ እምኒ ኣይትረስዑ፡ ተራ እምኒ ዝርሳዕ ኣይኮነን፡ ኣነ'ኳ ተራ እምኒ ከይርስዕ ብእምኒ እምሕል ኣለኹ። ስጋ እምኒ!! ንእምኒ እንተ ረሲዐ ኸኣ እምኒ ይጽቀጠኒ . . ." ምስ በለ ተጋባኢ ብጣቕዒት ሓጐሱን ደገፉን ገለጸ። ድሕሪ'ዚ ናብ ካልእ ስነ-ጽሑፋዊ ኣስተምህሮ ሓለፈ። ብዛዕባቶም ጸረ ሓቂ ጣኦታት ብዕምቆትን ፍልጠትን ንጹሓፍቲ ኣነቓቕሐ።

ደራሲ ወዲ እምኒ ብዘዛኒ መልክዕ ንተራ እምኒ ገሊጹ ናብ ካልእ ፍልስፍና እምኒ ሰጊሩ ሰብን እምንን ማዕረ ምስ ገበረ'ሞ ካብኡ ሓሊፉ ንእምኒ ማዕረ መላእኽቲ ምስ ሰርዖ፡ ካብ ኣዳራሽ ባህታ ዝተፈላለየ ግብረ-መልሲ ተሰምዐ። እቲ ምስትምቓር'ውን ዝያዳ ሓየለ። ሓደ ነዊሕ ቀይሕ ዝመልክዑ መምህር ተንሲኡ፡ ንበየነ ድሕሪ ምምስጋን ብዛዕባ እምኒ ከምዚ በለ፡-

"ካብ ሰማየ ሰማያት እናተወንጨፈ ናብ ጫፋት መሬት ዝወደቐ ጭላፍ ኮኾብ ንዘበናት ተራ እምኒ ተቖጺሩ ነበረ። ንዕኡ ዘለሊ ብሌን ዓይኒ ክሳብ ዘይነቕሖ እምኒ ሩባ ከባጭወሉ ንቡር ይቑጸር። እምኒ ብሰብ ጥራይ ዘይኮነ ሳሕቲ እምኒ ብእምኒ'ውን ይንዓቕ'ዩ። ብባርዕ ሓዊ ተሉብሊቡ ምስ ተቓጸለ፡ ጉላን ጉሒላን ሓሙኽሽቲ ኾይኖም ክበኑ እንከለዉ ጭላፍ ኮኾብ ደንጐላ ግን በርቂ ማሕታ ብልጭትኡ ወሊዑ ብልጭኡ ከርኢ ብርሃን ምኺኑ ዘይተርፍ'ዩ። ብርሃን እምኒ'ዩ!!" በለ። ካልእ ኣስተማቓሪ ናይ'ቲ መኣዲ ብዑምርጂ ዝፍለጥ ስነ-ጥበበኛ ተንሲኡ እውን፡-

"ስነ-ጥበበኛ ንሓላፍን ዘላፍን ናይ ህይወት ጨንገርን ጨንፈርን ነቓፍን ኣመዓራራይን፤ ብሜላ ሓባርን ገሳጽን ከምኡ'ውን ኣድናቕን ነዳቕን ጵባቐ ምኺኑ ብእምኒ ኣቢልና ተረዲእና ኣለና። ንወዲ እምኒ ድማ ኣመስግኖ! ከምዚ ደራሲ በየነ ዝበሎ ንሓቅነትን ጵባቐን እምኒ ክትርዳእ ገላጺ ስነ ጥበበኛ የድሊ፡ ሼክስፒር ኣብታ ማክቤዝ ትብል መጽሓፉ ነተን ኣዋርቕ ዝመስላ ኣዋልድ 'ደሮና'የን' ዝበለን ስለ ምንታይ ምኺኑ ሓርቢቱኒ ዝነበረ፡ ሎሚ ሳላ ገላጺ ስነ-ጥበበኛ ወዲ እምኒ ብንጹር በሪሁለይ! ስነ ጥበበኛ መብርሂ'ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ'ዩ ኸኣ ብርሃን ዝብሃል። ብዘይ ስነ-ጥበበኛ ናይ ጸሓይ ብርሃን ንበይኑ እንታይ ይዓብስ? ስነ-ጥበበኛ ንእምኒ ጸሚቑ ንልቢ ዘርዊ'ዩ። ልቢ እንተ ዘይረውዩ፡ ማይ ንጐሮሮ ኣየተርክሶን'ዩ፡" ምስ በለ ካልእ ተዓዛቢ ብወገኑ፡-

"ደሮና ብንፋስ ተዘዊሩ ናብ ገጽና ገጹ ክመጽእ እንከሎ፡ ገጽና ንሽፍኖ ኢና። ሰብ እምኒ እንተ ኾይኑ ሓመድ ከኣ ደቂቕ እምኒ እንተ ኾይኑ ደሮና'ውን ሰብ'ዩ። ብኣፍን ኣፍንጫን ኣትዩ ጠንቂ ጸጸር ኩሊትን ነድሪ ሳንቡእን ክኸውን ይኽእል። እዚኦም ከኣ ቀንዲ ቀተልቲ ሰብ'ዮም። ስለዚ ሰብ ናይ ሞቱ ሰበብ ባዕሉ'ዩ ክንብል ንኽእል ኢና!" ምስ በለ፡ ዳርጋ ብምልኡ ኣዳራሽ "ባዕሉ'ዩ! ባዕሉ'ዩ!" ክብል ተሰምዐ። ኣብታ ምሸት ብዙሕ ተባህለ፡ ደቂ ሕድርትና ብወገነን ነቲ ኣጋጣሚ ፈትየን ኣብ ነንሕድሕደን ሕሹኽሹኽ ክብላ ተሰምዓ።

"ንእምኒ ክብሪ ሂቡ ንግስነት ኅቦ ዘረጋግጽ ስነ-ጥበበኛ ካብ ደቂ ሕድርትና ክውለድ ናይ ግድን ኣይኮነን። ንናብራኻ ምጽማቕ ጥራይ'ዩ ዘድሊ። ኣእምሮኻ ምኹሕኳሕ፡ ምጥሓል ከኣ ንውሽጢ። ውሻጠ ውሽጥኻን ውሻጠ እቶም ዓሚቑ ዝውሽጦም ምድህሳስ፤ ትምህርቲ ኮ ውሻጠ ፈላጣት ምድህሳስ'ዩ። ውሽጥኻ ጥርሑ እንተ ጸኒሑ ግን ዋላ ናብ ውሽጥኻ ጥሓል እንታይ ክትረክብ ትኽእል? መጀመርታ ናብ ውሽጥኻ ረዚን እምኒ ሩባ ኣጥሕል፡ ሽዑ ንውሽጥኻ ኣቲኻ ክቡር ኣልማዝ ክትሓፍስ ኢኻ። እምኒ ብብልሓት'ዩ ወርቂ ዝኸውን። ንእምኒ ናብ ሉል ንምቕያር ጥበብ የድሊ። ንግደተ ጥበብ። ውሻጠ ውሽጥኻ መጀመርታ መግቦን ምልኣዮን፡ ድሓር ንገዶ! ተነቕነትካ ዑምቄትካ ፈትሽ! ንግደት ውሻጠ ዑምቄቱ በሪኽ'ዩ! ስፍሓት ኣእምሮን ሕልናን ዘይዕቀን ስለ ዝኾነ ንውሽጥኻ ደረት ኣይትግበረሉ። ደረትካ ደረት እምኒ ይኹን። እምኒ ደረት የብሉን። ዘርኢ መርገም ክትለቅም ግዜኻ ካብ ተሕልፎ ንውሽጥኻ ንገዶ'ሞ ኣብኡ ኽረም። ቆፎኻ በርብሮ! ንኹሉ ቕመሶ፡ መዓር እንተ ዘይቅመስ ነይሩ፡ ፎእ ተባሂሉ ምስተፈንፈነ ነይሩ። ቆፎ ውሽጥኻ ብጥበብ ሕለፎ። ዋላኳ መዓር ወለላ እንተ ዘይተረኽበ ምጻምጸዶ ከይሰኣኖ! ከምቲ መዓር ንኽትረክብ ንህቢ ዘድሊ፡ ንህቢ ንኽትረክብ ከኣ ዕምባባ ትኽል። ንልብኻ ዕምባባ ምልኣዮ፡ ፈታው ዕምባባ ኹን። ዕምባባ'ዩ መዓር፡ ዕምባባ'ዩ ፍረ፡" ምስ በለታ፡ መሓዝኣ ኸኣ ምስኣ መዝሙር ዘመረት።

"ገምገም፡ ገምገም፡ ገምገም ሩባ ሩባ፤ ኣዳኖይ ንዓናይ ወጺኡ ዕምባባ!"

"ሻማ ሻማ ንበል ሻማ ሻማ፤ ጥበብ ብጥበቡ ተሰሊሙ ግርማ!"

"ማይዶ ጸባ ማይዶ ጸባ፤ ንዓይስ'ባ እሕሸኒ ዕምባባ!" እናበላ ተዘናግዓ።

ኣዳራሽ ባህታ ፉሕ ፉሕ ምስ በለ ቆለ ተስፋንኪኤል ተበራበረ። ምኩር ደራሲ ምስ ጀመርቲ ስነ-ጥበበኛታት ሓቢሩ ከውግዕ ምርኣዩ ፍስሃ ተሰምዖ። ቆፎ ሕልንኡ ተተንኪፉ ከም ወናም ሃራም ከበሮ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ንኽዛረብ ሓይሊ ረኸበ። ሓደ ስነ-ጥበበኛ ንቆልኡ ዘበራብር ስነ-ጥበበኛ እንተ ረኺቡ ዓለሙ ኣብ ኢዱ'ያ። ይሕጐስ፡ ይጸግብ፡ ይረውን ይድሰትን። ተስፋንኪኤል ሓጐሱ ጥርዚ በጽሐ። ከተንፍሶ ኸኣ ደለየ። መተንፈሲ ስነ-ጥበበኛ፡ ስነ-ጥበበኛ'ዩ። ሃንደበት ብድድ በለ። ንደራሲ በየነ እናጠመተ፡

"ሰብ ካብ እምኒ እንተ ተፈጢሩ

ደራሲ ኸኣ ካብ ጎቦ ዝተፈጥረ ክኸውን ኣለዎ። ካብ ጎቦ ዝተፈጥረ እምንን ኣብ ታሕቲ ኣብ ጕልጕል ዘራጠጠ እምንን ሓደ ኣይኮኑን። እቲ ካብ ጎቦ ብመደረጋሕ ተነውኒዉ ምስ ኣኻውሕን ዓበይቲ ደናጕላን እናተጋጨወ ብልጭታን ድምጽን እናስምዐ ንታሕቲ ዝወርድ እዩ ሓቀኛ ስነ-ጥበበኛ። ነዚ ሓቀኛ ስነ-ጥበበኛ ዝናፈቕት ልቢ ብምንታይ ከተዕግባ ትኽእል? ኣብ ቅድሚ ጥበብ ኩሉ ኩንቱ'ዩ። ብመቓልሕ ድምጹ ንማዕበል ጽምዋ መዓሙቕ ሰንጢቑ መዝሙር ሓቂ ዘስምዐ እቲ ደንጕላ'ቲ'ዩ እቲ ሓቀኛ ስነ-ጥበበኛ። ኣብ ጎቦታት ተሓቢኡ ዝነብር ደንጕላ።

“እቶም ንኹሉ ገዲፍካ ጥበብ ሃበኒ ኢሎም ዝጽልዩ ብጹኣን'ዮም። ምኽንያቱ ከም ደቂ ሕድርትና ሕቡኣን ግዲ ኾይኖም ብቐሊሉ ኣይርከቡን'ዮም። ንኽፉእ ዘይተቓልዐ ብጹእ'ዩ። ስነ-ጥበበኛታት ሳሕቲ'ዮም ዝበርቁ፤ በርቆም በርቂ ሓቂ'ዩ። ‘ብረቕ ብረቕ ጥበብ ናፊቕና፤ ብረቕ ብረቕ ከም በርቂ ሓጺና’ ዝጋረዶም መጋረጃ ጸልማት ይትኣለ። ጸላም ናብ ብዓቲ ይእቶ፡ ብርሃን ካብ ብዓቲ ይውጻእ! ጀውሃርሃር ዝብሉ ጽሩያት መንፈስ ልዋምን ድቃስን ፍቕርን መዝሙርን ንሳቶም'ዮም። ንዕኦም ዘባርር ተኽልስ ከይበቝለ ይሕረር። ይበራበሩ እምበር ኣይባረሩ። እቶም ዘርኢ ሰናይ ዘርኦም ይሰስን፡ ፈልሶም ኣይማስን። ‘ሓቅን ጽባቐን ደቆም'የን’ ንዝበለ ኣሜን ንበሎ!” ምስ በለ ዕዱም ብኣዳራሹ ‘ኣሜን’ ክብል ተሰምዐ። ሓደ ካብ ተመሃሮ'ውን ብድድ ኢሉ፡-

“ኣሜን ኢልና ኣለና! እዚ ግን ንኹሉ ብርዒ ዘልዓለ ኣይኮነን! ነቲ ንውጹዕ ዝቃለስ ውጹእ ስነ-ጥበበኛ ጥራይ'ዩ! ነብሱ ጠቢሱ ብሂወት ዝተዋጠረ ፍረ ብስለት! ብሙብረድ ተሳሒሉ ብበረድ ዝኸርደደ ካብ መላጸ ወጺኡ በርጊጉ ዘይነፈጸን ዘይቀበጸን ፍጥረት ብመናፍሕ ካብ ዝተባርዐ መጋርያ ጓህሪ ከም ጭፈራ በሊሑ፡ ሓጺን ምስ ሓጺን ኣጋጭዩ ወይ ተጋጭዩ ንዓዘቕቲ ደልሃመት ብወርቂ ሴፍ ቀዚፉ መበሰሪ ብርሃን!” ምስ በለ ኣዳራሽ ሓዊ ሓዊ ጨነወት።

ነገር ስነ ጥበብ ምስ ተባርዐ፡ መንፈስ ስነ-ጥበበኛታት ገንፈለ። ዑንቂ ባሕሪ ክትዛረብ ደለየት። ዘረብኣ ልክዕ ከም ስማ'ዩ፡ ክትርእዮ ክትጭብጦን ባህ ዘብል፡ ንሳ ኸኣ ዝስማዕ ድምጺ ወሰኸትሉ።

“እቶም ብፍርዙን ኣእምሮኦም ዝፋን ኩሉ ዝሰፈሩ ፍረ ዘርኢ ጥበብ'ዮም'ሞ ለውሃት መቐረት ላዝኦም ክብ ይበል። መርወይቲ ዝጸምኣ ሃንቃሃንታ፤ ቀለብ ደለይቲ ጽራይ ጽማቕ ሓቅን ስሓቕን፤ መዐገስቲ ወልፊ ወለላ ዛርያ ጥበብን መንጫዕጫዕታ ፍትሕን ስነ-ጥበበኛታት'ዮም። ዝሳቐዩ ፍጡራት ኣለውዎም። መንፈሳዊ ጺጋ ዝጠመዩ፤ ቀለብ ኣእምሮ ዝጸምኡ፤ ግጥሚ ዝናፍቑ፤ ስሓቕ ዝጽበዩ፤ ዓንኬል ጥርዚ ምልኣት ክርእዩ ኣብ ድርኩኹት ባሕሪ ፍልጠት ኲይኖም ደወል ድምጺ መፍትሕ ጥበብ ዝጸናጸኑ ደቂ ጸሓይን ወርሕን ደቂ ብርሃንን ፍትሕን ኣለዉ። ሃንቀውትኦም ከስምሮ ንዘይተወልዱ ክወልዱ ዘይተፈጥሩ ክፈጥሩ፡ ነቲ ከውሒ ርእሲ ከተርክሱ ሓቂቕ ማይ ሩባ ኣፈልፊሎም ንዝጸምኡን ዝጸመዎን ክብርሆን ክርህዎን ኣብ ዱቂ ጽባቐ ኣፍሊሶምን በርቢሮምን ኣብ መሶብ ሓቂ ቀሪቦም ጀባእ ዝብሉ ምስ ጸሓይ በርቂ ክበርቁ'ዮም።

“ብስራት ዓወት ናይ'ዞም ጻድቃናት ምድሪ ከም ብርሃን ጸሓይ ቀደድ ምስ በለ ታሪኽ ዝጸምእ፡ ጽዋ ዝናፍቕ፡ ጽምዋ ዝወረሶ ፍጡር ኣይክህሉን'ዩ። ኩሉ ክዓግብ'ዩ። እቲ ዘይዓግብ ሸውሃት ወዲ ሰብ ከይተረፈ ክዓግብ'ዩ። ዕግበት፡ ጸላም ግብ ምስበለ ብርሃን ኳዕ ምስበለ'ዩ ዝኽሰት! ቁራዕ ሓምሊ ውጻእ ገዓት ጠስሚ እቶ፡ ብርቀት ዓኾኻይ!” ምስ በለት፡ ኣዳራሽ ሃውሃዋ መሊሱ። ጥበብ ዝነገሰ መሲሉ። ተጻባእቲ ጥበብ'ውን ተኾኒኖም፡ ተሰፋንኪኤል ሸግ ሓቂ ዓቲሩ ሆየ ሆየ ክብል ዝተረፎ የብሉን።

“ሸግ ሓቂ ብቡጽእን ንጹህን ኣእዳው ተዓቲሩ ንዓለባ ደልሃመት ብመስታ በርቂ ሰንጢቑ ምስ ተርብዖ፡ መናፍስቲ ሕሶት ፍሕሶ ገመዶም ምስ ተበትከ ኣብ ሸውዓተ መዓሙቕ ጸላም ሰጢሞም ንስሓ ኣውያቶም ኪቃልሑ'ዮም። መጻወድያ እከይ ተበቲኹ ሓጹር ሰሪኣን ምስ ተሰግረ እኩብ ፍሹል ሕሉፍ ጕሓፍ ብዳሜራን ነበልባል ሓቅን ተቓጺሉ ክህሞኽ'ዩ! ሓቅን ጽባቕን ኮኽድዱ፡ ገዓትቲ ግዕዘይን ዓገትቲ ጉልሕን ከኣ ክቐዙን ክፈዙን ክንርኢ ኢና፡” እቲ ወትሩ ጥበብ ዘይፍለየ ኣዳራሽ ከስሕቕ ደለየ። ደቂ ረኺቡ። ደቂ ሓቑፉ። ካብ ደቅኻ ምሕቋፍ ንላዕሊ ዘሐጉስ እንታይ ኮን ይህሉ? ውዕሎ ምስ በየነ ተዛዚመ።

መወከሲ፡ መጽሓፍ ኔው ነጀው



## ፈጠሩኻ ምስትምቃርኻ

ግርማይ ኣብርሃም

# ኣስተንትኖ

## ኣደታትኩም ክንደይ ዓመታት ጠኒሰን?

ሓደ እዋን ሓደ ኣላዩ ሕሙማት፡ ከምዚ ብምባል ንኦሾ (Bhagwan Shree Rajneesh) ሓተቶ፦ "ብዙሕ እዋን ክሕክም ውዒለ ኾብቅዕ፡ ንኽንደይ ሕሙማት ኣልየ፡ እቶም ሕሙማት እንታይ ጸገማት ነይርዎም ዳርጋ ኣይዝክሮን'የ። እቲ ምኽንያት እንታይ ክኸውን ይኽእል፧"

ኦሾ ኸኣ "ሕጂ ናይ ብሓቂ ኣላዩ ሕሙማት ንምኻን በቒዕካ" ብምባል መለሰሉ። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ እትገብሮ ነገራት (ዝኾነ ይኹን) ብፍቕሪ ጥሑል እንተ ኼንካ፡ ብርግጽ እንታይ ትገብር ኣሎኻ'ውን ኣይትዝክርን ኢኻ። ፍቕሪ ኣይትቛጽርን'ያ።

ምስ ገለ ኣባላት ቤት ጽሕፈትና፡ ፈልሰታት ክንተክል ናብ ደምበ ዛውል (ካብ ኣስመራ ንሸነኽ መገዲ ኸረን 23 ኪሎ ሜትር) ወፊርና ኣብ ዝነበርናሉ እዋን፡ ክልተ ኻብ መሳርሕተይ ደቀንስትዮ፡ "ንሕና 50 ፈልሰታት ተኺልና ኣሎና። ንስኻኸ ክንደይ ፈልሰታት ተኺልካ፧" ብምባል ምስ ሓተታኒ፡ ነቲ ኦሾ ዝበሎ እናዘከርኩን እናሰሓቕኩን፤

"ትዕቢት ከየሕድረለይ ኢለስ ኣይፈቐድክዎን" ኢለ መለስኩለን። ንሳተን'ውን ምሳይ ሰሓቓ። ኣነ'ውን ከጻውተን ደኣ'ምበር፡ ጸብጻብ ምቕራብና ስለ ዘይተርፈናስ ምፍቃድ ዝተተኽለ ፈልሰታት ግድነት'ዩ ዝነበረ። ጸኒሐ ግና ኣብ ገዛና (እንዳ ዓሰቦይ)፡ ምስ ኣደይን ኣሕዋተይ ከቢብና ቡን እናሰተና፡ ነደይ ዝሓተትክዋ ሕቶን ንሳ



ሰኣሊ
ብስራት ኢሳቕ (ራሻ)

ዝመለሰትለይ መልስን ኣካፊልክወን።

ኣደይ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ጓል 80 ኩይና፡ 13 ቈልዑ ኻብ ማህጸና ዝወለደት'ያ። ወትሩ ስለ ዘተሓሳስበኒ ኸኣ ከምዚ ብምባል ሓተትክዋ፡ "ክንደይ ዓመታት ናይ ህይወትኪ ኣብ ጥንሲ ኣሕሊፍክዮ፧"

ሓሲባትሉ ኸም ዘይትፈልጥ ነገረትኒ። ግደ ሓቂ፡ ዳርጋ ኹላትና ውሉዳታ ሓሲብናሉ ኣይንፈልጥን ኢና - ካባይ ጀሚርካ። "ክንደይ ኩብሎ ኣንታ ግርማይ ወደይ፧" ብምባል ተመሊሳ ሓቲታትኒ። ጸኒሐ፡ ኣብ ሞባይለይ ዘሎ ኳልኩሌተር ብምኽፋት፡ 13 ብ9 ኣርባሕክዎ'ሞ፡ 117 ኣዋርሕ መጽኣለይ። ብ12 ኣዋርሕ ብምምቃል ድማ ናብ 10 ዓመት ዝገማግም ውጽኢት ረኸብኩ። ነደይ 10 ዓመታት ካብ ህይወታ ኣብ ጥንሲ ኸም ዘሕለፈቶ ነገርክዋ። ንኣኣ ሓድሽ ዜና'ዩ ነይሩ። "እንታይ ትብል ወደይ፧" ጥራይ በለትኒ። ምኽንያቱ፡ ከምቲ ኦሾ ዝበሎ እቲ ሓቀኛ ፈዋሲ፡ ፈዋሲ ምኳኑ ኣይርድኦን'ዩ።

ጸኒሐ፡ ክንደይ ዓመት ኣብ ዝባና ደቃ ኸም ዝሓዘለት ከይሓተትኩ ኣርቢሐ ነገርክዋ። 13ብ 3 ኣርባሕክዎ'ሞ፡ 39 ዓመት መጽኣለይ። 39 ምስ 10 ዓመት ምስ ደመርክዎ፡ 49 ዓመታት ኣብ ጥንስን ምሕዛል ቈልዑን ከም ዘሕለፈቶ ተሰቈረኒ። በዚ ቕማረ'ዚ መሰረት፡ ኣደይ ነተን 31 ዓመት ጥራይ ኣብ ተዛማዲ ዕረፍቲ ኣሕለፈተን። እዚ ኽብለኩም ግና ኣነ ደኣ'የ ዘቘጽረላ ዘሎኹ'ምበር፡ ንሳስ ከም ኵለን ሓቀኛ ኣደታት ንኹሉ ብፍቕሪ ደኣ'ምበር ብምጽብጻብ ኣይገበረቶን።

ኣብ መጽሓፍ ኦሪት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሓደ ኣደኡ 'ያዕቤጽ' ብምባል ዝሰመየቶ ሰብ ኣሎ። ያዕቤጽ ማለት ወዲ ጻዕሪ ማለት'ዩ። ነዚ ኣምላኽ፡ ድሒሩ ኸም ዝባረኾ፡ ግዝኣቱ ኸም

ዘስፍሓሉ፡ ካብ ቃንዛኡ ኸኣ ከም ዘገላግሎ ዝዘንተወሉ ያዕቤጽ፡ ኣደኡ ኸምዚ ኢላ 'ወዲ ጻዕሪ' ኢላ ዝሰመየቶ ምኽንያት፡ ብጻዕሪ ስለ ዝወለደቶ ምዃኑ'ዩ ዝዘንቶ።

ሳይንስ ከም ዝብሎ'ውን ኣካላት ወዲ ሰብ ክሳዕ 45 ደል (ዩኒት) ቃንዛ ጥራይ እዩ ኽጻወር ዝኽእል። ሓንቲ ኣደ ኽትገላገል ከላ ግና ክሳዕ 57 ደል (ዩኒት) ቃንዛ'ያ እትጻወር። እዚ ማለት ኣብ ሓደ ግዜ፡ ክሳዕ 20 ኣዕጽምቲ ናይ ኣካላትና ኽሰባበር ከሎ ማለት'ዩ። ቃንዛን ፍቕርን ኣደ ኽሳዕ ክንዲ'ዚ'ዩ።

ሕማም ሕርሲ ተረሳዓይ ድዩ ዘበሃል! ኣደታትና፡ ብኡ ንብኡ'የን ውሉደን ኣብ ሕቑፎአን ምስ ኣእተዋ ቓንዛአን ዝርስዓ።

ንሕና እቶም ውሉዳት ግና ሓደ ሓደ እዋን ነቲ ኣደታትና ምእዙዛት ተፈጥሮ ኹይነን፡ ዓቕመንን ልዕሊ ዓቕመንን ነቢረን ዘንበራና ኽንቜጽሮ ንሞያአንን ተወፋይነተንን ክብሪ ኽንሀብ ኣገዳሲ ከይኮነ ኣይተርፍን'ዩ።

በዛ ጂብራን ኽሊል ጂብራን ኣብታ 'Broken wings' ዘርእስታ መጽሓፉ ኣስፈርዋ ዘሎ ጽሕፍቲ ኽንፋኖ፦

"እቲ ዝበለጸ፡ ካብ ከናፍር ደቂ ሰብ ዝወጸእ ቃል፡ 'ኣደ' ዝብል ቃል'ዩ፣ እቲ ዝበለጸ ጻውዒት ከኣ 'ኣደየ ሓላለይ' ዝብል'ዩ። እዚ ምቁርን ሓላልን ቃል'ዚ፡ ካብ መዓሙቕ ልቢ ዝምንጩ ተስፋን ፍቕርን ዝተመልአ ቃል'ዩ። ኣደ፡ ኩሉ ነገር'ያ። ኣብ ግዜ ሓዘንና መጸናንዒትና፡ ኣብ እዋን ሕሰምና ተስፋና፡ ኣብ እዋን ድኻምና ኸኣ ሓይልና'ያ። ኣደ፡ ምንጪ ፍቕሪ፡ ምሕረት፡ ርህራህን ይቕረ ምባልን'ያ። ኣደኡ ዝስኣነ ሰብ፡ ከዩባተ'ኸ ዝባር'ኽን ዝመርሕን ነፍሲ ዝስኣነ ሰብ'ዩ ዝኸውን።"

ዕድመን ጥዕናን ንዔታትና! ዘይጽንቀቕ ፍቕርን ክብርን ነዘን ብዘይ ቅድመ-ኹነት ዘፍቅራና ኣደታት!

# መን'ዩ ስነ-ጥበበኛ፧

## "ካብ ስራሓተይ ኣታዊ ምርካብ ምስ ዘቋርጽ እውን ስነ-ጥበበኛ ምኳን ኣየቋርጸን'የ ።

ስነ-ጥበበኛ ምዃን ንእንታይነትካ ብመገዲ ስነ-ጥበብ ናጻ ኰንካ ምግላጽ'ዩ። ንዝደለኻዮ ብናጽነት ክትገልጾ ምፍታን ሕመረት ስነ-ጥበበኛ'ዩ። ዝኾነ ሰብ ገዛእ ርእሱ ኽገልጽ ይኽእል'ዩ። ስነ-ጥበበኛ ኽብለካ ዝኽእል ግና ንእንታይነትካ ብስነ-ጥበባዊ መገዲ ኽትገልጾ ኽትክእል ከሎኻ እዩ። ንገለና ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ምስ በጻሕና፡ "ስነ-ጥበብ እንታይ ድዩ፧" ዝብል ሕቶ ኽለዓለና ይኽእል'ዩ።

ሓያሎ ሰባት ስነ-ጥበበኛታት ክኾኑ ድላይ ከም ዘሎዎም ይነግሩኒ'ዮም። ከምዚ ኢሎም ምስ ኣዕለሉኒ ግና እቲ ኽገብርዎ ዘይክእሉ ነገራት ይዝርዝሩለይ። እቲ ጸገም፡ ከሎ ገና ቅድሚ ኣብ መገዲ ስነ-ጥበብ ምእታውካ ባዕልኻ ብእትሰርሖ ሓጹር ስለ እትድረት'ዩ። ስነ-ጥበባዊ ናጽነቶም ከሎ ገና ደሪቶም ክሕዝዎ ይፍትኑ።

ስነ-ጥበብ ብዛዕባ ናጻ ምዃንን ብቕዓት ፈጠራዊ ኣገላልጻ ምውናንን'ዩ። ስነ-ጥበብ ቅድሚ ዝኾነ ነገር ንኽትፈጥር ናጻ ምዃን ማለት'ዩ፣ ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ነገራት ምግላጽ'ዩ። ብደረጃ ዓቕሚ፡ ካልኦት ንዘይገልጽዎ ወይ ድማ ብኻልእ መገዲ ንዝገለጽዎ ብፍሉይ ኣገባብ ክትብሎ ምኽኣል'ዩ። ስነ-ጥበባዊ ዕዮኻ ነቲ ኽትገብሮ ዘይትኽእል ነገራት እናዘርዘርካ እንተ ጀሚርካዮ ፈጠራዊ ዓቕምኻ ተጕድሎ ኣሎኻ ማለት'ዩ።

ስነ-ጥበበኛ ምዃን ባህሊ ገዛእ ርእስኻ ደኣ'ምበር፡ ግዜያዊ ዕዮ ኣይኮነን፣ ኣብ ዝተፈላለየ ኹነታት እተፈላለየ ኣመለኻኽታ ተማዕብል። ካብ ኣብ ምሸት፡ ፍልይ ብዝበለ መልክዕ ኣብ ንግሆ ትርኢ። ብተወሳኺ፡ ከመይ ትርኢ'ውን ኣብ ኩነታት ስምዒትካ ይምርኮስ። በዚ ምኽንያት እዚ እምብኣር፡ ዝኾነ ነገር ብዝተፈላለየ መልክዕ ክረአይ ይክኣል'ዩ። ንስነ-ጥበብ ፍሉይ ዝገብሮ ኸኣ እዚ'ዩ።

ስነ-ጥበብ ባህሊ ውልቅኻ ደኣ'ምበር ግዜያዊ ንጥፈት ኣይኮነን። ስነ-ጥበብ ካብ ህይወትካ ፈሊኻ ኽትርእዮ ኣይክኣልን። ሓደ ሰብ ንስነ-ጥበብ ዝኸውን ጥጡሕ ባይታ እንተ ዘይብሉ፡ ስነ-ጥበበኛ ክኸውን ኣይክእልን። ስነ-ጥበበኛ ምዃን ናይ ፈጠራ ባህሊ ምውናን ኰይኑ፡ ኣካል ህይወትካ ኽትገብሮ ምኽኣል ማለት'ዩ።

ሓደ ስነ-ጥበበኛ'የ ዝብል ሰብ፡ መዓልታዊ ካብ ሰዓት ትሽዓተ ኽሳዕ ሰዓት ሓሙሽተ ኣብ ዘሎ ግዜ ጥራሕ ፈጠራዊ ክኸውን ኣይክእልን። ብተመሳሳሊ ወትሩ ሓሙስ ክትፈጥር ኢልካ ኻብ ሰዓት ኣርባዕተ ኽሳዕ ሰዓት ሓሙሽተ ኣብ ዘሎ እዋን ግዜ ኽትፈሊ ኣይትኽእልን። ፈጠራኻ በቲ ዝመደብካዮ ሰዓት ጥራሕ

ኣይኮነን ዝመጽኣልካ፡፡ ሃንደበት ዊን ክብለካ ይኽእል'ዩ፡፡ ንፈጠራ ግዜ ምምዳብ ግና ውሕሰነት የብሉን፡፡ ፈጠራ፡ ግዜ እትፈልየሉ ናይ ንግዲ ሞያ ኣይኮነን፡፡ ሳሕቲ ኽመጽኣልካ ይኽእል ይኸውን፡፡ እዚ ይኹን እምበር፡ ከምቲ ኣቐድም ኣቢሉ እተገልጸ፡ ኣብቲ ዝመደብካዮ ግዜ ኽመጽኣልካ ውሕስነት የልቦን፡፡ ፈጠራ ኣብ ዝመጽኣልካ ግዜ መደብ ኣውጽኣሉ፡፡ ኣቐዲምካ መደብ ከተውጽእ ግና ግብራዊ ኣይኮነን፡፡

ስነ-ጥበበኛ ምኳን፡ ናይ ናጽነት፡ ፈጠራን ድርኺትን ባህሊ ምምዕባል'ዩ፡፡ ስነ-ጥበበኛ ምኳን እምብኣር ከም ዝኾነ ኻልእ ንጥፈታት መደብ እተውጽኣሉ ኣይኮነን፡፡

ስነ-ጥበበኛ ምኳን ካብ ስነ-ጥበባዊ ፍርያትካ ኣታዊ ምርካብ ማለት'ውን ኣይኮነን፡፡ ስነ-ጥበብ ኣታዊ ንምርካብ ተባሂሉ ዝዕየ ጥበብ ዝመስሎም ሓያሎ እዮም፡፡ ካብ ስነ-ጥበብ ይኹን ካብ ካልእ ንጥፈታት ኣታዊታት ምርካብ ካብ ንግዲ ፈሊኻ ኽረአ ኣይክኣልን፡፡ ብኣረኣእያይ ከምዚ ምግባር ስራሕ ስነ-ጥበበኛ ኣይኮነን፡፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ስነ-ጥበበኛ ምኳን ብመገዲ ጥበብ ኣቢልካ እንታይነትካ ምግላጽ'ዩ፡፡ ነዚ፡ ስራሓትካ ኽይሸጥካ ኽትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፡፡ ካብ ስራሕካ ኣታዊታት ምርካብ ከኣ ምስቲ ልዕል ኢለ ዝገለጽክዎ ዘራኽብ የብሉን፡፡ ስነ-ጥበብ ረጃሒ ናይቲ ኻልእ ኣይኮነን፡፡

ብውልቀይ ስነ-ጥበበኛ ካብ ዝኸውን ነዊሕ ኣቝጺረ ኣለኹ፡፡ ካብ ስራሓተይ ኣታዊ ምርካብ ምስ ዘቛርጽ እውን ስነ-ጥበበኛ ምኳን ኣየቋርጾን'የ፡፡ እዚ ባህሪ'ዚ፡ ኣብ ኵሉ ዘሎ'ዩ፡፡ ቁልዑ ንኣብነት፡ ካብ ስነ-ጥበብ ገንዘብ ክርከብ ከም ዝክኣል ከይፈለጡ'ዮም ኣብኡ ዝእለኹ፡፡ ምስ ዓበዩ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ስነ-ጥበበኛታት ካብ ስነ-ጥበብ ኣታዊ ኽረኽቡ ምስ ርኣይዎም ናቶም ምርጫ ይወስዱ፣ ወይ ገንዘብ ምኽዕባት ወይ ድማ ኣብ ፍርያትካ ጥራሕ ኣተኩርካ ምቕጻል፡፡

ስለዚ እምበኣር፡ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ ምፍራይን ምሻጥን በበይኑ'ዩ፡፡ እዚ ርድኢት እዚ፡ ክሓድረኒ ዝኽኣለ፡ ካብቲ ብተደጋጋሚ፡ "ከመይ ኣቢለ ስነ-ጥበበኛ ክኸውን እኽእል፧" ዝብል ሕቶ'ዩ ዝመጽእ፡፡ እዚ ሕቶ እዚ፡ ክልተ ነገራት ዘካተተ ምኳኑ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት'የ ኽርድኦ ኽኢለ፡፡ እቲ ቐዳማይ ሕቶ፡ "ከመይ ኣቢለ ስነ-ጥበበኛ እኸውን?" ዝብል'ዩ፡፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ "ካብ ሸያጥ ስነ-ጥበባዊ ስራሓት ከመይ ኣቢለ ኣታዊ እረክብ?" እዚ ኽልተ ሕቶታት ዘራኽብ የብሉን፡፡ እቲ ቐዳማይ ሕቶ ዘተሓታትት የብሉን፡፡ እቲ ኻልኣይ ሕቶ ግና፡ "ካብ ስነ-ጥበብ ኣታዊ ኽረክብ ዝኽእል ነጋዲ ድየ፧" ከም ምባል'ዩ ዝቕጽር፡፡

*ጸሓፊ፡ ኣርዮን ብርየት*

# ወዲ ሰበይቲ'የ!

ኣንታ ሸበትካ ቈጺርካ ነብስኻ 'ተሕኵራ
ህሩግ ዝበልካኒ ተኸዲንካ ጕራ
'ቲ ቕንዕ ምባለይ ኸምዛ ኽሳድ ኮብራ
ወዲ ሰበይትነትይዶ ነዛ 'ደይ የሕስራ!

ወዲ ሰበይቲ ምኳነይሲ እዝጊ ኣፍለጠካ፤

ወዲ'ዛ ወርቃ ሸይጣ ናብ ርኹባት
ኣብ ርእሰይ ዘስረጸት ወርቂ ሓሳባት፣
ወዲ'ዛ ጾር ናብራ 'ናኸበዳ
ኣበደን ኢላ ዘየልዓለት ኢዳ፣
ወዲ'ዛ ብርሃጻ ዝሓጸበት ገጻ
ንዓይ ከተወጅህ ዘፈሰመት ወ'ዛ፣
ወዲ'ዛ ቍርን ኣሳሓይታን 'ናኸንደዳ
ምቈት ዝዘርኣትለይ ፍቕሪ ኣዓጕዳ፣
ወዲ'ዛ ጸሓይ ንእስነታ ኣዕሪባ
ጸሓየይ ዘድመቐት ጭልግዕነታ ኣቚሪባ፣
ወዲ'ዛ ሰብ ርእሱ ምኳን እናሓርበቶ
ሰብኣይን ሰበይትን ኰይና ዝኸኣለቶ፤

ወዲ'ዚኣ'የ ጽቡቕ ጌርካ ፍለጦ!

ትብዓተይ ኣብ ትሕትናይ ተኺላ
ትሕትና ዘይምኳኑ ድ'ና
ቅንዕና ዘይምኳኑ ድርቅና
ኣምሂራትኒ'ያ በቲ ጽኑዕ ግብራ!

**ግርማይ ኣብርሃም**
21/11/2019

# ጸዋዪ ዛንታ ኣድጊ በረኻ

ስፐንሰር ሆልስት

ሓደ እዋን፡ ሓደ ኣንበሳ ኽመስል ዝፍትን፡ ቋንቋ ኣድጊ በረኻ ኸኣ ብዙሕ ብዘይ የምሕር ብቕዓት ክዛረብ ከም ዝኽእል ዝዛረብ ሳያመታይ (ታይላንዳዊ) ድሙ ነበረ።

እዚ ቛንቋ'ዚ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብዝርከቡ ሽራጥ-ሽራጥ ዝጽጋረቶም ኣፍራስ ዝዛረብ ቋንቋ'ዩ።

እንሆ ኸኣ፡ ሓደ ንጹህ ኣድጊ በረኻ ኣብ ዕሙር ጫካ ዘወን እናበለ ኸሎ፡ ናብኡ ገጹ ይመጽእ ምስ ዝነበረ ንእሸቶ ድሙ ጕፈጕፍ ተራኸበ።

"ሰላም ንኣኻ ይኹን!" በለ'ቲ ድሙ፡ ንቛንቋ ኣድጊ በረኻ ልክዕ ብልክዕ እና'ድመጸ፣ "ከመይ ባህ እተብል መዓልቲ'ያ፣ ኣይ ሓቀይ እንድየ፧ ጸሓይ ትብርህ ኣላ፣ ኣዕዋፍ ይዝምራ ኣለዋ። ሎሚ መዓልቲ ዓለም ንኽትንብራ ኣዝያ እተብህግ ስፍራ ኰይና ኣላ።"

እቲ ኣድጊ በረኻ ብቛንቋኡ ዝዛረብ ድሙ ምርካቡ ኣዝዩ ደንጸዎ፣ ስለ ምንታይሲ ብቐሊሉ ኽህመል ዝኽእል እንስሳ'ዩ ነይሩ።

እንሆ ኸኣ እቲ ድሙ ብቐልጣፈ ነቲ ኣድጊ በረኻ ቀጠው ኣቢሉ ብምእሳር፡ ቀተሎ። ነቲ ዘዝጸበቐ ኣካላቱ ኸኣ ናብ በዓትኡ ኣግዓዞ።

ብኽምዚ መገዲ፡ እቲ ድሙ ንኣዋርሕ ዝኣክል ኣድጊ በረኻ እናቐተለ፡ ምሸት ምሸት ፍሌቶ ኽድረር ጀመረ። ካብ ቈርበት ኣድጊ በረኻ ክራባታን ቍልፍን እናሰርሐ ኸኣ ልክዕ ከምቶም ናይ ጥንቲ ነጋውስ ደማሙ ኽስለም ክኣለ።

እቲ ድሙ ንብጾቱ፡ ኣንበሳ ምዃኑ ብሾርዓት ከፍልጦም ጀመረ። ኣድጊ በረኻ ምህዳኑ ኸኣ ከም መረጋገጺ ኣቕረበሎም።

እቲ ልዑል ናይ ምሽታት ክእለት ዘሎዎ ኣፍንጫ ኣድጊ በረኻ፡ ኣብቲ ጫካ፡ ኣንበሳ ዝብሃል ከም ዘየልቦ ኣረጋጊጽሎም'ዩ። ሞት ሓያሎ ኣእዱግ በረኻ ንሓያሎ ኣእዱግ በረኻ ነቲ ዝኑብሩሉ ኸባቢ ኽለቅዎ ኣገደዶም። ጋኔን ኣንበሳ ነቲ ጫካ ወረርዎ ኣሎ ዝብል ማሪታዊ እምነት ድማ ኣሕደሩ።

ሓደ መዓልቲ፡ ጸዋዪ ዛንታ ኣድጊ በረኻ ዘገም ኢሉ እና'ኸደ ኸሎ፡ ንብጾቱ ኣእዱግ በረኻ ከዘናግዓሉ ዝኽእል ዛንታ ንኽትልም ኣብ ሓሳብ ነበረ'ሞ፡ ሃንደበት ኣዒንቱ በርሃ። "በቃ በቃ! ብዛዕባ ሓደ ቛንቋ ኣድጊ በረኻ መሊኹ ኽዛረብ ዝኽኣለ ሳያመታይ ድሙ፡ ዛንታ ኽጸውየሎም'የ! እንታይ ዘለ ሓሳብ'ዩ! ብሰሓቕ ክርትም ኩብሉ'ዮም!" ድማ በለ።

እንሆ ኸኣ ንእለቱ ሓደ ሳያመታይ ድሙ ኣብ ቅድሚኡ መጸአ፣ እቲ ድሙ፡ "ሰላም ንኣኻ ይኹን! ከመይ ባህ እተብል መዓልቲ፡ ኣይመስለካን!" በሎ ንጸዋዪ ዛንታ ኣድጊ በረኻ።

ጸዋዪ ዛንታ ኣድጊ በረኻ፡ ቋንቋኡ ዝዛረብ ድሙ'ኳ እንተ ገጠሞ ኣይተሃመለን። ምኽንያቱ ብዛዕባኡ ኽሓስብ ካብ ዝጅምር ነዊሕ ኣየቝጸረን።

ነቲ ድሙ ጽቡቕ ገይሩ ተመልከቶ። ስለምንታይ እንድዒ፡ ገለ ዘይብርሆ ወጅሃት ኣብቲ ድሙ ዝረኣየ ኰይኑ ተሰምዖ። ብሓንቲ ሸንድሒት ከኣ ቀተሎ።

ዕዮ ጸዋዪ ዛንታ ኸምዚ'ዩ።

## መልሲ ዝሓለፈ ዕዮ ገዛ

**ኣብ ዝሓለፈ ሕታም መጽሔት 'መንእሰይ'፡ ኣብ ሰዋስው ትግርኛ ዘተኰረ ዕዮ ገዛ ሂብና ምንባርና ይዝከር። መልሲ ፈቲንኩም ክትከኑ እናተተስፈና፡ እቲ እሩም መልሲ ነስዕበልኩም፦**

**እቲ ሕቶ፡ ምትካእ ወይ ምትዕርራይ'ምበር፡ ቃል ከይወሰኽካ ነቲ ኽልተ ሕጡብ-ጽሑፍ ዝነበሮ ጽሑፍ፡ ግቡእ ሰዋስዋዊ መአረምታ ምክያድ'ዩ ነይሩ። ንምድራግን ትምህርቲ ንምቕሳምን ምእንቲ ኽጥዕም፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ወጺኡ ንዝነበረ ዕዮ፡ ምምልካት ይከኣል።**

**መልሲ**

ሓሰን፡ ሓደ ኻብ'ቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ዝተማህሩ ተመሃራይ እዩ። ንሱ፡ እቲ ስነጥበበኛ፡ ሓደ ኻብ'ቶም ምሁራትን ማሰኛታትን ድማ እዩ። ሓንቲ መጽሓፍ ልቢ ወለድ ኣሕቲሙ ኸኣ ኣሎ። ብርሑቕ ክትርእየ ኸሎኻ፡ ንፋስ ባሕሪ ንየው ነጀው ዝነንዋ ንቕጽቲ ላኻ እዩ ዝመስል። ኣመና ጥንቁቕ ብምዃኑ ቃላት እናመረጸ ዝዛረብ እኳ እንተ ኾነ፡ ሓደ ሓደ እዋንስ ዘየድሊ ዘረባ ይመልቀ እዩ።

ሓደ መዓልቲ፡ ካብ'ታ ብዙሕ ግዜ ምስ ፍጹም ሻሂ ዝሰትዩላ ዝነበሩ ቤት ቍርሲ ወጺኡ፡ ንፍጹም ብማዕዶ ርእዮ'ሞ፡ "ኣንታ ርእሲ ኸጦ! እምበኣር ከምኡ እዩ ዝግበር፧" ብምባል ተጻረፎ። ፍጹም፡ ካብ ህጻንነቱ ጀሚሩ ኽሳዕ ዝጕብዝ ሓንቂቑ ዝዓበየ ብምንባሩ፡ ኣዝዩ ተቘጥዐ። ንሓጺር ግዜ፡ ቀው ኢሉ ድሕሪ ምጥማት ከኣ፡ "ሰልክዩኒ ስለ ዘሎ ኣይምልሰልካን'የ" ኢልዎ ተዓዝረ። ካብኡ ንንየው፡ ሓሰን ብዘረባኡ ተጣዒሱ ብሰክፍታ ነብሱ ወዲኡ ይርከብ። ብምኽንያት ስራሕ ክረኽቦ ኸሎ'ውን ኣይዛረቦን። ክሳዕ'ዚ ቐረባ ግዜ ኸኣ ክልቲኦም ሕቑን ኩብድን ኰይኖም ክኸዱ ጸኒሖም'ዮም። ሎሚ ግና ቅዱሳት መጽሓፍቲ ጠቒያም ስለ ዝተዓርቁ፡ ማይን ጸባን ኰይኖም ኣለዉ።

*(ደራሲ ሰሎሞን ድራር ንመምሃሪ ኻብ ዘዳለዎ)*

